# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 7ይ ክፍሊ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ




# ተምሃሮ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ሓዙ።

እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ።
ክበላሸውን ክጠፍእን የብሉን፤ ተኸናኸኑዎ።
መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንምሓዝ እዞም ዝስዕቡ ዓሰርተ መምርሒታት ተግባራዊ ግበሩ።

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ብዝፀንሐ ጋዜጣ ወይ መፅሄት ሸፍኑዎ።
2. መፅሓፍ ኩሉግዜ ኣብ ፅሩይን ደረቕን ቦታ ኣቐምጡዎ።
3. መፅሓፍ እንትትሕዙ ኢድኩም ፅሩይን ምዃኑ ኣረጋግፁ።
4. ኣብ ሽፋን መፅሓፍ ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ኣይትፅሓፉ።
5. ኣብ መንጎ ገፃት ምልክት ንምግባር ቁራፅ ወረቐት ወይ ካርድ ተጠቐሙ።
6. ዝኾነ ይኹን ስእሊ ወይ ገፅ ፈጺሙ ክቕደድን ክበላሸውን የብሉን።
7. ዝተቐደዱ ገፃት ብመጣበቒ ኣዐርዩዎም።
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትተእትዉ ብጥንቓቐ ኣእትዉዎ።
9. መፅሓፍ ንኻሊእ ሰብ እንትትህቡ ይኹን እንትትቕበሉ ተጠንቀቕኩም ሓዙ።
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እዋን እንትትጥቀሙ ናይቲ መፅሓፍ ሽፋን ይኹን ውሽጣዊ ገፃት ከይግንፀሉ ነቲ መፅሓፍ ብድሕሪቱ ኣገዲምኩም ኣቐምጡ። መፅሓፍ እንትትግንፅሉ በብቑሩብ ገፅ ቀስ እናበልኩም ብኽልተ ኢድኩም ሒዝኩም ገንፅሉ።

# ትግርኛ
## መፅሓፍ ተምሃራይ
## 7ይ ክፍሊ


***ጉጅለ መዳለውቲ***

ጌትነት ታፈረ

ፍቓዱ ገ. እግዚኣብሄር

ትርሓስ ብርሃነ

***ምርግጋፅ ፅርየት***

ተ. ሃይማኖት ገ. ፃድቅ

***ምውዳድ መፅሓፍ***

መውጫ ኣምሃ

***ጉጅለ መተሓባበሪ***

ኣሰፋ በላይ ኣውሳ

መኮነን መሓመድ ስዒድ



ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.          ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ

እዚ መፅሓፍ ብዓለም ለኸ ትካል ልምዓት ኣሜሪካ (United States Agency for International Development (USAID)) ኣቢሉ ካብ መንግስትን ህዝብን ኣሜሪካ ብዝተረኸበ ገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ፣ ብሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ፕሮጀክት READ TAን ተዳሊዉ። ወፃኢ ሕትመት ድማ ብፕሮግራም ምርግጋፅ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ II (General Education Quality Improvement Program GEQIP II) ተሸፊኑ።

© 2007 ዓ.ም. ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴሪኢን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን

ISBN: 978-99944-2-513-6

# ሰደቓ ትሕዝቶ


| ኣርእስቲ | | ገፅ |
|---|---|---|
| መእተዊ | | i |

**1ይ መንፈቕ ዓመት**

| | | |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሓደ | ምድናኽ ተፈጥሮ | 1 |
| ምዕራፍ ክልተ | ምጣነ ስድራ | 23 |
| ምዕራፍ ሰለስተ | ኤች ኣይ ቪ ኤድስን ማሕበራዊ ቅልውላውን | 45 |
| ምዕራፍ ኣርባዕተ | ውሩያት ከየንቲ | 67 |
| ምዕራፍ ሓሙሽተ | ረብሓ ማይ | 89 |

**2ይ መንፈቕ ዓመት**

| | | |
|---|---|---|
| ምዕራፍ ሽዱሽተ | ማሕበራዊ ርክባት | 109 |
| ምዕራፍ ሸውዓተ | ወልፊ | 135 |
| ምዕራፍ ሸሞንተ | ሓርበኛነት | 155 |
| ምዕራፍ ትሽዓተ | ተላገብቲ ሕማማት | 177 |
| ምዕራፍ ዓሰርተ | ቃላዊ ግጥሚ | 199 |
| ማህደረ ቃላት | | 223 |
| ዝርዝር ሓገዝቲ ፅሑፋት | | 227 |

# መእተዊ

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣካል እቲ ዝተመሓየሸ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ መፅሓፍ፣ ንተምሃሮ 7ይ ክፍሊ ብቋንቋ ትግርኛ፣ ንምድማፅ፣ ንምዝራብ፣ ንምንባብን ንምፅሓፍን ዘኽእሎም ዓቕሚ ብዝፈጥሩሉን ብዘጐልብቱሉን መንገዲ ተዳሊዉ ኣሎ። ብምዃኑ ኣብ ትምህርቲ ክእለታት ንባብን ፅሕፈትን ከመይ ክመሃሩ ከምዘለዎም ውፅኢት መፅናዕቲ መሰረት ገይሩ ዝተሰናደአ ስለዝኾነ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ትምህርቶም ብዝግባእ ንኽከታተሉን በብእዋኑ ምዕባለ ንኽርእዩን ይሕግዝ።

ኣብ ክፍሊ ዝቐርቡ ንጥፈታት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ተምሃሮ ከለዓዕሉ ብዝኽእሉሉ ኣገባብ ተዳሊዎም እዮም። እዚ መፅሓፍ መሃዝነት ተምሃሮ ብምልዕዓል ብትግሃት ክመሃሩ ዝኽእሉሎም መንገድታት ምምሃር ብዘይ ደረት ዝቕፅሉሉ ኣንፈት ብምንፃር ተዳሊዉ ኣሎ።

እዚ መፅሓፍ ዝርዝር ትሕዝቶን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ኣካቲቱ ዝቐረበ እዩ። ትሕዝቶ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ 7ይ ክፍሊ እንታይ ከምዝመስል ዝተማለአ ሓበሬታ ይህብ። በዚ ድማ ኣብ ክፍሊ ንዝቐርብ ትምህርቲ፣ ቤተሰብን ተምሃሮን ብሓባር ኣብ ገዛ ክቕፅሉሉን ከጎልብቱዎን ባይታ ይፈጥር።

## መሰረተ ሓሳብ እዚ መፅሓፍ

1. ተምሃሮ ኣብ ህይወቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ዛዕባታትን ርእስታትን ይመሃሩ። (ሕድሕድ ምዕራፍ ርእሱ ዝኽኣለ ዛዕባ ዘለዎ ኾይኑ፤ ነፍሲ ወከፍ ዛዕባ ዝተፈላለዩ ርእስታት ኣለዉዎ።)

2. ኣብቶም ዛዕባታትን ርእስታትን ዘድህቡ ፅሑፋት የዳምፁ፣ የንብቡ፤ ብዛዕበኦም ድማ ይዛረቡን ይፅሕፉን።

3. ሕድሕድ ባእታ ትምህርቲ ቋንቋ ምስቶም ዛዕባታት፣ ርእስታትን ፅሑፋትን ዝተኣሳሰረ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ተግባራዊ ልምምድ ክገብሩ ዘኽእሉ ብዙሓት ንጥፈታት ኣለዉ። በዚ ድማ ተምሃሮ ኩሎም ተግባራት ብዘይ ፀገምን ብቕልጡፍን ክትግብሩዎም ይኽእሉ። ሓሳቦም ብትኽክል፣ ብዝግባእን ብንፁርን ክገልፁ የኽእሎም።

4. እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ብውልቆም ክመሃሩ ጥራይ ዝተዳለወ እንተይኮነስ፤ ምስ ካልኦት ተምሃሮ ብፅምድን ብጉጅለን እናተሓባበሩ ክመሃሩ እውን እዩ።

5. ተምሃሮ እንተዳምፁን እንተንብቡን ቃላት ይመሃሩ። በዚ ድማ ነቶም ቃላት ብግቡእ ይጥቀሙሎም። ቃላት እንትጥቀሙ ኣብ ትግርኛ ዝህሉዎም ዓቕሚ እናዓበየ ይኸይድ።

## ውደባ ትምህርቲ መፅሓፍ ተምሃራይ

ኣብዚ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ብምዕራፋት ዝተኸፋፈሉ እዮም። በብምዕራፉ ዝርከብ ሕድሕድ ትምህርቲ ብምልላይ ጀሚሩ ኣብተን ቀፀልቲ ሰሙናት ክለማመዱን ክጥቀሙን ይገብር። ሕድሕድ ምዕራፍ ኣብ ሰለስተ ሰሙን ዝቐርቡ ነናይ ባዕሉ ዛዕባታት ትምህርቲ ኣለዉዎ። ሕድሕድ ዛዕባ ሰሰለስተ ዝተፈላለዩ

ርእስታት፣ ሰለስተ ዕሑፋት ምንባብን ሓደ ዕሑፍ ምድማፅን ኣለዉዎ። እቶም ዛዕባታትን ርእስታትን ምድማፅ፣ ዝርርብ፣ ንባብን ፅሕፈትን ንምምሃር መሰረት እዮም። ነዞም ኣርባዕተ ክእለታት ዘጠናኽሩ ከም ትንታነ ቃላትን ሰዋስውን ዝበሉ ሓገዝቲ ባእታታት ኣለዉ። ብመሰረት ውደባ ትምህርቲ እዚ መፅሓፍ እዞም ባእታታት ብቕደም ሰዓብ ተገሊፆም ኣለዉ።

## ትንታነ ቃላት

ዕላማ ትምህርቲ ትንታነ ቃላት ዕፊት ንባብ ንምስላጥ እዩ። ኣብዚ ክፋል ተምሃሮ ነዋሕትን ዘይዝውቱራትን ቃላት ብምእላድን ብቖለምን እናነፀሉን እናጠመሩን ብቐሊሉ ከንብቡዎም ይሕግዝ።

## ኣንቢብካ ምርዳእ

ተምሃሮ ነቶም ምንባባት ክግንዘቡ ዘኽእሎም ዓቕሚ ዘማዕብሉሉን በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ዕሑፋውን ንጥፈታት ክሳተፉ ዘኽእሎም ባይታ ዝረኽቡሉን እዩ። ኣብ ኣንቢብካ ምርዳእ ተምሃሮ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ብውነ ይትግብሩ።

- እቲ ዕሑፍ ዘማእኽሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፤
- ዕሑፍ ቅድሚ ምንባቦም ብዛዕባ ዘንብቡዎ ትሕዝቶ ዕሑፍ ይግምቱ፤ ሕሉፍ ፍልጠቶም ይዛረቡ፤
- ተምሃሮ ካብ ሕድሕድ ዕሑፍ፣ ምሩፃት ቃላት ይመሃሩ፤ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፤
- እናንበቡ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ዘንበቡዎ ዕሑፍ ይዘራረቡ፤
- ብዛዕባ እቲ ዕሑፍ፣ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፤
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቀራርባን የርእዩ፤
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ምንባብ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ቃላት

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ካብ ዘዳመፁዎ ወይ ዘንበቡዎ ዕሑፍ ቃላት ይመሃሩን ይጥቀሙን። ተምሃሮ ኣብዚ ትሕዝቶ፣

- ፍታሕ ቃላት ይመሃሩ፤
- ኣጠቓቕማ ቃላት ይመሃሩ፤
- ነቶም ቃላት ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን (ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ማሕበረሰብ) ኣብ ዝርርብን ፅሕፈትን ይጥቀሙሎም።

## ዕሕፈት

ተምሃሮ ኣብዚ ክእለት ብመሰረት ዘዳመፁዎምን ዘንበቡዎምን ዛዕባታትን ርእስታትን ብውልቀ ኮነ ብጉጅለ ይፅሕፉ። ተምሃሮ ክነጥፉሎም ካብ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡዎም።

- ከም መዘንተዊ፣ ሓባሪ፣ ገላፂ፣ ኣወዳዳርን ኣነፃፃርን ዝበሉ ዝተፈላለዩ ዕሑፋት ይፅሕፉ፤
- ብዛዕባ ዝቐረበሎም ዛዕባ ሓሳባት የተኣኻኽቡ፤ ረቂቕ ዕሑፍ የዳልዉ፤ ኣፅፌሮም ውዱእ ዕሑፍ የዳልዉ፤
- ቃላት ብግቡእ ይፅሕፉ፤ ስርዓተ ነጥቢ ብግቡእ ይጥቀሙ።

## ንባብ ዕፈት

ኣብዚ ባእታ ተምሃሮ ዝቐረበሎም ዕሑፍ ብምልከት፣ ብናህርን ብግቡእ ኣገላልፃን የንብቡ። ኣብዚ ብርኪ ብደቒቓ 130 ቃላት ክንብቡ ኣለዎም።

## ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ተምሃሮ ኣብ ዝቐርበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ ትኹረት ክገብሩን ነቲ ዘዳምፁዎ ትሕዝቶ ክግንዘቡን ዘኽእሎም ዓቕሚ ዘጥርዩሉ እዩ። በዚ ድማ ኣብ ቃላውን ዕሑፋውን ንጥፈታት ይሳተፉ። ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይነጥፉ።

- ትሕዝቶ ምድማፅ ዘማእኸሎም ዛዕባታትን ርእስታትን ይዛረቡ፤
- ቅድሚ ምድማፆም ትሕዝቶ ዝንበብ ዕሑፍ ይግምቱ፤ ቅዱም ፍልጠቶም ይዛረቡ፤
- ካብ ሕድሕድ ትሕዝቶ ምድማፅ፣ ትሕዝቶኣዊ ቃላት ይመሃሩ፤ ብዛዕባ እቶም ቃላት ሓሳቦም ይገልፁ፤
- እናዳመፁ ይግምቱን ይምልሱን፣
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ይዘራረቡ፤
- ብዛዕባ ትሕዝቶ ምድማፅ ዝተረደኦም ይፅሕፉ፤
- ሓሳባት ብቓል የቕርቡ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ ግጥሚ ወይ ድራማ ምስቲ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝኸዱ ካልኦት ትሕዝቶታትን ተዋስኣዊ ኣቀራርባታትን የርእዩ፤
- ንቕርፂ ወይ ዓይነት ዝቐረበሎም ትሕዝቶ ምድማፅ መሰረት ገይሮም ናይ ባዕሎም ይፅሕፉ።

## ሰዋስው

ኣብዚ ባእታ፣ ተምሃሮ ክፍልታት ሰዋስው እቲ ቋንቋ ይመሃሩን ይጥቀሙን፤ (ኣብነት፦ ረባሕታ ቃላት፣ ክፍልታት ቃል፣ ስም፣ ቅፅል፣ ተወሳኺ ግስ ዝበሉ ህልዊ፣

ሕሉፍ ግዘ ግስ፣ ነፀላ ወይ ሕውስዋስ ምሉእ ሓሳባት ወዘተ. ይመሃሩን ይጥቀሙን።)

## ግደ ወለዲ

እዚ መፅሓፍ፣ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ዝተምሃሩዎ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ምስ ቤተሰብ ኮይኖም ከይዲ ትምህርቲ ንኽቐፅልሉ የኽእል። ቤተሰብ፣ ምስ ደቆም ክሰርሑዎም ዝኽእሉ ተግባራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ሰሙናዊ ወይ ዕለታዊ ትሕዝቶ፣ ዛዕባን ርእስን እንታይ ምዃኑ ንደቆም ይሓቱ።
2. ኣብ ክፍሊ ዝተነበበ ፅሑፍ ምስ ደቆም ብሓባር ወይ በብተራ ግደ እናተለዋወጡ የንብቡ።
3. ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፣ ብዛዕባ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ፅሑፋት የዋግዑ።
    - እዚ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ይዝትይ?
    - እንታይ ዓይነት ርእሲ ወይ ንኡሳት ርእስታት ኣለዉዎ?
    - እዚ ፅሑፍ ወይ ዛዕባ እንታይ የምህር?
    - ኣብቲ ዛዕባ ዘይተበሃለ እንታይ ኣሎ? ሰባት እንታይ ይብሉ? ኣብ ዜና፣ ኣብ ካልእ ቦታ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እንታይ ይበሃል?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ እንታይ ሓሳብ ኣሎ? ኣቀራርባን መርግፅን እቲ ፀሓፊ ከመይ ትርእዩዎ?
    - ብዛዕባ እዚ ርእሲ ካልእ ክንፈልጦ እንደልይ እንታይ ኣሎ?
    - እዚ ብምንባብና ክንገብሮ እንኽእል ነገር እንታይ ኣሎ?
4. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እናሓተቱ፣ ኣብቲ ፅሑፍ ብዛዕባ ዝረኣዩዎም ኣገደስቲ ቃላት ይዘራረቡ።

    እዚ ቃል እንታይ ማለት እዩ?

    እቲ ፅሑፍ ንምርዳእ ዶ ይሕግዝ?

    ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዶ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ?

    ኣብ ዕለታዊ ምንቀስቓስ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
5. ተመሳሳሊ ዛዕባ ወይ ርእሲ ዝሓዙ ካልኦት ፅሑፋት ወይ ታሪኻት ካብ ጋዜጣ፣ መፅሄት ወይ መፃሕፍቲ የንብቡ።
6. በይኖም እናንበቡ ብዛዕባ ዘንበቡዎ ምስ ደቆም ይዛተዩ።
7. ተምሃሮ ንምሕጋዝ ብዛዕባ እቲ ርእሰ ጉዳይ ወይ ርእሲ እቲ ፅሑፍ ብራድዮ፣ ብቴለቭዥን ወይ ብመርበብ ሓበሬታ ዝቐረበ መደብ፣ መደረ ወይ ትሕዝቶ ይከታተሉ።

8. ኣብ ክፍሊ ዝተሰረሐ መዓልታዊ ዕዮ ምስ ደቆም ይከታተሉ፤ እንታይ ከም ዝተመሃሩ፣ እቲ ዝተመሃሩዎ ዝፈጠረሎም ስምዒት እንታይ ከም ዝመሰል ይዘራረቡ። (ንኣብነት፣ ክሳዕ ክንደየናይ ከቢድ፣ ቀሊል፣ ሓጋዝን እኹልን ምኳኑ ምልዓል ይከኣል።)

9. ብዛዕባ ፅሕፈት ኣብ ክፍሊ ዝተመሃሩዎም ባህርታት ወይ ቅርፅታት ኣፀሓሕፋ ብሓባር ይርእዩ። ዝተረደኦም ክገልፁ ዕድል ይህቡ። (ንኣብነት፣ ኣብ ግቡእነት ቃላት፣ ስርዓት ነጥቢ፣ ፍሰት ሓሳብ፣ ወዘተ. ትኹረት ምግባር ይከኣል።)

10. ደቆም ዝተፈላለዩ ዕዮ ገዛ እንትሰርሑ ይከታተሉን ኣድላዪ ደገፍ ይህቡን።

11. ደቆም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ክፅሕፉን ከንብቡን የበረታትዑ። ፅሑፎም ከንብቡ የተባብዑ።




# ምድናቕ ተፈጥሮ

## ሰሙናዊ ርእሲ ተፈጥሮኣዊ ወይ ስራሕ ሰብ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምንጻል**

**ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

| ተ.ቁ | ቃል | ነፂልካ እንትንበብ |
|---|---|---|
| 1 | ዝደረፉሉ | ዝ-ደረፉ-ሉ |
| 2 | እናተሰጋገርና | |
| 3 | እናተመልመለ | |
| 4 | እንንጥልጠለሎም | |
| 5 | መደመማይነቶም | |
| 6 | ዘይፈለጦም | |

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ነቲ ስእሊ ርእይኹም እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከምዝገልፅ ገምቱ?**

## እዋን ንባብ

**ነዚ ዝስዕብ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ኣብቲ ሰደቓ ዘለዉ ሓበሬታታት መልኡ። መጀመርታ ግና ነዚ ሰደቓ ኣብ ደብተርኩም ገልብጡ።**

| ሰራሕ ሰብ መስሕባት | ተፈጥሮኣዊ መስሕባት | ኣብ እምባታት ገርዓልታ ዝርከቡ ኣብያተ ክርስትያን |
|---|---|---|
| | | |
| | | |

# ሌላ ምስ እምባታት ገርዓልታ

ትግራይ ወናኒት ብርክት ዝበሉ ተፈጥሮኣውን ስራሕ ሰብን መስሕባት እያ። ተፈጥሮኣዊ መስሕባት መንፈስ ዘሐድሱን ቃላያት፣ ወሓዝቲ ሩባታት፣ ኣድዋር፣ እንስሳት ዘገዳም፣ ሸንጥሮታት፣እምባታት ወዘተ. እዮም። ሰራሕ ሰብ መስሕባት ድማ ምህዞ ደቂ ሰባት ዝኾኑ ከም ኣብያተ ክርስትያን፣ መስጊዳት፣ ሓወልትታት፣ ታሪኻዊ ህንፃታት ወዘተ. የጠቓልል።ኣብ መብዛሕትኦም ከባብታት ትግራይ ተፈጥሮኣውን ሰራሕ ሰብን መስሕባት ብሓባር ይርከቡ። ከምዚ ዝበሉ መስሕባት ካብ ዝርከብሎም ቦታታት እምባታት ገርዓልታ ምጥቃስ ይከኣል።



*እምባታት ገርዓልታ*

ኣብዝሓ ክፋል እምባታት ገርዓልታ ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ሓውዜን ይርከቡ። እዞም እምባታት ተፈላልዮም ደው ዝበሉ ዘይኮኑስ ነንባዕልቶም ተኣሳሲሮም ንሰፊሕ ከባቢ ዝሸፍኑ እዮም። ካብ ከባቢ ድጉም ጀሚሩ ክሳብ ተምቤን ዝበፅሕ ዝርገሐ ኣለዎም። ሰንሰለታዊ እምባታት ገርዓልታ መሳጢ ዝኾነ መልክዕ ገፀ ምድሪ ኣለዎም። ካብ ተፈጥሮኣዊ ፅባቐ ብተወሳኺ እዞም እምባታት ኣዝዮም መሰጥቲ ስራሕ ሰብ መስሕባት ዝሓዙ እዮም። እዞም መስሕባት ካብ ከውሒ ተፀሪቦም ዝተሃነፁ ህንፃታት ኮይኖም ብሰለስተ ኣንፈቶም ምስ እምባታት ዝተተሓሓዙ እዮም። ካብዞም ብዘደንቕ ጥበብ ዝተሃንፁ ህንፃታት ንእንዳ ኣቡነ ይመኣታ፣ ኣቡነ ኣብርሃምን ማርያም ቆርቆርን ከም ኣብነት ንውሰድ።

ናብ እንዳ ኣቡነ ይመኣታ ንምኻድ መጀመርታ ካብ ሓውዜን ንኣንፈት ደቡብ ዓሰርተ ኪሎ ሜትር ንጓዓዝ። ድሕሪ እዚ ጉዕዞ ጣብያ መጋብ ንረክብ። ካብ መጋብ ብመኪና ኣርባዕተ ኪሎ ሜትር ብእግሪ ድማ ሰላሳ ደቒቓ ብምጉዓዝ ኣብ እግሪ እምባ ጉሕ ንበፅሕ። ቀጥ ዝበሉ እምባታት ጉሕ ኣብ እግሪ ኮይንካ ንላዕሊ እንትረኣዩ ንሰማይ ዝደገፉ ዓበይቲ ዓንድታት እዮም ዝመስሉ።

ናብ ገዳም ኣቡነ ይመኣታ ንምብፃሕ እናተመልመለ ዝዓበየ ቀላሚጦስ ዝመስል እምባ ጉሕ ምድያብ ግድን ይኸውን። እንተኾነ፣ ዝባን እምባ ጉሕ ብቐሊሉ ዝድየብ

ኣይኮነን። ናብ ዝባን እዚ እምባ ንምውፃእ ከም ገዳም ደብረ ዳሞ ተኣሲርካ ንምድያብ ዘገልግል ረጒድ ምራን የብሉን። ጫፍ እግሪ ጥራሕ ንምርጋፅ ዘኽእሉ ንዳላትን ሓሓሊፉም ዝርከቡ ብኢድ እንንጥልጠለሎም ጐዳጉዲን ጥራሕ ተጠቒምካ ይድየብ። ከም ደቂ በረኻ ካብ ሓደ ውቃር ናብቲ ካሊእ እናተሰጋገርና ዝግበር ምድያብ ኣዝዩ ፈታኒ እዩ። ብኸምዚ እናለዓልና ቅድሚ መእተዊ በሪ ኣቡነ ይመኣታ ምብፃሕና ካብቲ ፀድፊ ዝተፀረበ ፀቢብ መደያይቦ ንረክብ። እቲ መደያይቦ ካብ እግሪ እቲ እምባ ካብ 243.84 ክሳብ 304.80 ሜትር ዝበፅሕ ብራኽ ኣለዎ።

ገዳም ኣቡነ ይመኣታ ዝፍቶ ኣብ ገደል ስለዝተሃነፀ ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጡ መንፈሳዊ ስእልታት ዓቂቡ ብምሓዙ እውን እዩ። ጉልላቱን ናሕሱን ብመንፈሳዊ ስእልታት ዝተመላኸዐ እዩም።

ቀጺልና እንዳ ኣቡነ ኣብርሃም ንርአ። እዚ ቤተክርስትያን ካብ ጣብያ ድጉም ርሑቕ ኣይኮነን። ካብ ድጉም ብእግሪ ሓደ ሰዓትን ኣርብዓ ደቒቓ ይወስድ። ኣብ በረኽ ቦታ ዝተሃንፀ ስለዝኾነ ኣብኡ ኮይንካ ድጉምን ብምልኡ ሰጣሕ ጎልጎል ሓውዜንን ንምርኣይ ምቹው እዩ። ውሽጣዊ ቅርፂ እቲ ቤተክርስትያን በዓል ኣርባዕተ መኣዝን እንትኸውን 12.9 ሜትር ቁመት 7.7 ሜትር ድማ ወርዲ ኣለዎ። ናሕሱ ቅርፂ መስቀል ብዘለዎም ሽዱሽተ ዓንድታት ዝቐወሙ እዮም። ግድግድኡ ድማ ልዋይ ቅርፂ ብዘለዎም ዓንድታት ዝተኸበበ መተሓላለፊ ኣለዎ። እዚ ጥበብ ስነ-ህንፃ ቤተ ክርስትያን ኣቡነ ኣብርሃም ብፍሉይ ንኽድነቕ ምኽንያት ይኸውን።

ቤተ ክርስትያን ደብረ ማርያም ቆርቆር እውን ነዊሕ ዕድመ ካብ ዘቑፀሩ ኣብያተ ክርስትያን እምባታት ገርዓልታ ሓደ እዩ። እዚ ቤተ ክርስትያን ናብ ምዕራብ ገፁ ዝጥምት እንትኸውን ቅድሚት ክፋሉ ደባን ሕብሪ ኣለዎ። ናብዚ ንምብፃሕ ካብ ድጉም ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ናብቲ ብተፈጥርኡ ሰሓቢ ዝኾነ እምባ ምድያብ ግድን ይኸውን። ንላዕሊ እናደየብና እንትንከይድ ብወገን ሰሜንን ምብራቕን ዝርከብ ለጥ ዝበለ ጎልጎል ሓውዜን ብደቡብ ከዓ ካብ ርሑቕ እምባስነይቲ ይረኣይ። ኣብቲ እምባ ኮይንና ብናይ መዓልትታት ጉዕዞ ዘይብፅሑ ዓድታት ኣማዕዲና እንትንርእይ ፍሉይ ሓጎስ ይፈጥረልና። ነብስና ከም ኣብ ሰማይ ዝዝንቢ ዘሎ ኣሞራ ገይርና ንወስዳ።

ከም ኣገላልፃ ዴቪድ በክስተን ዝተብሃለ ፀሓፊ ታሪኽ፣ ደብረ ማርያም ቆርቆር እቲ ዝዓበየን ዝተሓላለኸን ጥራሕ ኣይኮነን። ካብ ከውሒ ተፀሪቦም ካብ ዝተሃነፁ ኣብያተ ክርስትያን ትግራይ  እቲ ዝፀበቐ እውን እዩ። ውሽጣዊ ክፋል እዚ ቤተ ክርስትያን 9.4 ሜትር  ወርዲ፣ 17 ሜትር ቁመት ኣለዎ። ደገፍቲ ዓንድታቱን ናሕሱን ብዝተፈላለዩ ስእልታት ዝተመላኸዐ እዮም።

ብሓፈሻ፣ ሰንሰለታዊ ጎቦታት ገርዓልታን ኣብኣቶም ዝርከቡ  ኣብያተ ክርስትያንን ንረኣዩኦም ፍልፍል መንፈሳዊ  ዕግበት እዮም። እዚ ስለዝኾነ ድማ ካብ ዝተፈላለየ ክፋል ዓለምና ብዝመፁ ወፃእተኛታት ይረኣዩ እዮም። እንተኾነ እዞም ሰንሰለታዊ እምባታት ከምቲ መደመማይነቶም ብፃሕቲ ዓዲ ኣይተርኣዩን። እዚ ድማ ክልልና ካብ ቱሪዝም ክትረኽቦ ዝግባእ ኣታዊ ንኸይትረክብ ገይሩዋ እዩ። ስለዝኾነ፣ ነዞም መስሕባት ብምልላይን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብምስፍሕፋሕን ሃገራዊ ዕብየት ዘቀላጥፍ ሽርፊ ወፃኢ ኣብ ምምፃእ ክንረባረብ ይግባእ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብመሰረት እቲ ምንባብ ትኽክል ንዝኾነ “ሓቂ” ትኽክል ንዘይኮነ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሲ ፀሓፉ።**

1. እምባታት ገርዓልታ ኣብ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ሓውዜን ይርከቡ።
2. ጣቢ.ያ መጋብ ካብ ከተማ ሓውዜን ንኣንፈት ደቡብ ዓሰርተ ኪ.ሜ ርሒቓ ትርከብ።
3. ልዋይ ቅርፂ ብዘለዎም ዓንድታት ዝተኸበበ መተሓላለፊ ዘለዎ ቤተ ክርስትያን እንዳኣቡነ ኣብርሃም እዩ።
4. እንዳ ኣቡነ ይመኣታ እቲ ዝዓበየን ዝተሓላለኸን ቤተክርስትያን ትግራይ ከምዝኾነ ይግለፅ።
5. እምባታት ገርዓልታ ተፈላልዮም ዝቐወሙ እዮም።

**ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በቲ ምንባብ መሰረት ሓፂር መልሲ ፀሓፉ።**

1. ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ካብ ዝበሃሉ ሓሙሽተ ፀሓፉ።
2. ቤተ ክርስትያን ደብረ ማርያም ቆርቆር ወርዱን ቁመቱን ክንደይ እዩ?
3. እምባታት ገርዓልታ ካብ ካልኦት እምባታት ትግራይ ብምንታይ ይፍለዩ?
4. ገዳም ኣቡነ ይመኣታ ዘለዎ እምባ ብኸመይ ይድየብ?
5. ኣብ ከባቢኹም እትፈልጡዎ ተፈጥሮኣዊ ወይ ሰራሕ ሰብ መስሕብ እንተሃሊዉ መብርሂ ሃቡ።

**ሐ. ናይዚ ምንባብ ቀንዲ መልእኽቲ ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

ሰሙን 1 መዓልቲ 2

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ቃላት በቲ ምንባብ መሰረት ዘለዎም ፍታሕ ፀሓፉ።**

**ኣብነት:-**


*ሰራሕ ሰብ - ምህዞ፣ ፈጠራ ሰብ*

1. መስሕባት 2. ተሓቛፎም 3. ምድያብ 4. ናሕሲ
5. ንዳላት 6. መደመሚ 7. ቅርስታት

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ


**ብዛዕባ ሓደ ነገር ፅሑፍ ቅድሚ ምፅሓፍና መጀመርታ ክንገብሮም ዝግብኦ ተግባራት ኣለዉ። ንኣብነት ቅርፂ እዚ ብስእሊ ዝቐረበ እንስሳ ንምግላፅ ኣቐዲምና ንፅኡ ክገልፁ ዝኽእሉ ቃላት ኣብ ስእላዊ መዋደዲ ሓሳባት ከምዝስዕብ ምስፋር ይከኣል።**




ስእላዊ መዋደዲ ሓሳባት ማለት ብዛዕባ ክንፅሕፎ እንደልዮ ትሕዝቶ ንምንፃር፣ ትሕዝቶ ንምውሳንን ሓሳባት ብቐደም ሰዓብ ኣቐዲምና ንምስፋርን እንግልገለሉ እዩ።

ነዚ ስእላዊ መዋደዲ ሓሳባት መሰረት ብምግባር ከምዝስዕብ ምሉእ ሓሳባት ምህናፅ ይግባእ።

- ግመል ጭራኡ ሓጺር እዩ።
- ግመል ክሳዱ ነዊሕ እዩ።
- ማይ እንትሰትን ተመጣጢሩ ቆፅሊ እንትምገብን ክሳዱ ብሓይሊ ይውጥሮ።
- ሾኾና ግመል ከቢብ ቅርፂ ዘለዎን ሰፊሕን ልስሉስን እዩ።
- ሰፊሕን ዘይተሰንጠቐን ሸኮንኡ ኣብ ሓሸዋ ብቐሊሉ ንኸጕዓዝ የኽእሎ።
- ኣብ ሕድ ሕድ ሾኾና ጫፍ ክልተ ፅፍሪ ኣለዉ።
- ግመል ነዋሕቲ መሓውር ስለዘለዎ ካብ ካልኦት ይፍለ።
- ምስ ግዝፊ ካሊእ ኣካል እንትነፃር ርእሱ ንእሽተይ እያ።
- ኣርባዕተ መሓውሩ ኣዝዮም ነዋሕቲ እዮም።
- ግመል ከም ብዕራይ ምንጉዳ ኣለዎ።
- ግመል ንመጓዓዝያ ካብ ዘገልግሉ እንስሳ ዘቤት ሓደ እዩ።
- ግመል መብዛሕትኡ ግዘ ሓመደዋይ ሕብሪ ኣለዎ።



*ዘገርም ተፈጥሮ ዘለዎ እንስሳ*

## ኣፀሓሕፋ

## ኣብ ቃል "-ኣም" ምውሳኽ

**ስዒቦም ኣብ ዝቐረቡ ቃላት "-ኣም" ዝብል ምእላድ ኣብ ድሕሪኦም ብምውሳኽ ቃላት ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡-*

| ተ.ቁ | ቃል | ምእላድ | ምስሩት ቃል |
|---|---|---|---|
| 1 | ሰሪ | - ኣም | ሰራም |
| 2 | ሕንዚ | | |
| 3 | ጠንቂ | | |
| 4 | ነውሪ | | |
| 5 | መርዚ | | |
| 6 | ከብዲ | | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

"ሌላ ምስ እምባታት ገርዓልታ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ዝርከቡ ክልተ ዓንቀፃት ንምንባብ ተዳለዉ።

### ንባብ ኣገላልፃ

***ዓንቀፅ ክልተን ሰለስተን ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።***

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ



*ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይን ቤተ መንግስቶምን*

### ቅድመ ምድማፅ

ቀፂሉ ካብ ዝቐረበ ስእሊ እንታይ ትዕዘቡ?

### እዋን ምድማፅ

ነዚ ምንባብ እናዳመፅኩም ነዚ ሰደቓ ብግቡእ ቃል ወይ ዓመተ ምህረት መልኡ ።

| | ሕቶታት | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ዝርከበሉ ቦታ | |
| 2 | ስፍሓት ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ | |
| 3 | ንውሓት ዓብዪ ህንፃ እቲ ቤተ መንግስቲ ብሜትር | |
| 4 | ወርዲ ውሽጣዊ ክፋል ዓብዪ ህንፃ ቤተ መንግስቲ ብሜትር | |
| 5 | እዚ ቤተ መንግስቲ ሃገራዊ ቅርሲ ኾይኑ ብዕሊ ዝተመዝገበሉ ዓ.ም | |
| 6 | ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ እንደገና ግልጋሎት ዝጀመረሉ ዓ.ም | |

## ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ስዒቦም ንዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ብመሰረት እቲ ምንባብ ዝሓዙዎ መልእኽቲ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ግጉይ እንተኾይኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ።**

1. ኪነ ህንፃ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ፣ ኣብዚ ሐዚ እዋን ቤተ መዘክር ኮይኑ የገልግል ኣሎ።
2. ሓፈሻዊ ስፍሓት ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ፣ 860 ትርብዒት ሜትር እዩ።
3. ውሽጣዊ ክፋል ዓብዪ ህንፃ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ወርዱ 18.3 ሜትር እዩ።
4. ሃፀይ ዮሃንስ ውልቃዊ ስራሕቶም ዘሳልጡሉ ዝነበረ ቤት ፅሕፈት ካብቲ ዋና ህንፃ ንኣንፈት ደቡብ ምዕራብ ይርከብ።
5. ዋና ህንፃ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ፣ ቅርፁ ኣርባዕተ ማእዝናዊ ፕሪዝም እዩ።

**ለ. ብመሰረት እቲ ንባብ ነዞም ሕቶታት ግቡእ መልሲ ፀሓፉ።**

1. ቤተ መንግስቲ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣተሃናንፃ ኪነ ህንፃታት ትግራይ ምስ እንታይ ዝተዛመደ እዩ?
3. ኣብ ዝባን ናሕሲ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ዝርከቡ ክልተ ሰገነታት ቅድም እንትብል ግልጋሎቶም እንታይ ነይሩ?
4. ውሽጣዊ ክፋል ዓብዪ ህንፃ ቤተ መንግስቲ ዮሃንስ ራብዓይ፣ ብራኽኡ ክንደይ ሜትር እዩ?

## 7. ሰዋስው

### *መተሓሓዝቲ ቓላት*

**ስዒቦም ካብ ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት መተሓዝቲ ቃላት ፍለዩ።**

**ኣብነት፡-** ***ቅድም እንትብል እቲ ቤተ መንግስቲ ክልተ ሓፁራት ነይረሙዎ፤ ሐዚ ግና ሓደ ሓፁር ጥራይ ኣለዎ።***

1. ኣብቲ ቤተ መንግስቲ ሰራሕ ሰብ መመላኸዕታት ኣለዉ፤ ተፈጥሮኣዊ መመላኸዕታት ግና የለዉን።
2. እቲ ቤተ መንግስቲ ብምብራቕ ምስ እንዳኢየሱስ፣ ብምዕራብ ድማ ምስ እንዳራእሲ ይዋሰን።
3. ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ ቀደም ነባር ሓፁር ኣይነበሮን፤ ሐዚ ድማ ብሓዱሽ ተተኪኡ ይረአይ።
4. እቲ ህንፃ ምልክት ምንቃዕ የርእይ ኣሎ፤ ስለዚ ቁልጡፍ ፅገና ክግበረሉ ይግባእ።
5. መንበረ ዙፋን ሃፀይ ዮሃንስ ፍሉይ መዓርግ ዘለዎ እዩ፤ ስለዝኾነ እውን ትኹረት በፃሕቲ ይስሕብ።

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዚ ስእሊ እንትትርእዩ ትሕዝቶ ምንባብ እንታይ ይመስለኩም?**



*ደው ኢሎም ዝርከቡን ዝወደቑን ሓወልትታት ኣኽሱም*

### እዋን ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም መልሱ።**

1. ጣልያናውያን ንዝተቖራረፀ ኣካል መዘንተዊ ዝተኸሉዎ ኣብ __________ ዝተበሃለ ከተማ ነይሩ።
2. ከም ኣገላልፃ በዓል ታሪኽ ንዕኡ ንምምላስ ዝግበር ፃዕሪ እናሓየለ ዝመፀአ ካብ __________ ዓ.ም ንነዘ እዩ።
3. ሓወልቲ ኣኽሱም ናብ መረበቱ ዝተመለሰሉ ዓ.ም __________ እዩ።
4. ኣካላት መዘንተዊ ተገጣጢሞም ዳግም ምስ ሓዉ ጠጠው ንኽብል ዝተገበረሉ ዓ.ም __________ እዩ።
5. “ንኹሉ ግዘ ኣለዎ።” ዝበለ__________ እዩ።

# ትፈልጡኒ ዶ?

ካብ ዘዘንትወልኩም ታሪኽ ህይወተይ ክትፈልጡኒ ትኽእሉ ኢ'ኹም ኢለ ስለዝኣምን ስመይ ኣይነግረኩምን። ቅድሚ 1929 ዓ.ም ኣብ ዝተፈጠርኩሉ መረበተይ ምስ ኣሕዋተይ እንነብር ነይረ። ኣነ ምስ ክልተ ኣሕዋተይ ኣብ መንጎ ዝፈልጡንን ዝፈልጦን፣ ዝሕበነለይን ዝሕበነሉን ሕብረተሰብ እንትነብር ሓጎሰይ ወሰን ኣይነበሮን። ሓድጊ ነገስታትን ሊቃውንትን ተባሂልና ብሕብረተሰብ ከባቢና ፍሉይ ቆላሕታን ክንክንን ይግበረልና ነይሩ። ከም ውሉድ ንፍቶ ከም ብሌን ዓይኒ ድማ ንሕሎ ነይርና። ኣካል ህዝቢ ኾይንና፣ ፀገሙ ዝርደኣና፣ ቃንዝኡ ዘሕምመና፣ ሓጎሱ ዘሐጉሰና ህያዋት ሓድግታት ኢና።

ሽሕኳ ኣነ ምስ ኣሕዋተይ ክብርን መግለፂ መንነትን ህዝቢ ብምዃንና እንተኾራዕኹ፣ ንኹነታት ዓብዪ ሓወይ እናረኣኹ ግና እጉህይ ነይረ። ከመይ ከ ዘይጉህይ ? ካባይን ካብ ንእሽተይ ሓወይን ብግዝፊ ኾነ ብቑመት ዝበልፅ ዓብዪ ሓወይ ካብ መሰረቱ ተበርቍቑን ኣካሉ ተሰባቢሩን እንትርእዮ ብዙሕ እሓዝን። ፅባቐኡ ዝበለፀ ነይሩ። ቅድሚ ምስብባሩ ዝነበሮ ሓለንጋይ ቁመትን ግርማ መጎስን እንትዝክር መዓንጣ ኽብደይ ይሓርር። ንንእሽተይ ሓወይ እናረኣይኹ እንተዘይፀናናዕ ሓዘነይ ካብዚ ምኸፍኣ ነይሩ።

ብኽምዚ ዝበለ ኩነታት ኣብ ሃገረይ ምስ ኣሕዋተይ እናነበርኩ እንከለኹ ሓደ ዘይተሓስበ ፀገም ኣጋጠመ። ኣፎምን መለፍለፎምን ዘይንሰምየም ሰባት ኣብ ከባቢና ክዛውሩ ጀመሩ። ኣብቲ ዓዶም ከማና ግዱ ዘይነበረ ኾይኑስ ንዓይን ንንእሽተይ ሓወይን እናኾለሉ ፎቶ ኣልዐሉና። ንኣካልና እናተናኽፉ ኣድነቑና። እቶም ከክንዳና ዝሕለቑ ጀጋኑ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ክቃለሱ በረኻ ስለዝወፅኡ ብጓኖት ተኸበብና። ብተግባር እዞም ጓኖት ተደናጊፅና ድማ ኣብ መንጎ ዕስለ ኣዛብእ ዝኣተዋ ኣባጊዕ መሰልና።

ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ እቶም ጓኖት ህዝቢ ካብ ገዝኡ ከይወፅእ ኣወጁ። ቅድም እንትብል ምስቶም ወታደራት ዘይነብሩ ሰባት ብፉሉያት መካይን ናብ ሰፈርና መፅኡ። ገና እኩይ ተግባሮም ክይጀመሩ፣ ሕማቕ ነገር ከምዘጋጥም ነብሰይ ነገረኒ። ካብ ዝፈራሕኹዎ ኣይወፃኹን። ኣብ ዘለኹዎ ክንዲ ምድናቕ፣ ኣካለይ ተቖሪፁ ናብ ስደት ንኽውሰድ ተሓረኹ። ብየማነ ፀጋመይ መደያይቦ ሓፂን ሰርሑ። መቑረፂ ማሽን ዝሓዙ ሰባት ናብ ላዕሊ ደይቦም በቲ ማሽን ኣካለይ እናሓግሐጉ ክቖርፁኒ ጀመሩ። ካብ ቃንዛይ ንላዕሊ፣ ጓህን ሕራሮትን ንእሽተይ ሓወይ ኣሕመመኒ። ኣብ ገዝኡ ኾይኑ "ተዘመትናየ" እናበለ ዝበኪ ወገነይ ኣሕዘነኒ። ምዕባየይ ነዚ ፀበባ ከይረኣየ ብምውዳቑ ዕድለኛ እዩ በልኩ።

ንኣካለይ ኣብ ሰለስተ ቆራሪያም ኣብ መኪና ፀዓኑኒ። ዓደይን ኣሕዋተይን ንድሕሪት ገዲፈ ኣብ ወደብ ዙላ በፃሕኹ። ኣብቲ ወደብ ዝተቖራረፀ ኣካለይ ኣብ መርከብ ተፀዓነ። ባሕርን ውቅያኖስን ኣቋሪፀ ሮማ ናብ ዝተበሃለ ከተማ ጣልያን ኣተኹ። ንዝተቆራረፀ ኣካለይ ገጣጢሞም ኣብ ፒያሳ ዲ ሮማ ካፔሎ ዝተበሃለ ኣደባባይ ተኸሉኒ።

ምስ ተተኸልኩ ብዙሓት ሰባት ክርእዩኒ መፁ። ገለ ዓያሹ መንግስቶም ንዓይ ብምዝራፉ ልዕልነት መሲሉዎም ተሓጒሱ። ካልኦት ግና ንዐኦም ዘይገልፅ ቅርሲ ምዃነይን ክዓኑ ከምዘይነበረንን ስለዝተገንዘቡ ነዚ ተግባር ኰነኑዎ። ብዙሓት መኻይን ኣብ ዝመሓላለፉሉ ኣደባባይ ሮማ ስለዝተተኸልኩ ካብተን ተሽከርከርቲ ብዝወፅእ ትኪ መልከዐይ ተደየነ። ፅሩይ ተፈጥሮኣዊ ኣየር ዓደይ እናዘከርኩ ተከዝኩ። ብስራሕ ኮነ ብስደት ናብ ዓዲ ጣልያን ዝመፅኡ ደቂ ዓደይ ንዝተበላሸወ ምስለይ ርእዮም ይሓርቑ። ኣነ ኾነ ንሳቶም ናብ ዓድና እንምለሰሉ ዘበን እናተመነና ባዕልና ንባዕልና ነፀናንዕ። ከምዚ እናበልኩ ልዕሊ ስሳ ዓመት ሕሱም ናብራ ስደት ኣሕለፍኩ።

ካብ ዝተወሰድኩሉ እዋን ጀሚሩ ህራስ ዘይወሰዱም ግዱሳት ኢትዮጵያውያን ንኽመልሱኒ ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ጀመሩ። ብፍላይ ካብ 1985 ዓ.ም ንደሓር ንዓይ ንምምላስ ዝግበር ፃዕሪ ሓየለ። በዚ ኩነታት ተስፋይ እናለምለመ መፀአ። ኣብ መንጎ መንግስቲ ጣልያንን መንግስቲ ኢትዮጵያን ስምምዕ ምስተገበረ ምምላሰይ ግድን ከምዝኾነ ተረጋገፀ። ዓደይ ክምለስ ኸርና ተሃንጠኹ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ተስፋ እናሃለኹ ግና ብመብረቕ ላዕለዋይ ጫፍ ርእሰይ ተሰበረ። ከምኡ ኮይነ እውን ዝተረፈ ኣካለይ ሒዘ ምስ ዝናፈቕኩዎ ሓወይ ክራኸብን መሬት ዓደይ ክረግፅን ደለኹ።

ድሕሪ ብዙሕ ፃዕሪ ብ1997 ዓ.ም. ኣብ ሰለስተ ተቖሪፀ ብዓባይ ነፋሪት ኣብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ብሰላም በፃሕኹ። ህዝቢ ብታሕጓስን ዕልልታን ተቐቢሉ ናብ ግዝያዊ መዕረፍየይ ኣብፀሐኒ። ዘድልይ መፅናዕቲ ተገይሩ ቦታይ ምስ ተመዓራረየ ብ1999 ዓ.ም. ዝተቖራረፀ ኣካለይ ገጣጢሞም ደው ኣበሉኒ። ድሮ ሚሊንየም ኣብ ከተማ ኣኽሱም ዓብዪ በዓል ኮነ። እንደገና ተፈጢረ ኣብ ጎኒ ንእሽተይ ሓወይ ደው ኢለ ዓለም ብመስኮት ቴለቭዥን ረአየኒ። ዝገርም እዩ። "ንኹሉ ግዜ ኣለዎ።" ዶ በለ ንጉስ ሰለሞን።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ስዒቦም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ካብ ዘዘንትወልኩም ታሪኽ ህይወት ክትፈልጡኒ ኢኹም ዝበለ መን እዩ?
2. ኣፎምን መለፍለፎምን ዘይስምዑ ዕስለ ኣዛብእ ዝተብሃሉ እንመን እዮም?

3. እቶም ኣጋይሽ ንህዝቢ ካብ ገዝኡ ንኽይወፅእ ብጥብቂ ዝኣወጅሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

4. መዘንተዊ ኣብ ኣደባባይ ሮማ እንታይ ገጢሙዎ?

5. በዓል ዋና እዚ ታሪኽ መዓዝን ከመይን ናብ መረበቱ ተመሊሱ?

6. እቲ ሓወልቲ ናብ ሮማ ምስከደ ኣብ ሮማ ዝረአዩዎ ሰባት ናይ ሓጎስን ሓዘንን ስምዒት ዝፈጠረሎም ንምንታይ ይመስለኩም?

7. ሓወልትታት ኣኽሱም  ኣብ ምስሓብ በፃሕትታት ዓዲ ተወሳኺ ዝህብዎ ረብሓ ግለፁ።

ለ. ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ምንባብ ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ፅሓፉ።

## 9. ቃላት

### *ፍታሕ ቃላት*

**ስዒቦም ብዝቐረቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፡- ሃፍቲ ተፈጥሮ*

*ሃፍቲ ተፈጥሮ ሃገርና ኣብ ምስሓብ በፃሕቲ ዓዲ ዓብዪ እጃም ኣለዎም።*

ሀ. ተፈጥሮ ለ. ሳዕብየናት ተፈጥሮ ሐ. መረበት
መ. ምድናቕ ረ. ኣድዋር ሰ. እንስሳ

## 10. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ 2 ንዘዋደድኩሙዎም ምሉእ ሓሳባት ቅደም ሰዓብ ኣትሒዝኩም ረቂቕ ፅሑፍ ኣዳልዉ፡፡**

### *ኣፀሓሕፋ*

### *“-ኣም” ኣብ ቃላት ምውሳኽ*

**ስዒቦም ካብ ዝቐረቡ ቃላት “-ኣም” ከፀግዑ ዝኽእሉ ፈሊኹም ፀሓፉ።**

ሀ. ሃፍቲ ለ. ሃገር ሐ. ልቢ
መ. ነውሪ ረ. ባዕዲ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ትፈልጡኒዶ?" ዝብል ምንባብ ዘኪረኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ናህሪ

**ዓንቀፅ ክልተን ሰለስተን ኣብ ወሽጢ 100 ሰከንድ ብናህሪ ዓው ኢልኩም ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ሓወልቲ ኣኽሱም ብባዕዳውያን ካብ ዝተወሰደሉ ዓዲ ተመሊሱ ኣሎ። እዚ ተግባር ነዚ ዘሎ ይኹን መፃኢ ወለዶ እንታይ መልእኽቲ የመሓላልፍ?**

## 13. ሰዋስው

### መተሓሓዝቲ ቃላት

**ስዒቦም ካብ ዝቐረቡ መተሓሓዝቲ እናመረፅኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

| ግና | ስለዝኾነውን | ኮይኑ ግና | እምበር |
|---|---|---|---|

*ኣብነት፦ ላዕለዋይ ክፋል ርእሲ ብበርቂ ተሰበረ፤ ይኹንደኣምበር ብዛዕባ መረበተይ ምሕሳብ ኣየቋረፅኩን።*

1. ኣነ ምስ ኣሕዋተይ _____ ንበይነይ ተፈልየ ኣይነብርን።
2. እቲ ዓብዪ ሓወይ ተሰባቢሩ ወዲቑ፤ ኣነ_____ ብፀላኢ ተወሲደ ነይረ።
3. ኣነ ናብታ መረበተይ ተመሊሰ፤ _____ ህዝቢ ሓጐሱ እናገለፀ ይረአይ ኣሎ።
4. ባዕዳውያን ኣብ ዓዶም ወሲዶም ተኺሎሙኒ፤ _____ ለባማት እቲ ዓዲ ክሕጐሱ ኣይካኣሉን።

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ነዞም ተነፂሎም ዝተፅሓፉ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት:- ዘይ-ተ-ሰርሐ = <u>ዘይተሰርሐ</u>

1. ዝ-ተ-ፈጠሩ-ዎ
2. ስለ - ዝ - ሃለው - እ - ኦም
3. ምስ-መንግስት-ኣዊ
4. ተፈጥሮ-ኣዊ-ን
5. ከም-ዝ-ሕብሮ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ኣብቲ ምንባብ ዘሎ ርእስን ስእልን ርእይኹም ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።**

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት መልኡ።**

1. ኢትዮጵያ ቅድሚ 50 ዓመት ብኣግራብ ዝተሸፈነ መሬታ _______ ሚኢታዊ ነይሩ።
2. ብመሰረት እቲ ምንባብ ምስ ምኽባር በዓል ሚሊንየም ብዝተተሓሓዘ ኣብ መላእ ሃገርና ዝተተኽለ ሃገር በቆል ፈልስታት በዝሒም _______ እዩ።
3. ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝርከብ ሕዛእቲ _______ ይበሃል።
4. ሃብትታት ተፈጥሮ ንምዕቃብ ካብ ዝግበሩ ንጥፈታት ሓደ _______ ምጥቃስ ይካኣል።
5. ኣብ ሃገርና ብምኽንያት ምስራሕ ዛላን መፋሰስን ካብ _______ ቶን ዘይንእስ ሓመድ ካብ ምጉሕኻሕ ድሒኑ እዩ።

# ንፅባሕ ዘይበሃል ውራይ

ሃፍትታት ተፈጥሮ ብኽእለትን ፍልጠትን ሰባት ዘይተሰርሑ ወይ ዘይተመሓየሹ ፀጋታት እዮም። እዞም ሃፍትታት ኣብ ልዕሊ መሬት፣ ኣብ ከርሰ ምድርን ኣብ ውሽጢ ማያዊ ኣካላትን ይርከቡ። ከም ኣግራብ፣ ሩባታት፣ እምባታት፣ ኣዕዋፍ፣ ለመምቲ ፍጥረታት ወዘተ. ዝበሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ልዕሊ መሬት ይርከቡ። ከም ወርቂ፣ ብሩር፣ ነሓስ፣ ሓፂን፣ ዘይቲ ነዳዲ መዓድናትን ዝበሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ ድማ ኣብ ከርሰ ምድሪ ይርከቡ። ብተወሳኺ፣ ከም ገፀ ምድሪ፣ ሓመድን ነባሪ ኣየርን እውን ሃፍትታት ተፈጥሮ እዮም።

ኣብ ልዕሊ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝበፅሕ ብርሰት ንህይወት ደቂ ሰባት ብኣሉታ ይፀልዎ። ብፍላይ ከም ሓመድ፣ እፀዋት፣ ከባብያዊ ኣየርን ማይን ዝበሉ ሃፍትታት ተፈጥሮ ምስ መነባብሮ ሰባት ቀጥታዊ ዝምድና ስለዘለዎም ግቡእ ክንክን ክግበረሎም ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ግና ህልዉና ሰባት ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ይኽእል እዩ።

መሬት ከይትዓርቕ ብዝተፈላለዩ እፅዋት ክትሽፈን ምግባር ሃፍቲ ተፈጥሮ ምክንኻን እዩ። ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ካብ 30 - 40% ዝኸውን መሬት ሃገርና ብኣግራብ ዝተሸፈነ ከምዝነበረ መረዳእታታት ይሕብሩ። እዚ ሰፊሕ ሽፋን እፀዋት ሃገርና ኣብ ከይዲ ብስራሕ ሰብን ተፈጥሮኣውን ሓደጋታት በሪሱ። እዚ ብርሰት ነቲ ሰፊሕ ዝነበረ ሽፋን ኣግራብ ናብ ትሕቲ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ኣውሪዱዎ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ድማ ሃገርና ንተደጋጋሚ ድርቅን ምዝባዕ ከባብያዊ ኣየርን ትቃላዕ ነይራ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን፣ ነዚ ፀገም ንምቕራፍ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ዝዓረቑ ከባቢታት መሊስካ ኣብ ምሕዋይን ኣብ ምዕቃብን ይርከቡ። ከም መርኣያ እውን ህዝቢ ብብሊዮናት ዝቑፀሩ ሃገር በቆል ፈልስታት እናተኸለ ይርከብ። ምስ ምኽባር በዓል ሚሊንየም ብዝተተሓሓዘ ጥራሕ እኳ ኣብ መላእ ሃገርና ከባቢ 2.5 ቢሊዮን ሃገር በቆል ፈልስታት ተተኺሎም እዮም። ብድሕሪኡ እውን እቲ ወፍሪ ተጠናኺሩ ይቕፅል ኣሎ።

ዝበረሱ ከባብታት ፈልስታት ብምትካል ካብ ምሕዋይ ብተወሳኺ እቶም ዝነበሩ ኣግራብ እውን ክሕለዉ ተገይሩ እዩ። ዝምልከቶም መንግስታዊ ኣካላት ድማ ህዝቢ ኣብ ክንክን እፀዋት ዘለዎ ግንዛበ ንኽልዕል እናህመሃሩ ይርከቡ። በዚ ድማ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ሃፍቲ ዱር ባዕሉ ንባዕሉ ሓሊዉ ካብ ብርሰት የድሕኖ። መንግስቲ



*ኣብ ምሕላው ሃፍቲ ተፈጥሮ ተሳትፎ ሕብረተሰብ*

እውን ብቐጥታ ኢ.ዱ. ብምእታው ንነባራት ሃገራዊ ሕዛእትታት ኣጠናኺሩ፣ ሓደሽቲ ሕዛእትታት እናኸለለ እዩ። ንኣብነት ሕዛእቲ ቃፍታ-ሸራሮ ካብቶም ሓደሽቲ ሕዛእትታት ሓደ እዩ።

እዞም ዝተሓዝኡ ከባብታት ዝተፈላለዩ ሃፍትታት ተፈጥሮ ንኸዕቀቡ ኣኽኢሎም እዮም። ብርክት ዝበሉ ዓሌት እፀዋት ሃገርና ካብ ምዕቃብ ብተወሳኺ ንዝተፈላለዩ መጥበውቲ እንስሳትን ኣዕዋፍን መንበሪ ኮይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ኣብቲ ዱር ዝርከብ ሓመድ እውን ብዝረግፉ ኣቑፅልቲ ይለምዕ። እዞም ኣድዋር ኣብ ከባቢ ኣየር ዝርከብ ካርቦንዳይኦክሳይድ ብምውሳድ ብኸለት ከባቢ ኣየር ኣብ ምንካይ እውን ልዑል እጃም ኣለዎ።

ሃፍትታት ተፈጥሮ ንምዕቃብ ካብ ዝግበሩ ንጥፈታት እቲ ካሊእ ዕቀባ ማይን ሓመድን እዩ። እዚ ኣብ መላእ ገፀራት ሃገርና ብነፃ ጉልበት ሓረስቶት ይትግበር። ንኣብነት፣ ኣብ ትግራይ ህዝቢ በብዓመቱ ነፃ ጉልበት ኣብ ምውፋይ ይርከብ። ኣብ ተሓራሳይን ዘይሕረስን መሬት ከም ዛላታት ሓመድ፣ ዛላታት እምኒ ትሪንች ፍርቂ ወርሒ ወዘተ. ዝበሉ ስራሕቲ የሳልጥ። እዞም ስራሕቲ፣ ዝናብ እንትዘንብ መሬት ጠሊ ክዕቅብን ልሙዕ ላዕለዋይ ክፋል ሓመድ ብውሕጅ ከይጉሕጓሕን ይከላኸሉ። መረዳእታ ሚኒስቴር ሕርሻ ከምዝሕብሮ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ጥራሕ ሰፊሕ ልምዓት ዛላን መፋስስን ተሰሪሑ። ስለዝኾነ እውን ካብ 1.4 ቢሊዮን ቶን ዘይንእስ ሓመድ ካብ ምጉሕጓሕ ድሒኑ እዩ። እቶም ዓሪቖም ዝነበሩ ጎቦታት ሳዕርን ካልኦት ዓይነት ተኽልታትን ኣብቁሎምን ለሚያምን ይረአዩ ኣለዉ።

ላዕላዎት ትካላት ትምህርቲ ድማ ኣብ ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮን ምስሳን ምህርትን ምርምር ክገብሩ መንግስቲ የበረታትዕ ኣሎ። ስለዝኾነ ሃገርና ጀሚራቶ ዘላ ዕብየት ቀፃልነት ንኽህልዎ ክንክን ሃፍትታት ተፈጥሮ ንዕባሕ ዘይበሃል ውራይ ክኸውን ይግባእ።

*(ፍልፍል:- ኣረንጓዴ ህይወትና ውበት የናፈቃት ኢትዮጵያ። http://WWW.Ethiopianriporter.com/ june,2014.)*

## ድሕሪ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ኣብ ደብተርኩም ብፅሑፍ መልሱ።

1. ኣብ ከርሰ ምድሪ ዝርከቡ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘርዝሩ።
2. ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ እንታይ ይርከቡ?
3. ኣግራብ ክሕዝኡ ምግባር ዝህቡዎ ረብሓ ዘርዝሩ።
4. ሕብረተሰብ ሃገርና ሓምለዋይ ልምዓት ዕላምኡ ንኸሳኻዕ እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብሉ?
5. ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ኣብ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ኣሕፂርኩም ፀሓፉ።

### ለ. በብከባቢኡ ሕዛእትታት እንስሳ ምኸላል ከባቢያዊ ኮነ ሃገራዊ ረብሕኡ ዘመልክት ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 16. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ካብቲ ምንባብ ዝወፁ ቃላት ዓውዳዊ ፍታሕ ሃቡ።**

*ኣብነት፦- ዓረዥ - ባደመ*

ሀ. ተሸፊኑ ሐ. ዝተሓዝአ ረ. ከይሀደኑ

ለ. ዓቀበ መ. ዝተባሕጐጐ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝፀሓፍኩምዎ ረቂቕ ፅሑፍ ኣይሚ ብምኽያድ ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

### “-ኣም” ዝብል ምእላድ ኣብ ድሕሪ ቃል ምውሳኽ

**“-ኣም” ዝብል ምእላድ ብምውሳኽ ናይ ባዕልኹም ሓሙሽተ ቃላት መስርቱ።**

## 18. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

ኣብዚ ምዕራፍ ሰሙን 3 መዓልቲ 7 እንታይ ዝብል ፅሑፍ ኣንቢብኩም ነይርኩም? ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### *ንባብ ናህሪ*

“ንፅባሕ ዘይበሃል ውራይ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከቡ ዓንቀፃት ሓደን ክልተን ኣብ ውሽጢ 60 ሰከንድ ብናህሪ፣ ብምልከትን ብግቡእ ኣገላልፃን ዓው ብምባል ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

ኣብሊፅኩም ንእትፈትዉዎ እንስሳ ዘቤት ብምጥቃስ ዝፈተኹምሉ ምኽንያት ንደቂ ክፍልኹም ንሓደ ደቒቓ ዝኣክል ብቓል መግለፂ ኣቕርቡ።

## 20. ሰዋስው

### *መተሓሓዝቲ ቓላት*

**ቀፂሎም ዝቐረቡ መተሓሓዝቲ ቓላት ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።**

**ኣብነት፡- ኣነ ንፋፅ ተምሃራይ እምበር ሰነፍ ኣይኮንኩን።**

| | |
|---|---|
| ሀ. ስለዚ | ሐ. ነገር ግና |
| ለ. ድማ | መ. ስለዝኾነ እውን |



# ምጣነ ስድራ 2

## ሰሙናዊ ርእሲ እንታይነት ምጣነ ስድራ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

***ምንፃል***

**ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

ኣብነት፡-

*ብዘይስኽፍታ = ብ - ዘይ - ስኽፍ - ታ*

1. እንተውሒዱ
2. ብዝበልኩዎ
3. ከምዝተጠቐሙ
4. እንተተወሊዶ
5. እንተይመለኦም

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ርእስን ስእልን እቲ ምንባብ ርእይኹም ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ገምቱ።**

## እዋን ንባብ

**ነዚ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ኣብቲ ሰደቓ ዝጐደሉ ሓሳባት መልኡ።**

| | ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ምይይጥ ዝተኻየደሉ ቦታ | |
| 2 | ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕና ዝኾነት | |
| 3 | ስድራ ምምጣን እንታይ ማለት ምዃኑ ዝመለሳ ወይዘሮ | |
| 4 | በዝሒ ኣባላት ጉጅለ ልምዓት | |
| 5 | ምምጣንን ብትልሚ ምውላድን ሓደ ምዃኖም ዝገለፀት ተሳታፊት | |
| 6 | ን2 ዓመት ዝፀንሕ መከላኸሊ ጥንሲ ዝተጠቐማ ኣደ | |
| 7 | ኣል ክልተ ዓመትን መንፈቕን ህፃን ዘላተን ኣደ | |

## ዘተ ኣብ ምጣነ ስድራ

እዚ ዘተ ኣብ ወረዳ እንደርታ ጣቢያ ማይ መኸደን ኣብ መንጎ ኣባላት ጉጅለ ልምዓትን ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕናን ዝተሳለጠ እዩ።

ኪዳን፡- እነታተይን ኣሓተይን ዳሕናዶ ሓዲራትክን?

ኣባላት፡- መስገኖ ዳሕናዶ ሓዲርኺ?

ኪዳን፡- ዳሕና እየ። ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ እንታይ ክነውግዕ ኢና ተቛጺርና?

ኣደይ ኣኸዛ፡- ምጣነ ስድራ ልምልኸት ነይሩ።

ኪዳን፡- ትኽክል እዩ። ዘተና ዘድህብ ኣብ እንታይነትን ኣድላይነትን ምጣነ ስድራ እዩ። እስኪ ሕቶ ክሓትት እየሞ ኹልኻትክን ዝመሰለክን ሓሳብ ክትህባ ኢኽን። ስድራ ምምጣን ማለት እንታይ እዩ?



*ኣደታት ኣብ ምጣነ ስድራ እንትዛተያ*

ወይዘሮ ኣፀደ፦ እዙ ምምጣን ምዕቃን እላበልካ ከይትወልድ ምክልኻል ፅቡቕ ኣይኾነይ ኣነ ብወገነይ ጥቕሙ ስለ ዘይተረዳኣኒ መከላኸሊ ጥንሲ የጥቀምይ።

ኪዳን፦ እሺ፣ ወይዘሮ ስንዳዮኽ እንታይ ትብሊ?

ወይዘሮ ስንዳዮ፡- ከምቲ ኣፀደ ሓፍተይ ልበለኦ የኾነይ። ልሳዋ ዝኾን ብቑሊ፣ ገሾ፣ እኽሊ፣ ማይ ለኪዕኻ ይቐርብ። ሓዲሑ የመና ልኸይበዝሕ ወይ ልኸይውሕድ ገይርኻ ይምጠን። ዕያልለ ከይበዝሑሞ ልብላዕ ከይሳኣን

ሓሚምካ መሓከሚ ከይውሕድ ገይርኻ ምውላድ እዩ እምበይ።

ኪዳን፦ ፅቡቕ! እስኪ ካልኦትክንከ እንታይ ሓሳብ ኣለክን?

(ኩለን ብሓባር)፦ ስንዳዮ ልበልኦ ፅቡቕ እዩ! ጨለ ገይረን እየን ፀውየንኦ።

ኪዳን፦ ፅቡቕ! ምምጣን ስድራ ዕያል ምዕቃን ኮይኑ መነባብሮኻ መሰረት ገይርካ በዝሒ ቆልዑ ምውሳን ማለት እዩ። መነባብሮ ማለት ድማ ካብ ማሕረስ፣ ካብ መንግድ ይኹን ካብ ካሊእ ዓይነት ስራሕ ብዝተረኽበ እቶት ዕያልካ ምምሕዳር ማለት እዩ። ዝውለዱ ቆልዑ እንተበዚሖምን እቶት እቲ ስድራ እንተውሒዱን እዚ ዘይተመጣጠነ መነባብሮ ይበሃል። ስድራ ምምጣን ማለት ብትልሚ ምውላድ ማለት እዩ እንትበሃል ሰሚዕኽን ትፈልጣ ዶ?

ወይዘሮ መርየም፦ እወ! ብቐዳማይ ውን እኮ ኣውጊዕናሉ ነይርና ኢና። ብትልሚ ምውላድ ማለት ምስጉጅኻይ ናብራኻይ እላሳነኻ ምውላድ ማለት እዩ።

ኪዳን፦ ኣደይ መርየም ዝሃበኦ መልሲ ትኽክል እዩ። ትዕበኽ እንታይ ርኢቶ ኣለኪ?

ትዕበ፦ ምምጣንይ ብትልሚ ምውላድይ ሓደ እዮም። ሰብኣየይ ቅድሚ ክልተ ዓመት ናይ ሰብ ታኽሲ ሒዙ ብለግነዮ መሃያ ንመሓደር ነይርና። ኣነ ክወልድ ብልበልኹዎ ኣይኾንይ እዳሰብ ተቖፒረ ብልረኽባ ለይትረብሕ ቕርሺ ቆልዓ ምዕባይ የንኽእሎይ ኢሉኒ። ኣነለ ካብ በልኻስ እሺ ኢለዮ። ክልቴና ተሰማሚዕና ምክልኻል ጀሚረ። ሎሚ ናባዕሉ ታኽሲ እኒሃቶ፤ ኣነለ ወዲ ሽዱሽተ ወርሒ ቆልዓ ሓቝፈ እንሀኹ። ሳላ ተሊምና ልወለድና የጠመናይለ ገፅ ሰብለ የረኣናይ።

ኪዳን፦ ግርም! ትዕበን በዓል ገዝኣን ትልሚ ከመይ ከምዝተጠቐሙ ዶ ርእይኽን? (ኩለን ብሓባር)፦ እወ! ጨለ ገይሮም።

ኪዳን፦ ፅቡቕ እዩ። ምትላም ምስ ምምጣን ስድራ ሓደ እዩ። ብትልሚ ምውላድ ማለት ከምቲ ትዕበን በዓል ገዝኣን ዝገበሩዎ ምቹው ግዘ መሪፅካ ምውላድ ማለት እዩ። እዚ ድማ ዝመሃሩ ሰብ ሓዳር ትምህርቶም ክሳብ ዝውድኡ፣ ህፃን ቆልዓ ዘለዎም እቲ ቆልዓ ክሳብ ጡብ ዝገድፍ ዝፀንሕ ክኸውን ይኽእል። ኣፀጋሚ ዝኾነ መነባብሮ ዘለዎምውን ቁጠባዊ ዓቕሞም ክሳብ ዝመሓየሽ ዝገብሩዎ ቁፅፅር ወሊድ ብትልሚ ምውላድ ይበሃል።

ወይዘሮ ኣፀደ፦ እሀ... ሐዚ ብደንቢ ተረዲኡኒ። ድሕሪ ገዲም ከም ሃገረይ ተጠቃሚት ክኾን እየ።

ኪዳን፦ ኣረሓሒቕካ ምውላድ ካብ ብትልሚ ምውላድ ብምንታይ ይፍለ?

ወይዘሮ ለምለም፦ ሓደ እዮም ልመስሉኒ።

ኪዳን፦ እወ! ክልቲኦም ተመሳሰልቲ እዮም። ኣፈላላዮም ትልሚ ኣብ ዝጠዓመካ ግዘ ምውላድ እዩ። ኣረሓሒቕካ ምውላድ ድማ ቆልዑ ኣብ ርእሲ ኣብ ርእሲ ዘይምውላድ ማለት እዩ። ህፃናት ገና ክልተ ዓመት እኳ እንተይመልኦም ካልኦት እንትተወሊዶምዎም ኣብ ሓደጋ ይወድቁ። ስለዚ ስድራ ምምጣን ቁፅሪ ምውሳን

ጥራሕ ኣይኮነን። ኣፈናቲትካ ምውላድ ማለት እውን እዩ። ስድራ ምምጣን ዘከኣል ብኸመይ እዩ? ነዛ ሕቶ እዚኣ ኩልኽን ክትምልስኣ ኢኽን። ምኽንያቱ ኩልኽን ብዝተፈላለየ መንገዲ ተጠቀምቲ ምጣነ ስድራ ኢኽን።

ብሓባር፦ እወ!

እስኪ ሜላታት ምጣነ ስድራ በብ ሓደ ንርኣዮም።

ኣደይ ኣኸዛ፦ ኣነ ቆልዑ ኣብ ርእሲ ርእሲ ከይውለዱ ምስ በዓል ገዛይ ተማኺርና ልኽልተ ዓመት ልፀንሕ መከላኸሊ ጥንሲ እጥቀም። ጓለይ ሓሙሽተ ዓመት ብልመልኣ ክወልድ ሓሲበ እነሀኹ።

ወይዘሮ መርየም፦ ምጥዋብ ተፈጥሮኣዊ መቆፃፀሪ ወሊድ ምኺኑ ፀዊኽና ነይርኺ። ኣነ ንጓለይ ክሳብ ኸዚ የጥውባ ኣለኹ። ጓል ክልተ ዓመትይ መንፈቕይ እያ። ጡብ ብልሓደገት ምስ በዓል ቤተይ ተማኺረ ክወልድ እየ።

ኪዳን፦ ዝሃብክንኦ መልሲ ሓቂ እዩ። ስድራ ንምምጣን ተፈጥሮኣውን ዘበናውን መቆፃፀሪ ወሊድ ምጥቃም ይካኣል። ተፈጥሮኣዊ ዝበሃል ከምቲ ኣደይ መርየም ዝገለፀኦ ብምጥዋብን ወርሓዊ ፅግያት ብምክትታልን ዝፍፀም እዩ። ዘበናዊ ድማ ብመልክዕ ክኒን፣ ብመርፍእ ሉፕን ኮንዶምን ብምጥቃም ዝግበር ምክልኻል እዩ።

በላ ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽለና። ኣብ ቀፃሊ ካሊእ ጉዳይ ጥዕና ሒዘ ክመፅእ እየ። ክሳብ ሽዑ ዳሕና ቀንያ!

(ኩለን ብሓባር)፦ ዳሕና ቐንዩ! ጓሊተይ ዳሕና እተዩ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ምጣነ ስድራ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

2. እንታይነት ምጣነ ስድራ ብዝምልከት ዝተኻየደ ምይይጥ ኣብ መንጎ እንመን ነይሩ?

3. ሓደ ስድራ "ዘይተመጣጠነ መነባብሮ ኣለዎ" ክበሃል ዝኽእል መዓዝ እዩ?

4. ብመሰረት እቲ ምልልስ "…ቆልዑ ኣብ ርእሲ ርእሲ ምውላድ …" ዝብል ሓረግ እንታይ ይሕብር?

5. ኣደታት ዘበናዊ መቆፃፀሪ ወሊድ ምጥቃመን ረብሓ ኣለዎዶ ትብሉ? ንምንታይ? ተመያየጡሉ።

**ለ. ትሕዝቶ እቲ ፅሑፍ ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ኣሕጺርኩም ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

**ፍታሕ ቃላት**

**ኣብ ሕድ ሕድ ምሉእ ሓሳብ ዝተሰመረሉም ቃላት ተመሳሳሊ ፍታሕ ፀሓፉ፡፡**


ኣብነት፡- *ምጡን ስድራ ዘለዎ ቤተሰብ ንሕፀረት ምግቢ ኣይቃላዕን፡፡ ምጡን ስድራ፦ ምስ መነባብሮኻ ዝጠዓዓም ስድራ*

1. ዕያል ምብዛሕ ንፀገም የሳጥሕ፡፡
2. ብዘይ ትልሚ ካብ ምውላድ ኣቐዲምካ ምክልኻል ይምረፅ፡፡
3. ኣረሓሒቕካ ምውላድ ጥዕና ህፃናት ንምሕላው ይጠቅም፡፡
4. ዘበናዊ መቆፃፀሪ ወሊድ ምጥቃም ቆልዑ ኣመጣጢንካ ንምውላድ ይሕግዝ፡፡
5. ሰባት ዝኾነ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሮም ትልሚ ክሕንፅፁ ይግባእ፡፡

## 4. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**“ዘበናዊ መቆፃፀሪ ወሊድ” ብዝብል ርእሲ ዓንቀፅ ንምፅሓፍ ቀፂሉ ዘሎ ስእላዊ መዋደዲ ኣማልኡ፡፡**



## ኣፀሓሕፋ

**ኣብ መወዳእታ እቶም ቃላት ኣብ ዝርከብ ፊደል /-ኣኛ/ ዝብል ምእላድ ብምውሳኽ ፀሓፉ።**

ኣብነት፦ መንገዲ = መንገደኛ

1. ሃይማኖት
2. ብልሓት
3. ዕድል
4. ሓደጋ
5. ሓቂ
6. ትኽክል

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ “ዘተ ኣብ ምጣነ ስድራ” ዘርዚርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

ኪዳን፣ “እወ ክልቲኦም ተመሳሰልቲ እዮም።” ኢላ ካብ ዝሃበቶ መልሲ  ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ዘሎ ምልልስ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ረብሓ ምጣነ ስድራ



*መጢና ብምውላድና ሕጉሳት ኢና*

### ቅድመ ምድማፅ

ካብዞም ዝስዕቡ ዘይትፈልጡዎ ቃል ፈሊኹም ንመሓዙትኩም ወይ ንመምህርኩም ሕተቱ።

ሀ. ምውሳን ለ. ውልቀ ሐ. ድልዱል መ. ጠንቂ ረ. ዝቃዶ ሰ. ሓልዮት

### *እዋን ምድማፅ*

**ነቲ ምንባብ እናዳመፅኩም ነቶም ዝጉደሉ ሓበሬታታት መልኡ፡፡**

| ተ.ቑ | ሓበሬታታት | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | በዝሒ ቆልዑ ንምምጣን የገልግል | |
| 2 | ጥዕና ወላዲት ንምሕላው ይጠቅም | |
| 3 | ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋት ህፃናት ክህሉ ዝግበኦ ዝተሓተ ርሕቐት ዕድመ | |
| 4 | ህፃን ኣብ መጀመርታ ሽዱሽተ ወርሒ ዝቐርበሉ ምግቢ | |
| 5 | ንሓፈሻዊ በዝሒ ህዝቢ ክቆፃፀር ዝኽእል | |

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ብመሰረት እቲ ዘዳመፅኩምዎ ንባብ ስዒቦም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ፡፡**

1. ሓደ ስድራ ምጡን ንኽብሃል እንታይ ከማልእ ኣለዎ?
2. ኣደታት ድሕሪ ወሊድ ክግበረለን ዝግባእ ክንክን እንታይ ከምዝኾነ ዘርዝሩ?
3. ቁጠባዊ ትሕዝትኡ ዝተመሓየሸ ስድራ እንታይ ከማልእ ይግባእ?
4. ወለዶም ብፅቡቕ ኩስኵሶም ዘዕበዩዎም ቆልዑ እንታይ ዓይነት ስነ ምግባር ይህሉዎም?

## 7. ሰዋስው

### *ፅግዕተኛ ሓረግ ምፍላይ*

**ስዒቦም ኣብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ዘለዉ ፅግዕተኛ ሓረጋት ፈልይኹም ኣብ ጎኒ እቲ ምሉእ ሓሳብ ብምፅሓፍ ኣንብቡ፡፡**

*ኣብነት፡-*

1. *ኣብርሀት ስድርኣ ናብርኦም ብትልሚ ስለዝመርሐ ሕጉስቲ እያ፡፡ “ስለዝመርሐ” ፅግዕተኛ ሓረግ እዩ፡፡*

1. ተኽላይ ብዛዕባ ምጣነ ስድራ ትምህርቲ ስለዝረኸበ ኣረሓሒቑ ይወልድ ኣሎ፡፡
2. እንዳ ኣይተ ሃይለ የመና ምስሰደሩ ናብርኦም ክመዛበል ጀሚሩ፡፡
3. እንዳኣይተ ኑሩ መጢኖም ብምውላዶም ፅቡቕ ይነብሩ ኣለዉ፡፡
4. ሰባት ኣራሓሒቖም እንተወሊዶም ይጥቐሙ እምበር ኣይጉድኡን፡፡
5. ኣደታት ኣብ ርእሲ ርእሲ እንተወሊደን ጥዕናዊ ፀገም የጋጥመን፡፡
6. ትሑት እቶት ዘለዎም ወለዲ ዕያል እንተኣብዚሖም ንቁጠባዊ ፀገም ይሳጥሑ፡፡

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ሕቶታት ግምታዊ መልሲ ሃቡ።**

1. ነዚ ስእሊ ርእይኹም እንታይ ከምዝተገንዘብኩም ተዛረቡ።
2. ሕብረተሰብ ኣብ ምጣነ ስድራ ሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ኣለዎ ዶ ትብሉ?

### እዋን ንባብ

**ነዚ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ቀፂሎም ዝቐረቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ካብ መቐለ ናብ ዓዲግራት እትጓዓዝ ዝነበረት መኪና ዝተበገሰትሉ ሰዓት _______ እዩ።
2. ዕድመ እታ ኣደ ሰለስተ ቆልዑ _____ዓመት እዩ።
3. ኣብታ መኪና ካብ ዝነበሩ ተሳፈርቲ በዝሒ ሓሳቦም ዝገለፁ ሰባት_______ እዮም።
4. "ጥንሲ ስደዱ፣ ተኸላኸሉ ብዘይዓቐን ወሊድኩም ቆልዑ ኣጥምዩ፣ ወዘተ. ዝብል ሕጊ የብልናን።" ዝብል ሓሳብ ዘቕረበት _____ እያ።

# ኣረኣእያታት ኣብ ምጣነ ስድራ

ንጉሆ ሰዓት ሓደን ፈረቓን እዩ። ኣርብዓን ክልተን ተሳፈርቲ ዝሓዘት መኪና ካብ መዋፈሪ ኣውቶቡስ መቐለ ናብ ዓዲ ግራት ትብገስ። ሓደ መንእሰይ ኣብ ከባቢ መሰቦ፣ "ኣብዚ ደው ኣብለለይ ሽፈር" ኢሉ ንሓንቲ ሰለስተ ተቐራራቢ ዕድመ ዘለዎም ቆልዑት ዝሓዘት ንእስቲ ተኪኡዋ ወረደ። ንሓደ ዝጠብው ቆልዓ ሓቚፋ ነቶም ክልተ ምስኣ ዝነበሩ ሓንቲ ዓባይ ሰበይትን ሓደ መንእሰይን ክሕዙዎም ገበረት። ንተቐራራቢ ዕድመ እቶም ቆልዑን ንእስነት እታ እኖን ዝረኣየ መብዛሕትኡ ተሳፋሪ ቀልቡ ተሰሓበ።



*ልዕሊ ዓቕሚ ስድራ፣ ልዕሊ ዓቕሚ ፀገም የስዕብ*

ገለ ተሳፈርቲ ብዙሕ እንተይፀንሑ ምስ በዝሒ ውሉድ ዝተተሓሓዘ ወግዒ ከዋግዑ ጀመሩ። ብኽምዚ እናተጕዓዙ ብየማን እታ ንእስቲ ወላድ ዝተቐመጠ መንእሰይ፣

"እዞም ቆልዑ ደቅኺ ድዮም?" ክብል ሓተታ።

"እወ ደቀይ እዮም። ገሪሙካ ዶ?" ምስ በለት እተን ካልኣይቲ መቓምጣ፣

"ልዋ ዛጓለይ፣ ውለዲ! ፅባሕ ንጉሆ እዚኣቶም ኣበይ ይግነዩ? ቆልዑ ሃፍቲ እዮም። ኣነ ትርእይኒ ኣለኺ ትሽዓተ እየ ወሊደ። ኩሎም እኳ የዓበዩለይይ። እቶም ካብ ሞት ተሪፎም ዝዓበዩ ሓሙሽተ ግና ይጥውሩኒ ኣለዉ። ክልተ ኣዋልድን ክልተ ኣወዳትን ኣብ መቐለ ይነብሩ። ሓንቲ ኣብ ዓዲ ሓዳር ገይራ፤ ወሊዳ ዘሚዳ ትነብር ኣላ። "ኢለን ዘረበአን እንተይ ወድኣ እታ ኣዶ ቆልዑ፣

"ኣብ መቐለ ዝነብሩ ደቅኽን እንታይ ይሰርሑ?" ኢላ ሓተተተን።

"ለጋጠሞም፤ እተን ክልተ ኣብ እንዳሰብ ይሰርሓ። እቲ ሓደ ሽጋራይ ማስቲካይ ይሸይጥ። እቲ ንእሽተይለ ጫማ ይፀርግ። ዝገበሩ ገይሮም ልኣይ ይኾኑኒ ኣለዉ። ዛጓለይ ክፅግመኒ

እዩ ኣይትበሊ፤ ውለዲ። ምውላድ ጉድኣት የብሉይ። ወሊዳ ዝሓመመት የላይ። እነይ ማርያም ወሃቢት እየን፤ እንተሂበናኻ ኣሜን ምባል እዩ" በላ።

እቲ መንእሰይ ብዘረባ እተን ዓባይ ሰበይቲ እናተገረመ፣ "ክርእየኪ ከለኹ ንእሽተይ ትመስሊ ከም ኣረሓሓቕክዮም ዶ ኣይመሐሸን?" ኢሉ ሓተተ። ንእሽተይ ቅዝዝ ኢላ፣

"እንታይ እሞ ክገብር፣ ከይፈተኹ ዝኾነ እዩ። በዓል ገዛይ መከላኸሊ ጥንሲ ኣይትወስድን ኢኺ ኢሉ ከሊኡኒ።"

"ንምንታይ?"

"መርፍእ ኮነ ክኒን የምክኑ እዮም። ነዞም ሜላታት መከላኸሊ ተጠቒሙ ዝብሉ ዘለዉ ሓይሊ ሰብና ክውሕድ ስለዝደልዩ እዩ... እናበለ ኣብዩኒ። ወለደይን ወለዱን እውን ናቱ ሓሳብ ደጊፎም። ኣብ ዒስራን ሓደን ዓመተይ ሰለስተ ወሊደ፤ መሓዙተይ ገና ሓዳር ኣይገበራን።" በለት።

"ብምንታይ ትመሓደሩ?" ክብል ሓተታ።

"ብሕርሻ፤ ሓሓሊፉ ድማ ይሽቅል።" ምስ በለቶ ርእሱ ንየማን  ፀጋም ነቕኒቑ።

"እሞ ኣይፅግመኩምን?" በለ።

"ይፅግመናባ" ኢላ መለሰትሉ። እቲ ጉዳይ ካብ ወንበር ሓሊፉ ካልኦት ተሳፈርቲ ሓወሰ። ሓደ ብድሕሪት ዝነበሩ ሰብኣይ፣

"ዝወደይ እንታይ ይመስለካ፣ እዚ ናይ ሎሚ እንሄኻ ምምጣን ምርሕሓቕ ዝብል ሓሳብ ጠገለ የብሉን። ቆልዓ ብቆልዓኻ እዩ። ቆልዑ ብዕድሎም እዮም ዝዓብዩ። እንትውለዱ ናይ ባዕሎም እንጀራ ሒዞም እዮም ዝመፅኡ። ኣረ ገሊኦም ቀቡኣት ቆልዑስ ንቤተሰብ ዝኸውን ሸሻይ ሒዞም እዮም ዝፍጠሩ።" በሉ። ዘረባ፣ ዘረባ እናሰሓበ ስለዝኸደ ሓሳብ ወሃብቲ ቁፅሮም እናወሰኸ ከደ።

ኣብ ቅድሚ እቶም ሰብኣይ ዝነበሩ ሓደ ወላዲ፣ "መፅሓፍ እውን እኮ ብዝሑ ተባዝሑ ምልእዋ ንምድሪ እዩ ዝበለ።" ሰብ ንኽፍጠርን ዘይክፍጠርን ብሓይሊ ፈጣሪ እዩ ዝውሰን። ሰብ ኣብ ስራሕ ፈጣሪ ንኽኣቱ እንታይ ስልጣን ኣለዎ?" ምስ በሉ ምስኦም ተቐሚጦም ዝነበሩ ዓብዪ ወላዲ፣

"ጥንሲ ስደዱ፣ ተኸላኸሉ፣ ዘይዓቕን ወሊድኩም ቆልዑ ኣጥምዩ ወይ ጥዕና ወላድ ይጎሳቖል ዝብል ሕጊ ኣይብልናን። " ኢሎም ዝጀመሩዎ ዘረባ ከይወድኡ ኣብ ድሕሪት ዝነበረት ሓንቲ ዓይነ ስውር ተሳፋሪት፣

"ስምዑታባ ዓበይቲ ወለዲ፣ ክንዳኻትኩም እኳ ኣይፈልጥን እየ። ብዘይትልሚ ወሊድካ ንቖልዑ ብሕሱም ድኽነት እናፈፍውካ ምዕባይ ዘፅድቕ ኣይመስለንን። ብዘይ ትልሚ ወሊድካ፤ ቆልዑ ከይተርንዑ ንለመናን ስደትን ምስጣሕ ጌጋ እዩ። ፀጊቦምን ጥዕንኦም ተሓሊዉን ክዓብዩ እንተኾይኖም ወለዲ ነቶም ዝተወለዱ ከዕቢ ዝኽእል እኹል እቶት ክህሉዎም ይግባእ። ቆልዓ ንምዕባይ ብዙሕ ወፃኢ ይሓትት እዩ። ከምቲ ኵስኵስካን ተኸናኺንካን ዘዕበኻዮ ተኽሊ ፅቡቕ ፍረ ዝህብ፤ ውሉድ እውን ከምኡ እዩ። ብኽንክን ዝዓበየ ቆልዓ ዓርሱ ክኢሉ ንቤተሰቡን ንሃገሩን ይጠቅም። ስለዚ ሰብ ሓዳር ንኣታዊኦም ዘገናዘበ በዝሒ ውሉድ ክህሉዎም ይግባእ።" በለት። ውሑዳት ነዚ ሓሳብ ብምቅዋም

ዕጉምጉም በሉ። መብዛሕቶም ተሳፈርቲ ግና ንሓሳባ ደጊፎም “ፅቡቕ እዩ።” ኢሎም ኣጣቕዑላ። እታ ኣውቶቡስ ዓዲ ግራት በፅሐት። ተጓዓዝቲ ካብ መኪና ወሪዶም ነናብ ዘውፈሮም ተበታተኑ።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቃል መልሱ።**

**1. እታ ኣብ መንገዲ ዝተሳፈረት ንእስቲ ንኽልተ ደቃ እንመን ሒዞሙላ?**

**2. “መርፍእ ኮነ ከኒና የምክን እዩ” ዝብል ሓሳብ ዝገለፀ መን እዩ?**

**3. ኣብ መወዳእታ ዓንቀፅ “ኣዕጕምጕሙ” ዝብል ቃል እንታይ ይገልፅ?**

**4. ሓሳብ እተን  ትሽዓተ ቆልዑ ዝወለዳ ኣደ ከመይ ትግምግሙዎ?**

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብዚ ምንባብ ዘለዉ ገፀ ባህርያት ኣብ ምጣነ ስድራ ዘለዎም ኣረኣእያ ዝተፈላለየ እዩ። ንስኻትኩም ነየናይ ኣረኣእያ ትድግፉ? ብጉጅለ ተመያይጥኩም መደምደምታ ምይይጥኩም ብተወከልትኹም ንደቂ ክፍልኹም ኣቕርቡ።
2. “ቆልዓ ሃፍቲ እዩ” ዝብል ቀንዲ ምሉእ ሓሳብ መበገሲ ብምግባር ደጊፍኩም ወይ ተቓዊምኩም ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ፅሒፍኩም ኣቕርቡ።

## 9. ቃላት

**ንዝተሰመረሎም ቃላት ካብ ዝሓዙዎም ወፃኢ ዝኾኑ ፍታሓት ዘርእዩ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1. ዓርስኻ ካብ ፀላኢ ንምክልኻል ዝተፈላለዩ ሜላታት ምጥቃም ይከኣል።
2. እንዳ ኣይተ ኪሮስ የመና ስለዝሰደሩ ብዝረኸብዎ እቶት ፀጊቦም ክሓድሩ ኣይካኣሉን።
3. ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንምስራሕ እንትንሓስብ መጀመርታ ክንትልም ይግባእ።
4. ልዕሊ ዓቐን ዉሉድ ሃፍቲ ኣይኮነን።
5. ኣደታት ኣረሓሒቐን እንተወሊደን ጥዕነአን ይሕሉ።

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ብመሰረት ቀፂሉ ዝተሓንፀፀ ትልሚ ምሉእ ሓሳባት ሃኒፅኩም ሰለስተ ዓንቐፅ ዘለዎ ረቂቕ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ዝርዝር ትሕዝቶ

1. ዘበናዊ መቆፃፀሪ ወሊድ
    - 1.1. እንታይነት
        - ዘበናዊ /ሳይንሳዊ/ ሜላ መቆፃፀሪ
        - ስድራ ንምምጣን ኮነ ኢልካ ዝውሰድ
        - ብሰብ ሙያ ሕክምና ዝእዘዝ
    - 1.2. ግልጋሎት
        - ዘየድሊ ጥንሲ ንኽየጋጥም
        - ኣረሓሒቕካ ንምውላድ
        - ቁጠባዊ ዓቕምን ስድራን ንምምጥጣን
        - ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራሕ ምውላድ
    - 1.3. ሜላ ኣጠቓቕማ

- ተፈጥሮኣዊ መቆፃፀሪ
- ኮንዶም
- ብመልክዕ ክኒን
- ብመርፍእ
- ሉፕ

## ኣፀሓሕፋ

"-አኛ" ኣብ ቃል ምውሳኽ

**ቀፂሎም ዘለዉ ቃላት ኣብ ድሕሪቶም "-አኛ" ብምውሳኽም ዝተረኣየ ለውጢ ፊደል ፈሊኹም ኣርእዩ።**

1. ጌጋ
2. ህውከት
3. ዕድል
4. በደል
5. ወግዒ
6. ስደት

## 11. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ኣብ ምጣነ ስድራ" ተዛረቡ።**

### *ንባብ ኣገላልፃ*

**ብመሰረት ዝተወሃበኩም መምርሒ ናይ መወዳእታ ዓንቀፅ እዚ ምንባብ ብግቡእ ኣገላልፃ በብግደ ዓው ኢልኩም ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ምጣነ ስድራ ንኣደ፣ ንዝውለዱ ህፃናትን ንስድራን ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ መሰረት ብምግባር ምስ ኣባላት ጉጅለኹም ተመያየጡ፤ ዝበፃሕኹሙዎ መደምደምታ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

**ነዚ ዝቐረበ ኣብነትመሰረት ብምግባር ስዒቦም ብዝተዘርዘሩ ፅግዕተኛ ሓረጋት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

ኣብነት፦ *1. ስለዝጎየየ - ገብረ ስለዝጎየየ ድኻም ተሰሚዕዎ።*

| | | |
|---|---|---|
| 1. ስለዝነበረ | 2. ዝኣረገ | 3. እንተሃለወ |
| 4. ስለዝኸደ | 5. እናወሰኸ | 6. ዝሓመመት |

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምንፅፃል

**ብመሰረት እዚ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ዘይክፍጠሩ → ዘይ - ክ - ፍጠር - ሉ*

ሀ. እናወሰኸ ለ. እንተሂብናኻ ሐ. ይግበረሎም

መ. ዝተጠቐመ ረ. ብስድራኦም ሰ. እንተተገይሩሎም

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ሀ. ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብምስትውዓል ግምትኩም ተዛረቡ።**

1. ክንክን ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ትሕቲ እቲ ስእሊ "ህፃናት ምሕብሓብ ሓበራዊ ግዴታ ወለዲ እዩ።" ዝብል ሓሳብ ኣሎ እንታይ ማለት እዩ?
3. እቲ ስእልን ዝቐረበ መግለፅን ዝምድነኦም እንታይ እዩ?

### እዋን ንባብ

**ነዚ ዝስዕብ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ዓንቀፅ 4 "... ቤተሰብ ንህፃናት ግቡእ ክንክን ክገብረሎም ይግባእ።" ዝብል ሓሳብ ቀሪቡ ኣሎ። እንታይ ዓይነት ክንክን ክግበረሎም ትፅበዩ?

2. እታ ሲስተር "... ምክልኻል ሓደጋ ዝምልከት እንታይ ክግበር ኣለዎ?" ዝብል ሕቶ ንኣይተ ተኸላይ ኣቕሪባትሎም ኣላ። እንታይ ኢሎም ዝምልሱ ይመስለኩም?

# ክንክን ህፃናት

ኣብ ጣብያ ጥዕና ፍረ ቃልሲ ዝሰርሑ ሰብ ሙያ ጥዕና ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይፍፅሙ:: ንዝሓመሙ ካብ ምሕካም ብተወሳኺ፣ ክሕከሙ ንዝመፁ ሰባት ምስ ጥዕና ዝተዛመደ ትምህርቲ ይህቡ እዮም::

ሲስተር ዘምዘም ኣብ ቅድሚ ክሕከሙ ዝኸዱ ሕሙማትን ኣለይቶምን ደው ኢላ፣ "ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፣ ሎሚ ክንክን ህፃናት ዝምልከት ሓሳብ ክንለዋወጥ ኢና ፅን ኢልኩም ተኸታተሉኒ፤ ኣብ መንጎ ክሓትት እየ:: ንስኻትኩም እውን ግልፂ ዘይኮነ ነገር እንተሃሊዩ ብዘይስኽፍታ ሕተቱኒ ኢኹም::" ኢላ ገለፃኣ ጀመረት::

"ከም ዝፍለጥ ህፃናት ተረከብቲ ሃገር እዮም:: መፃኢ ዕድል ሓንቲ ሃገር ኣብታ ሃገር ብዝርከቡ ህፃናት ይውሰን:: ብግቡእ ኽንክንን ሓልዮትን ዝዓብዩ ህፃናት ኣብ ምዕባለ ሃገሮም ንጡፋት ተዋሳእቲ ይኾኑ:: ስለዝኾነ ንክንክን ህፃናት ዝወፅእ ሃፍቲ ሃገር ንብሩህ መፃኢ ሃገር ከምዝፈስስ መዋእለ ንዋይ ገይርካ ክውሰድ ይግባእ:: ቤተሰብን ከባብን ሕብረተሰብ ኣብ ምሕብሓብ ህፃናት ክነጥፉ ዝግበኦም ኣካላት እዮም::

***ኣብዚ ጠጠው ኣብልኩም ቤተሰብ ንህፃናት ዝግብሮም ክንክን እንታይ ከምዝኾኑ ገምቱ::***

"ኣብ ሕድሕድ ቤተሰብ ዝህልዉ ህፃናት ኣድላዪ ክንክን እንተተገይሩሎም፣ ኣብ ከይዲ ዕቡቕ መነባብሮ ዘለዎ ሕብረተሰብ ይፍጠር:: ስለዚ ቤተሰብ ንህፃናት ግቡእ ክንክን ክገብረሎም ይግባእ::

"እሞ ሕቶ ክጅምር፣ ቤተሰብ ንህፃናት ከመይ ዝበለ ክንክን ይገብረሎም? ፅግዒ ዘለኺ" ኢላ ኢዳ ንዘውፀአት ዕድል ሃበት፣ መሰረታዊ ድልየታት ምምላእ ቀዳማይ ተግባር እዩ:: ዕሸላት ካብ ዝተወለዱሉ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ፀባ ጡብ ኣዲኦም ጥራሕ ምምጋብ፤ ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ግና ዝተመጣጠነ ምግቢ ምውሳኽ ኣካል ክንክን እዩ:: ዝቐርብ መጠንን ዓይነትን ምግቢ ምስ ብርኪ ዕብየት እቶም ህፃናት ክጠዓዓም ኣለዎ::" ሲስተር ዘምዘም ነታ ሓሳብ ዝሃበት ኣመስጊና ገለፀኣ ቀፀለት::



*ህፃናት ምሕብሓብ ሓበራዊ ግዴታ ወለዲ እዩ*

"ግርም! ካብ ምግቢ ብተወሳኺ ህፃናት ፅሩይን ምስ ዝነብሩሉ ከባቢ ዝሰማማዕን ክዳን ክኽደኑ ኣለዎም:: ምሕላው ውልቃዊ ፅርየት እውን ሓደ ኣካል ክንክን ህፃናት እዩ:: ብተወሳኺ ህፃናት ብዝተፈላለዩ ተላበድቲ ሕማማት ከይጥቅዑ ክኽተቡ ኣለዎም:: ስምዒት ሕማም ወይ ዘይተለመደ ባህሪ እንተርእዮም ኣብ ቀረበኦም ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ወሲድካ ክምርመሩ ምግባር የድልይ:: ወለዲ ንደቆም ከም ምኽላእ ዓንቀር፣ ምትኳስ ስኒ ባርካይ፣ ምኽንሻብ ጓል

ኣንስተይቲ ወዘተ. ንዝበሉ ጎዳእቲ ልምድታት ከሳጥሕዎም ኣይግባእን::" ኢላ ካሊእ ሓሳብ ቅድሚ ምውሳኻ፣ "ኣብ ክንክን ህፃናት ዝጠቓለሉ ካልኦት ጉዳያት እንታይ ኣለዉ?" እሺ መምህር ግርማዊት፣

መምህር ግርማዊት፣ "ፍቕርን ሓልዮትን ምሃብ እውን መግለፂ ክንክን እዩ:: ፍቕሪ ወለዲ ረኺቦም ዝዓብዩ ህፃናት ሕጉሳት እዮም:: ኣእምሮኦም እውን ብሩህ እዩ:: ዝተፈላለዩ መፅናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ፣ ወለዶም ግዘ ሂቦም ዘቀራርብዎም፣ ዝሓቑፉዎምን ዘፃውትዎምን ህፃናት ሕጉሳት ይኾኑ:: ህፃናት ንዝዛረቡዎ ዝሰርሑዎን ትኹረት እንተተዋሂቡዎም ዓርሰ እምነቶም ይልዕል:: ብቑጠዐን ብናህርን ንቕልዑ ምግሳፅ ነቶም ቆልዑ ቁጠዓት ስለዝገብሮም ወለዲ ንደቆም ብህድኣት ወይ ብርግዓት ከረዳድኡዎም ይግባእ:: ባእሲ ኣብ ዘለዎም ኣባላትስድራ ዝዓብዩ ህፃናት ዝተረጋግዑ ኣይኮኑን:: ሓሳቦም ብኣግባቡ ክገልፁ ዘይኽእሉን ጭኑቓትን ይኾኑ:: ስለዝኾነ ቆልዑ ብዝተረጋግዐ መንፈስ ክዓብዩ ኣብ ቤተሰብ ስኒት ምርድዳእ ክህልው ይግባእ::" ዝብል መልሲ ሃበት:: ሲስተር ዘምዘም ንመምህር ግርማዊት ኣመስጊና፣ "ምስ ምክልኻል ሓደጋ ዝምልከት ከ እንታይ ክግበር ኣለዎ?" ኢላ ኣይተ ተኽለ ክምልሱ ዕድል ሃበቶም::

***ኣብዚ ጠጠው ኣቢልኩም ህፃናት ካብ ሓደጋ ብኸመይ ምክልኻል ከምዝከኣል ገምቱ***

ኣይተ ተኽላይ፣ "ኣብ ገዛ ክበፅሕ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ምክልኻል እውን ኣብ ክንክን ህፃናት እዩ ዝጥመር:: ካብ ሕቑፊ ወሪዶም ኣብ ገዛ ምፍሓኹን ተንከርከርን ዝጀመሩ ህፃናት ንሓደጋ ናይ ምቅላዕ ዕድሎም ሰፊሕ እዩ:: ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ዝጀመሩ ህፃናት ሓደጋ ከስዕቡ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ምርሓቕ የድልይ:: ዝፈልሐ ማይ፣ በላሕቲ ነገራት፣ ሓዊ፣ መርዚ፣ ዝተፈላለዩ መድሓኒታትን ኤሌትሪክን ህፃናት ንሓደጋ ዘሳጥሑ ነገራት እዮም:: ስለዝኾነ ኣብዚ ብርኪ ዝርከቡ ህፃናት ንዝገብሩዎ ምንቅስቓስ ብትኹረት ምክትታል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ::" በለ::

ሲስተር ዘምዘም ንመልሲ ኣይተ ተኽላይ ኣመስጊና፣ "ኣብ መወዳእታ፣ ክገልፆ ዝደሊ ሓሳብ ኣሎ:: ክንክን ህፃናት ዕማም ቤተሰብ ጥራሕ ኣይኮነን:: ሕብረተሰብ እውን ግደ ኣለዎ እዩ:: ኣባላት ሕብረተሰብ ንሕና ኢና:: ህፃናት ብዕድመ እናወሰኹ እንትኸዱ ካብ ገዛ ወፂኦም ምስ ከምኦም ዝበሉ ኣብ ከባቢኦም ይፃወቱ:: ንሕና እቶም ህፃናት ዝፃወቱሉ ከባቢ ክነፅርየሎም ኣለና:: ህፃናት ኣብ ዝፃወቱሉ ከባቢ ጓሓፍ ክንጉሕፍ የብልናን:: ከም ላማን መርፍእን ዝበሉ በላሕቲ ነገራት ህፃናት ኣልዒሎም ከይጥቀሙሎም ክንቀብሮም ኣለና:: ብተወሳኺ፣ ንህፃናት ዝምቹውን ሰላማውን ዝኾነ ከባቢ ናይ ምፍጣር ሓላፍነት ኣለና:: ስለዝኾነ ቤተሰብን ሕብረተሰብን ህፃናት ብምክንኻን ብሩህ ተስፋ ሃገር ከለምልሙ ይግባእ:: ንተሳትፎኹም ብጣዕሚ አመስግን:: የቐንየለይ!" ብምባል ኣስተምህሮኣ ዛዘመት::

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት ብቓል መልሱ::

1. ኣብ ክንክን ህፃናት ክነጥፉ ዝግበኦም ኣካላት ዘርዝሩ?
2. ህፃናት ካብ ምግቢ ብተወሳኺ እንታይ እንታይ የድልዮም?
3. ስድራ ኣብ ክንክን ህፃናት እንታይ እጃም ኣለዎ?

4. ህፃናት ካብ ፀባ ጡብ ኣዲኦም ተወሳኺ ምግቢ ዘድልዮም መዓዝ እዩ?

5. "…መፃኢ ዕድል ሓንቲ ሃገር ኣብታ ሃገር ብዝርከቡ ህፃናት ይውሰን፤" ክበሃል እንተሎ እንታይ ማለት እዩ?

**ለ.** ኣብ ገዛኹም ወይ እትነብሩሉ ኸባቢ ንቖልዑ ዝግበር ክንክን እንታይ ከምዝመስል ተመያየጡ፡፡

**ሐ. ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ኣሕፂርኩም ብሓደ ዓንቀፅ ኣቕርቡ፡፡**

# ሰሙን 3 መዓልቲ 8

## 16. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ

ብመሰረት እቲ ምንባብ ዓውዳዊ ፍታሕ እዞም ዝስዕቡ ቃላት ሃቡ።

*ኣብነት፦ ህድኣት - ርግዓት*

ሀ. ሽሻይ ለ. ኣረኣእያ ሐ. ቁጠዐ

መ. ዘበናዊ ረ. ተላበድቲ ሰ. ብዕድሉ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

ነቲ ኣብ ሰሙን 2፣ መዓልቲ 5 ዝፀሓፍኩምዎ ረቂቕ ፅሑፍ ብምእያም በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ውዱእ ፅሑፍ ኣዳሊውኩም ንመምህርኩም ኣቕርቡ። (ውዱእ ፅሑፍ እንትትፅሕፉ ስርዓተ ነጥቢ፣ ፊደላትን ቃላትን ብግቡእ ተጠቐሙ።)

### ኣፀሓሕፋ

"-ኣኛ" ብምውሳኽ ምፅሓፍ

/-ኣኛ/ ወሲኽም ቃል ዝምስርቱ ቃላት ፈሊኹም ቃል መስርቱ።

| ተ.ቑ | ቃል | ምስሩት ቃል |
|---|---|---|
| 1. | ህልኽ | |
| 2. | እቶት | |
| 3. | ሰንኪ | |
| 4. | ጥበብ | |
| 5. | ኣመል | |
| 6. | ሰሪሑ | |
| 7. | መርከብ | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ “ክንክን ህፃናት” ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ብምልከት

ዓንቀፅ ሽዱሽተ ብምልከትን ብግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

“ኣደታት ዝወልደኦም ቆልዑ ንምምጣን ዝተፈላለዩ ዘበናዊ መቆፃፀሪ ወሊድ ክጥቀማ ኣለወን ወይ ክጥቀማ የብለንን።” ዝብል ንሓዲኡ ብምድጋፍ ተኻትዑ።

## 20. ሰዋስው

### ፅግዕተኛ ሓረግ ምምስራት

ኣብቶም ባዶ ቦታታት ዝጎደሉ ምእላዳት ካብ ሳንዱቕ እናመረፅኩም ምሉእ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

| ዝ - | ስለ - | ምስ - |
|---|---|---|

ኣብርሃ ብእግሩ ነዊሕ መንገዲ __ዝተጐዓዘ ደኺሙ። እንኡ ድማ ኩነታቱ ርእየን “__ወደይ ኣበይ ዲኻ ውዒልካ?” በለኦ። ኣብርሃ ግና ብዕሊ ክዛረበን __ዘይደለየ፣ “እነይ ንእሽተይ__ ኣዕረፍኩ ክነግረኪ” በለን። ንሰን እውን እሺ __በልካዮ ይኹን እናበላ ኮፍ በላ።



# 3 ኤች ኣይ ቪ ኤድስን ማሕበራዊ ቅልውላውን

## ሰሙናዊ ርእሲ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ

## ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

***ምጥማር***

**ነዞም ቀፂሎም ዝቐረቡ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

1. ብ - ዘይ - ረኣይ - ኡ
2. ዘይ - ተ - ረኸበ - ሉ
3. ዝ - ተ - ረከብ - ኩ
4. ከይ - ተ - ረኣይ - ኦም
5. እንተ - ተ - ጠቐማ

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ነቲ ስእሊ ተዓዚብኩም ትሕዝቶ ምንባብ ገምቱ።**

## እዋን ንባብ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝጐደሉ ሓበሬታታት መልኡ።**

| ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|
| ብዓይኒ ኣይረአን ዝተብሃለ | |
| ካብ ካልኦት ሰባት ብዝበለፀ ንኤች ኣይ ቪ ዝተቓለዓ | |
| በቲ ሕማም ዝጥቅዑ ዋህዮታት ደም | |
| ቀንዲ መመሓላለፊ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ | |
| ኤች ኣይ ቪ ብማሕበራዊ ምቅርራብን ምንኽኻእን | |

# ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ

ኤድስ ፣ ኤች ኣይ ቪ ብዝተብሃለ ብዓይኒ ዘይረአይ ቫይረስ ዝመፅእ ሕማም እዩ። መንቀሊ ሕማም ኤድስ ዝኾነ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ሰውነት ሰባት ኣብ ዘለዉ ፈሰስቲ ይርከብ። ደም፣ ፈሳሲ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ኣብ ፈሳሲ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይትን ኤች ኣይ ቪ ክርከበሎም ዝኽእል ፈሰስቲ እዮም። እዞም ቫይረስ ዝርከቦም ፈሰስቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ናብ ሰባት እንትኣትዉ እቶም ሰባት ብኤች ኣይ ቪ ይልከፉ።

ብሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ከመይ ዝበለ ሰብ ይልከፍ? ነዚ ሕቶ ንምምላስ ኣፀጋሚ ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ብኤድስ ክተሓዝ ይኽእል። ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዕድመ፣ ፆታ፣ ሙያ፣ ዘርእን ሃይማኖትን ኣይፈልን። ብመንፅር ሰባት ዝዋፈሩዎ ዓውደ ስራሕ ንርአይ። ከም መምህራን፣ ተምሃሮ፣ ወታደር፣ መራሕቲ መኪና፣ ሰብ ሙያ ጥዕና፣ ሓረስቶት፣ ነብሰን ሸይጠን ዝመሓደራ፣ ወዘተ. ብኤች ኣይቪ ክልከፉ ይኽእሉ። እዚ ማለት ግና ተቓላዓይነት እዞም ዝተዘርዘሩ ኣካላት ማዕረ እዩ ማለት ኣይኮነን።

ነብሰን ሸይጠን ዝመሓደራ ወገናት ካብ ካልኦት ብዝበለፀ ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝተቓልዓ እየን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት በብእዋኑ ምስ ብርክት ዝበሉ ሰባት ፆታዊ ርክብ ስለ ዝፍፅማ እዩ። ንብርክት ዝበለ እዋን ካብ ስድራ ተፈልዮም ዝሰርሑ ሰባት እውን ተቓላዓይነቶም ልዑል እዩ። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝጐዓዙ መራሕቲ መኪና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት የዕርፉ እዮም። ኣብ ዘዕርፉሎም ዓድታት ምስ ዘይፈልጡወን ኣንስትዮ ናይ ምርኻብ ዕድሎም ሰፊሕ እዩ። እዚ ድማ ብኤች ኣይ ቪ ናይ ምትሓዝ ዕድሎም የስፍሖ።



ቫይረስ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደም ምህላዉ ብምርመራ ይረጋገፅ

ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም ሰባት ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ምልክት ሕማም እንተይተረኣዮም ይፀንሑ እዮም። ከም ዝኾነ ሰብ ምሉእ ጥዕና ሃሊዉዎም ስለዝነብሩ ምርመራ ደም ከይገበሩ እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ምህላው ክፈልጡ ኣይኽእሉን። በዚ ምኽንያት እዞም ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም ሰባት እንተይፈለጡ ንብርክት ዝበሉ ሰባት ንሓደጋ ከቃልዑ ይኽእሉ እዮም። ስለዝኾነ፣ ሓደ ሰብ ኣብ ትካላት ጥዕና ተመርሚሩ ኣብ ደሙ ኤች ኣይ ቪ ምህላዉን ዘይምህላዉን ክፈልጥ ይግባእ። ምኽንያቱ፣ ብእዋኑ ምርመራ ደም ምግባር ንዓርሰ ጥንቃቐን ካልኦት ከይብክሉ ንምክልኻልን የኽእል።

ኤች ኣይ ቪ ናብ ሰውነት እንተኣትዩ ንፀዓዱ ዋህዮታት ደም ብምጥቃዕ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የድክም። ዓቕሚ ምክልኻል ዘይብሉ ባዶ ኣካል ድማ ካብ መጥቃዕቲ ዝከላኸል ሰራዊት ከምዘይብላ ሃገር ገይርካ ምውሳድ ይከኣል። መከላኸሊ ሰራዊት ዘይብላ ሃገር ብደጋዊ ፀላእቲ ክትውረር ትኽእል። ብተመሳሳሊ መንገዲ ዓቕሚ ምክልኻሉ ዝተዳኸመ ሰብ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ረኽሲ ይጥቃዕ። ሓደ ሰብ በዞም ሕማማት ብተደጋጋሚ እንተተጠቒዑ ድማ ንኣእምሮኣውን ኣካላውን ፀገማት ይሳጣሕ። እዞም ፀገማት ኣብ ናብራ እቲ ሰብ ዘስዕቡዎ በሰላ ከቢድ ይኸውን።

ኤች ኣይ ቪ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ይመሓላለፍ። ጥንቃቐ ብዝጐደሎ ዝፍፀም ያተዊ ርክብ እዚ ቫይረስ ካብ ዝመሓላለፈሎም መንገድታት እቲ ቀንዲ እዩ። ስለዝኾነ ሰባት ስዲ ዝኾነ ያተዊ ርክብ ካብ ምፍፃም ተዓቂቦም ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ እጃሞም ክወፍዩ ይግባእ።

እቲ ካሊእ መተሓላለፊ መንገዲ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል እዩ። ኣብ ደማ ኤች ኣይ ቪ ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ እዋን ጥንሲ ካብታ ኣደ ናብቲ ዕሸል ክመሓላለፍ ይኽእል። ብሰንኪ ኣብ እዋን ሕርሲ ዝህሉ ምንኽኻእ ደም እውን ኤች ኣይ ቪ ናብ ዕሸል ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ኣደ፣ ጡብ ኣብ እተጥብወሉ እዋን ኣብ ጡባ ቁስሊ፣ ሕበጥ ወይ ምልክት ረኽሲ እንድሕርሃሊዉ ካብ ኣደ ናብ ህፃን ናይ ምሕላፍ ዕድሉ ሰፊሕ እዩ። ስለዚ፣ ኣደታት ብምኽሪ ሰብ ሙያ ጥዕና እናተሓገዛ ኣድላዪ ጥንቃቐ ክገብራ ኣለወን።

ብተወሳኺ፣ በላሕቲ ነገራት ሓቢርካ ብምጥቃም ኤች ኣይ ቪ ካብ ሰብ ናብ ሰብ እውን ይመሓላለፍ እዩ። እዚ ቫይረስ ኣብ ደሙ ዘለዎ ሰብ ዝተጠቐመሉ ከም ዘይመኸነ መርፍእ፣ ስሪንጋ፣ ላማን ካልኦት በላሕቲ ነገራትን ካሊእ ሰብ እንተተጠቒሙሎም ብኤች ኣይ ቪ ክተሓዝ ይኽእል። ስለዝኾነ፣ በላሕቲ ነገራት ብውልቀ ምጥቃም ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ መሊስና ክንጥቀመሎም ግድን እንተኾይኑ ክመኽኑ ይግባእ።

ኤች ኣይ ቪ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ብዝግበሩ ምቅርራባትን ምንኽኻእ ኣካላትን ኣይመሓላለፍን። ንኣብነት፦ ኢድ ብምጭብባጥ፣ ብትንፋስ፣ ብምትሕቑቛፍ፣ ሓቢርካ ብምምጋብ፣ ወዘተ. ብዝበሉ ተግባራት ኣይመሓላለፍን። ስለዝኾነ፣ ሰባት እንታይነት፣ መንቀልን መከላኸልን ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ክርድኡ ይግባእ። እዚ ግንዛበ ዓርሶም ንኽከላኸሉን በዚ ቫይረስ ንዝተጠቕዑ ወገናት ብቐረባ ክሕብሕቡን የኽእሎም።

*(ፍልፍል፡- ትምህርቲ ምክልኻል ኤድስ፣ EDHS፣ 2011።)*

## ድሕረ ንባብ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ስዒቦም ንዝቐረቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሰብ ዝተጠቐሙሎም በላሕቲ ነገራት መሊስና ምጥቃም ግድን እንተኾይኑ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

2. "ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ብዘይኣፈላላይ ዘጥቅዕ ሕማም እዩ" ክበሃል እንተሎ እንታይ ማለት እዩ?

3. ኣብዚ ሐዚ እዋን በብከባቢኹም ዝርግሐ ኤች ኣይ ቪ ንምዕጋት

ሕብረተሰብ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓስ እንታይ ይመስል?

4. ሓደ ሰብ ፅፍሪ፣ ንምስዳድ ላማ ካብ ጕረቤት እንትልምን እንተትርእዩ እንታይ ምመኸርኩሙዎ?

5. ቀንዲ ምሉእ ሓሳብ ዓንቀፅ ሽዱሽተ እንታይ ዝብል እዩ? ዘሕልፎ መልእኽቲ ግለፁ።

## 3. ቃላት

### መተሓሓዝቲ ቃላት

**እዞም ቃላት ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**


*ኣብነት፡- ውልቀ - በላሕቲ ነገራት ብውልቀ ምጥቃም ሓደ ብልሓት መከላከሊ ሕማም ኤድስ እዩ።*

1. ምትሕቛቛፍ
2. ምንክኻእ
3. ክመኽኑ
4. ከወፍዩ
5. በሰላ

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ብመሰረት ቀፂሉ ዘሎ ግራፍ ንዝተዳለወ ዝርዝር ትሕዝቶታት ናብ ብርኪ ቀንዲ ምሉእ ሓሳባትን ደገፍቲ ምሉእ ሓሳባትን ኣዕብዩዎም።**




*(ፍልፍል፡- HIV Related Estimates and Projection for Ethiopia, 2012.)*

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ቅድሚ ሕድ ሕድ ቃል /ብ-/ ዝብል ምእላድ ብምውሳኽ ኣንብቡዎም።**

*ኣብነት፡- ቀረባ → ብ - ቀረባ → ብቐረባ*

ሀ. ከልበ ለ. ቀርኑ ሐ. ቃል መ. ከብዲ

## ሰሙን 1 መዓልቲ 3

# 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ


ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ኤች ኣይ ቪ ኤድስ" እንታይ እዩ? ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ናህሪ

"ኤች ኣይ ቪ ኤድስ" ኣብ ዝብል ምንባብ ዝርከብ ዓንቀፅ ክልተ ብናህሪ ኣብ ውሽጢ 55 ሰከንድ ኣንብቡ።

# 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ልዝብ ደቂ ማሕበር



*ሓበራዊ ዘተ ንዝሓሸ ግንዛበ*

### ቅድመ ምድማፅ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብዚ ስእሊ እንታይ ትርድኡ?
2. ነዚ ስእሊ እንትትርእዩ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ ይመስለኩም?

### *እዋን ምድማፅ*

**ነቲ ንባብ እናዳመፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ዓሰርተ ሽዱሽተ ጣብያታት ዘለዉዋ ከተማ ______ትበሃል።
2. ማሕበር ደቂ በረኸቲ _______ ኣባላት ዝሓቑፈት እያ።
3. ኣደ መንበር እዛ ማሕበር ስመን _______ ይበሃል።
4. "ምዕቃብ" ዝብል ሜላ እናተጠቐመት ዘላ _______ እትበሃል እያ።
5. ኣይተ ሃይለዝጊ ኩነታት ጥዕናኦም ንምፍላጥ ኣብ _____ ወርሒ ሓደ ግዘ ምርመራ ኤች ኣይ ቪ ይገብሩ።

### *ድሕሪ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ፅሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣባላት ማሕበር ደቂ በረኸቲ ኣብ ክንደይ ሰሙን ልውውጥ ተመክሮ የካይዳ?
2. ዛህራ ዓብዱ ዕድመኣ ክንደይ እዩ?
3. ኣብ ከተማ ዓለማዊት ኣብ ዝርከብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ዝሰርሕ መን እዩ?
4. ምስ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዝነብሩ መነ መን ይበሃሉ?

**ለ. ኣብ ደሞም ቫይረስ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ንዘለዎም ወገናት ሕብረተሰብ ከመይ ክሕብሕቦም ኣለዎ ትብሉ? ተመያየጡ።**

## 7. ሰዋስው

### *ስም ከም መማልኢ*

**ብመሰረት እዚ ኣብነት ካብ 1-5 ንዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።**

*ኣብነት፡- ሓየሎም ሓረስታይ እዩ።ኣብዚ ድማ "ሓረስታይ" ዝብል ስም መማልኢ ኮይኑ ዝኣተወ እዩ።*

1. ወይዘሮ ለምለም ኣዴ መንበር እየን።
2. እተን ኣንስቲ ኣባላት ልምዓት ጉጅለ ኮይነን።
3. ኣይተ ገብራይ ውፉይ ሰራሕተኛ እዩ።
4. ሰገን ንፍዕቲ ተምሃሪት ኮይና።
5. ወይዘሮ ጊደተይ ነብሰ ፁር እያ።

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብቲ ስእሊ እንታይ ትርድኡ?
2. እቲ ርእስን ስእልን እንትትርእዩ እቲ ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ይዝትይ ይመስለኩም?

### እዋን ንባብ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ኣብዚ ሐዚ እዋን ቁፅሪ ሓደ ዝስራዕ ሕማም ______ እዩ።
2. ፀዓዱ ዋህዮታት እንትተጠቒዖም ሰውነትና ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ______።
3. ኤች ኣይ ቪ ዘለዎ ሰብ ን______ን ______ን ፀገማት ይሳጣሕ።
4. ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ኣብ ውልቀ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ______ እውን ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድር።
5. ሕማም ኤድስ ካብ ______ ፀገም ብተወሳኺ ማሕበራዊ ኩነታት ስድራ ይዘርግ።

# ቅልውላው ህይወት ውልቀን ስድራን

ኣብዚ እዋን ንሰባት ኣጋጢመሙዎም ካብ ዘለዉ ሕማማት ቁፅሪ ሓደ ዝስራዕ ሕማም ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ እዩ። ብፍላይ ሃገርና ኣብ እትርከበሉ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪካ፣ እዚ ሕማም ካብ ካልኦት ተመሓሳለፍቲ ሕማማት ብዝተፈለየ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣብ ምፍጣር ይርከብ።

ሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ውልቃውን ቤተሰባውን ህይወት የዛብዕ። ብመንፅር ውልቀ ሰብ እንትረአ ኤች ኣይ ቪ ዘለዎ ሰብ ንኣእምሮኣውን ኣካላውን ፀገማት ይሳጣሕ። እዚ ማለት ከም ተስፋ ምቑራፅ፣ ምትካዝ፣ ምብስጫው፣ ምሕዛን ወዘተ. ዝበሉ ፀገማት ንመፃኢ ህይወቱ ከይሓስብ ይገብሩዎ። በዚ ድማ ተስፍኡ ይፅልምት። እዚ ብምዃኑ ድማ ሰሪሕኻ ናይ ምልዋጥን ካልኦት ናብራ ዝልውጡ ተግባራት ናይ ምፍፃምን ድልየቱ ይንክይ። ከምዚ ዝበሉ ፀገማት እናተደራረቡ እንትኸዱ እቲ ውልቀ ሰብ ናብ ብሕታውነትን ዓርስኻ ምፅላእን ይኣትው።



*ኤች ኣይ ቪ ንኣእምሮኣውን ኣካላውን ፀገማት የሳጥሕ።*

እቲ ውልቀ ሰብ ሕማሙ ናብ ብርኪ ኤድስ እንትተሰጋጊሩ ድማ ካብ ኣእምሮኣዊ ፀገማት ብተወሳኺ፣ ንኣካላዊ ጉድኣት ይቃላዕ። ምኽንያቱ ኣብዚ ብርኪ እዚ ኤች ኣይ ቪ ንዋህዮታት ፃዕዳ ደም ብምጥቃዕ ልዕልነቱ ዘረጋግፀሉ እዩ። ኣብ ሰውነት ዝርከቡ ዋህዮታት ፃዕዳ ደም እንትተጠቒዖም ድማ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ይደክም። ስለዝኾነ፣ እቲ በዚ ሕማም ዝተትሓዘ ሰብ ብሕማማት ሳምባ፣ መድመይቲ፣ ረኽስን ኒሞንያን ዝበሉ ተበለፅቲ ሕማማት ብተደጋጋሚ ይጥቃዕ። በዞም ሕማማት እንትተጠቒዑ ድማ ካብ መኣዲ ስራሕ ንኽተርፍ ይግደድ።ነዞም ሕማማት ንምሕካም ዝወፅእ ገንዘብን ምብኳር ስራሕን ብሓባር ነቲ ውልቀ ሰብ ንዝኸፍአ ቁጠባዊ ፀገም የሳጥሕዎ። ፀገማት ብኸምዚ እናተሓላለኹ እንትኸዱ ድማ ህይወቱ ይስእን።

ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ውልቀ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ስድራ እውን ኣሉታዊ ፅዕንቶ የዕርፍ እዩ። እዚ ሕማም ኣብ ሓደ ስድራ ካብ ዝርከቡ ኣባላት ንኣቦ ወይ ንኣደ ወይ ድማ ንኻሊእ ኣባል ስድራ ከጥቅዕ ይኽእል። ቅድም ቀዳድም እቶም በዚ ሕማም ዝተተሓዙ ኣባላት ስድራ ምህርቲ ካብ ምፍራይ ዓዲ ስለዝውዕሉ እቲ ስድራ ኣታዊኡ ይውሕድ።ብኻሊእ መዳይ ነቶም ዝሓመሙ ኣባላት ስድራ ንምሕብሓብ ኣባላት ካብ ስራሕ ንኽተርፉ ስለዝግደዱ እቶት ስድራ ይትሕት።ነቶም ዝሓመሙ ሰባት ንምሕካም ዝወፅእ ገንዘብ እውን እቶት እቲ ስድራ ይጎድእ።

ብተወሳኺ፣ ብምኽንያት ሕማም ኤድስ ኣብ ስድራ ዘጋጥም ሕፅረት ቁጠባ ንምምላእ ሓደ ሓደ ኣባላት ክሰርሕዎ ዝግባእ ስራሕቲ ይሰርሑ። ንኣብነት፣ በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ኣቦ ወይ ኣደ እንተኾይኖም ሰሪሖም ዘምፅኡዎ ዝነበረ ኣታዊ ንምትካእ ቆልዑ ናብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይዋፈሩ፡ ከም ማስቲካ፣ ሽጋራ፣ ፉል ቆሎ ወዘተ. ዝበሉ ነገራት ንኽሸጡ ናብ ኣብያተ መስተን ኣብያተ ትልሂትን ዝበሉ ቦታታት ይኣትዉ። ኣብ ገጠር ድማ ከም መጓሰን ካልኦት ናይ ጉልበት ስራሕትን ንምስራሕ ኣብ ትሕቲ ሰብ ይቑፀሩ። በዚ ምኽንያት ቆልዑ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ይመዛበሉ።

እዞም ስድራ ንምሕጋዝ ኣብ ዘይዕድሚኦም ናብ ደገ ዝወፅኡ ቆልዑ ትርፊ እንተዘይረኺቦም ወለዶም ከይኹርዩሎም ስለዝፈርሑ ብዝኽዱዎ ይተርፉ።ካብ ገዝኦም ወፂኦም ምሕዳር እንተጀሚሮም ጐደና ሓደርቲ ይኾኑ። ኣብ ጐደና ድማ ምትኻኽ ሽጋራ፣ መስተ፣ ለመና፣ ስርቂ፣ ወዘተ. ይለምዱ።

ዝባፅሓ ኣንስትዮ እውን ስድረአን ንምሕጋዝ ኣብ ዘይዕድመአን እንዳ ሻሂን እንዳ መስተን መሳሰይቲ ኮይነን ይቑፀራ። ገለ ዓማዊል እተን ትካላት ነተን መሳሰይቲ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ብምግጋይ ምስኣቶም ፆታዊ ርክብ ንኽፍፅማ ይሓብሉወን። ብኸምዚ እንተቐፂለን ድማ ድሕሪ እዋን ጠቕሊለን ነብሰን ሸይጠን ንምንባር ይግደዳ።ከምስሩዕ መነባብሮአን ገይረን እውን ይወስድኦ። እዚ ብግዲኡ እዘን ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ፆታዊ ርክብ ናይ ምጥቃዕ ዕድለን ንኽሰፍሕ ይገብር።

ሕማም ኤድስ ካብ ቁጠባዊ ፀገም ብተወሳኺ ኣእምሮኣዊ ኩነታት ስድራ ይዘርግ። ሕማም ኮነ ሞት ሓደ ኣባል ስድራ ኣብ ዝተረፉ ኣባላት ኣሉታዊ ሳዕብየን ይፈጥር። ብፍላይ ቆልዑ ብሰንኪ እዚ ዝፍጠር ሕማም ወይ ሞት ስለዝደሃሉ ንኣእምሮኣዊ ፀገማት ይሳጥሑ። ሕጉሳትን ነፃን ኾይኖም ስለዘይዓብዩ ኣብ ቀፃሊ ህይወቶም ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድረሎም።

ኣብቲ ስድራ ዝሸምገሉ ወለዲ እንተሃሊዎም ብደቆም ኣብ ክንዲ ዝጥወሩ ደቂ ደቆም ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ኣብ እንግደዐኦም ይወድቕ። ብምኽንያት ሽምግልና ክሰርሑ ስለዘይኽእሉ ድማ ንዓርሶምን ንደቂ ደቆምን ከዕንግሉ ክብሉ ናብ ለመና ይኣትዉ።

ብሓፈሻ፣ ሕማም ኤድስ ኣብ ውልቀ ሰብ ኮነ ስድራ ዘስዕቦ ቅልውላው ከቢድን ዝተሓላለኽን እዩ። እንተኾነ እዚ ፀገም ውልቀ ሰብ ኮነ ኣባላት ስድራ ኣብ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዘለዎም ግንዛበ ክብ ብምባል ምቅላል ይከኣል እዩ። ስለዚ፣ ውልቀ ሰብ ኮነ ስድራ ነዚ ቀዛፊ ሕማም ብምክልኻል ዝሓሸ ህይወት ክመርሕ ይግባእ።

*(ፍልፍል፦ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ። 2004ዓ.ም. ሓጋዚ መፅሓፍ ስነ ህይወት ንመምህራን ደረጃ ክፍሊ 5ይ-8ይ። ኣዲስ ኣበባ።)*

## ድሕሪ ንባብ

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ብኤች ኣይ ቪ ዝተትሓዘ ውልቀ ሰብ ናብ ብሕታውን ዓርስኻ ምፅላእን ዝኣትወሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ኣብ ሓደ ስድራ ብሕማም ኤች ኣይ ቪ ዝተትሓዘ ኣባል እንተሃልዩ ነቲ ስድራ ዘሕድረሉ ፅዕንቶ እንታይ እዩ?
3. ኣብ ዓንቀፅ ሸውዓተ "ብኽምዚ እንተቐፂለን" ዝብል ሓረግ ንመን ይምልከት?
4. ሕማም ኤድስ ካብ ዘብፅሖም ኣሉታዊ ሳዕብየናት እቲ ዝኸፍአ ፀገም እትብልዎ ብምጥቃስ ምኽንያትኩም ግለፁ።
5. ውልቀ ሰብ ኮነ ኣባላት ስድራ ኣብ ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም ግንዛበ ካብ እዋን ናብ እዋን ክሰፍሕ ኣብ ምግባር ወዓል ሕደር ዝበሃል ተግባር ከምዘይኮነ ይግለፅ።ንምንታይ ይመስለኩም? ተመያየጡ።

ለ. ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ከባቢኹም ካብ ዘሎ ጣቢያ ጥዕና መረዳእታ ብምእካብ ያታን ዕድመን ዘርእይ ቻርት ኣዳሊዉኩም ኣቕርቡ።

## 9. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ኣብ ምንባብ ብዘለዎም ፍታሕ መሰረት ብምግባር ሰንከን ሳዕብየንን ዝገልፁ ምሉእ ሓሳባት ሀነፁ።**

*ኣብነት፡- ፀገምካ ንሰባት ምክፋል ኣእምሮኣዊ ፅዕንቶ የቃልል።*

1. ምግላል 2. ሕምየት 3. በሰላ

4. ፍርሒ 5. ጥቕዓት

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

ብመሰረት ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ክልተ ዝሃነፅኩሙዎም ምሉእ ሓሳባት ኣብ ሰንከን ሳዕብየንን ዝተመስረተ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ረቒቕ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

### ኣፀሓሕፋ

**/ብ-/ ዝብል ምእላድ ኣብ ቅድሚቶም ወሲኾም ለውጢ ፊደል ዘርእዩ ቃላት ፈሊኹም ዝተረኣየ ለውጢ ግለፁ።**

1. ዛዕባ
2. ቀርሔት
3. ከበሮ
4. ክዳን
5. መኪና
6. ቀምሽ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ቅልውላው ህይወት ውልቀን ስድራን" ዝብል ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ይምልከት ነይሩ?**

### ንባብ ናህሪ

**ምስ ደቂ ጉጅለኹም ብምኻን ክቢ ሰሪሕኹም ኮፍ ብምባል ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ኣብ ውሽጢ 85 ሰከንድ ብሓባር ዓው ኢልኩም ብናህሪ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ኣብ ውልቀ ሰብን ኣብ ስድራን ዘስዕቦም ፀገማት እንታይ እንታይ እዮም? ብብጉጅለ ተመያየጡሉ።**

## 13. ሰዋስው

### ስም ከም መማልኢ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ቀፂሎም ዝቐረቡ ስማት ከም መምልኢ ተጠቒምኩም ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፡- መርየምን ገነትን ንፉዓት ሓካይም እየን። "ሓካይም" ዝብል ስም መማልኢ እዩ።*

1. ሓደ
2. ኣባላት
3. ሕማም
4. ትሑት
5. መኸሰብ

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምንፃል

**ኣብዞም ቃላት ለጊቦም ዝርከቡ ምእላዳት ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፦ ፅዕንቶታት = ፅዕን-ቶ-ታት*

1. እንተበዚሖም
2. ዝተተሓሓዘ
3. ብተደጋጋሚ
4. እንትውስኽ
5. ስለዝድቅሱ
6. ንዝሓመሙ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ማሕበረሰብ፣ ጥዕናን ቁጠባን እንታይ ፅዕንቶ ከሕድር ይኽእል?**

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ኤች ኣይ ቪ ብዋናነት ን __________ የጥቅዕ።
2. እቲ ሕማም ዘጥቀዮም ወገናት ዕድመ ካብ __________ክሳብ__________ እዩ።
3. ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዕ ዝተብሃለ ሕማም __________ እዩ።
4. ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪካ ብኤች ኣይ ቪ ካብ ዝተትሓዙ ሰባት__________% ይሞቱ።

## ፅዕንቶ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ሕብረተሰብ፣ ጥዕናን ቁጠባን

ኣብ ዝሓለፉ ዒስራ ዓመታት ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ብመልክዕ ለበዳ እናወሰኸ መፂኡ እዩ። እዚ ለበዳ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣብ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪካ ሰፊሕ ዝርገሐ ኣለዎ። ከም ፀብፃብ ሕቡራት ሃገራት 2008 ኣ.ፈ. ኣብ ዓለምና ምስ ኤች ኣይ ቪ ካብ ዝነበሩ እቶም ስሳን ሸውዓተን ሚኢታዊ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪካ ይርከቡ። ምስ ኤድስ ዝተተሓሓዘ ዘጋጥም መጠን ሞት ድማ ሰብዓን ክልተን ሚኢታዊ ኣብዘን ሃገራት የጋጥም። እዚ ልዑል ዝርገሐን ሞትን ካብ ድኽነትን ትሑት ግንዛበን እቲ ህዝቢ ዝነቐለ ከምዝኾነ ይእመን። በዚ ምኽንያት እዚ ለበዳ ኣብዘን ሃገራት ዝለዓለ ፅዕንቶ ኣብ ምሕዳር ይርከብ።

ለበዳ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣብ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪካ ዘስዕቦ ቅልውላው ከቢድ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እዚ ሕማም ብኣውራ መፍረዪ ሓይሊ ንዝኾነ ክፋል ሕብረተሰብ ስለዘጥቅዕ እዩ። እዚ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ በዝሒ ህዝቢ ኣፍሪካ ዝለዓለ ቦታ ሒዙ ይርከብ። እንተደኣ እዚ ዝለዓለ ክፋል ሕብረተሰብ በዚ ለበዳ ተጠቒዑ ካብ መፍረያይነት ዓዲ ይውዕል። በዚ ሰንኪ ኣብ ሕብረተሰብ እዞም ዝስዕቡ ማሕበራዊ፣ ጥዕናውን ቁጠባውን ፀገማት የጋጥሙ።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ቁፅሪ ብለበዳ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝተጠቕዑ ሰባት እንትውስኽ ማሕበራዊ ቅልውላው ይፍጠር። እዚ ማሕበራዊ ቅልውላው ድማ ኣሉታዊ ፅዕንቶታት ንኽፍጠሩ ምኽንያት ይኸውን። ምብዛሕ ዘኻትም ህፃናት ሓደ ፅዕንቶ እዩ። እዞም ህፃናት ግቡእ ክንክን ስለዘይረኽቡ ዓርሶም ንምሕጋዝ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይዋፈሩ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ምትሓት ውፅኢት ትምህርቲ  ክሳብ ምቁራፅ የጋጥሞም። እዚ ፀገም ብወገኑ ኣብ ቀፃላይ ህይወት እዞም ህፃናት ኣሉታዊ ፅልዋ የዕርፍ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብደቀም ዝጥወሩ ዝነበሩ ኣረጋውያን ብዘይ ጠዋሪ  ይተርፉ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣደዳ ጥምየት፣ ዕርቃንን ሕማምን ይኾኑ። ህይወቶም ብልመና ክመርሑ እውን ይግደዱ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ሕሙማት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ እንተበዚሖም ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ጥዕና እታ ሃገር ኣሉታዊ ፅዕንቶ የሕድር። በዚ ሕማም ዝተትሓዙ ሰባት ብተደጋጋሚ ብኻልኦት ሕማማት ይጥቀዑ እዮም። ነዞም ሕማማት ንምክልኻል ዝወፅእ ገንዘብ ብዙሕ እዩ። በዚ ምኽንያት ሕፅረት በጀት ስለዘጋጥም መንግስቲ ኣብ ካልኦት ጉዳያት ጥዕና ክንዲቲ ዝድለይ ንኽይሰርሕ ዕንቅፋት ይኾኖ።

ካሊእ ብርክት ዝበሉ ሕሙማት ኤድስ ኣብ ሆስፒታላት ስለዝድቅሱ ብኻሊእ ሕማም ዝተትሓዙ ሰባት ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ከይረኽቡ ይገብር።ሓካይም ዝተወሰነ ክፋል ግዜኦም ንሕሙማት ኤድስ ኣብ ምሕካምን ምሕብሓብን የሕልፉ። እዚ ድማ ብኻሊእ ዓይነት ሕማም ንዝሓመሙ ሰባት ምሕካም ወይ ምስ ሙይኦም ዝተተሓሓዙ ሓገዛት ንምውሃይን ምርምራት ንምስራሕን ግዘ ይሓፅሮም።

ለበዳ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ካብ ማሕበራዊ፣ ኣእምሮኣዊን  ፀገማት ብተወሳኺ ኣብ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት ከቢድ እዩ። እዚ ሕማም ብኣውራ እናጥቀዐ ዝርከብ ዕድሚኦም ካብ 15-49 ዓመት ንዝኾኑ መፍረይቲ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ። በዚ ምኽንያት እቶም ሕሙማት ኣብ ዝተዋፈሩሉ ዓውደ ስራሕ ብምሉእ ዓቕሞም ኣይሳተፉን።ብዙሕ ግዘ ካብ ስራሕ ይተርፉ። ኣብ ስራሕ እናሃለዉ እውን ሓይሊ

ስለዝስኡ ክንዲ እቲ ክሰርሑዎ ዝግባእ ኣይሰርሑን።

ዘይሓመሙ ሰባት እውን ንዝሓመሙ ወገናቶም ንምሕብሓብን ንምጥያቕን ኣታዊ ካብ ዘርክብ ስራሕ ይተርፉ። እቶም ሕሙማት እንትሞቱ ድማ ቤተሰብን ኣዝማድን ስድራ መዋቲ ንምሕብሓብ ይግደዱ። ኣብ ውልቀ ስራሕ የውዕሉዎ ዝነበረ ጉልበትን ግዝን ንኽልተ ስድራ ይምቀል። ንኣብነት፣ ዝሕረስን ዝዕፀድን እንተሃሊዉ ደሪቦም ንኽዓሙ ይግደዱ። ብሰንኪ እዚ ቁጠባዊ ቅልውላው እቶት እታ ሃገር የንቈልቁል። በዚ ምኽንያት ድኽነት ይነግስ። ነዙይ እውን እዩ ኤድስ ካብ ካልኦት ሕማማት ብዝኸፍአ መልክዑ ማሕበረ ቁጠባዊ ሃገር ኣብ ሓደጋ የውድቕ ዝበሃል።



*ሕማም ኤድስ ንማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላው የቃልዕ*

ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ማሕበራዊ፣ ጥዕናውን ቁጠባውን ሽግራት ምቕላል ይካኣል እዩ። ንኣብነት:- ኣብ ሃገርና ቁፅሪ ተጠቀምቲ መናውሒ ዕድመ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ይወስኽ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ብሰንኪ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዘጋጥም ዝነበረ መጠን ሞት ነከዩ እዩ። ብተወሳኺ፣ እቶም ወገናት ኣብ ዝተፈላለዩ ማእቶታዊ ስራሕቲ ብምስታፍ ኣብ ምዕባለ ሃገሮም ዘይነዓቕ ግደ ኣብ ምፅዋት ይርከቡ።

*(ፍልፍላት፣ ሓጋዚ መፅሓፍ ስነህይወት ንመምህራን ደረጃ ክፍሊ 5ይ - 8ይ፣ ትምህርቲ ምክልኻል ኤድስ፣ ኢዲ ኤች ኤስ 2011)*

## ድሕረ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሱ።**

1. ኣብ ሓደ ከባቢ ቁፅሪ ብኤድስ ዝተጠቕዑ ሰባት እንተበዚሖም ዘስዕቦ ጥዕናውን ቁጠባውን ፅዕንቶ እንታይ እዩ?
2. ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ሰፊሕ ዝርገሐ ዘለዎ ኣበይ እዩ?
3. መራሕቲ ስድራ ብኤች ኣይ ቪ ኤድስ እንተተጠቒዖም፣ ኣብቲ ስድራ እንታይ ከጋጥም ይኽእል?
4. “ኤድስ ካብ ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብዝኸፍአ መልክዑ ማሕበረ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ኣብ ሓደጋ የውድቕ።” ክበሃል እንተሎ እንታይ ማለት እዩ?
5. ኣብ ዓንቀፅ ሸውዓተ “ዘይሓመሙ ሰባት እውን ንዝሓመሙ ወገናቶም ንምሕብሓብን ንምጥያቕን ኣታዊ ካብ ዘርክብ ስራሕ ይተርፉ።” ዝብል ሓሳብ እንታይ ይገልፅ?

**ለ. ኣብ ከባቢኹም ጎሊሁ ዝረአ ሕማም እንታይ እዩ? ኣብ መነባብሮ እቲ ሕብረተሰብ ዘስዕቦ ፅገምከ እንታይ እዩ? ተመያየጡሉ።**

## 16. ቃላት

### ተመሳሳሊ ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ስዒቦም ንዝቐረቡ ቃላት ተመሳሳሊ ፍታሕ ፀሓፉ።**

*ኣብነት፡- ዘቃልዕ → ዘሳጥሕ፣ ዘስዕብ*

1. ምዝባዕ
2. ቅልውላው
3. ለበዳ
4. ምሕብሓብ
5. ዕማም

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን ክልተ፣ መዓልቲ ክልተ ዝተዳለወ ረቂቕ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ውዱእ ፅሑፍ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ቅድሚ ቃላት /ብ-/ ዝብል ምእላድ እናወሰኽኩም ሓሙሽተ ቃላት መስርቱ።**

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ግዘ እንታይ ዝብል ፅሑፍ ኣንቢብኩም ነይርኩም?**

### ንባብ ኣገባልፃ

**ቀፂሉ ዘሎ ምልልስ ኣፈላላይ ኣናብባ ክልቲኦም ገፀ ባህሪያት ተጠቒምኩም መምስመፃምድኹም ኮይንኩም ኣንብቡ።**

## ቃለ መሕትት

ጋዜጠኛ፡- ዶክተር ብመጀመርታ ኣብ ዝተፃበበ ግዘኺ ነዚ ቃለ መሕትት ክትህቢ ፍቓደኛ ብምዃንኪ ከመስግን እፈቱ።

ዶክተር ሃና፡- ኣነ እውን ነዚ ዕድል ብምርካበይ ኣመስግን።

ጋዜጠኛ፡- እሞ፣ ሕቶይ ንኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዝምልከት እዩ።ዜጋታት ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ምህላዉን ዘይምህላዉን ክምርመሩ ከምዝግባእ ብመራኽብቲ ሓፋሽ ይጋዋሕ እዩ።ተመርሚርካ ኩነታትካ ምፍላጥ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ዶክተር ሃና፡- እም… ግርም፣ ምምርማር ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ።እዚ ረብሓ ብኽልተ መንገዲ ምርኣይ ይካኣል።ሓደ ሰብ ክምርመር እንተሎ ውፅኢቱ ፖዘቲቭ ወይ ነጋቲቭ ክኸውን ይኽእል።

ጋዜጠኛ፡- እቲ ቫይረስ ኣብ ደሙ ክህልዎ ወይ ዘይክህልዎ ይኽእል ማለት ድዩ?

ዶክተር ሃና፡- እወ! ነፃ እንተኾይኑ ካብ ስግኣትን ፍርሕን ተናጊፉ መፃኢ ህይወቱ ብጥንቃቐ ክመርሕ የኽእሎ። እንተሃሊዉዎ ድማ እውን ስርሑ እንዳሰርሐ ምስቲ ቫይረስ ተሰማሚዑ ክነብር ይኽእል።

ጋዜጠኛ፡- ምስ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ብኸመይ ተስማሚዕኻ ምንባር ይካኣል?

ዶክተር ሃና፡- ዝተፈላለዩ ተግባራት ኣለዉ።ካብ ኣልኮላዊ መስተታት ምዕቃብ፣ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘጕልብቱ ምግብታት ምውሳድ፣ ፅሬት ብምሕላው ሕማማት ረኺሲ ምክልኻል፣ እዞም ሕማማት እንተጋጥሙ ብእዋኑ ናብ ሕክምና ምኻድ፣ ወዘተ. እዮም።እዋኑ ምስ ኣኸለ ድማ መድሓኒት መናውሒ ዕድመ ብግቡእ ምውሳድ የድሊ።

ጋዜጠኛ፡- ናይ መወዳእታ ሕቶይ ትኸውን ኣብዚ ግደ ሕብረተሰብ ከ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?


ዶክተር ሃና፡- እእም... ዕቡቕ! ቅድሚ ኩሉ ምስቲ ቫይረስ ንዝነብሩ ወገናቱ ክግልል የብሉን። ምኽንያቱ ምግላል እንተሃሊኡ ሰባት ተመርሚሮም ዓርሶም ክፈልጡ ፍቓደኛታት ኣይኾኑን። እንተፈለጡ እውን ውፅኢቶም ንሰብ ኣይነግሩን። እዚ ድማ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ኣብ ምዕጋት ዕንቅፋት ይኸውን። እቲ ካልእ ክግበር ዝግበኦ ሕብረተሰብ ነዞም ወገናት ሰሪሖም ናብርኦም ዝመርሑሉ ባይታ ክፈጥር ኣለዎ። እዚ እንተኾይኑ ኣባላት ስድርኦም ከይበተኑ ሰላማዊ ህይወት ንኽመርሑ የኽእሎም።

ጋዜጠኛ፡- (ካብ ወንበሩ ተላዒሉ ኢዱ ንሰላምታ እናዘርገሐ) የቐንየለይ ዶክተር ሃና

ዶክተር ሃና፡- ኣነ እውን የቐንየለይ!

## 19. ዝርርብ

**ስዒቡ ኣብ ዘሎ ግራፍ ዝርከቡ ቁፅራዊ ሓበሬታታት መሰረት ብምግባር ብቓል መግለፂ ኣቕርቡ።**




ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም በዝሒ ሰባት ብፆታን ብዕድመን/1997ዓ.ም፣ ትግራይ::

*(ፍልፍል፡- AIDS IN ETHIOPIA. Online DATA BASE. Tigray.)*

## 20. ሰዋስው

### *ስም ከም መማልኢ*

**ስም ከም መማልኢ ተጠቒምኩም ሓሙሽተ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**



# 4 ውሩያት ከየንቲ

## ሰሙናዊ ርእሲ ታሪኽ ህይወት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

***ምንፃል***

**ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ዘይነበሮም = ዘይ - ነበር - ኦም*

| | | |
|---|---|---|
| *1. ዝተፋለጦም* | *2. ስለዝሞቱ* | *3. ከምዝርከብን* |
| *4. ድምፃውነቶም* | *5. ከምዝነበረ* | *6. ዝተረኽባ* |

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ነቲ ምንባብ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ቀፂሎም ዝቐረቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ከያኒ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም እትፈልጡዎም ከየንቲ ኣለዉዶ?
3. ነቲ ስእል ምስረኣኹም ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ ይመስለኩም?

## *እዋን ንባብ*

**ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ቀፂሉ ዘሎ ሰደቓ ብግቡእ ሓበሬታ መልኡ።**

| ተ.ቑ | መበገሲ ሓሳባት | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ስም ኪያኒ | |
| 2 | ትውልዲ ቦታ ኪያኒ | |
| 3 | ዘበን ትውልዲ ኪያኒ | |
| 4 | ስም ኣደ | |
| 5 | ዓ.ም. ሕልፈተ ህይወት ኪያኒ | |

# ኣቦ ጥበብ

ሎሚ ዓይነይ በርሀ፣
ሓለፋይ ርእየኪ ፀላእተይ ጋሊሀ።

እያሱ በርሀ ብ4 ነሓሰ፣ 1948 ዓ.ም. ኣብ መቐለ ተወሊዱ። ወለዱ ኣይተ በርሀ ኣሰማህኝን ወይዘሮ ኣሰገደች መለስን ይበሃሉ። ህፃን እያሱ ኣብ ፈለገ ህይወት ትምህርቲ ጀሚሩ። ብዙሕ እንተይፀነሐ ናብ ዘበናዊ ትምህርቲ ኣትዩ። ቀዳማይ ብርኪ ኣብ ቤት ትምህርቲ መሰረተ ዛዚሙ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሃፀይ ዮሃንስ ድማ ክሳብ 11 ክፍሊ ቀፂሉ። እያሱ ንፋዕ ተምሃራይ ነይሩ። ብፍላይ፣ ናብ 9ይ እንትሓልፍ ብዘርኣዮ ፀብለልታ ብፍሉይ ተሸሊሙ እዩ።

ተምሃራይ እያሱ ኣብ ግዳማዊ ንጥፈታት እውን ንጡፍ ተሳታፋይ ነይሩ። ይሳተፍ ነይሩ። ብፍላይ፣ ኣብ ክለባት ቤተ ንባብ፣ ገባሪ ሰናይን ክትዕን ብምስታፍ ይፍለጥ። ኣባል እዘን ክለባት ኮይኑ ዘዳለዎምን ዘቕረቦምን ፅሑፋት ምስ መድረኽ ንኽፋለጥ ሓጊዞሙዎ እዮም።

እያሱ 2 ሓምለ፣ 1968 ዓ.ም. ትምህርቱ ኣቋሪፁ ናብ ህወሓት ተፀንቢሩ። ኣብ ክልል ዓፋር፣ ዓሳጋራ ኣብ ዝበሃል ቦታ ተዓሊሙ። ድሕሪ ታዕሊም፣ ኣባል ተዋጋኣይ ሰራዊት ሓይሊ 71 ኮይኑ ክሳብ 1969 ዓ.ም. ፀኒሑ። ካብኡ፣ ኣባል ሓለዋ ወያነን ክፍሊ ህዝብን ብምኳን ክሳብ 1970 ዓ.ም. ኣገልጊሉ።

ተጋዳላይ እያሱ ቅድሚ ኣብ ክፍሊ ባህሊ ምምዳቡ፣ ክፍሊ ህዝቢ ኮይኑ ህዝቢ ንምንቕቓሕን ንምልዕዓልን ዝተፈላለዩ ግጥምታትን ደርፍታትን የቕርብ ነይሩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ስልጠና ቤት ትምህርቲ ካድረ፣ መድረኽ ብምምራሕን ደርፍታት ብምቕራብን ኣብቲ ዘፈር ምውሳእ ቀፂሉ።

ተጋዳላይ እያሱ ብ1970 ዓ.ም. ኣብ ክፍሊ ባህሊ ኮሚሳር ኮይኑ ተመዲቡ። ኣብ ኣኼባታት፣ መርዓን ካልኦት ህዝባዊ ጉዳያት እናተረኽበ ብምድራፍን ንህዝቢ ኣለዓዒሉ። ኣብቲ እዋን "ኣለሊኽዮም ዶ ብኽዳኖም፣ ገድሊ ትግራይ ምኳኖም" ብዝብል ደርፉ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጐኒ ተጋደልቲ ንኽስለፍ ኣበራቢሩ። ብተመሳሳሊ፣ "ነቶም መድሕርሐርቲ ብነዊሕ ቃልስና ክንድርዕሞም ኢና" ዘርእስታ ግጥምን ዜማን ደሪሱ። እዛ ድርሰት ብኣርቲስት ገብረፃዲቕ ወልደዮሃንስ ምትዕርራይ ምስተገበረላ እያሱ ንፈለማ እዋን ኣብ ገርሁ ስርናይ ኣቕሪቡዋ። በታ ደርፌ ዕቡቕ ተፈላጥነቱ ስለዝረኸበ ነቲ ብህፃንነቱ ዝጀመሮ ጥበብ፣ ብልዑል ወነ ንኽነጥፍ መተባብዒ ኰይኑዎ። ባዕሉ ከምዝምስክሮ፣ ነዚ ስጉምቲ ክወስድን ተውህብኡ ክጥቀምን ኣርቲስት ገብረፃዲቕ ዝለዓለ ግደ ነይሩዎ።

እያሱ ናብ ዝተጣየሸት ባህሊ ህወሓት ምስተመደበ ዕቱር ዓቕሙ ምጥቃም መዓልታዊ ስርሑ ኮነ። ኣብቲ ክፍሊ ምስዝነበሩ ብፆቱ፣ ሰራዊትን ህዝብን ዘበራብሩን ዘለዓዕሉን ግጥምታት፣ ዜማታትን ድራማታትን ሰሪሑ። እያሱ ኣብቲ ቃልሲ በብግዚኡ ንዝፍጠሩ ኣጀንዳታት ብዕምቈት ዝገልፁ ግጥምታት ኣዳሊዉ። ልዕሊ 450 ደርፍታት ብምድራፍን ንብፆቱ ብምሃብን ኣብ ምዕባለ ሙዚቃን ደርፍን ትግርኛ እጃሙ ኣወፍዩ። በዞም መዘና ዘይብሎም ኪነ ጥበባዊ ስራሕቱ ድማ ኣዝዩ ተፈታዊ ኰነ። ካብ መንጎ እቶም ፍሉጣት ዜማታቱ ባሕርና ሓፋሽ ህዝብና፣ ኲነሬል ማራኺ፣ ውፈር

ተበገስ፣ ሎሚ ዓይነይ በርህ፣ ኣያ ሓወይ ሽደን በረኻ፣ ክኾለኩም ዶ 'ታ ይጥቀሱ።

እያሱ ብምግጣምን ብምድራፍን ጥራይ እንተይኮነስ ካብ ኣብ ምፅዋት መሳርሒ ሙዚቃ፣ ምምራሕ መድረኽ፣ ትልሂት ትግርኛ፣ ወዘተ. ኩሉ መዳያዊ ክእለቱ እናዓበየ ከደ። ብኪነታዊ ስራሕቱ ንጉዳያት ሰላም፣ ዲሞክራሲ ዕብየትን ማዕርነት ጐየየ። እያሱ ኣብ ፅንኩራት ኩነታት ኮይኑ እውን ዝደረሰን ዘዝየመን በዓል ሙያ እዩ። ካብ ትግርኛ ብተወሳኺ፣ እያሱ ብቋንቋታት ሳሆ፣ ኣምሓርኛ፣ ዓፋርን ኩናማን ግጥምን ዜማን እናዋደደ ነቲ ቃልሲ ዝገልፁ ስራሕቲ ኣበርኪቱ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ብያቱን መድነቅቱን ኣቦ ጥበብ ዝብል ስም ከትርፍ ክኢሉ።

ኣርቲስት ተጋዳላይ እያሱ ባህላውን ዘበናውን ሙዚቃ ባህርያቶም ብምሕላው ኣብ ዝበዝሑ ስራሐቱ ተጠቒሙሎም እዩ። ካብቲ ሰፊሕ ባህሊ ትግራይ ዜማ፣ ግጥሚ፣ ባህላዊ መሳርሕታት ኣሳፊጡ ተጠቒሙ። ንባህላዊ ፀወታታት ትግራይ ላዝኦም ሓልዩ ተፃዊቱዎም። ብኸምዚ መንነት ተጋሩ ኣብ ምዕቃብን ምግላፅን ዝነበሮ ግደ ዕዙዝ ነይሩ።



ኣርቲስት እያሱ ድምፃውን ደራስን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንፉዕ መራሒ መድረኽን መተባብዕን መቓልስቱ ነይሩ። በብግዚኡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ግጥምታትን ተዋስኦታትን ኣቕሪቡ እዩ። ክልተ ሙዚቃዊ ድራማታት እውን ሰሪሑ እዩ። ብተወሳኺ፣ "እንተዝኾን እማ" መድብል ግጥምታት ትግርኛን "ዛንታና" እትብል ኣልበም ሙዚቃን ኣሐቲሙ።

ኣርቲስት እያሱ ኣብ ንግዲ ምስተዋፈረ ብምሕደራ ንግዲ ትምህርቲ ካልኣይ ዲግሪ ወዲኡ። "ዕዳጋን ደንገርገር ሳልሳይ ዓለምን" ብዝብል ርእሲ ድማ መፅናዕቲ ሳልሳይ ዲግሪ ጀሚሩ ነይሩ። ጐናጐኒ ንግድን ትምህርትን ኣብ ህዝባዊ ጉዳያት ብዕቱብ ይሳተፍ ዝነበረ ኣቦ ጥበብ መወዳእትኡ ኣብ መድረኽ ኮነ። ብ10 ጥሪ፣ 2002 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ኣላማጣ ንህንፀት መሰናድኦ ቤት ትምህርቲ ዝውዕል መድረኽ እቶት መተኣኻኸቢ እናመርሐ ብሃንደበት ሓሚሙ ዓረፈ። እያሱ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ቈልዑን ነይሩ።

*(ፍልፍል፣ ካብ መድብል ታሪክ ሰብ ሙያ ኪነ ጥበብ፣ 2006 ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ተመሓይሹ ዝተወሰደ)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. መልሲ ካብቶም ዝቐረቡ መማረፂታት ምረፁ።**

1. እያሱ መዓዝ ተወሊዱ?

ሀ. 1948 ዓ.ም. ለ. 1947 ዓ.ም.

ሐ. 1946 ዓ.ም. መ. 1945 ዓ.ም.

2. እያሱ ትምህርቲ ኣብ______ጀሚሩ።

ሀ. መሰረተ ሐ. ፈለገ ህይወት

ለ. ሃፀይ ዮሃንስ መ. ሓለዋ ወያነ

3. እያሱ ተምሃራይ እናሃለወ ኣባል____ክለብ ኣይነበረን።

ሀ. ቤተ ንባብ ለ. ገባሪ ሰናይ

ሐ. ክትዕ መ. ሃገርካ ፍለጥ

4. እያሱ ናብ ቃልሲ መዓዝ ተፀምቢሩ?

ሀ. 1967 ዓ.ም. ለ. 1968 ዓ.ም.

ሐ. 1966 ዓ.ም. መ. 1969 ዓ.ም.

5. ድሕሪ ታዕሊም ዝተመደበሉ ኣሃዱ____ትብሃል።

ሀ. 61 ሐ. 51

ለ. 71 መ. 81

6. እያሱ ንፈለማ እዋን ደሪሱ ዝደረፈሉ ቦታ___ይበሃል።

ሀ. ገርሁ ስርናይ ለ. ዓሲምባ

ሐ. ዓሳጋራ መ. መቐለ

**ለ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. እያሱ ኣብ መድረኽ ምቕራብ ብምንታይ ጀሚሩ?

2. እያሱ ኣቦ ጥበብ ካብ ዘበልዎ ስራሕቲ ኣየኖት እዮም?

3. ካብ ውልደት ክሳብ ፍፃመ ዘሎ ታሪኽ ህይወት እያሱ በርሀ ብሓደ ዓንቀፅ ኣሕፂርኩም ፀሓፉ።

4. ካብ እትንእድዎም ከየንቲ ተጋሩ ሓደ ብምጥቃስ ምስ እያሱ ብምንታይ ከምዝመሳሰሉን ከምዝፈላለዩን ዘርእዩ ሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ፀሓፉ።

**ሐ. ካብዞም ዝስዕቡ ደርፍታት እያሱ በርሀ ሓደ ብምምራፅ፣ ትሕዝትኦምን ንምንታይ ከምዝተደረፉን ሰባት ብምሕታት ብፅሑፍ ግለፁ።**

1. ውፈር ተበገስ
2. ኣለሊኸዮም ዶ
3. ሎሚ ዓይነይ በርሀ
4. ብደንጎላ
5. ኣሎ በሎ (ዓርሞሽሽ)

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ካብ መስርዕ "ለ" ናብ መስርዕ "ሀ" ብተመሳሳሊ ፍታሕ ኣዛምዱ።**

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. መርኣያ | ሀ. ብልሓት |
| 2. ጥበብ | ለ. ሃፍቲ |
| 3. ክእለት | ሐ. ኣትዩ |
| 4. ተውህቦ | መ. ዕድሎት |
| 5. ከያኒ | ረ. ጥበበኛ |
| 6. መረበት | ሰ. ኣብነት |
| 7. ተፀንቢሩ | ሸ. ውነ |
| | ቀ. ዓቕሚ |
| | በ. ዓዲ |

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ዕለታዊ መዘክር ንምፅሓፍ ትማሊ ካብ ንጉሆ ክሳብ ምሸት ወይ ድማ ሎሚ መዓልቲ ካብ ገዛ ተላዒልኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ዝበፀሕኹምሉ እዋን ዝፈፀምኩምዎም ተግባራት ወይ ተጓንፎኹም ብቕደም ሰዓብ ኣቐምጡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ተነፂሎም ዝቐረቡ ምእላዳት ጠሚርኩም ኣንብቡ። ምስተጠመሩ ዘርእዩዎ ለውጢ ፊደል እንተሃሊዉ ተዛረቡ።**

*ኣብነት፡- ኣብ እዚ → ኣብዚ*

1. ከም እታ
2. ከም እቶም
3. ከም እዘን
4. ኣብ እዛ
5. ከም እቲ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ “ንጉስ ጭራ” ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ናህሪ

ዓንቀፅ ሰለስተን ኣርባዕተን ብናህሪን ብምልከትን ዓው ኢልኩም ኣብ ውሽጢ 55 ሰከንድ ኣንብቡዎም።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ቀንዲል ባህሊ ትግራይ



### ቅድመ ምድማፅ

1. ቀንዲል ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ኣብዚ ስእሊ ትርእዩዎ ዘለኹም መን ይበሃል? ብምንታይከ ይፍለጥ?

## እዋን ምድማፅ

ነቲ ምንባብ ብምስትውዓል እናዳመፅኩም ንሕድ ሕድ መበገሲ ሓሳብ ብግቡእ ዓ.ም ወይ ሓሳብ መልኡ።

| ተ.ቁ. | መበገሲ ሓሳባት | መልሲ ብዓ.ም ወይ ብቃል |
|---|---|---|
| 1 | ዘበን ትውልዲ ኪሮስ ኣለማየሁ | |
| 2 | ተፃዋቲይ ሸምብቆ ኮይኑ ዝተመረፀሉ ዘበን | |
| 3 | ብስርዓት ደርጊ ዝተኣሰረሉ ዘበን | |
| 4 | ዝተወለደሳ ጣብያ | |
| 5 | “ምኽናይ” ዝብል ካሴት ዘሕተመሉ ዘበን | |
| 6 | ብሙያ መምህርነት ዝሰልጠነሉ ትካል | |

## ድሕረ ምድማፅ

ሀ. እዞም ምሉእ ሓሳባት ዝሓዙዎ መልእኽቲ ትኽክል እንተኾይኑ “ሓቂ”፣ ትኽክል እንተዘይኮይኑ ከዓ “ጌጋ” እናበልኩም መልሱ።

1. ኪሮስ ኣለማየሁ ኣብ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ ተወሊዱ።
2. ኪሮስ ኣለማየሀ ብሙያ መምህርነት ተመዲቡ ዝሰረሓላ ቤት ትምህርቲ ማርያም ቀያሕ ጥራሕ እያ።
3. ኪሮስ ቅኒት ክራር ዝተማሃረላ ቦታ ሽሽት ትበሃል።
4. ኪሮስ ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለየ ኣርባዕተ ጥቅምቲ 1988 ዓ.ም እዩ።
5. ኪሮስ ብ1978 ዓ.ም ፊለማ ኣብ “ዓለም በቃኝ” ቀፂሉ ኣብ “ማእሸላዊ” ተኣሲሩ።

ለ. ህይወት ታሪኽ እቲ ከያኒ ብኸመይ እዩ ቀሪቡ? ካብ ልደት ናብ ዕብየት፣ ናብ ሕልፈት ድዩ ወይ ድማ ደረጃ እንተይሓለወ ተሓዋዊሱ? ሓሳብኩም ብኽልተ ምሉእ ሓሳባት ግለፁ።

## 7. ሰዋስው

### *ተውሳከ ግስታት (ግዘን ቦታን ሓበርቲ)*

**ስዒቦም ኣብ ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ዝርከቡ ተውሳከ ግስታት እናፈለኹም እንታይ ከምዝሕብሩ ግለፁ።**

*ኣብነት፡- ገነት ሐዚ ናብ ውቕሮ ከይዳ። "ሐዚ" ግዘ ዝሕብር ተውሳከ ግስ እዩ።*

1. ኪሮስ ብ1944 ዓ.ም. ተወሊዱ።
2. ኪሮስ ዳግም ተኣሲሩ።
3. እቲ ከያኒ ኣብ እግሪ ኦም ኮፍ ኢሉ።
4. ካድረታት ደርጊ ኣብቲ እዋን ስራሕቲ ፕሮፖጋንዳ ጀመሩ።
5. ከያኒ ኪሮስ ሎሚ ብህይወት የለን።

# ሰሙናዊ ርእሲ ታሪኽ ህይወት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ዕለታዊ መዘክር እንታይ እዩ? ብኸመይ እዩ ዝፀሓፍ?

### እዋን ንባብ

ነቲ ምንባብ እናንበብኩም ዑደተኛታት ኣብዞም ተገሊፆም ዘለው ሰዓታት ዝበፅሑሉ ቦታ ኣስፍሩ።

| ሰዓት | ቦታ |
|---|---|
| 2፡15 ንጉሆ | |
| 4፡15 | |
| 6፡30 | |
| 7፡15 | |
| 12፡00 ኣጋምሸት | |
| 1፡00 ምሸት | |

# ማህደረይ

ስንዳዮ ሃይሉ እበሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ ወረዳ ኣላማጣ እነብር። ኣብ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ፅባሕ ተምሃሪት ሻምናይ ክፍሊ እየ። ካሻድሻይ ክፍሊ ጀሚረ ዳጋጠመኒ ዳስፍረላ መዘክር እንሃትኒ። እዛ ድፎትያ መዘክረይ "ማህደር" ትበሃል። ግዘ እንተግንይ ምስ ማህደር ያውግፅ። ድቶም ድትፀሓፉ ፍፃመታት መልሰ ብምንባብ ተዘክሮኦይ ያሓድስ። ማህደር ካብ ድሓዘቶም ፍፃመታት ዳብ ታሪኻዊ መስጊድ ኣል ነጃሺ ድተገብረ ጉዕዞ ሓደ ይኡ። ዳብዚ ታሪኻውን ሃይማኖታውን ሰፈር እንትጕዓዝ ኣብ ማህደር ዳስፈርኩዎም ስምዒታትን ኣጋጣምታትን እዞም ድስዕቡ ይኦም።

## 12 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም.

## ሰዓት ትሸዓንተ

ልክዕ ሰዓት 9፡00 ደስ ድብል ወረ ሰምዐ። ኣባላት ክለብ ዓድኻ ፍለጥ ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ትኣክብና። ኣዱ መንበር እታ ክለብ ኣብ ነጋሽ ዳብ ድርከብ ታሪኻዊ መስጊድ ኣል ነጃሺ ሃም ንኽድ ፀወየትና። ድመጕዓዝያን ድምግብን ድኽውን ገንዘባዊ ድጋፍ ካብ ድተፈላለያ ትካላት ሃምተገነየ ተገለፀ። ልዕሊ ኹሉ ዳሕጕሰኒ ግና መምህር ትብለፅይ መምህር ብርሃነይ ድበሃሉ መምህራን ሕብረተሰብ ምሳና ሃምድጕዓዙ ምስተሓበረ ይኡ። እዞም መማህራን ብፅቡቕ ኣመሃህራኦምን ሓልየቶምን ተፈተውቲ ይኦም። ኣብ ድተገበረ ዘተ፣ መምህር ትብለፅ ኣብ ጉዕዞ ስነ ስርዓት ከምደድልን ካብ ጥርናፌ ምውፃእ ከም ደይግባእን ኣተሓሳሰባ። ኣብ መወዳእታ፣ ንፅባሒቱ ጕሓት ሰዓት 12፡00 ንኽንጋነይ ተቛፅርና ተፈላለና።

## ምሸት ሰዓት ክልተ

ድሕሪ ድራር ንወለደይ ዋኒን መገሻይ ፀወኹዎም። ኣዱ መዓረይ ንቓደም፣ "ንእሽተይ ይኺ የትኽዲይ" በለት። መምህር ትብለፅ ምሳና ሃምድኽዳ ምስ ፀወኹዋ ፈቕዳትለይ። ብድሕሪ እዚ ድጉዕዞ ደድልዩኒ ነገራት ኣከብኹ።

## ሰዓት ኣርባዕተ

ንእሽተይ ሃሪሰ ብር ኣበልኹ። ናናጋ ጉዕዞ ክሓስብ ህራስ ኣበየኒ። ብሓደ ገፅ ታሪኻዊ መስጊድን ኣብ መንገድና ድነህዩ ዓድታት ንምርኣይ ካርና ተሃንጠኹ። ብኻሊእ ገፅ ንሃምዚ ድበለ ነዊሕ ጉዕዞ ሓዳሽ ስለድነበርኹ ፈራሕኹ። እዚ ድተሓዋወሰ ስምዒት ህራስ ኣስኣነኒ። ሃምዚ እናሓሰብኹ ወግሐ።

## 13 ታሕሳስ 2005 ዓ.ም.

## ሰዓት 12፡30

ብድተነገረና መሰረት ብለይ ክልተ ተምሃሮ ካልኦትና ሰዓት 12፡30 ኣብ ድተቛፀርናዮ ተጋነና። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቒቓ ሓንቲ ኣውቶቡስ ቦኽ በለት። ብደገ ሰንደቕ ፅላማ ሃገርናይ ክልልናይ ተኣሰረ። ብክልተ ጎኒታታ፣ "ክለብ ዓድኻ ፍለጥ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ፅባሕ ኣላማጣ" ድብል ፅሑፍ ትለጥፉ። ናብ ውሽጢ

ኣቲና በቦታና ሓዝና። እቶም ክልተ ተምሃሮ ድሰዓት ሓደ ዓሰርተ ደቒቓ እንትቓርዮ መፁ። ነቶም ድደንጎዩ ኣባላት መምህር ብርሃነይ ኣዶ መንበር ክለብናይ ብሓባር ኮረዩሎም። ሰዓት ደይምኽባር መግለፂ ሕማቕ ስነ ምግባር ሃምድኾነ እውን ንኹልና ገለፁልና።

## ሰዓት ሓደ

ሰዓት 1:00 ብድኾነ ድተሳፈርናላ ኣውቶቡስ ጥሩምባ እላነፍሐት ተልዓለት። 1:15 ትጕዕዝና ከተማ ማይጨው በፃሕና። ቁርሲ ክንበልዕ ኣብ ማይ ጨው 30 ደቒቓ ፀንሕና። ድሕሪ ቁርሲ ጉዕዞ ቀፅልና እምባ ኣላጀ በፃሕና። ካግራት ካሕሱ ኻልእ ሃምዚ ድበለ እምባ ክርኢ ንመጀመርያ ግዘ ነብሩ።

ሰዓት 4:15 ከተማ መቐለ በፃሕና። መብዛሕትና ብስፍሓትይ በዝሕይ ህንፃታት ርእሰ ከተማ ክልልና ተደመምና። ን20 ደቓይቕ ድኣክል ኣብ መቐለ ምስ ኣዕረፍና ዳብ ውቕሮ ነቐልና። ካብ መቐለ ክንወፅእ ኣብ እግሪ መሰቦ ምስ በፃሕና መኪና ዳብ ጉራ ተዓፂፉ ንእሽተይ ብድኽደት ኣብ ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ በፅሐት። ፋብሪካኡ ብልረኣኹ ካርና ተሓጎስኩ። ስሚንቶ ሓመድ ኩዒትካ ብቐሊሉ ድግነይ እምበይ ህንድዙይ ድኣክል ፋብሪካ ደድልዮ ኣይመስለንይ ነብሩ።

ፋብሪካኡ ብልረኣና ዳብ ውቕሮ ገስገስና። ሰዓት ኣብ ደይመልእ ከተማ ውቕሮ በፃሕና። ካብ ውቕሮ ዳብ ዓዲ ግራት ብድወስድ መንገዲ ንእሽተይ ምስተጕዓዝና ሰዓት 6:30 ኣብ መስጊድ ኣል ነጃሺ በፃሕና። ብፍቓድ ሸኽ ኣወል ድተብሃሉ ወላዲ ዳብ ቐፅሪ እቲ መስጊድ ቦያእና። ኣብ ውሽጢ እቲ ቐፅሪ ሓደ ዓብዪ መስጊድይ ክልተ ኣስከሬን ድዓረፉሎም ህንፃታትይ ኣለዉ። ሸኽ ኣወል፣ ኣብ ሻድሻይ ክፍለ ዘበን ኣዝማድይ ተኸተልትይ ነብዩ መሓመድ ዳብ ምድሪ ሓበሻ ብሃመይ ሃምድመፁ ገለፁልና። መስጊድ ኣል ነጃሺ ብቕዱስነቱይ ብታሪኻውነቱይ ካብ መካ መዲና ቓፂሉ ድፍለጥ ምዃኑ እውን ሓበሩልና። ካብቲ ቐፅሪ ቕድሚ ምውፃእና ምስ ሸኽ ኣወል ፎቶታት ተልዕልና።

ኣብቲ መስጊድ ድነበረና ፃንሒት ብልወዳእና ዳብ ውቕሮ ተመለስና። ሰዓት 7:15 ምሳሕ ኣብ ከተማ ውቕሮ በላዕና። ድሕሪ ምሳሕ ተጓዒዝና ሰዓት 8:30 መቐለ ኣተና። ኣብ መቐለ ተለየዕረፍና ጉዕዞ ቐፀልና። ብድመፃናዮ መንገዲ የተመለስናይ። ካብ ሕዋነ ዳብ ጉራ ብድንሆ ሓዱሽ ኣስፋልቲ ገብርና ሰዓት 12:00 መኾኒ በፃሕና። ካብ መኾኒ ተልዕልና ምሸት ሰዓት 1:00 ኣላማጣ ኣተና።

## ድሕሪ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት ምንባብ ስዒቦም ዝቐረቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ዕላማ እቲ ጉዕዞ እንታይ ነይሩ?

2. ስንዳዮ እታ “ድፎትያ” እናበለት እትጠቕሳ ንመን እያ?

3. ዑደት ንምክያድ ዘኽእል ገንዘባዊ ዓቕሚ ካበይ ተረኺቡ?

4. መራሕትን መተሓባበርትን እቲ ዑደት ምስተፈለጡ ወላዲት ስንዳዮ ዝተሓጐሳ

ንምንታይ እየን?

5. ስነምግባር ዑደኛታት ዝተበሃሉ እንታይ እንታይ እዮም?

6. ኣብ እዋን ጉዕዞ ዝረኣዩዎም ቦታታት ብቕደም ሰዓብ ዘርዝሩ።

**ለ. ቅድም እንትብል ዝተጐዓዝኩሙሉ ቦታ ብምጥቃስ ኣብቲ ጉዕዞ ዝረ ኣኹሙዎም መደነቕቲ ቦታታትን ዝረኣኹምሉ ሰዓትን ዝምልከት መዘክር ጉዕዞ ፀሓፉ።**

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀጺሎም ናይ ዝቐረቡ ቃላት ፍታሕ ፀሓፉ።**

1. ቦኽ
2. ድፎትያ
3. ካርና
4. ጉራ
5. ቦያእና
6. ሰምዐ

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝኣከብኩሙዎም ቅደም ሰዓብ ፍፃመታት ተጠቒምኩም ረቂቕ መዓልታዊ መዘክር ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**እንትንፀሉ ለውጢ ፊደላት ዘርእዩን ዘየርእዩን ፈሊኹም ፀሓፉ።**

1. ኣብቶም
2. ብልኾነ
3. ኣብተን
4. እላነፍሐት
5. ሃምዛ
6. ንሃምዚ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ማህደረይ" ኣብ ዝብል ምንባብ ዝተጠቐሱ ቦታታት ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ኣገላልፃ

**ኣብቲ ዝተጠቕሰ ምንባብ ዝርከቡ ዓንቀፅ 8ን 9ን ብፅምዲ ብምዃን ብግቡእ ኣገላልፃ ዓው ኢልኩም ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"ማህደረይ" ዝብል ምንባብ ቅደም ሰዓብ ተግባራትን ዝተፈፀሙሎም ቦታታትን ግዘን ሓሊዉ ዝቐረበ ዶ ይመስለኩም? ካብቲ ፅሑፍ መረዳእታታት እናጠቐስኩም ተዛረቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ተውሳከ ግስታት (ግዘን ቦታን ሓበርቲ)

**ካብዞም ስዒቦም ዝቐረቡ ተውሳከ ግሳት ብዝበለፀ ኣብ ዝስማማዕ ባዶ ቦታ መልኡ።**

| ገና | ብኃኒ | ረፋድ | ኣብ እግሪ | ንጉሆ |
|---|---|---|---|---|

1. እቶም ዑደተኛታት ካብቲ ቦታ _________ ኣይመፁን።
2. ብዘይካ ክልተ ተምሃሮ እቶም ካልኦት _________ ሰዓት 12፡00 ኣብ ቆፀራኦም ተገንዮም።
3. ኣብ ከተማ መቐለ_________ 4፡15 ቅድሚ ቐትሪ በፂሕና።
4. ነቲ ፋብሪካ ስሚንቶ ብማዕዶ ዝርኣናዩ_________ እምባ መሰቦ ምስ በፃሕና ኢና።
5. "ክለብ ዓድኻ ፍለጥ" ዝብል ፅሑፍ_________ እታ መኪና ተለጢፉ።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ቀጺሎም ንዝቐረቡ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

1. ብ-ዝ-ተ-ገበረላ
2. ዘይ-ነበራ
3. በብ-ዝ-ረኸበቶም
4. ብ-ዝ-ገዝኡ-ላ
5. እና-ሃለወ-ት

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

1. መርኣያ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. እቲ ስእሊ ርኢኹም እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከምዘውግዕ ገምቱ?

### እዋን ንባብ

**ነዚ ምንባብ እናንበብኩም ነዞም ዝጐደሉ ሓበሬታታት ሰኣሊት ደስታ ሓጎስ ምልኡ።**

| ተ.ቁ | ውልቀ ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ንሰኣሊት ደስታ መርኣያይ ዝበለት ጓል ኣንስተይቲ | |
| 2 | ደስታ ሓጎስ ዝተወለደትሉ ኣ.ፈ. | |
| 3 | ሰኣሊት ደስታ ካብ ቤት ትምህርቲ ስነጥበብ ዝተመረቐትሉ ኣ.ፈ. | |
| 4 | ብስነ ጥበብ ባችለር ዲግሪ ዝተመረቐትሉ ሃገር | |
| 5 | ምስ በዓል ቤታ ናብ ኢትዮጵያ ዝመፀትሉ ኣ.ፈ. | |
| 6 | ኣብ ዓለም ለኻዊ ውድድር ህፃናት ተሳቲፋ ዝሓዘቶ ደረጃ | |

# መርኣያይ

ዮርዳኖስ እበሃል። ብ2000 ዓ.ም. ካብ ኮለጅ ኪነ ጥበባት ትግራይ ብስእሊ ተመሪቐ። ኣብ ከተማ መቐለ መነባብሮይ ብስእሊ እመርሕ። ምስ ሙያይ ስለዝዛመድ ብርክት ዝበሉ ስኣልቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እፈልጥ። ካብዞም ሰኣልቲ ከያኒት ደስታ ሓጐስ መርኣያይ እያ። መጀመርታ መንነታ ብሓፂሩ ገሊፀ ንምንታይ መርኣያይ ከምዝበልክዋ ብዝርዝር ከቕርብ።


ስኣሊት ደስታ ሓጐስ ብ1951 ኣ.ፈ. ኣብ ዓድዋ ተወሊዳ። ቀዳማይ ብርኪ ትምህርታ ኣብ ዓድዋ ንግስተ ሳባን ኣብ ኣዲስ ኣበባ እቴጌ መነንን ወዲኣ። ካልኣይ ብርኪ እውን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቤት ትምህርቲ እቴጌ መነን ኣጠናቒቓ። ብ1969 ኣ.ፈ. ካብ ትምህርቲ ስነ ጥበብ ኣዲስ ኣበባ ብስእሊ ብዝለዓለ መዓርግ ተመሪቓ። ደረጃ ትምህርታ ንምውሳኽ ናብ ኣሜሪካ ከይዳ ካብ ዩኒቨርስቲ ሉትራን ካሊፎርንያ ብስነ ጥበብ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ።

ደስታ ፍቕሪ ስእሊ ዝሓደራ ካብ እዋን ቁልዕነታ ጀሚሩ እዩ። ናብ ገዝኣ ዕምበባታት ቆሪፃ ብምውሳድ ንሕብሪ እቶም ዕምበባታት ተመሲጣ ትዕዘብ ነይራ። ቀፂላ ኣቦኣ ብዝገዝኡላ ሕብርታትን እርሳስን ዕምበባታት ኣምሲላ ትስእል ነበረት። ሓምሻይ ክፍሊ እናሃለወት ብመንግስቲ ህንዲ ኣብ ዝተኻየደ ዓለም ለኻዊ ውድድር ስእሊ ህፃናት ተሳቲፋ ቀዳመይቲ ወፂኣ። ፕሬዝደንት እታ ሃገር ዝፈረሙሉ ሰርተፊኬት ድማ ተበርኪቱላ።

ሰኣሊት ደስታ መርኣያይ ዝኾነትሎም ኣርባዕተ ምኽንያታት ኣለዉ። ካብዚኦም እቲ ሓደ ብዘጋጥሙ ፀገማት ዘይትምብርከኽ ምኳና እዩ። ኣብ ኣሜሪካ ተምሃሪት ራብዓይ ዓመት እንትላ ኣብ ጀርመን ምርኢት ስእሊ ክትዳልው ዕድመ ተገበረላ። ብዝተገበረላ ዕድመ ሰላሳ ምሩፃት ስራሕታ ናብ ጀርመን ላኣኸት። እንተኾነ እቶም ስእልታት ኣብ ምጉዕዓዝ ብምሉኦም ጠፊኦም። በዚ ምኽንያት ድማ ሓሲባቶ ዝነበረት ምርኢት ሰረዘት። እዚ ፀገም ንሓደ ሰኣሊ ዋላ እኳ ከቢድ እንተነበረ ወነን ናህሪን ደስታ ናይ ምስባር ዓቕሚ ግና ኣይነበሮን።

ካሊእ ምስ ማሕበራዊ ህይወት ዝተተሓሓዘ ፀገም እዩ። ብ1976 ኣ.ፈ. ኣብ ሃገራ ንምስራሕ ካብ ዝነበራ ዓሚቕ ድልየት ምስ በዓል ቤታ ናብ ኢትዮጵያ መፂኣ። እንተኾነ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዘስርሕ ብዘይምንባሩ በዓል ገዝኣ ብደርጊ ከይቕተል ምስኣ ተማኺሩ ናብ ኣሜሪካ ኣምለጠ። ኣብቲ ግዘ ደስታ ናይ ሸውዓት ወርሒ ነፍሰ ፁር ነይራ። ይኹን ድኣ እምበር፣ ብምኽንያት ፅንሲ ኾነ ቆልዓ ምዕባይ ስራሕቲ ስእሊ ካብ ምስራሕ ዓዲ ኣይወዓለትን። እዚ ንዓይ ዓብዩ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ሙያይ ኮነ ኣብ ናብራይ ንዘጋጥሙኒ ማሕለኻታት ብፅንዓት ክሰግሮም ከምዘለኒ ተማሂረ እየ።

እቲ ካልኣይ ድማ ህርኩትነታ እዩ። ሰኣሊት ደስታ ሓጐስ ኣብ ሃገርና ብዙሓት ሰኣልቲ ኣብ ዘይነበሩሉ እዋን ብ1969 ኣ.ፈ ንመጀመርያ ግዘ ምርኢት ስእሊ ዘቕረበት ኢትዮጵያዊት እያ። ደስታ ብኽቢ ዝበዝሖም መስመራትን ደመቕቲ ሕብርታትን ቅዲ ኣሰኣእላ ትፍለጥ። በዚ ቅዲ ኣሰኣእላ ድማ ኣብ ልቢ መፍቀርቲ ጥበብ ስእሊ ፍሉይ ቦታ ሒዛ ትርከብ። ደስታ ኣብ ዝሓለፉ ኣርበዓ ዓመታት ብርክት ዝበሉ ምርኢታት ስእሊ ኣዳሊዋ። ዛጊድ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ኣርበዓን ሸዱሽተን ምርኢታት ስእሊ ኣቕሪባ። እዚ ንዓይ ብምሕያል ውፅኢታዊ ስራሕ ንኽሰርሕ ዘለዓዕል ኣብነታዊ ተግባር እዩ።



*ሰኣሊት ደስታ ሓጐስ*

እቲ ሳልሳይ ዋኒን ምስ ማሕበረሰባዊ ተሳትፎ ዝተዛመደ እዩ። ደስታ ብሃገር ለኸ ኣብ ዝካየዱ ውድድራት ስእሊ ብዳይነት ትሳተፍ እያ። ኣብ ትግራይ ብስእሊ ንዝተወዳደሩ ዳንያ፤ ብስእሊ ንዝሸለሙ ከየንቲ ኣብ ምሕራይ እውን ልዑል ኣበርክቶ ገይራ። ሓወልቲ ኣኽሱም ንምምላስ ተጣይሻ ኣብ ዝነበረት ኮሚቴ እውን ደስታ ኣባል ኮይና ግቡኣ ፈፂማ። ካብዞም ተሳትፎታት ኣብ ከባቢየይ ዝግበሩ ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት ብድልየት ክሳተፍ ከምዘለኒ ክርዳእ ክኢለ።

እቲ ራብዓይን ኣዝየ ዝፈትወላን ነጥቢ፣ ፍቕሪ ሙያ እዩ።  ጥበብ ስእሊ ንደስታ ህይወታ እዩ። ክጥዕማ ትሰርሖ ክኸፍኣ ድማ ትገድፎ ዘይኮነስ ወትሩ ስምዒታ ትገልፀሉ ቋንቋኣ እዩ። ንኽብሪ ሙያኣ ንሓንቲ መዓልቲ ትኹን እውን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ኣውሪዳ ኣይትፈልጥን። ብዝረኸበቶ ኣጋጣሚ መናእሰይ ኢትዮጵያውያን ሰኣልቲ፣ ፍቕሪ ሙያ ክህሉዎም ተገንዝብ። ብተወሳኺ፣ ስራሕቲ ሰብ ከይቐድሑ ናይ ባዕሎም ቅዲ ኣሰኣእላ ክፈጥሩ ከም ዝግባእ  ትመክር። ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ሰኣልቲ ንዘጋጥመን ፀገም መኪተን ኣብ ዝሓሰብኦ ክበፅሓ ከምዘለወን ተገንዝብ። እዚ ኣዝዩ ብሉፅ ተመክሮ ዝቐሰምኩሉ ኣተሓሳስባኣ እዩ። ኣብ ሙያ ስእሊ ዝተዋፈርኩ ጓል ኣንስተይቲ ከም ምዃነይ፣ ንሙያይ ክብሪ ክህብ ከምዝግባእ ተገንዚበ። ብተወሳኺ፣ ስራሕተይ ቅዲ ካልኦት ዘንፀባርቑ ዘይኮነስ ናይ ባዕለይ ፈጠራ ዝገልፁ ክኾኑ ከምዝግባእ እውን ተረዲአ። ብሓፈሻ፣ ደስታ በዞም ዝተገለፁ ምኽንያታት ቁፅሪ ሓደ መርኣያይ ዝኾነት ሰኣሊት እያ።

*(ፍልፍል፣ ኣብ ድሬ ትዩፕ ምስ ደስታ ዝተገብረ ቃለ መሕተት)*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ስዒቦም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ሙ.ያ ስእሊ ደስታ ንኽዓቢ ግደ ወላዲኣ እንታይ ከምዝነበረ ግለፁ።
2. ሰኣሊት ደስታ ሓጐስ ፈለማ ዝተመረቐትሉን ሐዚ እትርከበሉ ሙ.ያን ዝሳነዶ ይመስለኩም? መረዳእታ እናሃብኩም ግለፁ።
3. ዮርዳኖስ ካብ ዝጠቐሰቶም መርኣያ ዝኾኑዋ ነጥብታት ሙ.ያ ተንከፍ ዝኾነ ኣየናይ ነጥቢ እዩ? ንምንታይ?
4. ደስታ ሓጐስ ስእሊ ካብ ምስኣል ብተወሳኺ ዝሰረሐቶም ስራሕቲ ዘርዝሩ።
5. ዮርዳኖስ ንሰኣሊት ደስታ መርኣያይ ንኽትብላ ዘኽኣሉዋ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም? ንስኻትኩም ነዚ ሓሳብ ከመይ ትግምግምዎ?

**ለ. ቀንዲ ትሕዝቶ "መርአያይ" ዝብል ምንባብ ብሓደ ዓንቀፅ ኣቕምጡ።**

# 16. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቶም ምንባባት ቀዊሎም ናይ ዝቐረቡ ቃላት ወይ ሓረጋት ፍታሕ ፅሓፉ።**

1. ዕድመ 2. ህዝባዊ ደርፊ 3. ማህደር 4. መርኣያ 5. ሕሳስ ልደ

# 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ግዘ ዝፀሓፍኩሙዎም ቀንድን ዘርዘርትን ምሉእ ሓሳባት ተጠቒምኩም ዕለታዊ መዘክርኩም ዝምልከት በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**እዞም ምእላዳት እንትጥመሩ ዝረኣዩ ለውጢ ፊደላት ፈሊኹም ፀሓፉ።**

1. ብ-ዝ-ተ-ገበር-ኣ-ላ
2. ብ-ዘይ-ነበር-ኣ
3. ዝ-ረኸብ-ኣ-ቶም
4. ዝ-ገዝእ-ኡ-ላ
5. እና-ሃለው-ኣት

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

“መርኣያይ” ዝብል ምንባብ ብዛዕባ እንታይ እዩ ዘውግዕ? ትሕዝቱኡ ብሓጺር ተዛረቡ።

| ስም ተምሃራይ ________ | ናህሪ ኣናብባ | | |
|---|---|---|---|
| | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት |
| መጀመርታ ዝነበረ ኣናብባ | | | |
| 2ይ ኣናብባ | | | |
| 3ይ ኣናብባ | | | |

### ንባብ ናህሪ

ኣብቲ ፅሑፍ ንዘለዉ ገፀባህርያት ብምምሳል ዓንቀፃት ሓደን ክልተን ኣብ ውሽጢ 65 ሰከንድ ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ መርኣያይ እትብልዎም ሰባት ኣለዉዶ? ስሞም ጠቒስኩም ምኽንያትኩም ዘርዝሩ።

## 20. ሰዋስው

### ተውሳከ ግስታት (ሓበርቲ ግዘን ቦታን)

ሀ. ነዞም ጉደሎ ምሉእ ሓሳባት ዝሰማምዑ ቃላትን ሓረጋትን ካብዞም ስዒቦም ዝቐረቡ እናመረፅኩም ኣማልኡዎም።

| ካብ ኣሜሪካ | ፅባሕ | ትማሊ | ሐዚ | ኣብ ሙዝየም | ካብ ገዛ |
|---|---|---|---|---|---|

1. ደስታ ብዝነበራ ፍቕሪ ሃገር____________ናብ ዓዳ ተመሊሳ።
2. ዮርዳኖስ_______ምርኢት ስእሊ ክትቕርብ እያ።
3. ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝተስኣሉ ስእልታት_______ብኽብሪ ተቐሚጦም ይርከቡ።
4. ኣብዚ________እዋን ብዙሓት ከየንቲ ይፈርዩ ኣለዉ።
5. እቲ ጀማሪ ከያኒ_________ስእልታት ኣቕሪቡ።
6. እቲ ሰኣሊ_________ናብ ቤት ትምህርቲ እንትኸይድ ምስልታት ዕምበባ ተመሲጡ ይዕዘብ ነይሩ።

ለ.ነዞም ኣብ “ሀ” ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ህሉው፣ ሕሉፍ፣ ትንቢት ኢልኩም ፍለዩዎም።



# 5 ረብሓ ማይ

## ሰሙናዊ ርእሲ ዝስተን ዘይስተን ማይ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምጥማር**

**ነዞም ዝስዕቡ ጠሚርኩም ኣንብቡዎም።**

**ኣብነት፦ እናተገረመት = እና-ተገረ-መት**

ሀ. ተመ-ሊሱ-ዎም
ለ. እና-ተወሳ-ወሰ
ሐ. እንተ-ተዓገ-ሰ
መ. ከም-ዘይ-ኸይድ
ረ. ኣይ-ጐድአ-ናን

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ርእስን ስእልን ርእይኹም እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘውግዕ ገምቱ።**

**እዋን ንባብ**

**ዝጐደሉ ሓሳባት መሊእኹም ፅሓፉ።**

1. ሃይለን ብርኽትን ተምሃሮ _____ን _____ን ክፍሊ እዮም።
2. ሃይለን ብርኽትን _______ ኮፍ ኢሎም የፅንዑ ነይሮም።
3. እተን ቀርሔት ዝተሰከማ ሰበይቲ ንሃይለ _______ እየን።
4. ሃይለ ከምዝሓመመ ንብርኽቲ ዝነገራ ሰዓት _______ ነይሩ።
5. እታ __________ ንሃይለ መርሚራቶ።

# ሩባ ዓዲ ኣቦና

ሃይለን ብርኸትን ኣሕዋት እዮም። ኣብ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ እምባ ገነት፣ ሃይለ ሻድሻይ ክፍሊ ብርኸቲ ድማ ሻምናይ ክፍሊ ይመሃሩ። ብርኸቲ ንሃይለ ብትምህርቲ፣ ሃይለ ድማ ንብርኸቲ ብስራሕቲ ገዛ ስለዝተሓጋገዙ ንፉዓት ተምሃሮ እዮም። መጠቓለሊ ፈተና ስለዝተቓረበ ካብቲ ስሩዕ ትልሞም ብዝተፈለየ ኣብ መፅናዕቲ ተፀሚዶም ኣለዉ።

ቀዳም 7 ሰነ ብርኸትን ሃይለን ንጉሆ ተላዒሎም ቁርሶም በልዑ። ኣብቲ ዕለት ከፅንዑዎ ዝወሰኑ ዓይነት ትምህርቲ ሒዞም ካብ ገዝኦም ርሕቕ ኢሉ ናብ ዝርከብ ለምለምን ፅምዋን ቦታ ከዱ። ከምቲ ወትሩ ዝገብሩዎ ማዕዶ ንማዕዶ ኮፍ ኢሎም መፅናዕቲ ጀመሩ። ካብ ሰዓት ክልተ ክሳብ ኣርባዕተን ፈረቓን ምስ ኣፅንዑ ሃይለ ሰውነቱ ከንቀሳቕስ ካብቲ ለምለም ቦታ ናብ መንገዲ ወፀአ።

እናተወሳወሰ እንተሎ ምስ ሓፍቲ እንኡ ጐፍ ንጐፍ ተራኸበ። ርእዩ ምስ ኣበለኦ እናሰዓማ፣ “ኣብዚ ድኣ በይንኻ እንታይ ትገብር?” ብምባል ሓተተኦ። ሃይለ ፈተና ስለዝቐረቦ የፅንዕ ከምዘሎን ሓፍቱ እውን ኣብቲ ውሽጢ ተፅንዕ ከም ዘላን ገለፀለን። ኣብ ዘለውኦ ኮይነን ንብርኸቲ ተዳመፅኣ። ብርኸቲ ናብኣን ምስመፀኣት ሲዒመን፣ “በሉ ኣብ ማዕዶ ዓዲ ደበስ ስለዘላትኒ ከይረፈደ ክኸይድ” በለኦም። ንደበስ ካብ ዝተሰከመኦ ቀርሔት ቆሎ ድማ “በሉ እዞም ደቀይ መሳገሊ እንተኾነኩም” ኢለን ሓሓፊነን ድሕሪ ምሃብ፣ “በሉ ደሓን ቀንዩ” ኢለን ናብ ደበሰን ከዳ።

ሃይለ ሓፍቲ እንኡ ዝሃበኦ ቆሎ ሓኺም እናበለ ከፅንዕ ጀመረ። ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ ብርኸቲ፣ ሃይለ ናብ ዘለዎ ቦታ ከይዳ “መሲሕና ንምፃእ” በለቶ። ይኹን ድኣምበር፣ ሃይለ በቲ ዝለቐሞ ቆሎ ደምሃይ ጥምየቱ ስለዘዐገሰ ናብ ገዛ ከምዘይኸይድ ገሊፁላ መፅናዕቱ ቀፀለ። ብርኸቲ ንሃይለ ገዲፋቶ ናብ ገዝኣ ከደት።



*ፅርየቱ ዘይሓለወ ማይ ምስታይ ንሕማም የቃልዕ*

ሃይለ በይኑ ኮፍ ኢሉ እናፅነዐ እንተሎ ዳህሪ ፀሓይን ቆሎ ደምሃይን ተደሚሮም ብፅምኢ ማይ ከናሕ ኣበሉዎ። ዋላ ንግዚኡ እንተተዓገሰ ፃምእ እናገደዶ ምስ ከደ ደብተሩን መፅሓፉን ገዲፉ ኣብ ወሰን ሩባ ናብ እትርከብ ዓይኒ ማይ ኣምረሐ። ኣብቲ ቦታ ምስ በፅሐ ነቲ ማይ በእዳዉ እናሓፈነ ብምስታይ ፃምኡ ኣርወየ። ሃይለ ማይ ሰትዩ ናብ መፅናዕቲ እንትምለስ ኣብ መንገዲ ምስ ሓፍቱ ተራኸቡ።

ብርኽቲ፣ "ወዮ 'ከፅንዕ' ኢልካዶ ኣይተረፍካን እንታይ ድኣ ትገብር ኣብዚ?" ኢላ ጠየቐቶ። ሃይለ ማይ ፀሚኡዎ ክሰትይ ናብ ዓይኒ ማይ ከይዱ ከምዝነበረ ነገራ።

"ኣታ ሃይለ፣ ኣብ ስነህይወት እንታይ ዲኻ ዝተመሃርካ?" ኢላ ሓተተቶ።

"ረሳሕ ማይ ግዳይ ሕማም ከምዝገብር ተማሂረ" በላ ክምስ እናበለ።

"እሞ ንምንታይ ድኣ ካብቲ ወሓዚ ማይ ትሰትይ?"

"እቲ ማይ ዝተዘረገ ዘይኮነስ ኩሕሊ እዩ ዝመስል።" ኢሉ መለሰ።

ብርኽቲ ብዘረባ ሓዋ እናተገረመት፣ "ማይ ብዓይንኻ ብምርኣይ ጥራይ ፅሩይ እዩ ምባል ኣይካኣልን። እንትረአይ ፅሩይ ዝመስል ማይ ኣብ ውሽጡ ንጥዕና ጠንቂ ዝኾኑ ብዓይኒ ዘይረኣዩ ታህዋስያን ክህሉዉዎ ይኽእል።" ኢላ ገለፀትሉ።

"ብርኽቲ ሓፍተይ ኣይዞኺ፣ ሩባ ዓዲ ኣቦና ኣይጕድኣናን።" ኢሉ መሪሕዋ ናብቲ ዘፅንዑሉ ቦታ ከደ። ናብ በቦትኦም ከይዶም ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ኣፅኒዖም ናብ ገዝኦም ተመለሱ።

ንፅባሒቱ ሃይለን ብርኽትን ኣረፋፊዶም ናብቲ ልሙድ ቦትኦም ከፅንዑ ከዱ። እንተኾነ፣ ሰዓት ሓሙሽተ ምስ ኮነ ሃይለ ናብ ብርኽቲ ከይዱ ከምዘይጠዓየ ስለዝነገራ ተታሒዞም ናብ ገዝኦም ተመለሱ። ሓያል ድኻም ስለዝተሰመዮ ሃረሰ። ንምሸቱ ከብዱ ጕራዕራዕ ዝብል ድምፂ ክስምዕ ጀመረ። እንትፍትን ንነዊሕ ግዘ ዝፀንሐ ዒሕታን ቁርፀትን ገበረሉ። ብኽምዚ እናተሳቐየ ምስ ሓደረ ንጉሆ ኣዲኡን ሓፍቱን ናብ ጣብያ ጥዕና ወሰዱኦ።

ተርኡ ምስበፀሐ ብብርኽቲ ተደጊፉ ናብ ክፍሊ ምርመራ ኣተወ። ነታ መርማሪት ሓኪም ኩሉ ዝስመዮ ነገራ። ብድሕሪ ቃላዊ ምርመራ፣ ፍታኑ ንኽመርምር ለኣኽቶ። ድሕሪ ርብዒ ሰዓት ውፅኢቱ ተፈለጠ። እታ ነርስ፣ "ሃይለ ጃርድያ ተረኺቡምኻ ኣለዉ። እዚ ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ወይ ምግቢ ካብ ዝኽሰቱ ሕማማት ሓደ እዩ። ዝስተን ዘይስተን ማይ ፈሊኻ ክትፈልጥ ይግባእ። ድሕሪ ሐዚ ብግቡእ ዘይተፃረየ ማይ ከይትሰትይ። እንተተረኺቡ ማይ ቡንቧ፣ ካብ ሩባ ወይ ሆረየ ዝተቐድሐ እንተኾይነ እውን ኣፍሊሕኻ ብምዝሓል፣ ወይ ብክሎሪን "ውሃ ኣጋር" ብኬሚካል ብምሕካም ክትሰትይ ይግባእ። ዝኣገለ ማይ ግና ፈፂሙ ክስተ ኣይብሉን።" ኢላ ኣረደአቶ። ብድሕሪኡ መድሓኒት ሂባ ሰደደቶ።

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ፀሓፉ።

1. ሃይለ ሓያል ፅምኢ ዝተሰምዮ ንምንታይ እዩ?
2. ካብ ወሓዚ ሩባ፣ ሆረየ፣ ጉድጓድ ዝተረኽበ ማይ ስቕ ኢልካ ዘይስተ እንታይ

ስለዝኾነ እዩ?

3. “እቲ ማይ ዝተዘረገ ዘይኾነስ ኩሕሊ እዩ ዝመስል።” ዝብል ዘረባ ሃይለ ንብርኽቲ ደስ ዘይበላ ንምንታይ እዩ?
4. ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ዘይተፃረየ ማይ ብምስታዩ ዝመፅእ ሳዕብየን ግለፁ፡፡
5. ኣብ ከባቢኹም እቲ ሕብረተሰብ ንመስተ ዝጥቀመሉ ማይ ብኸመይ ኣገባብ ይሕከም?

**ለ. ሃይለ ነቲ ማይ ክሰትይ ነይሩዎ ዶ ኣይነበሮን? እንታይ ከ ክገብር ነይሩዎ? ንተግባራት ሃይለ ገምግሙ።**

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት


**ብመሰረት እቲ ምንባብ ዓውዳዊ ፍታሕ እቶም ዝተሰመረሎም ቃላት ዘመልክት ፊደል መሪፅኩም ኣኽብቡ።**

1. … እቲ ማይ ኲሒሊ ይመስል…
   ሀ. ውቁብ ለ. ፅሩይ ሐ. ፀሊም መ. ዘብለጭልጭ
2. እቲ ሕማም ብሰንኪ ዝተበከለ ማይ ወይ ምግቢ ካብ ዝስዕቡ ሕማማት ሓደ እዩ።
   ሀ. መርዚ ዝኣተዎ ለ. ዝጨነወ ሐ. ዘይተፃረየ መ. ዝሓመመ
3. … ቆሎ ሓኺም እናበለ … ተመለሰ።
   ሀ. ቄርጠም ለ. ጥሕን ሐ. ሕሰይ መ. ቊሕም
4. … ሃይለ ወደይ መሳገሊ እንተኾነኩም ካብዚ ሕፈን።
   ሀ. ሕፈስ ለ. ውሰድ ሐ. ቌርጥም መ. ዕኾት
5. ዳህሪ ፀሓይን ቆሎን… ተደሚሮም ብፅምኢ ማይ ከናሕ በለ።
   ሀ. ቀትሪ ለ. ናህሪ ሐ. ዋዒ መ. ረስኒ

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ረብሓ ማይ ዝምልከት ስእላዊ መዋደዲ ሓሳባት ንምድላው ነቶም ባዶ ሳንዱቓት ብዝርዝር ሓሳባት መልኡ።**



## ኣፀሓሕፋ

**ኣብዞም ቃላት ዘለዉ ምእላዳት ነፂልኩም ብምፅሓፍ ኣብ ፊደላት ዝረኣይ ግለፁ።**

*ኣብነት፡- ከምዝነበሩ = ከም - ዝ - ነበር - ኡ*

1. ዘይነገረኦም
2. ስለዝኣመኑዋ
3. መሲሎምዋ
4. ቀሪባትኒ
5. ከምዝነበሩዎ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ


“ሩባ ዓዲ ኣቦና” ብዝብል ርእሲ ካብ ዝቐረበ ምንባብ እንታይ እንታይ ቁምነገራት ትዝክሩ?

### ንባብ ናህሪ

ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቓ ብናህሪን ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ውሕሉል ተመኩሮ



*ልውውጥ ተመኩሮ ንዝሓሸ ግንዛበ*

### ቅድመ ምድማፅ

ነቲ ስእሊ ርኢኹም ትሕዝቶ ምድማፅ ተዛረቡ።

## እዋን ምድማፅ

**ነቲ ምንባብ ብውነ እናዳመፅኩም ነቶም ዝቕጽሉ ሓሳባት መልሱ።**

| ተ.ቁ | ውልቀ ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ነበርቲ ቁሽት ቅሳነት ንጉዕዞ ዝተኣኻኸቡሉ ቦታ | |
| 2 | ንልውውጥ ተመኩሮ ዝተኸየደሉ ቁሽት | |
| 3 | ስም መተሓባበሪ ጉጅለ ቁሽት ቅሳነት | |
| 4 | ኣብ ቁሽት ሕውነት ኣብ ኣተሓሕዛ ፍልፍል ማይ ኣመልኪቶም መደረ ዘስምዑ ሰብኣይ ስሞም | |
| 5 | ኣብ እዋን ልውውጥ ተመኩሮ ንዝረኣዩዎ ፅቡቕ ነገር ናእዳኦም ዝገለፁ ቁሽት | |

## ድሕረ ምድማፅ

**ብመሰረት እቲ ፅሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብቲ ዘዳመፅኩሙዎ ንሕብረተሰብ ዝጠቕሙ ነገራት ብቓል ዘርዝሩ።
2. ናይቲ ዘዳመፅኩሙዎ ንባብ ትሕዝቶ ኣሕፂርኩም ንደቂ ክፍልኹም ተዛረቡ።
3. ካብቲ ልውውጥ ተመኩሮ እንታይ ተማሂርኩም?
4. ኣብ ከባቢኹም ዓይኒ ማይን ወሓዚ ሩባን ከይበላሾን ከይነፅፍን ዝግበሩ ፃዕርታት እንተሃሊዎም ከምተመኩሮ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።

# 7. ሰዋስው

## *ምሉእ ሓሳባት (እወንታዊ፣ ኣሉታውን ሕቶኣውን፣)*

- *ዕላማ እወንታዊ ምሉእ ሓሳብ ዝተገበረ ወይ ዝተሓሰበ ነገር ንሰማዕቲ ወይ ንመንበብቲ ምብፃሕ እዩ። ኣብዚ ተዛራቢ ወይ ፀሓፊ ካብ ሰማዒ ወይ መንበቢ ዝፅበዮ ምላሽ ወይ ግብረ መልሲ የለን። ኣብነት፡- ሰብለ ተምሃሪት እያ።*
- *ኣሉታዊ ምሉእ ሓሳብ ድማ ተግባራት ከምዘይተፈፀሙ ወይ ከምዘይኮኑ ዝገልፅ ምሉእ ሓሳብ እዩ። ካብ ሰማዒ ወይ መንበቢ ምላሽ ዘይፅበ ምኻኑ ምስ እወንታዊ ምሉእ ሓሳብ ይመሳሰል። ኣብነት፡- ኣብርሃ ሓረስታይ ኣይኮነን።*
- *ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳብ ካብ ሰማዒ መልሲ ዝደሊ እዩ። መን? ንመን? እንታይ? ዝብሉ መልእኽትታት እንትመሓላለፉ ሰማዒ ግቡእ መልሲ ንኽህብ ዘገድድ ዓይነት ምሉእ ሓሳብ እዩ። ኣብነት፡- ነቲ ብርጭቆ መን ሰቢሩዎ?*

**ብመሰረት እቶም ዝተወሃቡ ኣብነታት ቀፂሎም ንዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት እወንታዊ፣ ኣሉታውን ሕቶኣውን ብምባል ፍለዩዎም።**

1. ነብርቲ እታ ቑሸት ኣብ ዕላል ዳዕሮ ተኣኪቦም
2. ሓላፍነት ኣይተ ኣስገዶም እንታይ እዩ
3. ሕድሕድ መራሒ ስድራ ኣብ ወርሒ 50 ሳንቲም የዋፅእ
4. ኣይተ ገብረመስቀል ነባሪ ቑሸት ምሕዝነት ኣይኮኑን
5. ዓይኒ ማይ እቲ ቑሸት ሓፁር ኣይብሉን
6. እንሰትዮ ማይ ፅርየት ብዝጐደሎም መሳርሒታት ከይብከል እንታይ ክግበር ይግባእ

# ሰሙናዊ ርእሲ ምፅራይ ማይ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

## 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ከባቢኹም ንመስተ ዝውዕል ማይ ፅሩይ ድዩ? ብኸመይ ይፃረ?**

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብዝሰማማዕ ቃል ምልኡ።**

1. ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ማይ ብ ______ ናብ ተጠቀምቲ ይበፅሕ።
2. ብቱቦ ኣቢሉ ናብ ተጠቀምቲ ዝበፅሕ ማይ ________ ይበሃል።
3. ከይተፃረየ ዝስተ ማይ ንዝተፈላለዩ _________ ሕማማት የሳጥሕ።
4. ማይ ውሕጅ ኣብ ከባቢ ትካል መፃረዪ ማይ ኣብ ዝስራሕ __________ ይእከብ።
5. ኣብ መወዳእታ ብኸይዲ ምፅራይ ዝተፃረየ ፅሩይ ማይ ______ ይእከብ።

# ዝስተ ማይ ብኸመይ ይፃረይ?

ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ካብ ሓደ ማዕኸን ማይ ብቱቦ ኣቢሉ ናብ ተጠቀምቲ ዝባፃሕ ማይ፣ ማይ ቡንቧ ይበሃል። ማይ ቡንቧ ዝምልከቶም ክኢላታት ብኬሚካል ተሐኪሙ ንኸፀርይ ስለዝግበር ፅርየቱ ዝላዓለ እዩ። ናብ ሕድ ሕድ መንበሪ ገዛ ተጠቀምቲ ዝመፅእ ማይ ቡንቧ በዚ ዝስዕብ ከይዲ ምፅራይ ዝሓለፈ እዩ።

ማይ ብዓይኒ እንትረአይ ፅሩይ ክመስል ይኽእል። እቲ የመና ፅሩይ ዝበሃል ዓይኒ ማይ እኳ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ክብከል ስለዝኽእል ክፃረይ ኣለዎ። ካብ ዓይኒ ማይ ኮነ ካብ ሩባ ዝተረኽበ ማይ ኣብ ሓፅቢ ብምውህላል ብቱቦ ማይ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ይባፃሕ። ፅላምኡ ግና ንመስተ ከፍቲ ወይ ተኸሊ ንምልማዕ ክኸውን ይኽእል። ብቱቦ ኣቢሉ ዝመፀአ ማይ ኩሉ ፅሩይ እዩ ምባል ግና ኣይከኣልን። ነዚ ማይ፣ ሰብ እንተሰትዩዎ ግና ንዝተፈላለዩ ማይ ወለድ ሕማማት ይቃላዕ።

እዚ እንትብሃል ግና ንኹሉ ዓይነት ማይ ተመሳሳሊ ምፅራይ ክግበረሉ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፣ ዓይኒ ማይን ማይ ዒላን ምስ ደጋዊ ነገራት ብበዝሒ ስለዘይተናኸፍ ሓደግኡ ዝተሓተ ክኸውን ይኽእል። ካብ ወሓዝቲ ሩባታትን ካብ እዋናዊ ውሕጅን ዝርከብ ማይ ግና ብሰብ፣ ብእንስሳ ኮነ ብኻልኦት ነገራት ክምረዝ ይኽእል። ስለዚ ውሱን ምፅራይ ገይርካ እውን ክስተይ ኣይብሉን። ከምዚ ዝበለ ማይ ደረጅኡ ብዝሓለወ ከይዲ ምፅራይ ክሓልፍ ግድን እዩ።

መጀመርታ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝውሕዝ ማይ ኣብ ከባቢ ትካል መፃረዪ ማይ ዝስራሕ ሓፅቢ ይእከብ። ኣብ ሓፅቢ ዝተኣከበ ማይ ኣብ ሓደ ቦታ ብምርግዑ ምስ ውሕጅ ዝመፅኡ ከም ሓመድ፣ እምኒ፣ ዝተሰባበሩ ጠራሙዝን ሓፂነ መፂንን ዝበሉ ረዘንቲ ነገራት ናብ ታሕቲ ዝግ ክብሉ ዕድል ይፈጥር። እቲ ኣብ ሓፅቢ ዝተኣከበ ማይ ምስ ውሕጅ እንትነፃፀር ዝሓሸ ፅርየት እኳ እንተሃለዎ ፅሩይ እዩ ንምባል ግና ኣይካኣልን። ምኽንያቱ፣ ኣብዚ ብርኪ ናብ ታሕቲ ዘይሰመጡ ከም ኣቑፅልቲ፣ ላስቲካት ዝበሉ ፈኰስቲ ጕሓፋትን ምስቲ ማይ ዝተሓዋወሱ ደቀቕቲ ነገራትን ስለዝርከቡ እዩም።

ዓቐን እዞም ምስ ማይ ዝተሓዋወሱ ደቀቕቲ ባእታታት እቲ ውሕጅ ካብ ዝመፀሉ ከባቢ ይውሰን። ካብ ርሑቕ ቦታ ዝመፅእ ወሓዚ ኣብ መንገዱ ብዙሕ ነገራት እናፀረገ፣ ወይ እናተማለአ ስለዝመፅእ መጠን እቶም ምስ ማይ ዝተሓዋወሱ ደቀቕቲ ነገራት እውን ይውሰኽ። ብኸምዚ ዝተዋህለለ ማይ ብዘይ ምፅራይ እንተተሰትዩ ድማ መንቀሊ ብዙሓት ሕማማት ይኸውን።

ማይ ካብ ውሕጅ ናብ ሓፅቢ ካብ ምእካብ ቀፂሉ ዝትግበር ስራሕ ደረቕ ጕሓፍ ካብቲ ማይ ምውጋድ እዩ። እዚ ንምትግባር ማይ ብመትረብ ወይ ዓብዩ ቱቦ ካብቲ ሓፅቢ ተጕዓዒዙ መዋህለሊ ናብ ገንኢ ይእከብ። ኣብዚ ገዚፍ ገንኢ ናብ ዝተኣከበ ማይ ኣሉሙኒየም ሳልፈት ዝተብሃለ ኬሚካል ይኣትዎ። እዚ ኬሚካል ኣብቲ ማይ ንዝፀንሑ ጕሓፋት ክብደት ፈጢሮም ኣብ ታሕቲ ዝግ ንኽብሉ ይገብር። እዚ መስርሕ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝግ ዝበለ ርስሓት ዘሎ ማይ ብተነፃፃሪ ዝሓሸ ፅርየት ንኽህልዎ ይገብር።

ድሕሪ ምውጋድ ጕሓፋት፣ ምስ ማይ ዝተሓዋወሱ ርስሓት እውን እንተኾነ እቲ ማይ

ንምስታይ ውዱእ ኣይኮነን። ካብ ዝነበሮ ብዝበለፀ ክፀርይን ኣዝዮም ደቀቕቲ ዝኾኑ ነገራት ምእንቲ ክምጠጡን ቀስ ብቀስ ብዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ሓሸዋታት ክሓልፍ ይግበር። መጀመርታ ብጉዕር ቀጢሉ ፍርይ ብዝበለ ፀፀራት ክሓልፍ ይግበር። ብኸምዚ እናሓለፈ ኣብ መወዳእታ ብልሑም ሓሸዋ ብምሕላፍ ይፃረ። እዚ ከይዲ፣ ምፅራይ ይበሃል።

በቲ ዝተገለፀ ከይዲ ዝተፃረየ ማይ ኣብ ገንኢ ንኽእከብ ይግበር። እዚ ማይ ግና ብቐጥታ ናብ ተጠቀምቲ ንኽበፅሕ ኣይግበርን። ምኽንያቱ ኣብዚ ብርኪ ምስበፀሐ እውን ሕማም ከምፅኡ ካብ ዝኽእሉ ጀርምታት ነፃ ኣይኮነን። ስለዝኾነ፣ እቲ ማይ ናብ ዝተኣከበሉ ገንኢ ንመጠን እቲ ማይ ኣብ ግምት ዘእተወ ክሎሪን ዝተበሃለ ኬሚካል ይሕወሶ። እዚ ኬሚካል ኣብቲ ማይ ንዝርከቡ ጀርምታት ብምቕታል ነቲ ማይ ካብ ብኽለት ነፃ ይገብሮ። ኣብ መወዳእታ እዚ ማይ ብትቦታት ኣቢሉ ናብ ተጠቀምቲ ይበፅሕ።

ብሓፈሻ፣ ማይ ልዕሊ ከርሲ መሬት በቲ ዝተገለፀ ከይዲ ክፃረይ ይግባእ። ካብዞም ከይድታት ሓደ እውን እንተጐዲሉ እቲ ማይ ክስተይ ኣይኽእልን። ሰባት ነቲ ከይዲ ምፅራይ ዘይወደአ ማይ እንተሰትዮሙዎ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ማይ ወለድ ይጥቅዑ።

*(ፍልፍል፡- Water purification wikipedia, http: //en.wikipedia. org/wiki/ water purification.)*

## *ድሕሪ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ማይ ካብ እንታይ እንታይ ይርከብ? ብዝርዝር ኣቕርቡ።
2. ማይ ናብ ተጠቀምቲ ቅድሚ ምብፅሑ ዝሓልፎም ብርኽታት ምፅራይ ዘርዝሩ።
3. ኣብ ገንኢ፣ ማይ ምስተዋህለለ ኣሉሙኒየም ሳልፌት ዝግበረሉ ንምንታይ እዩ?
4. "ማይ ተሓኪሙ" ዝበሃል መዓዝ እዩ?
5. ኣብ ዓንቀፅ ኣርባዕተ "ኣብ ታሕቲ ዘይሰመጡ" ዝተብሃሉ ነገራት እንመን እዮም።
6. ኣብ ዓንቀፅ ሸሞንተ "እዚ ማይ" ዝብል ሓረግ ንመን ይገልፅ?

**ለ. ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሕብረተሰብ ዝሰትዮ ማይ ካብ እንታይ ዝተረኽበ እዩ? እዚ ማይ ዝተፃረየ እዩ ምባል ይካኣልዶ? በብ ጉጅለኹም ተመያየጡሉ።**

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት ዝሰፈርሉ ዓውዲ ተመሳሳሊ ፍታሕ ዝተሰመረሎም ቃላት ኣቕምጡ።**

1. ብኸይዲ ምፅራይ ዝተፃረየ ማይ ኣብ ፅሩይ <u>ገንኢ</u> ይእከብ።
2. ማይ <u>ብልሑም</u> ሓሸዋ ክሓልፍ ምግባር ሓደ ካብ ከይድታት ምፅራይ እዩ።
3. <u>ማይ ዒላ</u> ካብ ውሕጅ ዝሓሸ ፅርየት ኣለዎ።
4. <u>ዝኣገለ</u> ማይ ምስታይ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ማይ ወለድ የቃልዕ።
5. ድሕሪ ምውጋድ ጐሓፋት እውን እንተኾነ እቲ ማይ ንምስታይ <u>ውዱእ</u> ኣይኮነን።

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ረብሓ ማይ ብዝምልከት ዝሓንፀፅኩሙዎ ትልሚ መሰረት ብምግባር ሰለስተ ዓንቀፅ ዘለዎ ገላፂ ፅሑፍ ንምፅሓፍ ረቂቕ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ምእላዳት እንትጥመሩ ዘርእዩዎም ለውጢ ፊደላት ፈሊኹም ኣዉፅኡ።**

*ኣብነት፡- ዝተፈለይ - ኡ = ዝተፈለዩ “ይ” ፊደል ምስ “-ኡ” ምስተራኸበት “ዩ” ኮይና ኣላ።*

1. ኣይተፃረይ - ኡን
2. እንትትሰትይ - ኡ
3. እንተዘይክኢል - ኦም
4. ምስተኣከብ - ኣ
5. ዝጐዓዝ - ኣ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ግዘ ብዛዕባ እንታይ ከምዘንበብኩም እትዝክሩዎ ተዛረቡ።

### ንባብ ምልከት

"ማይ ቡንቧ ብኸመይ ይፃረይ" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፃት ሰለስተን ኣርባዕተን ዓው ኢልኩም ብምልክት ኣንብቡ።

## 12. ዝርርብ

ኣብ ከባቢኹም ንመስተ ዝውዕል ማይ ፅርየቱ ዝሓለወ ንኽኸውን እንታይ ክግበር ኣለዎ? ብጉጅለ ተዛተዩሉ።

## 13. ሰዋስው

### ምሉእ ሓሳባት ምፍላይ

ዓይነት እቲ ምሉእ ሓሳብ ፈሊኹም እወንታዊ፣ ኣሉታዊ፣ ሕቶኣዊ ምዃኑ ንምምልካት ኣብ ጐኑ (✓) ምልክት ፀሓፉ።

| ተ.ቁ | ምሉእ ሓሳባት | እወንታዊ | ኣሉታዊ | ሕቶኣዊ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ዓቐን እዞም ደቀቕቲ ባእታታት ኣይፍለጥን | | | |
| 2 | ካብቲ ሩባ ማይ ሓፊኑ ዝሰተየ መን እዩ | | | |
| 3 | ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝውሕዝ ማይ ኣብ እንታይ ይእከብ | | | |
| 4 | ብውሕጅ ዝመፅእ ማይ ኣብ ሓፅቢ ይእከብ | | | |
| 5 | ክሎሪን ዘይኣተዎ ማይ ኣይስተይን | | | |
| 6 | ማይ ኣብ ገንኢ ምስተኣከበ ኣሉሙኒየም ሳልፌት ይኣትዎ | | | |

# ሰሙናዊ ርእሲ ረብሓ ማይ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምንፃል

**ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡዎም።**

*ኣብነት፡- ኣለስሊሱካ = /ኣ -ለስሊስ - ኡ - ካ/*

1. ብዘይጥዕናኻ
2. ክተዓፃፀፉን
3. ስለዝረስሐካ
4. ምስኣርወዮም
5. ኢንዱስትሪታትን
6. ህይወታውያን

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ካብቲ ስእሊ እንታይ ትግንዘቡ?**

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ወዲ ሰብ ካብ ክብደቱ ብማእኸላይ __________ %ማይ እዩ።
2. ከም __________ን __________ን ዝበሉ ክፍሊ ኣካላት ሰብ ልዕሊ 70% ክፋሎም ማይ እዩ።
3. ደቂ ሰብ ብማእኸላይ ኣብ መዓልቲ __________ሊትር ማይ ክወስድ ይግባእ።
4. ማይ ኣብ ሰውነት ብዝካየዱ ኬሚካላዊ ንጥፈታት ንዝፍጠር ርስሓት ብመልክዕ __________የወግድ።
5. ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ዓበይቲ __________ እዮም።

# ረብሓ ማይ

ማይ መሰረት ህይወት እዩ። ህይወት ዘለዎም ነገራት ኩሎም ብዘይ ማይ ክነብሩ ኣይኽእሉን። ኣብዝሓ ክፋል ኣካል ህይወታውያን ማይ እዩ። ንኣብነት፣ ወዲ ሰብ ካብ ክብደቱ ብማእኸላይ እቲ 66% ማይ እዩ። ከም ሓንጐል፣ ልብን ሳንባን ዝበሉ ክፍሊ ኣካላት ሰብ ድማ ልዕሊ 70% ክፋሎም ማይ እዩ።

ኣብ ኣካልና ዝህልዉ መጠን ማይ እንትንክይ ስምዒት ፃምእ ይፍጠር። ፃምእ ንምርዋይ ድማ ማይ ንሰትይ። ንርውየት ዝውሰድ ማይ ብቐጥታ ባዕሉ እቲ ማይ ወይ ድማ ምስ ካልኦት ዝስተዩ መስተታትን ምግብታትን ዝርከብ ክኸውን ይኽእል። ሰብ ብማእኸላይ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሊትር ማይ ክወስድ ይግባእ።

ማይ ኣብ ሰውነት ንዝካየዱ ከም ዑደት ደም፣ ሕቀት ምግቢ፣ ምጉዕዓዝ ዝሓቐቐ ምግቢ ዝበሉ ንጥፈታት ብስርዓት ንኽካየዱ ይሕግዝ። ኣብ ዋህዮ ንዝፍፀሙ ኬሚካላዊ ንጥፈታት ከም መሳለጢ ባይታ ኮይኑ የገልግል። ማይ፣ መገጣጠሚ ኣካላት ሰብ ልስሉሳት ኮይኖም ብግቡእ ክተዓፃፀፉን ክንቀሳቐሱን ኣብ ምግባር ልዑል ግደ ኣለዎ። ብምኽንያት ኣብ ዋህዮ ኮነ ካብ ዋህዮ ወፃኢ ዝካየዱ ኬሚካላዊ ንጥፈታት ዝፍጠር ርስሓት ብመልክዕ ሽንቲ ንኽውገድ ይገብር። ኣብ እዋን ሙቐት ብዝወፅእ ረሃፅ ኣቢሉ ድማ መጠን ረስኒ ሰውነት የመጣጥን።

ማይ ምስ ዕለታዊ ተግባራት ሰብ ዝተኣሳሰረ ረብሓ እውን ኣለዎ። ምድላው ምግብን ምሕላውን ፅርየት መዓልታዊ ተግባራት ሰባት እዮም። ማይ ምኽንያቱ ደረቕ ምግቢ ብምልስላስ ንሕቀት ምግቢ ምቹው ይገብር። ሰባት ቅድምን ድሕርን ምግቢ ምብልዖም ኣእዳዎም ይሕፀቡ። ምግቢ ንምቕራብ ዘገልግሉ ናውቲ ገዛ ብማይ እናኣፅረየ ጥዕንኡ ይሕልዉ። ሰውነቱን ክዳውንቱን  ብምሕፃብ ብጉድለት ፅሬት ካብ ዘስዕቡ ሕማማት ይከላኸል። ከባቢኡ እውን ብማይ የፅርይ። ብኽምዚ ኣገባብ ውልቃውን ከባብያውን ፅርየቱ ንምሕላው ይጥቀመሉ።

ተኽልታት ብኽይዲ ውሁድ ብርሃን ምግቦም የዳልዉ። ኣብዚ ከይዲ ካብ መሬት ብሰራውሮም ማይ  መጢጦም ይጥቀሙ። ካብ ማይ ባእታ ሃይድሮጅን ካብ ከባቢ ኣየር ድማ ካርቦንዳይኦክሳይድ ኣዋሂዶም ሽኮር (ግሉኮስ) የዳልዉ። እዚ ውፅኢት ምግቢ ኮይኑ ብሰባት ይብላዕ። ብኻሊእ ኣገላልፃ፣ ምህርቲ ዘራእቲ፣ ፍረ ምረን ቆፅላ መፅልን ዝርከቡ፣ ማይ እንትህልዉ እዩ። ማይ ምስ ምግቢ ብዝተዛመደ ከም ዓሳ ዝበሉ ዝብልዑ ፍጥረታት መንበሪ ኮይኑ የገልግል።

ማይ ንመብራህትን ካልኦት ነገራት ንምንቅስቓስን  ዘድልዩ ሓይሊ ኤሌትሪክ ንምፍልፋል የኽእል። ሰባት ካብ ማይ ዝርከብ ሓይሊ ኤሌትሪክ ብምጥቃም ንናብርኦም ዘድልዩዎም ስራሕቲ ይሰርሑ። እዚ ድማ ካብ ኣግራብ ክርከብ ዝነበረ ሓይሊ ስለዝትክእ ብርሰት ኣግራብ ንምክልኻል የኽእል። ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ክሰርሑ ብምግባር ቁጠባ ሓንቲ ሃገር የዕብይ።

ፋብሪካታት ካብ ማይ ዝረኽቡዎም ክልተ ዓበይቲ ረብሓታት ኣለዉ። ማይ ኣብ ፋብሪካታት ከም ጥረ ኣቕሓ ኾይኑ የገልግል። ካብ ጥረ ኣቕሓነቱ ብተወሳኺ ከም መቀላጠፊ ኮይኑ ከይዲ ኬሚካላዊ ውህደት የሳልጥ። ማይ፣ ኣብ ፋብሪካታት ዝፍጠሩ ኬሚካላዊ ርስሓታት ንምፅራይ እውን ይጠቅም። ከም ምግቢ፣ ቢራን ልስሉስ መስተን ዘፍርዩ ትካላት እውን ብዙሕ ማይ ይጥቀሙ።



*ካብ ማይ ዝርከቡ ረብሓታት*

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተዘርዘሩ ረብሓታት ብተወሳኺ፣ ማይ ንመጐዓዓዝን መዘናግዕን የገልግል። ባሕርን ውቅያኖሳትን ዓበይቲ ማያዊ ኣካላት እዮም። እዞም ማያዊ ኣካላት፣ ሰባትን ዝተፈላለዩ ኣቑሑትን ብመርከብ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ወይ ድማ ካብ ክፍሊ ዓለም ናብ ክፍሊ ዓለም ንምውሳድ ይጠቕሙ። ዓበይቲ ቃላያት ብመጐዓዝያ የገልግሉ። ንኣብነት፣ ቃላይ ቪክቶርያ ንሃገራት ታንዛንያ፣ ኡጋንዳን ኬንያን ብመርከብ የራኽብ። ቃላያት ካብ መጐዓዝያ ብተወሳኺ ሰባት ብምሕማስ፣ ብጀልባ ብምዝዋር ንምዝንጋዕን ይጠቕሙ። ከም ጣና፣ ሃዋሳን ላንጋኖን ዝበሉ ቃላያት ዓርስኻ ንምህዳስ ካብ ዘገልግሉ ቃላያት ኢትዮጵያ እቶም ቀንዲ እዮም።

ንምጥቕላል፣ ማይ መሰረታዊ ድልየት ህይወታውያን እዩ። ክፍሊ ኣካላት ሰባት ስሩዕ ተግባሮም ክካይዱ ማይ የድልዮም። ስለዝኾነ፣ ሰባት እኹል ዓቐን ማይ ብምውሳድ ካብ ሰውነቶም ዝወፅእ ፈሳሲ ክትክኡ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ማይ ንፍልፍል ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ መጐዓዝያን መዘናግዕን ኮይኑ እውን የገልግል። ማይ ነዞም ረብሓታት ንኽህብ ብኽንክን ክተሓዝን ብግቡእ ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን ይግባእ።

*(ፍልፍል:- Ben Benjamin. The importance of water, part one)*

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ስዒቦም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣብ ደብተርኩም ብፅሑፍ መልሱ።**

1. ሓምለዎት ተኽልታት ምግቢ ብኸመይ ከምዘዳልዉ ዝገልፅ ዓንቀፅ ኣየናይ እዩ?
2. ካብ ማይ ዝርከብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ብርሰት ኣግራብ ክከላኸል ዝኽእል ብኸመይ እዩ?

3. ቃላይ ቪክቶርያ ንኣየነዎት ሃገራት ኣፍሪቃ የራኽብ?

4. ማይ ኣብ ፋብሪካታት ካብ ዝህቦም ረብሓታት ክልተ ጥቐሱ።

5. ሰባት ካብ ማይ እኹል ግልጋሎት ክረኽቡ እንታይ ክገብሩ ይግባእ?

**ለ. ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣናእሽተይን ዓበይትን ሓፅብታት እናሃነፀት ትርከብ ንምንታይ ከምዝኾነ ተመያየጡሉ።**

## 16. ቃላት

### ተፃራሪ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ብመሰረት እቲ ምንባብ ተፃራሪ ፍታሕ ድለዩ።**

*ኣብነት፡- 1. መሳለጢ = መደናጎዪ*

1. ጥዕና
2. ዕርየት
3. ርውየት
4. ምልስላስ
5. ምርኻብ
6. ምሕማስ

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘዳለኹምዎ ረቂቕ ፅሑፍ ግቡእ ኣይሚ ኣካይድኩም ሰለስተ ዓንቀፅ ዘለዎ ውዱእ ፅሑፍ ፀሓፉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ውሽጢ እዞም ቃላት ዘለዉ ምእላዳት ነፂልኩም ምስ ፀሓፍኩም ዝተረኣየ ለውጢ ፊደል ተዛረቡ።**

1. ኣንበሮም =__________
2. ሓለዎም =__________
3. ቀልጠፎም =__________
4. ጠቐሞም =__________
5. ኣርወዮም =__________
6. በሊዓተን =__________

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ግዘ ካብ ዝቐረበ ምንባብ እንታይ እንታይ ቁምነገራት ትዝክሩ?**

### ንባብ ፅፈት

**“ረብሓ ማይ” ኣብ ዝብል ምንባብ ዘለዉ ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ብናህሪ፣ ብግቡእ ኣገላልፃን ብምልክትን ኣንብቡ። ቀፂሉ ዘሎ መከታተሊ ቅጥዒ ተጠቒምኩም ንኣናብባ መፃምድኹም ገምግሙ።**

| መከታተሊ ቅጥዒ | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ናህሪ ኣናብባ | | | ኣገላልፃ | | | ኣጠቓቕማ ግዘ | | |
| ካብ ግቡእ ንላዕሊ | ግቡእ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት |
| | | | | | | | | |


## 19. ዝርርብ

**ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ዝስተ ማይ ፅርየቱ ንምሕላው ግደ ማሕበረሰብ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ብጉጅለ ተመያየጡ።**

## 20. ሰዋስው

### ምሉእ ሓሳባት ምህናፅ

**እወንታ፣ ኣሉታን ሕቶን ዘመልክቱ ብሕድ ሕድ ሰሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**



# 6 ማሕበራዊ ርክባት

## ሰሙናዊ ርእሲ ምርድዳእ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ዘ-ጠቀስ-ኩዎም ዘጠቀስኩዎም*

1. እን-ተይ-ተደረ-ረት
2. ስለ-ዘይ-ፈተወና
3. እንተ-ዘይ-ሃሊዎም
4. ኣይ-ኮን-ኩምን
5. እንተ-ዘይ-ተሳቲፍና
6. እንተ-ዘይ-በፂሕና

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ተዋስኦ እንታይ ማለት እዩ?
2. ነቲ ስእልን ርእስን ምስረኣይኹም ትሕዝቶ እቲ ምልልስ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ገምቱ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ብዝሰማምዑዎም ቃላት ምልኡ።**

1. ሓፍቲ ጠዓመ _______ ትበሃል።
2. “ባባ እንተይመፅአ ኣይድረርን ኢሉ ክፅበ ፀኒሑ” ዝበላ_______እየን።
3. “ክዕቀብ ዝግበኦ ፀጋ እዩ።” ዝተብሃለ _______እዩ።
4. ኣይተ ሓጋዚ እግረ መንገዶም ዘግለስሉ ገዛ እንዳ _________ እዩ።
5. መሓዛ ወይዘሮ ብርሃን _______ይበሃላ።

# ይበል ምርድዳእ!

[ቦታ፡- ኣብ መንበሪ ኣይተ ሓጋዚ፣ እዋኑ ምሸት ሰዓት ሰለስተ እዩ። ጠዓመ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ ኣቡኡ ክሳብ ዝመፅኡ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ የዕንዕ ኣሎ። ወይዘሮ ብርሃን ኣብ ጥቓ ወደን ኮፍ ኢለን ንበዓል ቤተን ንኣይተ ሓጋዚ ይፅበያ ኣለዋ።]

ጠዓመ፡- (መፅናዕቱ ኣቋሪፁ) ባባ ኣይመፅእን ድዩ?

ወይዘሮ ብርሃን፡- ክመፅእ እዩ። እንድሕር ድቃስ መፂኡካ ደቅስ።

ጠዓመ፡- (እናንፀርፀረ) ትማሊ እውን ደንጕዩ፣ መዓዛ ተፀብያ እንተይተደረረት ደቂሳ። ሎሚ እውን ከምኡ።

ወይዘሮ ብርሃን፡- እሞ ኣቦኹም እንታይ ዘይገበረ እዩ?

ጠዓመ፡- ከምዚ ዘምሲ ዘሎ ስለዘይፈትወና እኮ እዩ።

ወይዘሮ ብርሃን፡- ስለዘይፈትወና?

ጠዓመ፡- እንታይ ደኣ?

ወይዘሮ ብርሃን፡- ጥዑም ወደይ ኣይትዓሸ፣ ኣቦኹም ብጣዕሚ እዩ ዝፈትወኩም። እንተምሰየ ድማ ከምዞም ሓድሓደ ሰባት ኣብ እንዳ መስተ ኣይኮነን ዘምሲ ዘሎ።

ጠዓመ፡- ኣብ ዘምሰየ የምሲ፣ ክንደይ መዓልቲ ድዩ ሓዘን ኣሎ መርዓ ኣሎ ዝብል?

ወይዘሮ ብርሃን፡- (ንእሽተይ ሕርቕ ኢለን) ዋእ! ስነስርዓት ግበር እንታይ እዩኸ ኣብ ዘምሰየ የምሲ ኢልካ ዘረባ። በል ኣነስ ሰሚዐ ኣለኹ። እዛ ዘረባ ከይትድገም! (ማዕፆ ይኹሕኳሕ) መፂኡልካ ኪድ ማዕፆ ክፈተሉ! (ጠዓመ ተሲኡ ይኸፍት)

ኣይተ ሓጋዚ፡- ደሓንዶ ኣምሲኹም?

ወይዘሮ ብርሃን፡- እግዚኣብሄር ይመስገን፡፡ ደሓንዶ ኣምሲኻ፡፡


ኣይተ ሓጋዚ፡- ከመይ ኣምሲኹም ኢሎም ኣተዉ፡፡ (ኣብ መንበር ኮፍ ኢሎም ንጠዓመ ርእሱ እናደረዙ) እንተይሃረስካ ፀኒሕኻኒ! ተደሪርካ ዶ?

ወይዘሮ ብርሃን፡- እንታይ ክድረር፣ "ባባ ከይመፀ ኣይድረርን" ኢሉ ክፅበይ ፀኒሑ።

ኣይተ ሓጋዚ፡- ጥዑመይ፣ ሓድሓደ ግዘ ከምሲ እኽእል እየ። ከምዚ እንትኾን ንስኻን ሓፍትኻን ብእዋኑ ተደሪርኩም ክትህርሱ ይግባእ።

ጠዓመ፡- እሺ፣ ግና ከይረአናካ እንትንህርስ ንናፍቐካ ኢና።

ኣይተ ሓጋዚ፡- ንስኹም ጥራሕ ኣይኮንኩምን ትናፍቑ ኣነ እውን እናፍቐኩም እየ። ከም ሓዘን፣ ዘመድ ምሕጋዝ፣ ዝሓመመ ምጥያቕ ዝበሉ ማሕበረሰባዊ ጉዳያት እንተዘይሃሊዎም ብግዘ ኣትየ ምሳኹም ክፃወት እንትለኹ ብጣዕሚ እዩ ደስ ዝብለኒ። ከምዞም ዝጠቐስኩዎም ዝበሉ ነገራት እንተጋጥሙ ግና ምስ ሰብ ክቀራረብ ግድን እዩ።



*ኣባላት ስድራ እንትዛተዩ*

ጠዓመ፡- ምስ ሰባት ምሕዋስ ግድን ድዩ?

ወይዘሮ ብርሃን፡- ኣየ ናይ ቆልዓ ነገር! ከመይ ዝበለ ሕቶ እዩ?

ኣይተ ሓጋዚ፡- (ሓንሳብ ናብ ሰበይቶም ካብኡ ናብ ወዶም ግልፅ ኢሎም) ከምኡ ኣይትበሊ ወይዘሮ ብርሃን፤ ዝመሰሎ ነገር እንተሓተተ ፀገም የብሉን። እወ ግድን እዩ ጠዓመ ወደይ። ንሕና ሓደ ስድራ ኢና። ስድራ ድማ ሓደ ኣካል ማሕበረሰብ እዩ። ንሕና ከም ስድራ ኣካል ማሕበረሰብ እንተኾይንና ድማ ማሕበረሰብ ኣብ ዝተሳተፈሎም ስራሕቲ ክንሳተፍ ግድን እዩ። ንሕና ኣብ ናይ ካልኦት ውራይ እንተዘይተሳቲፍና፣ ኣብ ውራይና መን ይመፅኣና? ኣብ ሓዘን ኮነ ኣብ ሓጎስ ክንተሓዋወስ ግድን እዩ። ኣብ ከባቢና ዝነብሩ ሰባት ሓዘን እንተጋጢሞም ነቶም ዝሓዘኑ እንተዘይደቢስና ፀገም እዩ። ሓጐስ ኮነ ሓዘን ናይ ግዘ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ኩሉ ሰብ ዘጋጥሞ እዩ። ስለዚ ኣብ ፀገም ጐረባብትናን ማሕበረሰብ ከባቢናን እንተዘይበፂሕና ፀገም እንተጋጢመና ዝረድኣና ሰብ ይህሉዶ?

ጠዓመ፡- (ርእሱ ንየማነ ፀጋም እናንቀሳቐሰ) ኣይህሉን።

ኣይተ ሓጋዚ፡- እወ! ነዚ እየ እምበኣር ዘምሲ ዘለኹ። ሓደ ስድራ ንበይኑ ተፈልዩ ክነብር ኣይኽእልን። ብፍላይ ኢትዮጵያውያን ካብ ካሊእ ዝበለፀ ስጡም ማሕበራዊ ርክብ ኣለና። እዚ ከዓ ክንዕቅቦ ዝግበኣና ፀጋ እዩ። ተረዲኡካ ዶ ጥዑመይ?

ጠዓመ፡- እወ! ባባ፣ ፅባሕ ንመዓዛ ሓፍተይ ባዕለይ ከረድኣ እየ።

ኣይተ ሓጋዚ፡- ንፉዕ! እዚ ወደይ! ብርሃነይ ድራር ቀርብልና። ጥዑመይ ድማ ንኢድና ማይ ኣምፅእ።

ወይዘሮ ብርሃን፡- (ድራር ከቕርባ እናተለዓላ) ግርም! ተረዳዲእኹም ዶ? እንኳዕ ሰላም ወረደ! (ድራር ቀሪበን እናተበለዐ እንተሎ) ክሳብ ሐዚ ኣብቲ እድር ድዮም ነይሮም?

ኣይተ ሓጋዚ፡- ክነግረኪ እናበልኩ ኣግሊሰባ።

ወይዘሮ ብርሃን፡- ናበይ?

ኣይተ ሓጋዚ፡- እንዳ ባሻይ ገብረ

ወይዘሮ ብርሃን፡- ኣይዳሕነኦምን ድዮም?

ኣይተ ሓጋዚ፡- ዳሕና እዮም።

ወይዘሮ ብርሃን፡- እንታይ ደኣ ተረኺበ?

ኣይተ ሓጋዚ፡- ኣብቲ ሓዘን እናዋጋዕና፣ እቲ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝጠፈአ ወዶም ከምዝመፀአ ነጊሮምኒ። ንእግረ መንገደይ እንኳዕ ኣሓጎሰኩም ክብሎም ኣግሊሰ።

ወይዘሮ ብርሃን፡- ወይ ተኣምራት! ለከ ከባቢ ሰዓት ዓሰርተ ዝሰማዕኹዎ ዕልልታ ናቱ እዩ ነይሩ!

ኣይተ ሓጋዚ፡- ኣምለሱ መሓዛኺ ብታሕጓስ ፍንፅሕ ክብላ ኢለን።

ወይዘሮ ብርሃን፡- ከመይ ዘይሕጐሳ ሓሙሽተ ዓመት ምሉእ እኮ ከብደን ሓቑፈን እየን ዝሓድራ ነይረን። ኣብ ስዋ ሰንበት እንትንራኸብ በይዛኻ ወደይ 'ኣበይኮን ወዲቕካ ትኸን' እናበላ 'እሀ' ክብላ ምስ ሰብ የዋግዓ ዶ ነይረን እየን? ኣበይከ ነይሩ ይበሃል?

ኣይተ ሓጋዚ፡- ብዙሕ ሰብ እዩ ነይሩ። ኮፍ መበሊ ኣይነበረን። መስዩኒ እውን ስለዝነበረ ብደወይ እንኳዕ ብደሓን መፃእኻ! ኢለዮ ወፂአ። ፅባሕ ከይድኪ ጠይቕየን።

ወይዘሮ ብርሃን፡- ኣንጊሂ ከይደ ዕልል ክብል እምበር። ዳርጋ ካልኣይ ዝተፈጠረ እንድዩ። ወይ ኣንቲ ማርያም! (ፀብሐ እናወሰኻ)

*(ድራር ተበሊዑ ምስተልዓለ ነናብ መደቀሲኦም ይኣትዉ።)*

## ድሕረ ንባብ

### ሀ. ቀጺሎም ንዘቐረቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ጠዓመ ንምንታይ እዩ ኣቦይ ኣምስዩ ኢሉ ዝኾረየ?
2. ስም ኣብዚ ፅሑፍ ዝተሳተፉ ገፀ ባህርያት ዘርዝሩ።
3. ኣብዚ ፅሑፍ ዘሎ ዛንታ ኣበይን መዓዝን ከምዝተፈፀመ ግለፁ።
4. "...ሓሙሽተ ዓመት ምሉእ እኮ ከብደን ሓቑፈን እየን ዝሓድራ ነይረን።" ዝተሰመረሉ ሓረግ እንታይ የመልክት?
5. ሰባት ኣብ ማሕበረሰባዊ ጉዳያት ንኽሳተፉ ዘገድዶም ነገር እንታይ ይመስለኩም?
6. ኣብ ከባቢ'ኹም እቲ ማሕበረሰብ ዝሳተፈሎም እንታይ እንታይ ማሕበራዊ ተግባራት ኣለዉ?

### ለ. ባህርያትን ተግባራትን ኣይተ ሓጋዚ ዝገልፅ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

## 3. ቃላት

**ካብቶም ዝቐረቡ ቃላት ዝሰማማዕ እናመረፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

| | | |
|---|---|---|
| ምክብባር | ርክብ | ምቅርራብ |
| ምትሕግጋዝ | ምጥይያቕ | ማሕበር |

1. ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ______ እንተሃሊዉ ደቆም እውን ንወለዶም ኮነ ንኻልኦት ሰባት ዝህቡዎ ክብሪ ዝለዓለ ይኸውን።
2. ኣብ መምህርን ተምሃሮን ዘሎ ______ብወለድን ውሉድን ይግለፅ።
3. ኣብ መንጎ ኣብርሃን ስላስን ዘሎ ______ናብ ፍቕሪ ዝምርሕ ዘሎ ይመስል።
4. ኣብ መንጎ ተምሃሮ ______እምበር ምቅድዳሕ ክህሉ ኣይብሉን።
5. ክልቲኦም ሽማግለታት ብኣካል እኳ ኣይራኸቡ እምበር ______ግና ኣየቋረፁን።
6. ዓሰርተ ኣርባዕተ ኮይንና ______ ሳላ ዘጣየሽና መንበሪ ገዛውትና ሰሪሕና።

## 4. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ነዚ ምልልስ ብቕደም ሰዓብ ሰሪዕኹም ናይ መን ምዃኑ ፍለዩ።**

**(እዚ ምልልስ ኣብ መንጎ ኣደ ኪሮስ ዝኾና ወይዘሮ ለታይን ጐረቤተን ወይዘሮ መድሂንን ዝተኻየደ እዩ።)**

ሀ. ኣበይ ዲኽን ነይርክን?

ለ. ናይ ድሓን?

ሐ. ክንደይ ከ እዩ በፂሑ?

መ. ኣይ! ክኸይድ ከዕርፍ ደኺማትኒ ኣላ።

ረ. ደሓንዶ ውዒልክን ለታይ።

ሰ. እንታይ ኮይኑ ድዩ?

ሸ. ሻምናይ ክፍሊ

ቀ. ድንቂ

በ. እግዚኣብሄር ይመስገን። ገዛ እተዋ።

ተ. ናይ ድሓን እዩ። ኪሮስ ወደይ ወለድኻ ኣምፅእ ተባሂሉ።

ቸ. በላ ኸይደ ደሓን ውዓላ።

ነ. ብሰንኪ ብኩራት ውፅኢቱ ይትሕት ኣሎ። ብስራሕ ኣይትፅመዱዎ። ሓግዙዎ ኢሎምኒ።

ኘ. ብደውክን ዶ ትኸዳ ኣለኸንባ በላ ድሓን ውዓላ።

አ. ኣብ ቤት ትምህርቲ

ከ. ፅቡቕ ሰዲሩ። ክንድኡ ዝበፅሐ ኣይመሰለንን ነይሩ። በላ ምኽሪ መምህራን ኣብ ግብሪ ንኸውዕል ግበራ።

## *ኣፀሓሕፋ ቃላት*

**እዞም ቃላት ጠሚርኩም ምስፅሓፍኩም ዘርእዩዎ ለውጢ ፊደላት ኣመልክቱ።**

*ኣብነት፡- ቤት - ፀሎት → ቤተ ፀሎት*

| | |
|---|---|
| 1. ማሕበር - ሰብ | 5. ቃል - ምልልስ |
| 2. ስን - ዘራእቲ | 6. ቤት - መዘክር |
| 3. ኣፍ - ጉባኤ | 7. ዓይኒ - ምድሪ |
| 4. ስርዓት - ነጥቢ | |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ግዘ ካብ ዘንበብኩሙዎ ፅሑፍ እትዝክሩዎም ነጥቢታት ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

"ይበል ምርድዳእ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ጠዓመን ወይዘሮ ብርሃንን በይንቶም ዘካየዱዎ ምልልስ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ብሉፅ ሃብቲ



*ወላዲ ደቆም እንትምዕዱ*

### ቅድመ ምድማፅ

ነቲ ዝቐረበ ርእሲ ምድማፅን ስእልን ርእይኹም ትሕዝቶ እቲ ምድማፅ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ገምቱ።

## እዋን ምድማፅ

**ነቲ ምልልስ እናዳመፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. ካብዞም ክልተ ኣሕዋት ነቲ ዓብዪ፣ ገዛ ንኸይሰርሕ ዝተቓወሙ ________ እዮም።
2. "ነዚ ዝወለደት ማህፀን ትባረኽ" ዝበሉ ________እዮም።
3. እቶም ወላዲ ደቆም ናብ ዝነብሩሉ ዓዲ ዝኸዱ ድሕሪ ________ዓመት እዩ።
4. "ኣብዚ ዓዲ ዘለዉ ገዛውቲ ኩሎም ገዛውተይ እዮም" ኢሉ መልሲ ዝሃበ ________እዩ።

## ድሕሪ ምድማፅ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ዘዳመፅኩሙዎ ፅሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሱ።**

1. እቶም ወላዲ ንደቆም ካብ ገዝኦም እንትወፅኡ እንታይ ሂቦም ሰዲዶሙዎም?
2. እቶም ወላዲ ገዛ እናሃለዎም ደቆም ናይ ባዕሎም ገዛ ንኽሰርሑ ዘገደዱሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. እቲ ንእሽተይ ወዶም ኣብቲ ዝኸዶ ቦታ ካብ ዝፈፀሞም ተግባራት እንታይ ትመሃሩ?
4. ብሓፈሻ ካብቲ ዛንታ እንታይ ቁምነገር ተረዲእኹም?

**ለ. ኣብቲ ዝቐረበ ዛንታ ነቶም ብገፀ ባህርያት ዝተገለፁ ሓሳባት ጥራሕ ፈሊኹም ፀሓፉ። ብምቕፃል ግደ ገፀ ባህርያት ሒዝኩም ብመልክዕ ምልልስ ኣቕርቡዎ።**

## 7. ሰዋስው

### መተሓሓዝቲ

**ስዒቦም ዝቐረቡ መተሓሓዝቲ ቃላት ኣብቶም ባዶ ቦታታት እናእተኹም መልኡ።**

| ብዚ | ብለ | ብቲ | እውን | ብኣንፃሩ | ስለዚ | ምኽንያቱ | ወይ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|

1. ______ ኣቦና ኣብ ደገ ምምሳዩ ኣይተረፈን።
2. መዓዛ ሎሚ ______ እንተይተደረረት ደቂሳ።
3. ኣብ ውራዮም እንተተሓዊስና የኽቡሩና። ______፣ እንተተረፍና ይንዕቑና።
4. ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከምስይ እኽእል እየ፤ ______ ብግዝኹም ክትድረሩ ኣለኩም።
5. ኣቦና ኩሉ ግዘ ቀልጢፉ ይመፅእ ኣሎ፤ ______ ስለዝፈትወና እዩ።
6. ሐዚ ______ ከዓ ንጉሆ ከይድኪ ጠይቕየን።

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

# 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ኣብዚ ምንባብ ንዘሎ ስእሊ ርእይኹም ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ተዛረቡ።

### እዋን ንባብ

ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ዝጕደሉ ሓሳባት ምልኡ።

| መበገሲ ሓሳባት | መልሲ |
|---|---|
| ተወከልቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሓበን ንሽምግልና ዝተኣኻኸቡሉ ቦታ | |
| ኣብዚ ሽምግልና ዝተሳተፉ በዝሒ ኣባላት | |
| በዝሒ ዝተዋህለለ ቅርሺ እታ ማሕበር | |
| ካብ ማሕበር ሓበን ንኽትወፅእ ሕቶ ዘቕረበት ውልቀ ሰብ | |
| "እንትዓበ ኣባጉምባሕ ይዓቢ ግናኸ ልቢ ቆፃሕ ይዓቢ" ዝብል ምስላ ዝመሰሉ ኣቦ | |

# ሰናይ ሓሳብ

[ኣብ መረባ እንዳ ኣይተ ተስፋይ፣ ባዕሎም ኣይተ ተስፋይ፣ ኣቦይ ረዳኢ (ዓይነ ስውርን ፍሉጥ ሽማግለ ዓድን)፣ ንእስቲ ኣብርሀት (ጓል ሓዎም ንኣይተ ተስፋይ)፣ ኣይተ ግርማይን ወይዘሮ ካሕሳን (ተወከልቲ ማሕበር ምትሕግጋዝ ሓበን) ንሽምግልና ተቐሚጦም ኣለዉ።]

ኣቦይ ረዳኢ፡- (እሕሕ እሕሕ፣ ኢሎም) እሞ ናብዛ ጉዳይና ክንኣቱ፣ መጀመርታ ተስፋይ ሓሳብካ ኣሕፅር ኣቢልካ ግለፀልና

ኣይተ ተስፋይ፡- ድንቂ እምም! እሞ ኣነን ጓል ሓወይን ዘየሰማመዐና ብዛዕባ ካብ ማሕበር ሓበን ምልቃቕ እዩ። ከም ዝፍለጥ ክሕሸን ሓወይ ነዛ ማሕበር ካብ ዝመስረቱ ሓሙሽተ ሰባት ሓደ ነይሩ። በዛ ዝመስረታ ማሕበር ንደቂ ዓዱ ኣኽቢሩ ንባዕሉ እውን ከቢሩ እዩ። እንተኾነ ድሕሪ ሞቱ ኣይዓመት ኣይክልተ ዓመት ኣብርሀት 'ናይ ኣቦይ ማሕበር ኣይቅፅልን ስርዝ ይወሃበኒ' ትብል ኣላ። 'ትጋገዪ ኣለኺ' እንተበልኩዋ እውን ክትሰምዐኒ ኣይካኣለትን እሞ 'ናብ ልብኺ ተመለሲ' በሉለይ።



*ኣብ መንጎ ኣባላት እድር ዝተፈጠረ ፀገም ዝፈትሕ ዘተ እንትካየድ*

ኣቦይ ረዳኢ:- ኣብርሀት ጓለይ፣ እዚ ዝበሃል ዘሎ ሓቂ ድዩ?

ኣብርሀት:- ልክዕ እዩ።

ኣቦይ ረዳኢ:- ንምንታይ ደኣ ኣቦኺ ዕድሚኡ ምሉእ ካብ ዝነበረሉ ማሕበር ክትወፅኢ ደሊኺ?

ኣብርሀት:- ኣያይ ከምዝገለፆ ኣቦይ ካብ መስረትቲ እዛ ማሕበር ሓደ እዩ። በዚ እሕበን። እንተኾነ ኣነ ካብዚ ማሕበር ክለቅቕ እየ ዘብለኒ ዘሎ እቶም መራሕቲ ሕቶይ ክምልሱ ፍቓደኛታት ስለዘይኮኑ እዩ።

ኣቦይ ረዳኢ:- እንታይ ዝብል ሕቶ?

ኣብርሀት:- ሕቶይ ተግባራት ማሕበርና ንምንታይ ኣብ መርዓን ሓዘንን ጥራሕ ተወሲኑ ይተርፍ ዝብል እዩ? እዚ ሓሳብ ብኻልኦት ኣባላት እውን ዝተደገፈ እዩ።

ኣቦይ ረዳኢ:- (ገፆም ናብ ኣብርሀት ገፅ እናጠወዩ) እንታይ ክግበር ኣለዎ ኢኺ ትብሊ ዘለኺ ጓል ሓወይ?

ኣብርሀት:- ኣነ ብማሕበርና ክግበሩ ኣለዎም ዝብሎም ሓሳባት ኣለዉኒ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ማሕበርና 556 ሽሕ ቅርሺ ከምዘለዎ ተገሊፁ። እዚ ገንዘብ ንሓዘንን መርዓን ጥራሕ ካብ ዝፅበይ ንምንታይ ክሰርሑ ንዝኽእሉ ነበርቲ ብተመጣጣኒ ወለድ ኣለቂሕና ክሰርሑ ዘይንገብር? ዓቕሚ ማሕበር ክንዲ ዝኽኣሎ ንዘኽታማት ቆልዑ ዘይንድግፍ? ኣባላት እዛ ማሕበር እንትሓሙ ንመሐከሚ ሓገዝ ዘይግበር? ድሕሪ ሞት ዳስ ምትካል ጥራሕ እኹል ኣይኮንን። ካብ ወርሓዊ ክፍሊት ብተወሳኺ ኣታዊ ኣብ ዘርክቡ ተግባራት ንዋፈር። ንኣብነት፣ ንነበርቲ ከባቢና ፍትሓዊ ብዝኾነ ዋጋ ኣቑሑት ብምቕራብ ኣብ ንግዲ ምስታፍ ይከኣል፤ ኣብ ከምዚ ዝበሉ ተግባራት ንምውፋር ዘይንኽእለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ እየ ዝብል ዘለኹ?

ኣቦይ ረዳኢ:- (እናተገረሙ) ኣይተ ግርማይ እዚ ዝተገለፀ ተዘሪብኩም ዶ?

ኣይተ ግርማይ:- (ሕስይስይ እናበሉ) እእ... እወ ገሊፃትልና እያ።

ወይዘሮ ካሕሳ:- ልክዕ እዩ እቲ ዝበሃል ዘሎ ገሊፃትልና እያ።

ኣቦይ ረዳኢ:- እንታይ ኢልኩሙዋ?

ኣብርሀት:- (ብሃንደበት) “ሎሚ ይኹን ፅባሕ እንገብሮ ለውጢ የለን” ኢሎምኒ። ኣነ ድማ ንፅቡቕ ኣብ ዘይልወጥ ማሕበር ክቕፅል ኣይደልን!

ኣቦይ ረዳኢ:- ኣይትቆጥዒ! ህድእ በሊ ዘተ እናተኸባበርካ እንተኾነ እዩ ፅቡቕ ዝኸውን።

ኣይተ ግርማይ:- ኣብርሀት ጓለይን ጓል ዝፈትዎ ሓወይን እያ። ኩላትና ካብዛ ማሕበር ክትወፅእና ኣይንደልን። እቶም ዝገለፀቶም ሓሳባት ፅቡቓት እዮም። እንተኾነ ማሕበርና ንኽምዚኦም ዝበሉ ተግባራት ዓሊማ ኣይኮነትን ተጣይሻ። ነዚ ኢና ሕቶና ዘይተቐበልናዮ።

ወይዘሮ ካሕሳ፡- እማኖም እዮም፡፡ እዚ ማሕበር ኣብ መርዓን ሓዘንን ንኸንትሓጋገዘሉ እዩ ዝተጣየሸ

ኣይተ ተስፋይ፡- “ካብ ኣቡኡ ያ ዝዓብስ ጠስሚ”። ‘እዙይ ዘይኮነ፣ እዙይ ዘይተደግመ’ እንታይ ኣበላ። ዓበይቲ ብዝበልዎን ብሕጊ ደንቢ ማሕበር ዘይትግዛእ፣ ወይለከ!

ኣቦይ ረዳኢ፡- ተስፋይ ኣይትጋገ፤ ፅቡኞ ንስራሕ፣ ከባቢና ንለውጥ ምባላ ሓጥያት ኣይኮነን። (ኢሎም ናብ ኣብርሀት ገፆም እናጠወዩ) ጓለይ፣ “እንትዓቢ ኣባ ጉምባሕ ይዓቢ ግንከ ልቢ ቆቓሕ ይዓቢ” ከም ዝበሃል ምስላ እዩ። ሓሳብኪ ረዚን እዩ። ሰናይ ሓሳብ እዩ… ዕድመ ይሃብኪ። ግና እዚ ዝበልክዮ መኣዝ ይኹን ትብሊ?

ኣብርሀት፡- ካብዚ ሰሙን ክሓልፍ የብሉን።

ኣቦይ ረዳኢ፡- ኣየ፣ ‘ልቢ ጎበዝ ኣብ ደረቱ ‘(ቅዝዝ ይብሉ) ሐዚ ነገር ነሕፅር። ኣብርሀት ጓለይ ሐዚ እንተዘይኮነ እናበልኪ ‘ስረኹም ብኸሳድኩም ኣውፅኡ’ ኣይትበሊዮም። ኣነ ምሳኺ ኣለኹ፤ ምስ ኩሉ ማሕበርተኛ ምዝታይ ከድሊ እዩ። እንታይ በለ ክትብልኒ፣ እምቢ ዝብል ኣይህሉን። ንምትግባሩ ግና ግዘ ዝወስድ ይመስለኒ። ኣንቱም መራሕቲ እውን ከም ቀደምና ብዘለናዮ ኢና ንቕፅል ኣይትበሉ! ንለውጢ ድሉዋት ኩኑ። በዚ ዶ ክንስማማዕ? (ናብ ኩሎም ገፅ እናጨናጨኑ።)

ኣይተ ግርማይ፡- ፅቡኞ እዩ!… እቲ ሓሳብ ናብ ኩሉ ኣባል ቀሪቡ ኩሉ ይፍለጦ፤ በዚ ንረዳዳእ ኢና።

ኣብርሀት፡- ተስማሚዐ ኣለኹ።

ኣቦይ ረዳኢ፡- በሉ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ሓፈሻዊ ኣኼባ ፀውዑ። ኣብኡ ብዝርዝር ክንዘራረብ። የቐንየለይ! ከምዝሰማዕኹሙኒ ፈጣሪ ይስማዕኹም።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ቀፂሎም ዝቐረቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ ብቓል መልሱ።**

1. እዚ “ሰናይ ሓሳብ” ዝብል ርእሲ ካብቲ ምንባብ ነየናይ ሓሳብ እዩ ዝገልፅ? መረዳእታ እናሃብኩም ኣረድኡ።
2. ኣብቲ ሽምግልና መእመናይ ኮይኑ ዝተረኸበ ሓሳብ ናይ መን እዩ? ንምንታይ?
3. “እዚ ማሕበር ይለወጥ” ምባልን “እዚ ማሕበር ንፅቡኞ ይለወጥ” ምባልን ኣፈላላዮም እንታይ እዩ?
4. “እንካብ ኣቡኡያ ዝዓብስ ጠስሚ” ዝብል ምስላ ንኣብርሀት ብፅቡኞ ድዩ ብሕማኞ ዝገልፃ? ንምንታይ?
5. ኣቦይ ረዳኢ “ስረኹም ብኸሳድኩም ኣውፅኡዋ” ኣይትበልና እንትብሉ እንታይ ማለቶም እዩ?

6. ኣብርሀት ንዘቕረበቶ ሓሳብ ኣመራርሓ እታ ማሕበር ዘይምቕባሎም ከመይ ትግምግሙዎ?

7. ኣቦይ ረዳኢ "እንትዓቢ ኣባ ጉንባሕ ይዓቢ ግንከ ልቢ ቆቓሕ ይዓቢ" እንትብሉ እንታይ ማለቶም እዩ?

ለ. እቲ ሓዱሽ ሓሳብ ተቐባልነት ምስ ረኸበ እቲ ማሕበር እንታይ ዓይነት መልክዕ ዝሕዝ ይመስለኩም?

ሐ. "ማሕበራዊ ርክብ" ዝገልፅ ሓፂር ምልልስ ፀሓፉ።

## 9. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ባዶ ቦታታት ብዝበለፀ ብዝስማዕማዕ ቃል እናማላእኹም ፀሓፉ።**

ሀ. ምኽባር  ለ. ምርድዳእ  ሐ. ኣጠቓቕማ

መ. ማሕበር  ረ. ምዝታይ

1. ኣብ ትሕቲ ______ ምትሕግጋዝ ዝተወደቡ ሰባት ኲሉ ግዘ ፀገሞም ብዘተ ይፈትሑ።
2. ሓበራዊ ________ ዘለዎም ሰባት ስርሖም ብዘዕግብ ኩነታት የሳልጡ።
3. ሓሳባት ሰብ _______ መግለፂ ፅቡቕ ስነምግባር እዩ።
4. ኣብ ውሳነ ሓሳብ ንምብፃሕ ኣቐዲምካ ምስኩሉ ኣባል ማሕበር ብዕምቈት ______ ይግባእ።
5. ኣባላት ማሕበር ኣብ ______ ንብረቶም ኣብ ስምምዕ እንተዘይበፂሖም ጕንፂ ክፍጠር ይኽእል።

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ 2 ዝፈለኹሙዎም ምልልሳት ብቕደም ሰዓብ ፅሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ወይዘሮ መድሂን፡- ደሓን ዶ ውዒልክን ለታይ?*

*ወይዘሮ ለታይ፡- እግዝኣቢሄር ይመስገን ገዛ እተዋ።*

## ኣፀሓሕፋ

**ብመሰረት ዝተወሃበ ኣብነት ቃላት ብምጥማር ፅምዲ ቃላት ፀሓፉ። ዝተርኣየ ለውጢ ፊደል ኣቐምጡ።**

**ኣብነት፡-**

| ቃላት | | ዝተመስረተ ቃል | ዝተረኣየ ለውጢ ፊደል |
|---|---|---|---|
| ስርዓት | ትምህርቲ | ስርዓተ ትምህርቲ | "ት" ናብ "ተ" ተቐይሩ |
| ግብሪ | መልሲ | | |
| ዓብዪ | ዓዲ | | |
| ዓንዲ | ሑቜ | | |
| ቃል | ጉባኤ | | |
| ኣካል | መጠን | | |
| ሕጊ | ደንቢ | | |

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ "ሰናይ ሓሳብ" ዝብል ምንባብ እንታይ ከምዝነበረ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ናህሪ

**"ሰናይ ሓሳብ" ኣብ ዝብል ምልልስ መወዳእታ ገፅ "ልቢ ኅበዝ ኣብ ደረቱ" ካብ ዝብል ኣገላልፃ ኣቦይ ረዳኢ ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ዘሎ ምልልስ ብናህሪ ኣብ ውሽጢ 55 ሰከንድ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**"ሰናይ ሓሳብ" ኣብ ዝብል ፅሑፍ ዝርከቡ ገፀ ባህሪያት መሲልኩም ሓፂር ተዋስኦ ንምቕራብ በብጉጅለኹም ተለማመዱ።**

## 13. ሰዋስው

### መተሓሓዝቲ ቃላት

**ብመሰረት ዝተውሃቡ መተሓሓዝቲ ቃላት ነቶም ዘይተመልኡ ሓሳባት መልኡ።**

*ኣብነት፣ ኣቦይ ረዳኢ ለባም ሽማግለ ዓዲ እዮም፤ ስለዝኾነ ብደቂ ዓዶም ልዑል ተቐባልነት ኣለዎም።*

1. እቲ ማሕበር ምምዕባሉ ኣይተርፍን፤ ምኽንያቱ __________።
2. እዚ ሓሳብ ንእድርና ዘዕብይ እዩ፤ ስለዚ________።
3. ኣቦኣ ለባም ነይሩ፤ ብተመሳሳሊ መንገዲ______________።
4. ኣብርሀት ንዘቕረበቶ ሓሳብ ኣቦይ ረዳኢ እውን______________።
5. እቲ ማሕበር ከም ሓዱሽ ስርሑ ጀሚሩ፤ ስለዝኾነ ______________።
6. በዚ በለ በቲ ሓሳብ ኣብርሀት______________።

# ሰሙናዊ ርእሲ ባህልታት ምርድዳእ

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምጥማር

ነዞም ዝስዕቡ ጠሚርኩም ኣንብቡ።

1. ዘየ-ሰማመ-ዐና
2. እንተ-በል-ኩዎ
3. ከም-ዝ-ገለያ
4. ዘይ-ተ-ገበረላ
5. ስለ-ዝ-ዘኸተሙ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

ርእስን "በዓልና ተኣኻኺብና ነኸብር" ብዝብል ዝቐረበ ስእልን ብምርኣይ እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘዘንትው ገምቱ።

### እዋን ንባብ

ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ብዝሰማምዑ ቃላት ምልኡ።

1. በዓልቲ ቤት ሓጂ ነጋሽ _____ ይበሃላ።
2. እዋኑ በዓል_____ እዩ ነይሩ።
3. "ያሞይ እውዕል እምበር ናብኡ ኣይከይድን።" ዝበለ_____ እዩ።
4. "ብዘይካ ሃይማኖታዊ እምነት ኣብ ካሊእ ተፈላሊና ኣይንፈልጥን።" ዝበሉ _____እዮም።

# ሓበራዊ ሓጐስ

[ቀዳም መዓልቲ በዓል ዒድ ኣል ኣድሃ እዩ። ወይዘሮ ሃይማኖት ንጉሆ ተላዒለን ዝሰንከተኦ ሕምባሻን ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ዝዓደገኦ ሽኮርን ኣዳለዋ። ክዳነን ቀይረን ናብ እንዳ መሓዘአን ወይዘሮ መርየም ንምኻድ ተዳለዋ። ኣብዚ ግዘ ኣብርሃም ወደን ካብ ደገ ናብ ገዛ ይኣቱ...]

ኣብርሃም፡- እዚ ኹሉ ምሽብሻብ ናበይ ንምኻድ እዩ?

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ንዓኻን ነቦኻን እኮ እየ ዝፅበ ዘለኹ።

ኣብርሃም፡- ናበይ ኢና ክንከይድ?

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ካብ መኣዝ እዩ ተሓዲሹካ? ዒድ ኣል ኣድሃ እኮ እዩ።

ኣብርሃም፡- ንሱስ ፈሊጠ እየ፤ ክሽይድ ግና ኣይደልን።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ዋእ! እንታይ ዲኻ ኮይንካ? ካብ መኣዝ እዩ ከምዚ ዝበለ ኣመል ዘምፃእኻ?

ኣብርሃም፡- ክንከይድ ኢና እንተይልኩም ንስኻትኩም ኪዱ። ኣነ ኣብ ገዛይ ክፀንሕ እየ።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ምሳሕ ኣየዳለኹን፤ ከም ቀደምና ኣብኡ ኢና ክንመስሕ?

ኣብርሃም፡- ያመይ እውዕል እምበር ናብኡ ኣይከድን።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ንምንታይ? (ኣብ ማእኽል ሃለቃ ኪዳነ በዓል ቤተን ንወይዘሮ ሃይማኖት ናብ ገዛ ይኣትዉ)

ሃለቃ ኪዳነ፡- (ኣብ መንበር ኮፍ እናበሉ) ደንጒየኩም ዶ?

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ናይ ምድንጓይስ ድሓን ነይሩ።

ሃለቃ ኪዳነ፡- ካሊእ ድኣ እንታይ ተረኺበ?

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ቆልዓ ናብ እንዳ ሓጂ ነጋሽ ኣይከድን ይብል ኣሎ።

ሃለቃ ኪዳነ፡- (ናብ ኣብርሃም እናጠመቱ) ናብ እንዳ ኣያኻ ነጋሽ ዘየኸይድ እንታይ ሓዱሽ ነገር ተረኺቡ?

ኣብርሃም፡- ድሮ መስቀል ኣብ መንገዲ ምስ ጀማል ተራኺብና ነይርና። ፅባሕ ገዛ ንዓ ኢኻ ኢለ ነጊረዮ እንተብቅዕ ከይመፀአ ተሪፉ።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- “ገበረኒ ክገብር ዓዲ ኣየጋብር” ዝበሃል ምስላ ኣሎ። እዚ ትብሎ ዘለኻ ከቢድ ኣይኮነን እንተዝኸብድ እውን እናሕለፍካን እናተኸኣኣልካን እዩ።

ሃለቃ ኪዳነ፡- (ብዘረባ ወዶም እናሰሓቑ) ብምንታይ ምኽንያት ከ ዝተረፈ ይመስለካ?

ኣብርሃም፡- እንታይ ፈሊጠሉ?

ሃለቃ ኪዳነ፡- ብድሕሪ መስቀል ተራኺብኩም ነይርኩም ዶ?

ኣብርሃም፡- እወ

ሃለቃ ኪዳነ፡- እሞ እንታይ ተበሃሂልኩም?

ኣብርሃም፡- እንታይ ክብሎ ድኣ ሰላም ከይበልኩዎ ስቕ ኢለ ሓሊፈ።

ሃለቃ ኪዳነ፡- እዋይ ቅለት እ! ከመዮ “ዓሻያ እንትፀልኣካስ ከመዓልካ ይኸልኣካ” ዝበሃል ኮይኑ። እንተኾነ ደው ኣቢልካ ንምንታይ ከምዝተረፈ ክትሓቶ ነይሩካ። እንተዘይኮነስ ነቲ ሓውካ ሰላምታ ክትከልኦ? ብሓቂ ስራሕ ዓሻ ሰሪሕኻ።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ከምዛ ብሓደ ሓመድ ጥሒንኩም ዘይዓበኹምስ ሐዚ ብንእሽተይ ነገር ክትቅየሞ? ፀገም ገጢሙዎ ተሪፉ እውን ይኸውን ፅቡቕ ኣይኮነን። ጀማል ሃንደበት ጠባዩ ዝቕይር ሰብ ኣይኮነን። ድሕሪ መስቀል ዕዳጋ ነይረ ናብ ገዛ እንትመፅእ “ማማ” ኢሉ ተሸኪመዮ ዝነበርኩ ተቐቢሉ ክሳብ ገዛ ኣብፂሑለይ እዩ ተመሊሱ። ኣነን መርየምን ካብ ቁልዕነትና ተኸ ትንፋስ ኢና። ብምሕዝነትና ዘይቐንእ ሰብ ኣይነበረን። ሓደ መዓልቲ ዝገበርናዮ ክነግረካ። መቸም ትብለፅ ሓፍተይ ሓያል ተዋቓዒት እያ ነይራ። እናወቕዐት ሞኽ ምስ ኣበለትኒ ንመርየም መሓዛይ የማኽረን። “ክልቴና ኣይንሰንፈላን ኢና ንግጠመላ” ኢለናኒ። ደሓር ኣነን መሓዛይ መርየምን ኣብ ገዛና እናተፃወትና እንተለና ትብለፅ ሓፍተይ ከም ኣመላ ኣቑሒሑ ዘይሓፀብኪ ኢላ ክትወቅዐኒ ጀመረት። ኣነን መርየምን ተዛሪና ፈትያ ክሳብ ትፀልእ ከትኪትናያ። ከምዚ ገይርና ኣብ ገዛ እንዳ መሪየም ኣዕቊብና። ሰለስቴና ተራኺብና እንትንዝክሮ ክሳብ ሐዚ ኢና ንስሕቕ። ፍቕርና ከምዚ እዩ ነይሩ። ኣብርሃም ወደይ!

ሃለቃ ኪዳነ፡- ብስሩ መትረፊኡ እንተይፈለጥካ ምኹራይን ኣይከድን ምባልን ሓዱሽ ባህሪ እዩ፤ ካበይ ኢኻ ኣምፂእኻዮ?

ኣብርሃም፡- (ርእሱ ኣድንን ኣቢሉ) ይቕረ በሉለይ ተጋግየ እየ!

ሃለቃ ኪዳነ፡- ሐዚ ናብ ንቡር መፃእኻ! ንሕና ብዘይካ ኣብ ፀሎት ቦታ ኣብ ካሊእ ተፈላሊና ኣይንፈልጥን። ካብ ዝፈላልዩና ሓደ ዝገብሩና ጉዳያት ይበዝሑ። ኣብ መርዓ ነንበልዖ በሊዕና ሓቢርና ብሓደ ደርፌ ንሕጎስ።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- ኣታ እወ! ኣታ ኣብርሃም ወደይ ረሲዕኻዮ ዲኻ ኣብ መርዓ ሓፍትኻ ኮ መርየም ምሓዛይን ስድረኣንን ከምዛ በዂሪ ጓለን ዘመርዕዋ ድግድጊት ተዓጢቐን እንትሰርሓ ውን ኣይብለካን? ካብዚ ዝዓቢ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን እንታይ ኣሎ?

ሃለቃ ኪዳነ፡- ኣብ ሓጐስ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ፀገም እውን ብሓደ ኢና። ኣብ ሓዘን ‘ፅንዓት ይሃብኩም’ እናተበሃሃልና ንደባበስ። ኣብ በዓላት ‘እንኳዕ ኣብፀሓኩም’ ንበሃሃል። ኣብ ከባቢያዊ ኮነ ሃገራዊ ጉዳያት ብሓባር ንዝቲ፣ ንረዳዳእ። ምትሕግጋዝ ኮነ ምክብባር ባህልና እዩ። ንሕና ናብኦም ንኸይድ ንሶም ናባና ዝመፅኡ ስለእንከባበርን ምክብባር ባህልና ስለዝኾነን እዩ።

ወይዘሮ ሃይማኖት፡- (ካብ ተቐሚጠንኦ ዝነበራ እናተለዓላ) ኣብርሃም ወደይ ደንጒና ደስ ክብሎም ሓቢርና ንኺድ። ጀማል ዓርክኻ እውን ከመይ ከምዝሕጐስ ክትርእዮ ኢኻ።

ሃለቃ ኪዳነ፡- ዲንቂ! ሓቢርና ንኺድ ብምድንጓይና እኳ ይሻቐሉ ይህልዉ። ኣብርሃም ወደይ ኣብኡ ክንዓርቀኩም ኢና።

ኣብርሃም፡- እሺ! ንኺድ።



*በዓልና ተኣኻኺብና ነኽብር*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. “ገበረኒያ ክገብርስ ዓዲን ኣየጋብር።” ዝበለ መን እዩ? ንምንታይ?
2. ኣብ መንጐ ስድራ ክትዕ ዝተልዓለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ ?
3. ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እዚ ምንባብ እንታይ እዩ?
4. ሃለቃ ኪዳነ “ካብ ዝፈላልዩና ሓደ ዝገብሩና ጉዳያት ይበዝሑ” እንትብሉ እንታይ ማለቶም እዩ

**ለ. ሰባት እንትጓነፁ ሽማግለታት ዓዲ እቲ ጐንፂ ዕልባት ንኽረክብ ዝጥቀሙሎም ቃላትን ኣገላልፃታትን ተጠቒምኩም ብመልክዕ ምልልስ ፅሑፍ ኣቕርቡ።**

## 16. ቃላት

### *ፍታሕ ቃላት*

**ብመሰረት ዘለውዎ ዓውዲ ተመሳሳሊ ትርጉም ዘተሰመርሎም ቃላት ኣውፅኡ።**

1. ሰባት ኣብ ሓጐስ ኮነ ኣብ ሓዘን ንምትሕግጋዝ ማሕበር የጣይሹ።
2. ብምትሕግጋዝን ብምክእኣልን ደኣምበር ብግበረኒ ክገብሮ ማሕበራዊ ርክብ ኣይህሉን።
3. ኣብ ክንዲ ንዓይ ንዓኻ ምብህሃል፣ መግለፂ ሓልዮት እዩ።
4. ዓበይቲ ዓዲ ኣብ መንጎ ሰባት ሰነያ ንኽህሉ ይገብሩ።
5. ሃለቃ ኪዳነ ጀማልን ኣብርሃምን ክዛተዩ ብምግባር ምሕዝነቶም ናብ ንቡር መሊሰሙዎ።

## 17. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ኣብ ሰሙን 2 መዓልቲ 5 ዝፀሓፍክሙዎ ምልልስ ኣይሚ ኣካይዱ። ኣይምኹም ኣብ ኣጠቓቕማ ስርዓት ነጥቢ፣ ቃላትን ዝርርባዊ ቋንቋን ክኸውን ይግባእ።**

## ሓፀሓሕፉ

**ኣብቲ ሰደቓ ምስ ዘለዉ ቃላት ዝሰማምዑ ቃላት ኣሊሸኩም ብምጥማር ፊደላቶም ብዝርዝር ፀሓፉ። ኣብ ኣዘራዝራ ለውጢ ፊደል ዘርእዩ እንተሃሊዮም ፈሊኹም ኣመልክቱ።**

| ቃል | ተጣማሪ | ምስሩት ቃል | ዝተረአየ ለውጢ |
|---|---|---|---|
| ገፅ | ምድሪ | ገፀ ምድሪ | "ፅ" ናብ "ፀ" ተቐይሩ |
| ሃገር | | | |
| መርሀ | | | |
| ዓብዪ | | | |
| ውልቂ | | | |
| ድሕሪ | | | |
| ዓንዲ | | | |
| ኣፍ | | | |

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ “ሓባራዊ ሓጎስ” ዝብል ምንባብ እንታይ ነይሩ?**

### ንባብ ምልከት

**“ሓባራዊ ሓጐስ” ኣብ ዝብል ፅሑፍ ኣብርሃምን ወይዘሮ ሃይማኖትን ቅድሚ ሃለቃ ኪዳነ ዘካየዱዎ ናይ ፊለማ ምልልስ ጥራሕ ብምልከትን ብግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ። ነንባዕልኹም በዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ተገማገሙ።**

| መከታተሊ ቅጥዒ | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ናህሪ ኣናብባ | | | ኣገላልፃ | | | ኣጠቓቕማ ግዘ | | |
| ካብ ግቡእ ንላዕሊ | ግቡእ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት |
| | | | | | | | | |

## 19. ዝርርብ

**“ሰናይ ሓሳብ” ኣብ ዝብል ምልልስ ዝርከቡ ገፀ ባህሪያት ወኪልኩም ዘካየድኩምዎ ልምምድ መሰረት ብምግባር ሓፂር ተዋስኦ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 20. ሰዋስው

### መተሓሓዝቲ ቃላት

**ቀፂሎም ብዝቐረቡ መተሓሓዝቲ ቃላት ተጠቒምኩም ሽዱሽተ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

1 ብተወሳኺ

2. ብኣንፃሩ

3. ብተመሳሳሊ መንገዲ

4. ስለዝኾነ

5. ብኻሊእ ኣገላልፃ

6. ኰይኑ ግና





7

# ወልፊ

## ሰሙናዊ ርእሲ ሽጋራ ምትካኽን ጫት ምቕሓምን

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

## 1. ትንታነ ቃላት

***ምጥማር***

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ስለ-ዘይ-መፅ-ኣት - /ስለዘይመፀት/*

ሀ. ብ-ዘይ-ኮኖ

ለ. ኣይ-ረኽቦ-ን

ሐ. ስለ-ዘይ-ወዓሉ

መ. ኣይ-ረአይ-ኹ-ን

ረ. ስለ-ዘይ-ነበረ

ሰ. ዘይ-ተ-ፀበዩ

ሸ. ኣይ-ፀንሐ-ናን

## 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ወልፊ ጫት፣ ሽጋራ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ዘለዎም ሰባት ኣብ ገዝኦም ኮነ ኣብ ማሕበረሰብ እንታይ እንታይ ፀገማት የጋጥሞም ኢልኩም ትግምቱ?**

***እዋን ንባብ***

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነቶም ዝጐደሉ ሓሳባት መሊእኹም ፀሓፉ።**

1. ኣካለ መጠን ዝበፀሓ እየን ዝተበሃላ _____ን_____ን እየን።
2. መማህርቲ ራህዋ _____ትበሃል።
3. ክልቲአን ደቂ ክፍሊ _____ሰትየን።
4. ራህዋ መጠናኽሪ ትምህርቲ ክምዘለዋ ንወለዳ ዝገለፀትሎም ዕለት_____ ወርሒ_____ ነይሩ።
5. “ንሕና ቀሓምቲ ንስኺ ተዓዛቢት ክትኮኒ ዕቡቕ ኣይኮነን!” ዝበለ _____እዩ።
6. እን ራህዋ ዝነበራላ ፀባብ ክፍሊ ብ_____፣_____ን_____ን ተዓፊነት።

# ተጓንፎ ወይዘሮ ራህዋ

ወይዘሮ ራህዋ እበሃል። ማርታን ኣስቴርን ዝበሃላ ቈልዑ ኣለዋኒ። ደቀይ ንኣካለ መጠን ዝበፀሓ እየን። ኣብ ዕድመ ንእስነተይ ዘጋጠሙኒ ፀገማት ደቀይ ምእንቲ ክመሃራሉን ክጥንቀቓን ብግልፂ የውግዐን። ብፍላይ ተምሃሪት ዓስራይ ክፍሊ እንተለኹ ዘጋጠመኒ ተጓንፎ ብተደጋጋሚ የዘንትወለን። እቲ ተጓንፎ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

ሰኑይ 20 መስከረም መእተዊ ሰዓት ቤት ትምህርቲ ስለዘሕለፍኩ ኣብ ደገ ንኽፅበይ ተገደድኩ። እናተፀበይኹ እንተለኹ ሮዛ እትብሃል ጓል ክፍለይ ናብ ድኳን ንኸካይዳ ጠየቐትኒ። ናብቲ ዝደለየቶ ድኳን ከድና። ሮዛ ነቲ በዓል ድኳን፣ "ተፋለጣ ራህዋ ትበሃል" በለቶ። ቀፂላ ክልተ ማስቲካ ዓዲጋ ሓንቲ ሃበትኒ።

ፀኒሓ፣ ነቲ በዓል ድኳን ለስላሳ ኣለቅሐኒ ኢላ ብድሕሪ እቲ ድኳን ናብ ዝርከብ ክፍሊ መሪሓትኒ ኣተወት። ለስላሳ እናሰተና እንተለና በዓል ድኳን ስልኪ ደዊሉ ምስ ዝኾነ ሰብ ተዘራረበ። ድሕሪ ዓሰርተ ደቒቓ ሓደ ዳዊት ዝተበሃለ መንእሰይ ናብ ዘለናሉ ክፍሊ ኣተወ። ምሳና ተላሊዩ ንኽፃወት ግዜ ኣይወሰደሉን። ቀልድታት እናልዓለ ኣስሐቐና። ኣብ መወዳእታ፣ ናይ ለስላሳ ሒሳብ ከፊሉ ሰንበት ምስ ሮዛ ናብ ገዝኡ ንክመፅእ ዓደመኒ።

ሰንበት ንወለደይ መጠናኸሪ ትምህርቲ ኣለኒ ብዝብል ምኽንያት ካብ ገዛይ ወፃእኹ። ምስ ሮዛ ኣብ ዝተቛፀርናሉ ቦታ ተራኸብና። ካብ ዝተራኸብናሉ ቦታ ብዙሕ እንተይረሓቕና ሮዛ ናብ ሓደ ዓብዪ በሪ ቀሪባ ኳሕኰሐት። ዳዊት ማዕፆ ከፊቱልና እንትንትው ሓንቲ ንእስቲ ካብቲ መረባ ክትወፅእ ኣብ በሪ ተራኸብና። ዳዊት ናብ ክፍሉ ሒዙና ኣተወ። ኣብ ውሽጢ ካሊእ መንእሰይ ፀንሐ። እታ ዝኣተዉናያ ክፍሊ ሓንቲ ዓራት፣ ኣብ ባይታ ዝተዘርገሐ ፍርናሽ፣ ቴሌቪዥን ምስ ዴካ ውሱናት ኣቑሑት ዝሓዘት እያ። እንትኣትው ዘይፈልጦ ጨና ስለዝተቐበለኒ ዕቡቕ ስምዒት ኣይተሰመዐንን።

ሮዛ ኣቑሑት ቡን ቀራረበት። ዳዊት ልስሉስ መስተታትን ምግብን ቀረበ። ሓቢርና በላዕና። ድሕሪኡ፣ ዳዊት ካብ ንእሽተይ ሳንዱቕ ብጋዜጣ ዝተጠቕለለ ነገር ኣውፀአ። ነቲ ጋዜጣ ቀሊዑ ልሙዕ ጫት ብስርዓት ዘርገሐ፣ "በሉ እናቐሓምና ንከየፍ" ኢሉ እናቖንጠረ ዓደለ። ኣነ ከምዘይበልዕ ምስ ነገርኩዎም ሰለስቲኦም ሰሓቑኒ። ሮዛ፣ "ሕፈሪ፣ ከመይ ዝበልኪ ፋራ ድኣ ኢኺ"! በሊ ከይተዕርፍኒ ቀሓሚ"! በለት።

ዋላ ከመይ ከም ዝቀሓም ፍልጠት ኣይሃልወኒ ፋራ ንኸይበሃል ቆፅሊ ጫት ናብ ኣፈይ ኣእተኹ። እቲ ካሊእ ወዲ ውልዶ ቆፅሊ ጫት እናቐንጠበ ሃበኒ። ድሕሪ ውሱን እዋን ዳዊትን እቲ ካልኣይ ወድን ሽጋራ ከትክኹ ጀመሩ። ሮዛ እውን ካብ ዳዊት እናተቐበለት ኣትከኸት። ዘይተፀበይኹዎ ነገር ኮይኑኒ ኣዝየ ደንገፅኩ። ካብኡ ኸ እንታይ እዩ ክቕፅል ዝብል ጭንቂ ወረረኒ። እታ ክፍሊ ብጫት፣ ብዕጣንን ብሽጋራን ተዓፊነት። እቲ እንትኣትው ዝጨነወኒ ይኹን ወይ እቲ ትኪ፣ ኩሉ ነብሰይ ክርበሽ ጀመረ። ነብሰይ ብረሃፅ ተሓፀበ። ንሳቶም ግና ንዓይ እናረአዩ ይስሕቑን ይጠቓቐሱን ነበሩ።

እቲ ጉዳይ በዚ ኣየብቀዐን። ብዝህቡኒ ውልዶ ጫትን ዝሰትዮ ኮካ ዝመስል ካብ ጆግ ዝቕዳሕ መስተን ሰውነተይ ፍትሕትሕ ዝበለ መሰለኒ። ብዝርእዮም ነገራት

እውን ተመሰጥኩ። ቀስ ብቑስ ምስካፍ ገዲፈ ንጥፍቲ ኣባል ኮንኩ። ፀፀኒሐ ብዘይ ምኽንያት ክስሕቕ ጀመርኩ። እቲ ወዲ ካብ ዝነበሮ ናብ ጥቓይ ተፀገዐ። ብዙሕ ከይፀናሕና ሮዛ ካሴት ኣእትያ ቪድዮ ከፈተት። ናይ ፍቕሪ ፊልም ብዝብል ሽፋን ምስዕዓምን ቅሉዕ ፆታዊ ረኽብን ዘርእይ ምርኢት ቪድዮ ቀረበ። ብጫትን ካብ ሰለስቲኦም ብዝወፅእ ትኪ ሽጋራን በቲ ዝሰተኹዎ ነገርን ኣብ ቁፅፅር ስለዘወዓልኩ ዘምልጠሉ ዓቕሚ ኣይነበረንን።

ቅሒምና ምስ ወዳእና ንመስበሪ ምርቃና ተባሂሉ ቢራታት ተኸፈተ። ናይ መስተ ልምዲ ስለዘውነበረኒ ሓንቲ ወዲኣ ኣብ ካልኣይቲ ርእሰይ ዘይፋኒ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነት እናሃለና ማዕፆ ብሓይሊ ተኳሕኲሑ። ክልተ ፖሊስ መፂኦም ኣብ ቁፅፅር ኣውዓሉና። ኣብቲ ግዘ ኣነ ምስ ውነይ ስለዘይነበርኩ እንታይ ይበሃል ከምዝነበረ ኣይተረደኣንን። "ተስኢ!" እንትብሉኒ ግና ኣእጋረይ ተሓላሊኽን ወስ ምባል ኣበያ። እቲ ገዛ ይዘውር ዘሎ መሰለኒ፤ ተመሊሰ ናብ መሬት ወደቕኩ። ፖሊሳት ብኽልተ ኣእዳወይ ኣንጠልጢሎም እንትወስዱኒ መላእ ኣካለይ ብተምላስ ተዓየነ። ከምዚ ኮይነ ናብ መኪና ኣተኹ።




*ብሰንኪ ንቑፅ ይነድድ ርሑስ*

ብፅባሒቱ ኩሉ ነገር ንኽፈልጥ ዕድል ረኺብኩ። እቲ በዓል ድኳንን ሮዛን ዝኽፈሎም መማፃእቲ እዮም። ሮዛ ተምሃሮ እናሓበለት ናብቲ ድኳን ትወስድ። በዓል ድኳን ናብ ዳዊት የመሓላልፍ። ዳዊት ብደላሊ መልሓሱ ኣእሚኑ ገንዘብ ብዝህቡዎ ሃፍትም ክድፈራ ይገብር። ድሕሪ እዋን ሮዛ ትምህርቲ ኣቋሪፃ ነብሳ ናብ ምሻጥ ተዋፈረት። ኣነ ግና ሳላ እታ ክንኣትው ዝረኣየትና ንእስቲ ንፖሊስ ዝሓበረት ህይወተይ ካብ ምብልሻው ደሓነት። እኒሀ ድማ ሙዉቕ ሓዳረይ እናመራሕኹ ንዓኻትክን ወሊደስ ኣብ ሰብ ዝበፅሖ ኣብፂሐክን።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሱ።**

1. ኣብ እግሪ እቲ ስእሊ ዘሎ ፅሑፍ ንመን ይምልከት? ንምንታይ?
2. እታ ቈልዓ ንምንታይ እያ ናብ እኒ ሮዛን መሓዙታን ፖሊስ ሰዲዳ?
3. ራህዋ ጫት ኣይቅሕምን ምስ በለት ሮዛ "ፋራ ከይተብልና" ዝበለታ ንምንታይ ዕላማ ይመስለኩም?
4. ንስኻትኩም ከም ሮዛን ዳዊትን ዝበሉ መሓዙት እንተዘጋጥሙኹም እንታይ ምገበርኩም?
5. ተግባር እቲ በዓል ዱኳን፣ ሮዛን ዳዊትን እንታይ የምህር?
6. ራህዋ ደድሕሪ ሮዛ ምኻዳ እንታይ ኣስዒቡ?

**ለ. ነዞም ሕቶታት ግቡእ መልሲ ሃቡ።**

1. ከም ጫት ምቕሓም፣ ምትካኽ ሽጋራ ወዘተ. ዝበሉ ወልፊ ዘትሕዙ ተግባራት ምውፋር ኣብቲ ውልቀ ሰብ፣ ስድራን ሃገርን ዘስዕቡዎ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ኣሎዶ? መግለፂ ሃቡ።
2. ራህዋ ደድሕሪ መሓዛኣ ክሳብ ክንድቲ ምኻዳ ግቡእ ዶ ይመስለኩም? ንምንታይ? ሓሳብኩም ብሓደ ዓንቀፅ ግለፁ።

## 3. ቃላት

### *ፍታሕ ቃላት*

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**


*ጫት - ቈፀሉ እንትብላዕ ወልፊ ዘትሕዝ ዓይነት ተኽሊ*

1. ኣካለ መጠን (ዓንቀፅ 1)
2. ውልዶ (ዓንቀፅ 6)
3. ተመሰጥኩ (ዓንቀፅ 7)
4 ተሓላሊኽን (ዓንቀፅ 8)
5. ተዓየነ (ዓንቀፅ 8)
6. ብደላሊ (ዓንቀፅ 9)

## 4. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ሳዕብየናት ምጥቃም ሽጋራን ጫትን ዝምልከት ስእላዊ መዋደዲ ንምድላው ነዞም ዝተረፉ ባዶ ሳንዱቓት ኣድለይቲ ብዝኾኑ ንኡሳት ሓሳባት ምልኡ።**




## ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ውሽጢ እዞም ቃላት ዘለዉ ምእላዳት ነፂልኩም ምስ ፀሓፍኩም ዝተረኣዩ ለውጢ ፊደላት ተዛረቡ።**

*ኣብነት፡- እንተጋጠሙኒ → እንተ-ኣጋጠም-ኡ-ኒ*

| | |
|---|---|
| ሀ. ክመሃራሉ | መ. ዝተቑፀረና |
| ለ. እንተሓተቱዋ | ረ. ዘይተፀበዩዎ |
| ሐ. ዝፈልጡዎም | ሰ. ስለዝነበሮም |

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ተጓንፎ ወይዘሮ ራህዋ" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ምልከት

ዓንቀፅ ሓደን ክልተን ብምልከትን ብግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ቅዩዳት ወልፊ



*ወልፊ ጫት ውድቀት እምበር ዕብየት ኣየምፅእን*

### ቅድመ ምድማፅ

ነቲ ኣብ መፅሓፍኩም ዘሎ ርእሲ ምንባብን ስእልን ርእይኹም ትሕዝቶ እቲ ፅሑፍ ገምቱ።

### እዋን ምድማፅ

እናዳመፅኩም ቀፂሎም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ምልኡ።

| ዘይተማልአ ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|
| እቲ እንዳ ጫት ዝርከበሉ ቀበሌን ከተማን | |
| ኣብ "ማህደር ጆጋኑ" ዝምዝገቡ ነገራት | |
| "ሎሚ ገንዘብ የብለይን እንተኢልካኒ ክዓብድ እየ" ዝበለት | |
| ድምር ዕዳ ደቦጭ ብብር | |
| ደቦጭ ካብቲ እንዳጫት ዝወፀሉ እዋንን ሰዓትን | |

## *ድሕረ ምድማፅ*

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩሙዎ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብመሰረት ዘዳመፅኩሙዎ "... ቀወምቲ ተሰለፍቲ..." ዝተበሃሉ እን መን እዮም? ንምንታይ?
2. "ንዕኦም ተባሂሉ ዝተዳለወ ደብተር" ኣብ ዝብል ሓረግ "ንዕኦም" ንመን እዩ ዘመልክት?
3. ደቦጭ ሞባይሉ ዝዓፀወሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
4. እቲ መዘንተዊ "ከከምዝንባለኦም ክሓልሙ ጀመሩ" እንትብል እንታይ ንምግላፅ እዩ?

**ለ. ንሕድሕድ ሕቶ ግቡእ መልሲ ፀሓፉ።**

1. ካብ ተግባራት ደቦጭ እትመሃሩዎ ፅቡቕ ስነምግባር ኣሎዶ? ግቡእ መብርሂ ሃቡ።
2. ሳዕብየን ወልፊ ጫት ዘርዝሩ።
3. ከም ውልቀ ሰብ ወልፊ ካብ ዘትሕዙ ነገራት ንምርሓቕ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ? ተመያየጡሉ።
4. ደቦጭ እንታይ ዓይነት ሰብ እዩ? ስብእንኡ ዝግምግም ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።

# 7. ሰዋስው

## *ፅግዕተኛ ሓረግ*

**ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ፅግዕተኛ ሓረግ ዝምስርቱ ምእላዳት ተጠቒምኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ። (ሓደ ምእላድ ካብ ሓደ ግዘ ንላዕሊ ምጥቃም ይካኣል።)**

**ኣብነት፡-**

*መምህር ደብተር ____ዝሃባኒ ብጣዕሚ ተሓጕሰ።*

*መምህር ደብተር ስለ ዝሃባኒ ብጣዕሚ ተሓጕሰ።*

| | |
|---|---|
| ሀ. እንተለና | መ. እና |
| ለ. ከም | ረ. ምስ |
| ሐ. ስለ | ሰ. እንተይ |

ሓደ መዓልቲ _1__ዝፈትዎ ዓርከይ _2__ኣፅናዕና __3_ ትምህርቲ ኣዐርዩ ክርደኣና ጫት ዘይንቕሕም ኢሉ ሓተተኒ። ኣነ ግና የመና _4__ዝፍንፍኖን ንልምዲ __5_ ዘይነበረንን ሓሳቡ ኣይተቐበልኩዎን። ካብ ከምዚ ዝበለ ሕማቕ ተግባር ክንርሕቕ _6__ዘለና እውን ነገርኩዎ። ይኹን እምበር ዓርከይ ወልፊ ጫት _7__ዝነበሮ ሰሚዑ፣ _8__ዘይሰምዐ ስቕ በለ። ምኽንያቱ እቲ ተግባር ሕማቕ ምዃኑ_9__ ተረድኦ ዝተረፈ ኣይመስለንን።

## ሰሙናዊ ርእሲ ፅልዋ ወልፊ

### ሰሙን 2 መዓልቲ 4

# 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ነቲ ስእሊ ምስረኣይኩም ትሕዝቶ እቲ ምንባብ እንታይ ይኸውን ኢልኩም ገሚትኩም?

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ብዝሰማምዑዎም ቃላት ምልኡ።**

1. ኪዳነ ተምሃራይ 4ይ ዓመት_____ እዩ።
2. ኣደ ፍፁም _____ ይበሃላ።
3. ፍፁም ብሰንኪ ወልፊ ጫት ትምህርቱ ዘቋረፀሉ ደረጃ ክፍሊ _____ እዩ።
4. ፍፁም ስርቂ ካብ _____ጀሚሩ።
5. ንፍፁም ጓል ክፍሉ ብር _____ገዲፋትሉ ከይዳ።

# ፍፁም በርቂ

ኪዳነ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓዲግራት ክፍሊ ትምህርቲ ምህንድስና ተምሃራይ ራብዓይ ዓመት እዩ። ንዕረፍቲ ናብ መቐለ መጺኡ እናተዛወረ እንተሎ፣ "ኪዳነ!" ዝብል ድምጺ ሰሚዑ ናብድሕሪት ቆላሕ በለ። ሓደ መንእሰይ "ኪዳነ ዓርከይ" እናበለ ሓቑፉ ሰዓሞ። ካብኡ "እንኳዕ ዳሕና መፃእኻ!" በሎ። ኪዳነ ስለዘየለለዮ፣ "ይቕረታ ዝሓወይ ኣይፈለጥኩኻን" በሎ። እቲ ወዲ፤ "ቀደም ፍፁም ዝበሃል ዓርኪ ኣይነበረካን?" በሎ። ኪዳነ "ፍፁም በርቂ ዓርከይ!" ኢሉ ከም ብሓዱሽ ሓቑፉ ሰዓሞ። ምእንቲ ኮፍ ኢሎም ከውግዑ ናብ ሓደ እንዳ ሻሂ ኣተዉ።

ፍፁም መንበር ስሒቡ ኮፍ እናበለ፣ "በርቂ እትብል ቃል ኣይረሳዕኻያን!" በሎ።

ኪዳነ ድማ፣ "ከመይ ገይረ ክርስዓ? ንመንፋዕትኻ እትገልፅ ሳጓ እንድያ። ድሕሪ ዓስራይ ክፍሊ ኣይተራኸብናን። ኣበየናይ ዩኒቨርስቲ ትመሃር ኣለኻ?" ኢሉ ሓተቶ።

ፍፁም "ናብ ዩኒቨርስቲ ኣይኣተዉኩን።" ኢሉ መለሰ።

"እንታይ ዲኻ ኰይንካ?" በሎ ኪዳነ ንምእማን ስለዝተፀገመ። ፍፁም ሓሳቡ ከመይ ከምዝጀምር እናሰላሰለ ድሕሪ ምፅናሕ፣

"ኪዳነ፣ ንዓይ በርቂ፣ ንፋዕ፣ በሊሕ፣ ወዘተ. ዝብሉ ቃላት ኣይገልፁንን። ኣብ መሰናድኦ ብሓንሳብ ስለዘይነበርና ትፈልጦ ነገር የብልካን። ኣብ 11 ክፍሊ ትምህርቲ ብምቁራፀይ ካብ መሓዙተይ ድሕሪት ተሪፈ" ኢሉ ንብዓት ቅፅርፅር በሎ።

ኪዳነ ደንጊፁ፣ "ንምንታይ?" ብምባል ሓተቶ።

"ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ እናተመሃርኩ ምስ ሓደ መማህርተይ ብሓባር ክነፅንዕ ጀመርና። ሓደ መዓልቲ እናፅናዕና እንተለና፣ "ትምህርቲ ጭንቀት ከይተሰመዐና ምእንቲ ክርደኣና ጫት ዘይንገዝእ?" ይብለኒ። ንግዚኡ ከምኡ ነገር ክንሓስብ ከምዘይብልና ነገርኩዎ። እናደጋገመ ምስተዛረበኒ ግና ዋላ ጀሚረ ዘይገድፎ ብምባል ምቕሓም ጀመርኩ። ዓርከይ ብዝግባእ ኣይፈልጦን ነይረ፤ ለካ ንሱ ኣዝዩ ውሉፍ ጫት እዩ ነይሩ።

"ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ እናበለ ዘጀመረኒ ምቕሓም ጫት ቀስ ብቐስ ዕለታዊ ተግባርና ኮነ። እንቕሕሞ መጠን ጫት ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ መፀኣ። ኣብቲ እንዳ ጫት ቀወምቲ ኣባላት ስለዝኾንና ቀሓምቲ ኣዕሩኽ ኣጥረና። ኣብ መፅናዕቲ ካብ እነሕልፎ ኣብ ምቕሓም እነሕልፎ ግዘ ስለዝበዝሐ ውፅኢት ትምህርተይ ኣንቆልቆለ። ብውድቀተይ ዝደንገፁ መማህራነይ እናፀውዑ ደጋጊሞም መኸሩኒ። ግና ከመሓይሽ ኣይከኣልኩን። ገሊኦም ቁጠባዊ ፀገም መሲሉዎም ገንዘብ ሃቡኒ። ተቐቢለ ንጫት ኣውዓልኩዎ።" ምስ በለ፣ ኪዳነ ኣብ መንጎ ኣትዩ "ከምዚ እንትትኸውን ማማ ኣምለሱ ኣይፈልጣን?"

"መጀመርታ ኣይፈለጠትን። ወልፊ እናበርተዐኒ ምስ ከደ ካብ ትምህርቲ ኣብኩረ ክቕሕም ጀመርኩ። ምብኳር ምስ በዝሐ ሓላፊ ክፍለይ ወላዲተይ ንኽምፅእ ኣገደደኒ። ንኣደይ ብዙሕ ግዘ ከምዝተረፍኩን ውፅኢት ትምህርተይ ከምዝተሓተን ምስተነገራ ብተግባረይ ሓፊረት፤ "ተስፋይ ፀልሚቱ" ኢላ ዝሕንዝሕ ነብዐት። ኣብ ቅድሚ

ወላዲተይ ተዋረድኩ። ብወልፊ ስለዝተኣሰርኩ ግና ክገድፎ ኣይከኣልኩን። ስለዚ ካብ ቤት ትምህርቲ ተባረርኩ።

ካብ ቤት ትምህርቲ ምስተባረርኩ ምድረ ሰማይ ፀልመተኒ። ወልፈይ ንምዕጋስ፣ ገንዘብ ካብ ዝፈልጦም ሰባት ምልማን ጀመርኩ። ወጊሓ ክሳብ እትዓርብ ምውዓለይ ኣብ እንዳ ጫትን እንዳ መስተን ኮነ። ክዳውንተይ፣ መፃሕፍተይን ንመዐገሲ ወልፈይ ሸጥኩዎም። ብምቕፃል ካብ ድኳ ወላዲተይ ገንዘብ ምስራቕ ጀመርኩ። ስርቀይ ኣብ ገዛ ተወሲኑ ኣይተረፈን። ኣብ ከባቢና ተሓጺቦም ዝተሰጥሑ ክዳውንቲ ክሰርቕ ጀመርኩ። ሓደ መዓልቲ ካብ ሓደ መረባ ክሰርቕ ኢድ ብኢድ ስለዝተተሓዝኩ ብገበን ስርቂ ተኸሲሰ ሰለስተ ወርሒ ተፈረደኒ። ረአ ኪዳነ ዓርከይ! ወዝቢ ዝተጀመረ ወልፊ ናብ ካሊእ ዝዓበየ ወልፊ እናሰጋገረ ናብዚ ብርኪ ኣብፀሓኒ።



*ናይ ትማሊ ህይወተይ ብዓይኒ ሎሚ*

ካብ ቤት ህንፀት ምስ ወፃእኹ ኩሉ እዚ ሰራቒ እናበለ ዝጥምተኒ ዘሎ መሰለኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ዝዓበኹሉ ሰፈር ተነፂለ ጎደና ሓደር ኮንኩ። ኣይትጥፋእ እንትብለኒ ሓንቲ ጓል ክፍለይ ዝነበረት ኣብ ጐደና ወዲቐ ረኸበትኒ። መጀመርታ እናነብዐት ኣብ ኢዳ ዝነበራ ብር 40 ገዲፋትለይ ከደት። ንኣቦኣ ስለዘእመነቶም ንፅባሒቱ ክልቲኦም መፂኦም ናብ ገዝኦም ወሰዱኒ። ኣቦኣ ኣብ ሆስፒታል ኪኢላ ስነባህርይ እዮም። መጀመርታ ኩሉ ነገር ብግልፂ ክነግሮም ሓተቱኒ። ሓንቲ ከይሓባእኹ ኩሉ ታሪኸይ ነገርኩዎም። ናብ ወላዲተይ ከይዶም ክሳብ ዝሓዊ ምስኦም ከምዝነብር ነገሩዋ። ድሕሪ ብዙሕ ክትትልን መድሓኒትን ካብ ወልፊ ምሉእ ብምሉእ ነፃ ኮይነ ናብ ወላዲተይ ተመለስኩ። ትምህርተይ እውን ቀፀልኩ። ሐዚ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ወዲአ ናብ ዩኒቨርስቲ ዘእትው ልዑል ውፅኢት ረኺበ ኣለኹ።”

ኢሉ ዘረብኡ ዛዘመ።


ኪዳነ ንብዓቱ እናሓበሰ፣ “ከቢድ ፈተና ኣሕሊፍካ። እቲ ቀንዲ ነገር ግና ኣጋጢሙካ ካብ ዝነበረ ፀገም ምውፃእኻ እዩ። ርግፀኛ እየ፤ ድሕሪ ደጊም ካባኻ ዝፀንዕ ሰብ ኣይህልውን እዩ። ኣነ ዝኸእሎ ኩሉ ክሕግዘካ እየ።” በሎ። ብሓባር ክዛወሩ ድሕሪ ምውዓል ድማ ብግዝ ነናብ ገዝኦም ከዱ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ መልሱ።**

1. ኪዳነ፣ ንፍፁም ... “ከቢድ ፈተና ኣሕሊፍካ...” ዝበሎ ፍፁም እንታይ እንታይ ፈተናታት ስለዘጓነፉዎ እዩ?
2. ፍፁም፤ ‘በርቂ ዝብል ስም ንኣይ ኣይገልፀንን’ ዝበለ ንምንታይ እዩ?
3. “ሓደስቲ” ዝተባሃሉ ኣዕርኽቲ ፍፁም ብባህሪኦም እንታይ ይመስሉ?
4. ንፍፁም ጓል ክፍሉ ዝነበረት፣ ዝፈፀመቶም ተግባራት ከመይ ትግምግምዎም?
5. ናብ ምኽሓም ጫት፣ ምትካኽ ሽጋራ፣ ንኽትዋፈሩ ዘተባብዑ መሓዙት እንተዘጓንፉኹም እንታይ ምገበርኩም? ብጉጅለ ተመያየጡሉ።

**ለ. ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ስእላዊ መዋደዲ ሰንክን ሳዕብየንን ብዘመልክቱ ሓሳባት መልኡ።**




**ሐ. ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ፅሒፍኩም ኣቕርቡ።**

## 9. ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣብ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ቃላት ካብ “ለ” ተመሳሳሊኦም ደሊኹም ኣዛምዱ።**

| “ሀ” | “ለ” |
|---|---|
| 1. ገበን | ሀ. ሕስረት |
| 2. ውርደት | ለ. ትምኒተይ መኺኑ |
| 3. ውድቀት | ሐ. ሕፅረት |
| 4. ተነፀለ | መ. ዓቕሊ ፅበት |
| 5. ጭንቀት | ረ. ተቐረፈ |
| 6. ሓፈረት | ሰ. እንተይተሓሰበ |
| 7. ፀልሚቲ | ሸ. ጥፍኣት |
| 8. ወዝቢ | ቀ. ሓነኽት |
| | በ. ፅንወት |
| | ተ. ተፈለየ |

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ 2 ኣብ ዘዳለኹሙዎ ኣብ ምኽንያትን ውፅኢትን ዝተደረኸ ስእላዊ መዋደዲ ናብ ዘለዉ ቀንዲ ሓሳባት ዘርዘርቲ ምሉእ ሓሳባት ብምውሳኽ 3 ዓንቀፅ ዝሓዘ ረቂቕ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ቀፂሎም ዘለዉ ምእላዳት ጠሚርካ እንትፀሓፉ ዝተረኣዩ ለውጢ ፊደላት ግለፁ።**
ሀ. ስለ-ዘእመነት-ኦ-ም

ለ. ምስ-ተባረርክ-ኡ

ሐ. ከይ-ሓባእኽ-ኡ

መ. ስለ-ዝ-ተትሓዝክ-ኡ

ረ. ኣይ-ተራኽብን-ኣ-ን

ሰ. ስለ-ዘ-ለለይ-ኦ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ፍፁም በርቂ" ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ሓሳብ ተዛረቡ።**

### ንባብ ናህሪ

**"ፍፁም በርቂ" ኣብ ዝብል ምንባብ ካብ መወዳእታ እቲ ፅሑፍ 2ይ ዓንቀፅ ብናህሪ ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቓ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ተግባር ናይቶም "ክኢላ ስነባህርይ" መሰረት ገይርኩም ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሕድ ሕድኣዊ ምትሕግጋዝ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ።**

## 13. ሰዋስው

### ፅግዕተኛ ሓረግ

**ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ካብዞም ፅግዕተኛ ሓረጋት እናመረፅኩም ምልኡ።**

*ሀ. እንተዘይቕየድ* — *መ. ከምዝጅመር*

*ለ. ኮፍ ኢሉ* — *ረ. ምስከደ*

*ሐ. ስለዝነበርኩ* — *ሰ. እንተይቀሓምኩ*

1. ብፅኑዕ ሓሚመ______ ናብ ሆስፒታል ከይደ፤ ተሓኪመ።
2. ብወልፊ ምቕሓም ጫት ______ነይሩ፤ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምበፅሐ።
3. ስሩዕ ትምህርቲ እዚ ዓመት መዓዝ ______ሓበሬታ የብለይን።
4. ፍፁም ኣብ ጕደና _____ እንተሎ መማህርቱ ዝነበረት ረኺበቶ።
5. ፍፁም ወልፊ ጫትን ሽጋራን እናሰዓሮ ______ትምህርቱ ክከታተል ኣይክኣለን።
6. ጫት_____ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይከይድን ነይረ።

ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

***ምንፃል***

**ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።**

**ኣብነት፡-**

*ምስኣጀመራ → ምስ-ኣ-ጀመር-ኣ*

ሀ. ስለዝጀመርኩ

ለ. እንተይተደናገፀ

ሐ. እንተይተጋገየ

መ. ዘሕለፍኩዎም

ረ. እናተመሓየሽኩ

ሰ. ስለዘይከኣልኩ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ሰባት ዝነበሮም ሕማቕ ባህሪ ተፀዪፎም ናብ ሰናይ ንኽምለሱ ግደ መሓዛ ወይ ሕብረተሰብ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ትብሉ?**

***እዋን ንባብ***

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ኣብቲ ሰደቓ ዝርከቡ ባዶ ቦታታት ብግቡእ ሓበሬታ ምልኡ።**

| ሕቶ | መልሲ |
|---|---|
| መዘንተዊ ኣብ ዝነብረሉ ከተማ መዓዝ ድኳን ከፊቱ? | |
| መዘንተዊ ጫት ምቕሓምን ሽጋራ ምትካኽን ክለምድ ዝገበሮ ካበይ ዝመፀ ሰብ እዩ? | |
| መዘንተውን ኣድሓኖምን ሰዓት ክንደይ ክራኸቡ ቆፀራ ሒዞም? | |
| ሐዚ ካብ ዝኾነ ወልፊ ነፃ እየ ዝበለ መን እዩ? | |

# ዘይርስዓ ዕለት

ብዛዕባ ሕማቕነት ወልፊ ካባይ ንላዕሊ ክምስክር ዝኽእል ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ምስ ወልፊ ጫት፣ መስተ ወይ ሽጋራ እትነብሮ ህይወት ኣዝዩ ሕማቕ እዩ። ዕላማታት ኣምኪኑ ንቑጠባዊ ፀገማት የሳጥሕ። ካብ ሕብረተሰብ ክትንፀል ይገብር። ምኽንያቱ፣ ዋላ ሐዚ ካብዞም ወልፊታት እንተተናገፍኩ ቅድም ክብል ብኣኣቶም ብዙሕ ተጎዲአ እየ። ከመይ ኣቲኻዮ በሉኒ!

ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ሰሪሐ ብዝኣከብኩዎ ገንዘብ ድኳን ከፊትኩ። ብፅቡቕ ኣቀራርባ ብርክት ዝበሉ ዓማዊል ኣፍረኹ። በዚ ምኽንያት ዝረኽቦ ትርፊ እናለዓለ መፀአ። በዚ ትርፊን ካብ ባንኪ ብዝረኽብኩዎ ልቓሕን ንግዳዊ ስርሐይ ኣጠናኸርኩዎ። ኣብ ከምዚ ዝበሉ ኩነታት እናሃለኹ ሓደ መተዓብይተይ ካብ ሱዑድ ዓረብ ተሰጒጉ ናብ ዓዱ መፀአ። ኣብ ገፀር ናብ ዝነብሩ ወለዱ ክሳብ ዝኸይድ ድማ ምሳይ ክቕኒ ደለየ። ኣነ እውን ፍቓደኛ ኮንኩ።

ዓርከይ ቀደም ዘይነበሮ ልምዲ ረኣኹሉ። ለካ ኣብ ዝፀነሐሉ ዓዲ ብሕቡእ ጫትን ሽጋራን ለሚዱ ነይሩ። ኣብ ድኳነይ ኮፍ ኢሉ ክቕሕም ጀመረ። መጀመርታ ኣነ ፅቡቕ ከምዘይኮነ መኸርኩዎ። ንሱ ግና ክሰምዐኒ ኣይከኣለን። ብግልባጡ፣ "ድኳንካ ብንቕሓት ክትሕሉን ካልኦት ዓይነታት ንግዲ ምእንቲ ክረኣየካን ጫት ቀሓም" በለኒ።

መጀመርታ ዘረብኡ ኣስሓቐኒ። ፀኒሐ ግና ኢደይ ክሓውስ ጀመርኩ። ቀስ ብቐስ ውሉፍ ኮንኩ። ነዚ ዝተዓዘቡ ዓማዊለይ ትሑት ግምት ሃቡኒ። ብዙሓት እውን ረሓቑኒ። ንግዲ ምስዘሓለኒ ድኳን ዓፅየ ክቕሕም ጀመርኩ። ናብኡ ድማ፣ ሽጋራን መስተን ወሰኽኩሉ። ነዞም ነገራት ንምዕዳግ መናገዲየይ ዝነበረ ገንዘብ ክልዕል ጀመርኩ። ንብረተይ እውን ብሕሳር እናሸጥኩ ምቕሓም፣ ምትካኽን ምስታይን ቀፀልኩ። ብኽምዚ ዝነበረኒ ገንዘብን ንብረትን ወዳእኹ። መዐገሲ ዝለመድኩዎም ወልፍታት ምስ ሰኣንኩ ኣእምሮኣዊ ሽግር ኣጋጠመኒ። ካብ ዝፈልጡኒ ተኸዊለ ክነብር ስለዝጀመርኩ ማሕበራዊ ህይወተይ ተናገፀ። ብከምዝን ካልእን ኣብ ሕማም ወደቕኩ።

ሓደ መዓልቲ ግና ነዚ ዝቕይር ኩነት ኣጋጠመኒ። ኣብ ታኽሲ ተሳፊረ መዐገሲ ወልፊ ስኢነ በይነይ እንትዛረብ፣ "ዝሓወይ! ትሰምዐኒ ዶ ኣለኻ?" ዝብል ድምፂ ኣበራበረኒ። ኣዕይንተይ ጓህሪ መሲሎም ርእሰይ እናሓኸኽኩ፣ "ይቕረታ ዝሓወይ" በልኩዎ። ኣከታቲሉ፣ "እንታይ ዲኻ ኮይንካ?" ኢሉ ሓተተኒ። ዝኾንኩዎ ክነግሮ ስለዘይደለኹ፣ "እንታይ ኮይነ ኢለካ!" በልኩዎ። ብመልሰይ ከይተደናገፀ፣ "ዝኾንካዮ እፈልጦ እየ። ክሕግዘካ እውን እኽእል እየ። ሓገዘይ እንተደሊኻ ስልኪ ቁፅረይ እንካ" ኢሉ ቁፅሪ ሞባይሉን ኣድሓኖም ዝብል ስምን ዝተፃሕፉ ቅንጣብ ወረቐት ሃበኒ።

ምሉእ ለይቲ ብዛዕባ እቲ "ሓገዘይ እንተደሊኻ" ዝበለኒ ሰብ ክሓስብ ሓደርኩ። ክድውልዶ ይትረፈኒ እናበልኩ ባዕለይ ንባዕለይ ሓተትኩ። ኣብ መወዳእታ ግና ንኽድውል ወሰንኩ። ንግሆ ናብ ኣድሓኖም ደወልኩ። ሰዓት ሽዱሽተ ክንራኸብ ቈፀራ ሓዝና። ብእዋኑ ምስተራኸብና ናብ ሓደ ቤት ምግቢ ኣተና። እናመሳሕና እንተለና ኣድሓኖም፣ "ኣነ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ውሉፍ ቀሓሚ፣ መትከኽን ሰታዪን እየ ነይረ።" በለኒ።

**ኣብ ኣፊይ ዝነበረ ኩላሶ ቀልጢፈ ውሒጠ፣ “ሐዚ'ኸ?” በልኩዎ።**

**“ሐዚ ካብ ዝኾነ ዓይነት ወልፊ ነፃ እየ። ሐዚ ካብዞም ወልፍታት ተናጊፈ ፅቡ'ቕ ህይወት እመርሕ ኣለ'ኹ።**

**እንተዘይተጋግየ፣ በዞም ወልፍታት ትሳቐ ዘለ'ኻ ይመስለኒ!” በለኒ።**

**“ኣይተጋገ'ኻን” ብምባል መለስኩሉ።**

**“ክትገድፎ ሓሳብ ኣለካዶ?” ኢሉ ሓተተኒ።**

**“እወ! ግና ኣይከኣልኩን” በልኩዎ።**




*ወልፊ ንዘትሕዙ ነገራት ንፀየፍ*

**“ኣይዞ'ኻ! ዝበልኩ'ኻ እንተገይርካ ክትገድፎ ት'ኽእል ኢ'ኻ። ዝበልኩ'ኻ ክትገብር ግና ፍቓደኛ ዲ'ኻ?”**

**ፍቓደኛ ም'ኳነይ ገለፅኩሉ። ብፅባሒቱ ሕክምና ክጅምር ገበረ። እቶም ምሳይ ዝ'ቅሕሙ ረ'ኺቦም ከየጋግዩኒ ስለዝሰገአ ንሓደ ወርሒ ካብኡ ኣይፈለየንን። ንግሆ ንግሆ ሓቢርና ምንቅስቓስ ኣካል ንገብር። ወልፊ ዘትሕዙ ነገራት ናብ ዘይራኣየሉ መዘናግዒ ቦታታት ይወስደኒ። ቀስ ብቀስ እናመሓየሽኩ መፃእ'ኹ።**

ጥዕናይ ናብ ንቡር ምስተመለሰ ተስፋይ ዓምበበ። በዚ ምኽንያት ካብ ወልፈታት ርሒቐ ህይወተይ ብግቡእ ንኽመርሕ ወሰንኩ። እዚ ንምግባር ካብ ወልፍታት ርሒቐ ሕጉስ ህይወት ዝመርሕ ሕጉስን ጥዑይን ሰብ ኮይነ ምርኣይ ዝብል ራእይ ሓንፀፅኩ። ነዚ ንምዕዋት ድማ ምንቅስቓሰይ ብትልሚ ክምራሕ ከምዘለዎ ኣመንኩ። ምኽንያቱ ብዘይ ትልሚ ዝምራሕ ህይወት ንውድቀት ቀረባ ምኻኑ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮይ ተረዲኣ እየ። ብተወሳኺ "መን ምኻንካ ክነግረካ ምስ መን ከምትውዕል ንገረኒ" ከምዝበሃል መዋዕልተይ ዘውፃእኹዎ ትልሚ ዘዐንቅፉ ክኾኑ ከምዘይብሎም ወሰንኩ።

ትልመይ ንኣድሓኖም ምስ ኣርኣኹዎ ከርና ተሓጉሰ። ኣብ ኣጠቓቕማ ግዘ ዝነበሩ ክፍተታት ሓበረለይ። ብፍላይ ስራሕ ፍልፍል ሓጉስ ከምዝኾነ ንምርዳእ፣ "ብውፅኢት ስራሕ ዝርከብ ዕግበት፣ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ መሐጉሲ እዩ።" ዝበሎ ተሰቆረኒ። እዚ ሓሳብ ንስራሕ ፍሉይ ኣኽብሮት ንኽህልወኒ ገበረ። ሓጉስ ንኽደሊ ኣብ እንዳ መስተን ጫትን ንዘሕለፍኩዎም እዋናት ዘኪረ ጉሃኹ። ግዘይን ገንዘበይን ብግቡእ ብምጥቃም ድማ ራእየይ ንምዕዋት ፃዕረይ ቀፀልኩ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. እቲ ገፀ ባህሪ "ፀኒሐ ግና ኢደይ ሓወስኩ" እንትብል እንታይ ማለት እዩ?
2. "ብውፅኢት ስራሕ ዝርከብ ዕግበት ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ መሐጉሲ እዩ" ዝብል ኣገላልፃ ኣድሓኖም እንታይ የረድኣና?
3. ኣድሓኖም ነቲ በዓል ድንኳን ንዝተወሰነ ግዘ ካብኡ ንኽይፍለ ዝገበሮ ንምንታይ እዩ?
4. "ብወልፈታት ዝተቐየደ ሰብ ናብርኡ ፅቡቕ ኣይኮነን፤" ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

**ለ. ወልፊ ሽጋራ ዘለዎም ሰባት፣ ምትካኽ ዘይትገድፉ እንትትብሎም "ኣይከኣልኩን" ዝብል መልሲ ይህቡ። እዚ ዘይግደፍ ዶ ይመስለኩም? ሓሳብኩም ብሓደ ዓንቀፅ ግለፁ።**

## 16. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ነዞም ቃላት ኣብ ግቡእ ቦትኦም እናእተኹም ነቲ ዓንቀፅ ኣማልኡ።**

1. የመሓድር
2. ትልሚ
3. ምኽሪ
4. ክቕየድ
5. ከርና

ሓደ ሰብ ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ___1__ይሕንፅፅ። ሓሳቡ ግቡእ ምኳኑ ንምርግጋፅ ካብ ሰብ ሙያ___2___ይቕበል። ትልሙ__3__ዝሰፍሐ ወይ ዝፀበበ ዕማም ከይኸውን ይጥንቀቕ። ትልሚ ናብ ተግባር ምስተለወጠ ኣድለይቲ ሰራሕተኛታት ቆፂሩ ብግቡእ___4___። ሰራሕተኛ ብነፃነት ንኽሰርሕ ክፍቀደሉ እምበር___5_____ ኣይግባእን።

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝርቀቕኩምዎም ዓንቀፃት ኣይምኩም ውዱእ ፅሑፍ ኣቕርቡ።**

### ኣፀሓሕፋ

**ቀፂሎም ኣብ ዝርከቡ ቃላት ዘለዉ ምእላዳት ነፂልኩም ዝተረኣዩ ለውጢ ፊደላት ግለፁ።**

1. እንተተናገፍኩ
2. ብዝረኸብኩዎም
3. እንተዘይተኺኹ
4. እናሓኸኹ
5. ከምዝትውዕሎ
6. ዘይተፈልጠሉ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ዘይርስዓ ዕለት" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**"ዘይርስዓ ዕለት" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፃት ክልተን ሰለስተን ብምልከት ዓው ኢልኩም በብተራ ኣንብቡ። ነንባዕልኹም በዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ተገማገሙ።**

| መከታተሊ ቅጥዒ | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ናህሪ ኣናብባ | | | ኣገላልፃ | | | ኣጠቓቕማ ግዘ | | |
| ካብ ግቡእ ንላዕሊ | ግቡእ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት |
| | | | | | | | | |


## 19. ዝርርብ

**"ካብ ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ፣ ጫት ወይ ሽጋራ ምንጋፍ ይካኣል እዩ ወይ ኣይካኣልን።" ካብ ዝብሉ ሓሳባት ሓደ ብምምራፅ መእመኒ ነጥብታት እናጠቐስኩም ሓሳብኩም ግለፁ።**

## 20. ሰዋስው

**ብመሰረት እቲ ኣብነት ፅግዕተኛ ሓረግ ዘመልክቱ ምእላዳት ዘለዎም ሽዱሽተ ምሉእ ሓሳባት መስርቱ።**

*ኣብነት፦ ኣልማዝ ንወለዳ ስለዝናፈቐት ፍቓድ ሓቲታ።*





8

# ሓርበኛነት

## ሰሙናዊ ርእሲ ታሪኽ ህይወት ሓርበኛ

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምንፃል**

*ነዞም ዝስዕቡ ነፂልኩም ኣንብቡ።*

| ተ.ቁ | ቃል | ብኣናብባ እንትቖርቡ |
|---|---|---|
| | እናተስሓለ | እና-ተ-ስሓለ |
| 1 | ኣተሓባበሩ | |
| 2 | ብመንፋዕቶም | |
| 3 | ትንታነታት | |
| 4 | ኣተሓሳስባታት | |
| 5 | ክዝትየሎም | |
| 6 | ስነቁጠባዊ | |

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ንባብ ቅድሚ ምጅማርኩም ነዞም ሕቶታት ምስ መፃምድኹም ተዘራረቡ።**

1. ኣብቲ ስእሊ ዘሎ ሰብ መን እዩ?
2. ኣብ ትሕቲ “ዝተወፈየት ህይወት” ዝብል ፅሑፍ ክላዓሉ እዮም ካብ እትብሉዎም ቀንዲ ሓሳባት ሰለስተ ብምግማት ፀሓፉ።

## እዋን ንባብ


**ነዚ ምንባብ እናንበብኩም ነቶም ምሉእ ሓሳባት ብግቡእ ቃላት ወይ ዓ.ም. ምልኡ።**

1. ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ________ዓ.ም. ተወሊዱም።
2. ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ 2ይ ብርኪ ትምህርቱ ዘጠናቐቐሉ ቤት ትምህርቲ ________ይበሃል።
3. ቀዳማይ ሚኒስተር ደደቢት ናብ ዝነበሩ ብያቱ ዝተፀንበረሉ ወርሒ________ ፣ ________ዓ.ም. እዩ።
4. ህወሓት እትምረሓሉ ወታደራዊ መስመርን ፖሊሲ ጉዳያት ወፃእን ________ዓ.ም. ተሓንፂፁ።
5. ተጋዳላይ መለስ ካብ 1984 ዓ.ም. ክሳብ 1987 ዓ.ም. ________መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኑ ሰሪሑ።

# ዝተወፈየት ህይወት

ሃገርና ኢትዮጵያ ኣደ ብርክት ዝበሉ ሓርበኛታት እያ። እዞም ሓርበኛታት ካብ ውልቃዊ ኣተሓሳስባን ጥቕምን ንረብሓ ሃገሮምን ንህዝቦምን የቐድሙ። ኣብ መዕባለ ሃገር ድማ ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ። ህይወቶም እንተይተረፈ ንህዝቦም የወፍዩ። ሃገርና ካብ ዘፍረየቶም ሓርበኛታት ቀዳማይ ሚኒስተር ሃገርና ዝነበረ ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ሓደ እዩ። ተጋዳላይ መለስ ካብ ኣቡኡ ኣይተ ዜናዊ ኣስረስን እንኡ ወይዘሮ ኣለማሽ ገብረልዑልን ኣብ ከተማ ዓድዋ ፍሉይ ስሙ እንዳስላሰ 01 ግንቦት 1946 ዓ.ም. ተወሊዱ።

ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ንግስተ ሳባ፣ ሻውዓይን ሻምናይን ክፍሊ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንግስተ ሳባ ዓድዋ ዛዚሙ። ኣብ ሃገራዊ ፈተና ሻምናይ ክፍሊ ልዑል ውፅኢት ኣምፂኡ ብምሕላፉ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቤት ትምህርቲ ጀነራል ዊንጌት ተማሂሩ። እዚ ቤት ትምህርቲ ካብ ምሉእ ኢትዮጵያ ብሉፃት ተምሃሮ ተሓርዮም ይመሃሩሉ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ እዩ። ተጋዳላይ መለስ፣ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ብርኪ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ ትምህርቲ ሕክምና ሳይንስ ከፅንዕ ጀመረ።



*ህይወቱ ንህዝቢ ዘወፈየ መራ*

ኣብቲ እዋን ፣ ተጋዳላይ መለስ ንወገኑ ዝነበሮ ፍሉይ ፍቕሪ ብተግባር ምግላፅ ዝጀመረሉ ግዘ እዩ። ካብ ዩኒቨርስቲ ንኽረምታዊ ዕረፍቲ ናብ ትግራይ እንትመፅእ ንተምሃሮ ካልኣይ ብርኪ ንግስተ ሳባ ብትምህርቲ ይሕግዝን ንዝሕግዙ እውን የተሓባብርን ነይሩ። ኣብዚ መድረኽ ካብ ኣካዳሚያዊ ሓገዝ ብተወሳኺ መናእሰይ ትግራይ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ንምዕባይ የበራብር ነይሩ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣንፃር ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ቃልሲ ተምሃሮ ብትረት ተቓሊሱ። ተጋዳላይ መለስ “ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ (ማገብት)” ኣብ ዝብል ውዳበ እውን ርኡይ ተሳትፎ ነይሩዎ።

ድሕሪ ምውዳቕ መስፍናዊ ስርዓት፣ ደርጊ ስልጣን ምስሓዘ ኣባላት ማገብት ደርጊ ህዝባዊ መንግስቲ ከምዘየቕውም ተረድኡ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ይበፅሕ ዝነበረ ብሄራዊ ወፅዓን ኣድልዎን ንምፍታሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምክያድ ግድን ኮነ። ተጋዳላይ መለስ ትምህርቱ ኣቋሪፁ ሚያዝያ 1967 ዓ.ም. ደደቢት ናብ ዝነበሩ ውሑዳት ብፆቱ ተፀምበረ። ካብቲ እዋን ጀሚሩ ህይወቱ ንህዝቢ ትግራይ ኣወፈየ። ወላዲቱን ዓብዪ ሓዉን ካብ ቃልሲ ናብ ገዛ ክመልሱዎም ናብ ሸራሮ ከዱ። ተጋዳላይ መለስ ብማዕዶ ረኣዮም። ኣዝዩ ንዝፈትወን ወላዲቱ "ድሕሪ ደጊም ወዲ በይንኺ እንተይኮንኩስ ወዲ ህዝቢ ትግራይ እየ።" ዝብል መልእኽቲ ልኢኹ ኣሰናበተን።

ተጋዳላይ መለስ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መጀመርታ ተራ ተጋዳላይ ኮነ። ቀፂሉ ኣብ ክፍሊ ፖለቲካ ተመዲቡ ኣገልገለ። ተጋዳላይ መለስ ብዙሓት መፃሕፍቲ ፖለቲካ ኣብ ሓፂር እዋን ተረዲእኻ ናይ ምትንታን ዓቕሙ ኣዝዩ ልዑል ነይሩ። ኣብዚ ክፍሊ ኮይኑ ብዙሓት ፖለቲካውን ወታደራውን ሳይንስ ዝገልፁ ፅሑፋት ኣዳለወ። እቶም ፅሑፋት ዕላማታትን ንፁር መስመር ፖለቲካ ህወሓትን ብተጋዳላይ ክጭበጡ ኣብ ምግባር ልዑል እጃም ነይሩዎም። እዚ ግንዛበ ድማ ተጋዳላይ ህወሓት ንፋዕ ተዋጋኣይ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ዕላማ ዝቃለሰሉ ዝፈልጥን ፅኑዕ መትከል ዘለዎን ንኽኸውን ኣኽኢሉዎ እዩ።

ተጋዳላይ መለስ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ መፅሓፍቲ ብምንባብን ኣብ ምይይጥ ብምምሃርን ርእዮተ ዓለማዊ ዓቕሙ እናዕበየ መፀአ። ዕምቈት ዘለዎም ሓሳባት፣ ትንታነታትን ንእዋናዊ መድረኻት ዝምልሱ ሓደሽቲ ኣተሓሳስባታትን ኣብ ምቕራብ ልዑል ግደ ኣበርከተ። ብ1977 ዓ.ም. ህወሓት እትምረሐሉ ወታደራዊ መስመርን ፖሊሲ ጉዳያት ወፃእን ሓንፀፀ። ምስ ካልኦት ውድባት ግንባር ፈጢርካ ደርጊ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ኣብ ምድምሳስ እውን እጃም ተጋዳላይ መለስ ዕዙዝ ነይሩ።

ተጋዳላይ መለስ ካብ 1984 ክሳብ 1987 ዓ.ም. ፕረዚደንት መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገርና ኮነ። ኣብዚ እዋን ኢትዮጵያ ክትምረሐሉ ዝግባእ ስርዓት ኣብ ምሕንፃፅ ዘይሕለል ፃዕሪ ገይሩ። ካብ 1987 ዓ.ም ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኮይኑ ብተኣማንነትን ብተወፋይነትን ኣገልጊሉ። ተጋዳላይ መለስ ምስ ዝመርሖ ውድቡ ኢህወዴግ ኮይኑ ልዕልነት ሕጊ ክረጋገፅ፣ መሰል ብሄርን ብሄረሰባትን ክኽበርን ዴሞክራሲ ክሰፍንን ፅዒሩ ዘዐወተ እዩ።

ተጋዳላይ መለስ ልዕሊ ድኽነት ዝሰርዖ ፀላኢ ኣይነበሮን። ድኽነት ሃገር ክብትን ዝኽእል ፀላኢ ከምዝኾነ ይኣምን። ካብዚ እምነት ተላዒሉ ኣንፃር ድኽነት ንምቅላዕ ዝኽእል ዝተዋደደ መፅናዕትን ምርምርን ኣካይዱ። ካብ መፅናዕቱ ተበጊሱ፣ ንጉልበት ህዝብን መሬትን ሃገርና ዘማእኸለ ፖሊሲታት ልምዓት ተሊሙ። ህዝቢ ዘትዩሎም ናብ ተግባር ምስተኣተወ በብዘፈሩ ተኣምራዊ ለውጥታትን ዓወታትን ተረአዩ። ኢትዮጵያ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ተናጊፋ ብመርኣያ ስሉጥ ምዕባለ ክትዕራሕ ከኣለት። ንዘበናት ሒዛቶ ዝነበረ ሕማቕ ምስሊ ተቐየረ። ፍቓድ ካልኦት እንተይኣድለያ ከም ሩባ ኣባይ ዝበሉ ሃፍትታት ብምግዳብ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ስራሕቲ ጀመረት። እዞም ለውጥታት፣ ተጋዳላይ መለስ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ብፍሉይ ክዝከር ይገብሩዎ።

ብቕዓት ተጋዳላይ መለስ፣ ኣብ ሃገርና ጥራይ ተደሪቱ ኣይተረረፈን። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ንዘጋጥሙ ፀገማት መፍትሒ ሓሳብ ኣብ ምቕማጥ ዕዙዝ ግደ ነይሩዎ። ጉዳይ ብኽለት ኣየር ብዝምልከት ንኣፍሪካ ወኪሉ ተማጒቱ፤ ላዕለዋት መራሕቲ ዘማዕበላ ሃገራት ኣእሚኑ። ኣብ ዓለም ለኻዊ መድረኻት ዘቕርቦም ፖለቲካውን ስነቁጠባውን ሓሳባት ቀልቢ ብዙሓት ስሒቡ። በዚ ምኽንያት፣ "ብሉፅ ብልሒ ዘለዎም ሊቕ ዓለምና"

ዝብል ስም ኣትሪፉ። እቲ ንፀገማት ናብ ፀጋ ብምቕያር ዝፍለጥ ተባዕን በዓል በሊሕ ኣእምሮን መራሒ ንፃት እንተይኣዕረፈ 14 ነሓሰ 2004 ዓ.ም. ብመስዋእቲ ተፈለየ።

*ፍልፍል፣ 1. መለስ ዜናዊ እና የህወሓት የትግል ጉዞ በእያሱ መንገሻ፣ 2002ዓ.ም።*

*2. ፍሉይ ሕታም መፅሄት ወይን ቁፅሪ 41 መስከረም 2005ዓ.ም.*

*3. ኣዲስ ራእይ ልዩ እትም ጥቅምት 2005 ዓ.ም.*

*4. ኣዲስ ራእይ ልዩ እትም ግንቦት 2006 ዓ.ም.*

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እዚ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ሃገርና ካብ ዘፍረየቶም ሓርበኛታት ዝብል ሓረግ ፍታሕ እንታይ የመልክት?
2. ተጋዳላይ መለስ ተምሃራይ ዩኒቨርስቲ እናሃለወ ክረምታዊ ዕረፍቱ ኣበይን ብኸመይን የሕልፎ ነይሩ?
3. ተጋዳላይ መለስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዊንጌት ንኽመሃር ዝገበሮ ምኽንያት እንታይ እዩ?
4. ከም ኣገላልፃ ዓንቀፅ 4 "ህዝባዊ" ዝበሃል መንግስቲ ከመይ ዝበለ እዩ?
5. "ድሕሪ ደጊም ወዲ በይንኺ ኣይኮንኩን ወዲ ህዝቢ ትግራይ እየ" ዝበለ ንምንታይ እዩ?
6. ንተጋዳላይ መለስ "ሓርበኛ" ዘበሉዎ ነጥቢታት ካብቲ ምንባብ ኣውፅኡ።
7. ድኽነት "እቲ ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ፀላኢ" ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ርእይቶኹም ግለፁ።

**ለ. ኣብ ክልልና ወይ ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ "ሓርበኛ" ኢልኩም እትኣምኑሎም ሰባት ጥቐሱ። ሓርበኛ ዘበሎም ምኽንያት ድማ ብዝርዝር ፀሓፉ።**

## 3. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብተፃራሪ ፍታሕ እዞም ቃላት ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

*ኣብነት፡- ለጋስ → ቈቛዕ*


*እተን ሰበይቲ ብጣዕሚ ቈቛዕ እየን፡፡*

1. ትብዓት
2. ጅግንነት
3. ተኣማንነት
4. ዓወት
5. ንቕሓት
6. ዕዙዝ

## 4. ፅሒፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ብዛዕባ እትፈልጡዎ ሓርበኛ በዓል ሰለስተ ዓንቀፅ ፅሑፍ ንምፅሓፍ ዘኽእል ስእላዊ መዋደዲ ንምድላው ነዞም ዝተረፉ ባዶ ሳንዱቓት ኣድለዪቲ ብዝኾኑ ንኡሳት ሓሳባት ምልኡ።**



## ኣፀሓሕፋ

**ኣብዞም ቃላት ተደጋጊሙ ዝኣተወ ምእላድ ፈሊኹም ፀሓፉ።**

1. ንህዝቦም
2. ብወገኖም
3. ንወላዲቶም
4. ንመንፋዕቶም
5. ንምድላዎም
6. ብዓወቶም

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ "ዝተወፈየት ህይወት" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልከት

**መምህር ብዝህብኹም ሓበሬታ "ዝተወፈየት ህይወት" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፅ ክልተን ሰለስተን ብምልከትን ግቡእ ኣገላልፃን ብፅምዲ ዓው ኢልኩም ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ብሪ ትግራይ



*ተጋዳሊት ብሪሽዋ*

### ቅድመ ምድማፅ

**ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ሕቶታት ምስ ኮፍ መባህልትኹም ተዘራረቡሎም።**

1. ካብ እዚ ስእሊ እንታይ ትርድኡ?
2. "ብሪ ትግራይ" ዝብል ፅሑፍ ብዛዕባ እንታይ ከምዘውግዕ ገምቱ።

## እዋን ምድማፅ

**ነቲ ምንባብ እናዳመፅኩም ቀፂሎም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ብግቡእ ቃል ወይ ዓመተ ምሕረት ኣማልኡ።**

1. ብሪሽዋ ዝተወለደትሉ ወረዳ ________ይበሃል።
2. ኣብ ከተማ ራማ ቀልቢ ብሪሽዋ ዝስሕብ ነገር ዘጋጠመ ________ዓ.ም. እዩ።
3. ብሪሽዋ ዝተዓለመትሉ ቦታ ________ይበሃል።
4. ተጋዳሊት ብሪሽዋ ኣብ በጦሎኒ 50 ዝተመደበትሉ ወርሒ________ ዓ.ም.________ እዩ።
5. ብ1973 ዓ.ም ህወሓት ብርጌዳት እንትትፈጥር ብሪሽዋ ኣብ ብርጌድ ________ተመዲባ።
6. ብሪሽዋ ዝተሰወአትሉ ቦታ ________ ይበሃል።

## ድሕሪ ምድማፅ

**ብመሰረት ዘዳመፅኩሙዎ ፅሑፍ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ብሪሽዋ ንኽትጋደል ዘገደዱዋ ምኽንያታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ብሪሽዋ ኣብ ራማ እተካይዶ ዝነበረት ተሳትፎ ብፍሉይ ንኽጥቀስ ዝገብር ቀንዲ ምኽንያት ብኣብነት ኣደጊፍኩም ግለፁ።
3. ብሪሽዋ "ብሪ ትግራይ" ክብላ ዝኽኣለ ምኽንያት ግለፁ፡፡
4. ካብ ታሪኽ ብሪሽዋ እንታይ ተማሂርኩም?
5. እቲ ፀሓፊ "ሃገር ናይ ሓባር ሃፍቲ እያ።" ክብል እንተሎ እንታይ ንምባል ደልዩ እዩ?

# 7. ሰዋስው

## መማልኢ ፈሊኻ ምውፃእ

**ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት መማልኢ ዝኾኑ ቃላት ኣስምሩሎም።**

1. ብሪሽዋ መራሒት ጋንታ ኰይና።
2. ብሪሽዋ ኣባል ብርጌድ 691 ነይራ።
3. ብሪሽዋን ብፆታን ጀጋኑ እዮም።
4. ብሪሽዋ መርኣያ ተጋደልቲ ኮይና።
5. ተጋዳላይ ህወሓት ልእኽትኡ ብዓወት ዝዛዘመ ሰራዊት እዩ።

# ሰሙናዊ ርእሲ መግለፅታት ሓርበኛነት

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

### 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ነቲ ስእልን ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ መግለፅን ርእይኹም ትሕዝቶ ምንባብ ገምቱ።**



*ንፅብየት ሃገሮም ዝፅዕሩ ሓርበኛታት*

**እዋን ንባብ**

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ዝጎደሉ ሓሳባት ምልኡ።**

1. ሃገር ዝብል ሓሳብ እንትለዓል ብቐዳምነት ዝጥቀስ ____ እዩ።
2. ብደገፍ ____ ገባር ፅቡቕ ምህርቲ ይሓፍስ።
3. ክልተ ዓይነት ዝተበሃሉ ድኽዒ ____ን____እዮም።
4. ሓረስቶት ሓይሎም ተጠቒሞም ንምስራሕ ሓገዝ ሰብ ሙያ____ የድልዮም።
5. ኩሎም ሙያተኛታት ስራሕቶም ዘሳልጡ ዘተኣማምን ____ እንትህሉ እዩ።
6. ኣብ ሳልሳይ ዓንቀፅ “መሰረት ምዕባለ” ብዝብል ዝተገለፀ ________ እዩ።

# መግለፅታት ሓርበኛነት

ሃገር ዝብል ኣምር እንትለዓል ብቐጻምነት ዝጥቀስ ህዝቢ እዩ። ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝርከቡ ከም ወሓዝቲ ሩባታት፣ ቃላያት፣ እምባታት፣ ጐላጉል፣ ንህዝቢ ኣይትክኡዎን። ስለዚ ፍቕሪ ሃገር ብዛዕባ ሩባታትን እምባታትን ጥራሕ ብምዝያምን ብምግጣምን ዝግለፅ ኣይኮነን። ፍቕሪ ሃገር ኣብ ውልቃዊ ጥቕሚ ጥራሕ እንተይተደረተካ ንረብሓን ድሕንነትን ህዝቢ ደው ምባል ምኽኣል እዩ። ሃገሩ ዘፍቅር ሰብ ቅድሚ ሃገረይ እንታይ ገይራትለይ ኣነ ንሃገረይ እንታይ ገይረላ ዝብል ሕቶ የቐድም። ሓደ ዜጋ ሓርበኛ ዝበሃል ፍልጠቱ፣ ሃፍቱ፣ ጉልበቱን ክእለቱን ንህዝቢ ኣብ ምግልጋል እንተውዕሎም እዩ። “ሓርበኛ ሃገርን ህዝብን እየ” ኢሉ ዝኣምን ሰብ ሓርበኛነቱ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክግልፅ ይኽእል። እዚ ማለት ዝተዋፈረሉ ስራሕ ብምዕዋት፣ ሃፍቲ ሃገር ብምክንኻንን ንዝተፀገሙ ወገናት ብምሕጋዝን ክኸውን ይኽእል።

ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፊሮም ህይወቶም ይመርሑ። እዞም ዓውድታት ስራሕቲ ነንባዕሎም ዝተደጋገፉ እዮም። ሓንቲ ሃገር ምዕብልትን ድሕንነታ ዝተሓለወን እትኸውን ዜጋታታ ኣብ ዝተዋፈሩሎም ስራሕቲ ውፅኢት እንተመዝግቡ እዩ። ገሊኦም ስርሖም ብህርኩትነትን ብቕንዕናን ዝሰርሕ ካሊእ ድማ ግቡኡ ዘይዋፃእ እንተኾይኑ መነባብሮ ሕብረተሰብ ይናጋፅ። ኣብታ ሃገር ዕብየት ኣይረአን። ነዚ ሓሳብ ግልፂ ንምግባር ተደጋጋፍነት ሰብ ሙያ ትምህርቲ፣ ሓረስቶት፣ ክኢላታት ሕርሻ፣ ሰብ ሙያ ጥዕናን መኸበርቲ ፀጥታን ከም ኣብነት ወሲድና ንርአይ።

ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ እዩ። ስለዝኾነ ሰብ ሙያ ትምህርቲ ናብራ ሕብረተሰብ ንኽመሓየሽ ዘይሕለል ፃዕሪ ክገብሩ ኣለዎም። ሓረስቶት ኣብ ንቕሓት ዝተመስረተ ስራሕቲ ንኽሳልጡ ክመሃሩ ኣለዎም። ዝሓሸ ረብሓ ዝረኽበሉ ሜላ ኣተሓራርሳ ኮነ ዓይነት ዘራእቲ ንምፍላጥ ዘኽእል ዓቕሚ ክረክብ ዝኽእል በዞም ሙያተኛታት እዩ። ነጋዳይ፣ ሓኪም፣ ፖሊስ፣ ወዘተ. ኩሎም ካብ መምህር ብዝረኸቡዎ መበገሲ ፍልጠትን ክእለትን ህዝቢ ዘገልግሉ ኣካላት እዮም።

ሓረስቶት ምህርቲ ሓፊሶም ንባዕሎም ክምግቡ፣ ዝተረፈ ድማ ናብ ዕዳጋ ወሲዶም ክሸጡ ትፅቢት ይግበር። ካሊእ ክፋል ሕብረተሰብ ድማ ናብ ዕዳጋ ዝወርድ ምህርቲ ሸሚቱ ናብርኡ ይመርሕ። እዚ ነገር ዕውት ዝኸውን ሓረስቶት ጠንኪሮም እንትሰርሑ እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፣ ፅቡቕ ምህርቲ ንምሕፋስ ህርኩትነትን ፃዕርን ሓረስቶት ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። ድጋፍ ካልኦት ሙያታት እውን ወሳኒ እዩ። ገባሪት ኣጠቓቕማ ዘበናዊ ኮነ ባህላዊ ድኹዒ፣ ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ፣ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ፀረባልዕ ወዘተ. ዝምልከት ድጋፍ ክኢላታት ሕርሻ የድልዮም። ክኢላታት ሕርሻ ንሓረስቶት ብምሕጋዝ ሓላፍነቶም እንተዘይተዋፂኦም እቲ ዝድለ ምህርቲ ኣይሕፈስን። እዚኣቶም ኩሎም በብሙያኦም ሓርበኛታት ሃገር እዮም።

ሓረስቶት ሓይሎም ተጠቒሞም ብግቡእ ንምስራሕ ምሉእ ጥዕና ክህሉዎም ይግባእ። እዚ ዝኸውን ሙያዊ ሓላፍነቶም ብዝግባእ ዝዋፅኡ ሓርበኛታት ጥዕና እንትህልዉ እዩ። ሓረስቶት እንትሓሙ ብእዋኑ ምሕካም፣ መንቀልን መከላኸልን ሕማማት ብምስትምሃር ክከላኸሉ ምግባር ግደ ሓርበኛታት ጥዕና እዩ። እዞም ሓርበኛታት ነዞም ዝተጠቐሱ ስራሕቲ ኣብ ምትግባር እንተዘይነጢፎም ሓረስቶት ኣደዳ ተመሓላለፍትን ካልኦት ሕማማትን ይኾኑ። ብሰንኪ ሕማም ኣብ ሕርሻዊ ስራሕቲ ዘውዕሉዎ ግዘ ስለዝውሕድ ዝሕፈስ ምህርቲ ይንክይ። ሓረስቶት ይትረፍ ዶ ዕዳጋ ከፅግቡ ንባዕሎም ተሓገዝቲ ይኾኑ። እዚ ብግዲኡ ክብሪ ሃገር ይንክይ።

ሓርበኛታት ሰብ ሙያ ትምህርቲ፣ ሓረስቶት፣ ክኢላታት ሕርሻን ሰብ ሙያ ጥዕናን ስራሕቶም ዘሳልጡ ኣብታ ሃገር ዘተኣማምን ሰላም እንትልው እዩ። ምሕላው ሰላም ተግባር ኩሉ ዜጋ እኳ እንተኾነ ብኣውራ ግና ሓላፍነት ኣብ ምኽባር ሕግን ሰላምን ዝተዋፈሩ ዜጋታት እዩ። እዞም ሓርበኛታት ሰላም ኣብ ስራሕቶም ሸለል እንተኢሎም ሕግን ስርዓትን ይጠሓስ። ስርቂ፣ ክትራን፣ ሽፍትነትን ዓመፅን ይነግሱ። በዞም ተግባራት ሰላማዊ ህይወት ስለዝናጋፅ ዜጋታት ኣብ ስግኣትን ፍርሕን ክነብሩ ይግደዱ። ዝረኽቡዎ ሃፍቲ እውን ይስረቕ፣ ይምንዛዕ። በዚ ምኽንያት ኣብታ ሃገር ቅልውላው ይስዕብ። ካብዚ ኣብነት፣ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ዝተዋፈሩሎም ዓውድታት ስራሕ ነንባዕሎም ዝተኣሳሰሩ ከምዝኾኑ ምግንዛብ ይካኣል። ኣብ ሓደ ዓውደ ስራሕ ዝረአ ውድቀት ነቲ ካሊእ ብኣሉታ ከምዝፀልዎ እውን ንርዳእ። ስለዝኾነ ዜጋታት ኣብ ዝተዋፈሩሎም ስራሕቲ ብተገዳስነትን ህርኩትነትን ብምስራሕ ሓርበኛታት ሃገር ምኳኖም ብተግባር ከርእዩ ይግባእ።

ስራሕ ካብ ምዕዋት ብተወሳኺ ንብረት ሃገርን ህዝብን ካብ ዕንወት ብምክልኻል ሓርበኛነት ምግላፅ ይከኣል። መንግስቲ፣ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ብሓባር ዝግልገሉሎም ትካላት የቕውም እዩ። እዞም ትካላት እቲ ዝድለይ ግልጋሎት ንምሃብ ዝጥቀሙሎም ንብረታት ይህልዉ። ንኣብነት፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዘመሓላልፉ ሽቦታት፣ ነቶም ሽቦታት ዝሸከሙ ዓንድታት ኣብ ፈቖዶ መንገዲ ይትከሉ እዮም። እዞም ንብረታት ሓበራዊ ንብረት ህዝቢ እዮም። እዞም ንብረታት ብሓድሓደ ሓላፍነት ዘይስመዖም ዜጋታት ከይስረቑን ከይበላሸውን ክሕለዉ ይግባእ። “ውልቃዊ ንብረተይ ክሳብ ዘይኮነ እንታይ ገደሰኒ” ምባል ካብ ሓደ ፈታዊ ሃገር ዝሕሎ ተግባር ኣይኮነን። ምኽንያ እዞም ንብረታት እንተተሰሪቆምን እንተተበላሺዎምን እታ ሃገር ነዚኣቶም ንምትካእ ዘይተደለየ ወፃኢ ተውዕእ። ነዚ ንምክልኻል ሕድሕድ ዜጋ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ዝርከቡ ንብረት ህዝብን መንግስትን ብምክንኻን ሓርበኛነቱ ከርእይ ኣለዎ።

ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ፀገማት ንማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ክቃልዑ ይኽእሉ። ውሕጅ፣ ድርቂ፣ ርዕደ መሬት፣ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ፣ ባርዕ፣ ኵናት ሕድሕድ፣ ወዘተ. ንፀገም ዘሳጥሑ ክስተታት እዮም። ከምዚ ዓይነት ፀገም እንትፍጠር ቀልጢፍካ ምላሽ ምሃብ እውን መግለፂ ፍቕሪ ሃገር እዩ። ንኣብነት፣ ብሰንኪ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዝባፀሐ ዘራእቲ ከይበላሾው ተምሃሮ ኣብ ዓፂድ ብምውፋር ንወገኖም ዘለዎም ተገዳስነት ከርእዩ ምግባር ይከኣል። ብሓፈሻ፣ ስራሕኻ ብግቡእ ምስራሕ፣ ሓበራዊ ንብረት ምክንኻንን ንዝተፀገሙ ወገናት ምሕጋዝን መግለፅታት ፍቕሪ ሃገር እዮም።

*(ፍልፍል፡- ሓጋዚ መፅሓፍ ትምህርቲ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን፣ ካብ 5ይ- 8ይ ክፍሊ፣ 2005 ዓ.ም.)*

## ድሕረ ንባብ

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. መግለፂ ሓርበኛነት እንታይ እንታይ እዮም?
2. “ፍቕሪ ሃገር ብዛዕባ ወሓዝቲ ሩባታት ብምዝያምን ብምግጣምን ጥራሕ ዝግለፅ ኣይኮነን።” ክበሃል እንትሎ እንታይ ማለት እዩ? ኣብነታት ብምጥቃስ ኣረድኡ።
3. ብሰንኪ ውሑጅ፣ ድርቂ፣ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ፣ ባርዕን ኵናትን ንዝተፀገሙ ወገናት ከመይ ዝበለ ድጋፍ ክግበረሎም ይግባእ ትብሉ?

4. እዚ ምንባብ ብኣየናይ ዓይነት ፅሑፍ ከምዝቐረበ መረዳእታ እናጠቐስኩም ግለፁ። (መዘንተዊ፣ ገላፂ፣ ሓባሪ፣...)

**ለ. ከም ዜጋ ሃገርኩም ትፈትዉ ዶ? ፍቕርኹም ብኸመይ ትገልፁዎ? ሓሳብኩም ኣብ ሓደ ዓንቀፅ ፅሒፍኩም ኣቕርቡ።**

## 9. ቃላት

### ዓውዳዊ ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ቃላት ወይ ሓረጋት ዝሓዙ ፊደላት ምረፁ።**

1. የቕውም ሀ. ጠጠው የብል ለ. የብቅዕ ሐ. የጣይሽ መ. ይተክል
2. ክኢላታት ሕርሻ
   - ሀ. ሓረስቶት
   - ለ. ሰብ ሙያ ሕርሻ
   - ሐ. ማሕረስ ዝኽእሉ ሰባት
   - መ. ኣብ ማሕረስ ዝተዋፈሩ ሰባት
3. ተገዳስነት
   - ሀ. ሓልዮት
   - ለ. ብርቱዕነት
   - ሐ. መስዋእቲ
   - መ. ህርኩትነት
4. እንተይተደረትካ
   - ሀ. እንተይወገንካ
   - ለ. እንተይወሰንካ
   - ሐ. እንተይተወሰንካ
   - መ. እንተይሰራሕኻ
5. ዝተዋፈሩሎም
   - ሀ. ዝተጓዓዙሎም
   - ለ. ዝኸዱሎም
   - ሐ. ዝጣየሹሎም
   - መ. ዝተመደቡሎም
6. ህርኩት
   - ሀ. ስሉጥ
   - ለ. ፃዕራም
   - ሐ. ሃንደፍደፍ ዝብል
   - መ. ህዉኽ

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ 2 ዘዳለውኩምዎም ንኡሳት ሓሳባት ብቕደም ሰዓብ ሰሪዕኹም ካብ 3 - 4 ዓንቀፃት ዝሓዘ ረቂቕ ፅሑፍ ኣዳልዉ።**

## ሓፀሓሕፋ

**ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ነኢልኩም ብምፅሓፍ ተስሓቢ ዘመልክት ምእላድ ኣርእዩ።**

**ኣብነት፡- እናኣመሓየሸቶ --> እና-ኣመሓየሸት-ኦ**

1. እንተይኣበላሸወተን
2. እንተደልያቶም
3. ስለዝጀመረቶ
4. እንተይኣውፀኣቶ
5. ስለዘይሃቦም

## 11. ንባብ ፅፈት

### *ቅድመ ንባብ*

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "መግለፅታት ፍቕሪ ሃገር" ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### *ንባብ ኣገላልፃ*

**ኣብቲ ምንባብ ዘለዉ ዓንቀፃት ሓደ፣ ክልተን ሰለስተን ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ካልኦት ሙያተኛታት ብስርሖም ሓርበኛታት እንተተባሂሎም ተምሃሮ'ኸ እንታይ እንታይ ተግባራት እንተፈፂሞም እዩ ሓርበኛታት ክበሃሉ ዝኽእሉ? ብጉጅለን ብሓባርን ተዘራረብሉ።**

## 13. ሰዋስው

**ኣብዞም ምሉእ ሓሳባት ካብ ዘለዉ ስማዊ ሓረጋት ነቲ መማልኢ ፈሊኹም ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*ሕሩይ መምህር ቋንቋ ትግርኛ ኮይኑ። መልሲ 'መምህር' ዝብል እዩ።*

1. ሃገር እንትላዓል ብቐዳምነት ዝጥቀስ ህዝቢ እዩ።
2. ሕቶ ሃገር ዘቐድም ሓርበኛ እዩ።
3. ኣብ ሃገር ዘዕግብ ምህርቲ ንምሕፋስ ዝፅዕሩ ብዙሓት ሓረስቶት ኣለዉ።
4. ነጋዳይ፣ ሓኪም፣ ፖሊስ፣... ንህዝቢ ዘገልግሉ ኣካላት እዮም።
5. ሙሴና ካብ ሓደ ፈታዊ ሃገር ዝሕሎ ተግባር ኣይኮነን።

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቃላት

### ምንፃል

**ነዞም ዝስዕቡ ነጺልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡- ዝተገበረሎም → ዝ-ተ-ገበረ-ሎም*

1. እንትሰርሐሎም
2. ኣተሓራርየኦም
3. ምስሸለሙዎም
4. ምስተበርከተሎም
5. እንተይወድኦ

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?**

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

1. እቶም ተሸለምቲ ውልቀ ሰባት እንካብ ______ ፣ ______ን ______ን ዝተሓረዩ እዮም።
2. መጀመርታ ዝተፀውዑ ተሸላሚ ኣብ ቤት ትምህርቲ _____ ዘምህሩ መምህር እዮም።
3. እተን ካልኣይቲ ተሸላሚት ሙያአን _____ እዩ።
4. መምህር መስዑድ ሽልማት ምስተበርከተሎም _________ ኢሎም ናብ ቦትኦም ተመሊሶም።
5. ሳልሰይቲ ተሸላሚት _________ ትበሃል።

# ተሸለምቲ ሓርበኛታት

ኣብ ጣብያ እምባ ንጉስ በብዓመቱ ስነስርዓት ሽልማት ይካየድ እዩ። እዚ ሽልማት ብስርሖም ብሉፃት ተባሂሎም ብህዝብን ብተገልገልትን ንዝተሓረዩ ሰባት ዝብርከት እዩ። ሽልማት ስራሕ እዚ ዓመት ንምክያድ ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ኣዳራሽ ተረኺቦም። መፋለጢ መድረኽ፣ መርሃ ግብሪ ኣላለየ። ስዒቡ ኣመሓዳሪት እታ ወረዳ ዕላማ እቲ ሽልማት ገለፀ። ብምቕፃል፣ መፋለጢ መድረኽ ዝርዝር ስራሕቲ ተሸለምቲ ከቕርብ ጀመረ።

"ተሸለምቲ እዚ ዓመት ሰለስተ ውልቀ ሰባት እዮም። ንሳቶም እውን ካብ ትምህርቲ፣ ጥዕናን ፍትሕን ዝተሓረዩ እዮም። ኣገባብ ኣተሓራርየኦም ድማ ካብ ተገልገልቲ ብዝተረኽበ ሓበሬታን ብዘለዎም ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕን እዩ። ብመጀመርታ እንፅውዖም ካብ ዘፈር ትምህርቲ ኮይኑ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እምባ ንጉስ ዘምህሩ መምህር እዮም።

"እዞም መምህር ኣብ ስርሖም ብሰዓቶም ይርከቡ። ግቡእ ፍልጠት ንምምሕልላፍ እኹል ምድላው ይገብሩ። ፍልጠቶም ንምምዕባል የንብቡ። ካብ ካልኦት መሳርሕቶም ልምዲ ይቐስሙ። ልምዶም እውን ንመሳርሕቶም የካፍሉ። እናተማሃሩ ዘምህሩ፣ እናፈለጡ ፍልጠት ዘጨብጡ ግዱስ መምህር እዮም። ፍሉይ ሓገዝ ንዘድልዮም ተምሃሮ ይሕግዙ። ንኽልላዊ ፈተናታት ዘዳልዉ ሕቶታት ብምድላው ሕድሕድ ተምሃራይ ክበፅሖ ይገብሩ። በቶም ዝገብሩዎም ምንቅስቓሳት ድማ ውፅኢት ተምሃሮ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክበፅሕ ገይሮም።

"ካብ ምስትምሃር ብተወሳኺ፣ ከም ወላዲ ኮይኖም ፀገም ተምሃሮ ይርድኡ። ነቶም ፀገማት ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ወለድን እናተዛተዩ ይፈትሕዎም። ሕግን ደንብን ቤት ትምህርቲ የኽብሩን ከኽበር ይገብሩን። ተምሃሮ ከም፤ ባእሲ፣ ትምህርቲ ኣቋሪፅካ ምኻድ፣ ምቅድዳሕ ወዘተ. ዝበሉ ተግባራት ከይፍፅሙ ይምዕዱ። ንክለብ ዓድኻ ፍለጥ ብምትሕብባር ከባቢኦም ንኽግንዘቡን ንኽድንቑን ይገብሩ። እዚኦም ከዓ መምህር መስዑድ ያሲን..." ኢሉ እንተይወደአ ተሳተፍቲ ብሓይሊ ኣጣቕዑ። መምህር መስዑድ ብኽልላውን ሃገራውን ሰንደቕ ዕላማ ተዓጂቦም ናብ መድረኽ ደየቡ። ሽልማት መዳልያ ወርቅን ሰርተፊኬትን ምስተበርከተሎም ብመምህርነተይ "መምህር ብምኳነይ እኾርዕ" ኢሎም ናብ ቦትኦም ተመለሱ። መፋለጢ መድረኽ ተግባር ካልኣይቲ ተሸላሚት ናብ ምግላፅ ኣተወ።

"ካልኣይቲ ተሸላሚት ካብ ዘፈር ጥዕና ዝተሓረየት እያ። እዛ ንእስቲ ኣላዪት ሕሙማት፣ ኣብ እትሰርሓሉ ትካል ብእዋና ትርከብ። ትካላ ዝሓንፀያም ዕላማታት ንምዕዋት ትፅዕር። ንኹሉ ተሓካሚ ብዘይ ሌላን ጉሌላን ተገልግል። ንተሓከምታ ብፍቕሪ ትሕብሕብ፤ ግቡእ ክብሪ እውን ትህብ። ምስ ስሩዕ ስራሕታ ብምጥዕዓም ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ሕማማት ዘለዎ ግንዛበ ንኽልዕል ትምህር። ሕማም ለበዳ ከይለዓል መናእሰይ ከባቢአ ኣተሓባቢራ ከባቢያዊ ፅሬት ክሕለው ትገብር። ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዘጣየሸአን ክለባት ፀረ ኤድስ  ዕድምቲ ጋሻ ብምኳን ሙያዊ ሓገዝ ተበርክት። ኣደታት ኣብ ቅድመ ወሊድን ድሕረ ወሊድን ሕክምና ክረኽባ ከምዝግባእ ትምህር፡፡ ንመሳርሕታ ኣተሓባቢራ ህዝቢ ዝሓሸ ግልጋሎት ጥዕና ዝረኽበሉ ብልሓት ትእልሽ። ብንባብ ይኹን ብፈተነ ዝረኸበቶ ሜላ ኣብ ተግባር ተውዕል። ህዝቢ ንምግልጋል ካብ ዘለዋ ልባዊ ድልየት ምስ ጥዕና ዝተተሓሓዙ ሽግራት ንምፍታሕ መፅናዕቲ ተካይድ። እዞም ንሽልማት ዘብቅዑ ተግባራታ መግለፅታት ህርኩትነታን ሃገራዊ

ፍቕራን እዮም። ስለዝኾነ እዛ ጥንኩር ባህሊ ስራሕ ዝወነነት ወገን ንዘርኣየቶ ሓልዮትን ተወፋይነትን ህዝብን ምምሕዳርን ጣብያ እምባ ንጉስ ኣድናቖቱ ይገልፅ። ነዞም ተግባራት እንትዝርዝር ተሸላሚት መን ምዃና ህዝቢ ጣብያና ይግምት እዩ። ሲስተር ርሻን መዝገበ! ናብ መድረኽ!



*ሓርበኛታት ልምዓት*

መፋለጢ መድረኽ ስም ርሻን ምስፀወዐ ኣዳራሽ ብጣቕዒት ተናወፀ። ርሻን ብኽልላውን ሃገራውን ሰንደቕ ዕላማ ተዓጂባ ናብ መድረኽ ወፀኣት። እተን ኣመሓዳሪት መዳልያ ወርቅን ምስክር ወረቐትን ኣበርኪታላ። ርሻን ብዝተበርከተላ ሽልማት ከርና ተሓጕሰት። ኣሕፅር ኣቢላ ሓሳባ ንኽትገልፅ ዕድል ምስተውሃባ ንዝተበርከተላ ሽልማት ምስጋና ኣቕረበት። ከምኡ እውን እቲ ሽልማት ዚያዳ ንኽትሰርሕ ከምዘተባብዓ ገለፀት።

መፋለጢ፣ "ሳልሰይቲ ተሸላሚት ካብ ዘፈር ፍትሒ እያ።" ኢሉ ስራሕታ ናብ ምዝርዛር ኣተወ። "...እዛ ተሸላሚት ህዝቢ ወረዳ እምባ ንጉስ ብጉድለት ፍትሒ ከይንገላታዕ ልዑል ኣስተዋፅኦ ዝገበረት ዓቃቢት ሕጊ እያ። ንባዕላ ካብ ኣድልዎን ብላዕን ነፃ ኮይና ብምስራሕ ትፍለጥ። ኣብ ጣብያና ዝወሃብ ብይን ካብ ወገናውነትን ኣድልዎን ነፃ ንክኸውን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ ትመያየጥ። ቁጠባዊ ዓቕሞም ትሑት ንዝኾኑ ወገናት ነፃ ምኽሪ ሕጊ ተወፍይ። ንብረት ህዝብን መንግስትን ንዘጠፋፍኡ ንኽቕፅዑ ትገብር። መሰል ዜጋታት እንትገሃስ ንዝምልከቶም ኣካላት ብምቕራብ ፍትሒ ንኽሰፍን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ትገብር።

ምስ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ብዛዕባ መሰልን ግቡእን ዘተ ተካይድ። ንኽምኣ ዝበሉ ዓይነ ስውራንን ጉድኣት ኣካልን ጠንኪርካ ብምስራሕ ኣብ ዝላዓለ ብርኪ ስራሕ ምብፃሕ ከምዝካኣል ኣረጋገፀት። ኣብ ዝተፈላለዩ መዛተዪ መድረኻት ብምስታፍ ህዝቢ መራኽብቲ ሓፋሽ ኣብ ዝኽፈትዎ መዛተዪ መድረኽ ትሳተፍ። በዚ ዓምዲ ኣቢላ ህዝቢ ኣብ ሕግን ኣተገባብራ ፍትሕን ፍልጠት ክህልዎ ልዑል እጃም ተበርክት። ብሓፈሻ፣ ንሕጊ እምበር ካብ ሕጊ ወፃኢ ንዝኾነ ኣተሓሳስባ ዘይትቕበል ብልፅቲ ዜጋ እያ። እዚኣ ድማ ኣልማዝ ሃይሉ እያ።" በለ።

ኣብ ኣደራሽ ዝነበረ ህዝቢ ካብ መንበሩ ተሲኡ ብጣቕዒትን ዕልልታን ሓጐሱ ገለፀ። ኣልማዝ ከም መምህር መስዑድን ስስተር ርሻንን ብሰንደቕ ዕላማ ተዓጂባ ናብ መድረኽ ወፀት። ካብ ኢድ ኣመሓዳሪት መዳልያ ወርቅን ሰርተፊኬትን ተሸለመት። ኣብ መወዳታ፣ ኣማሓዳሪት ወረዳ እምባ ንጉስ መዕፀዊ መደረ ምስገበረት እቲ ስነ ስርዓት ሽልማት ተዛዘመ።

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።**

1. መምህር መስዑድ ተሸላሚ ኮይኖም ንኽቐርቡ ዘኽኣሉዎም ዋና ዋና ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡
2. እቶም ተሸለምቲ፣ ንሽልማት ዝተመረፀሎም ሓፈሻዊ ረቛሕታት እንታይ እንታይ እዮም?
3. ኣብ ዓንቀፅ 5 “ብዘይ ሌላን ጉሌላን ተገልግል” ዝብል ሓረግ እንታይ እዩ ዝገልፅ?
4. “ከም ወላዲ ኰይንካ ፀገም ተምሃራይ ምርዳእ” እንታይ ማለት እዩ? ከም መምህር ኰይንካ ካብ ምሕሳብ ብምንታይ ይፍለ?
5. ኣብ እትመሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ዝተሸለሙ መምህራን ኣለዉዶ? ምኽንያት መሸለሚኦም እንታይ እዩ ትብሉ?
6. ጉዱእ ኣካል ምዃን ካብ ተሸላምነት ዘትርፍ ዶ ይመስለኩም? ካብቲ ንባብ ኣብነት እናጠቐስኩም ኣረድኡ፡፡

**ለ. ብትምህርቶም ብሉፃት ንዝኾኑ ተምሃሮ ምሽላም ንቶም ተሸለምቲ፣ ንኩሎም ተምሃሮ፣ ንወለድን ንሃገርን እንታይ ረብሓ ከምዝህልዎ ዝገልፅ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

ኣብ መስርዕ “ሀ” ምስ ዘለዉ ቃላት ብዝበለፀ ክፃመዱ ዝኽእሉ ቃላትን ሓረጋትን ካብ “ለ” ብምምራፅ ኣዛምዱ። (ሓድ ሓደ ቃላት ቅድመ ሓድሓዲኦም ከዓ ድሕረ ዝጥመሩ ኮይኖም ሓደ ተጣማሪ ቃል ከከም ኣድላይነቱ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምፅማድ ይከኣል።)

| “ሀ” | “ለ” |
|---|---|
| 1. ፍቕሪ_____ | ሀ. ሕገ መንግስታዊ |
| 2. _____ጥዕና | ለ. ወፈራ |
| 3. ልምዓት_____ | ሐ. ፍቕርን |
| 4. ሃገራዊ______ | መ. ሕጊ |
| 5. ______ህዝቢ | ረ. ሓለዋ |
| 6. ልዕልነት_____ | ሰ. ሓበራዊ |
| 7. _____መሰል | ሸ. ሃገር |
| 8. ሰላምን______ | ቀ. ዕብየት |

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

ኣብ ሰሙን 2 መዓልቲ 5 ዘዳለውኩምዎ ረቂቕ ፅሑፍ ተጠቒምኩም ርእሱ ዝኽኣለ መእተዊ ዓንቀፅ ዘለዎ በዓል 3 ዓንቀፅ ውዱእ ፅሑፍ ኣዳልዉ።

### ኣፀሓሕፋ

ስዒቦም ንዝተዘርዘሩ ቃላት ነፂልኩም ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ድሕረ ጉንዲ ምእላዳት ጥራሕ ፈሊኹም ኣርእዩ።

ኣብነት፦ ንዝምልከቶም → ንዝምልከት-ኦም

1. ኣበርከተሎም
2. ንዝደለዮም
3. ዘዳለውዎም
4. ዝተገበረሎም
5. ኣተሓራርየኦም

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

“ተሸለምቲ ሓርበኛታት” ዝብል ምንባብ ትሕዝቶኡ እንታይ ከምዝኾነ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ምልክት

“ተሸለምቲ ሓርበኛታት” ካብ ዝብል ምንባብ 5ይ፣ 6ይን 7ይን ዓንቀፅ ብናህርን ብምልክትን ኣንብቡ። ነንባፅልኹም በዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ተገማገሙ።

<table>
<tr><td colspan="9">መከታተሊ ቅጥዒ</td></tr>
<tr><td colspan="3">ናህሪ ኣናብባ</td><td colspan="3">ኣገላልፃ</td><td colspan="3">ኣጠቓቕማ ግዘ</td></tr>
<tr><td>ካብ ግቡእ ንላዕሊ</td><td>ግቡእ</td><td>ትሑት</td><td>ግቡእ</td><td>ማእኸላይ</td><td>ትሑት</td><td>ግቡእ</td><td>ማእኸላይ</td><td>ትሑት</td></tr>
<tr><td></td><td></td><td></td><td></td><td></td><td></td><td></td><td></td><td></td></tr>
</table>

## 19. ዝርርብ


ንኹነታት ከባቢኹም ኣብ ግምት ብምእታው “ሽልማት” ኣድላዪ እዩ ዶ ትብሉ? ንምንታይ?

## 20. ሰዋስው

### መማልኢ ዘለዎ ስማዊ ሓረግ ምጥቃም

ስማዊ ሓረግ ከም መማልኢ ዝወሰዱ ግስታት ተጠቒምኩም ሽዱሽተ ምሉእ ሓሳባት ሀነፁ።

ኣብነት፦ እቲ ንፉዕ ሓረስታይ መርኣያ ኮይኑ።



# 9 ተመሓላለፍቲ ሕማማት

## ሰሙናዊ ርእሲ ዝውቱራት ሕማማት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

***ምጥማር***

**ነቶም ተነፂሎም ዝቐረቡ እናጠመርኩም ኣንብቡ፡፡**

**ኣብነት፡-**

*ስለ-ዘይ-ሰገሮ → ስለዘይሰገሮ*

1. ዝ-ተ-ረኣየ-ካ
2. ዘይ-ኣተዎ-ም
3. እንተይ-ተ-ሓከመ
4. ኣይ-ስምዐ-ንን
5. ተመ-ሓላለፍ-ቲ

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**ቅድሚ ናብ ምንባብ ምስጋርኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. እዞም ቃላት እንትትርእዩ እንታይ ትዝክሩ? ምስ ኮፍ መባህልትኹም ተዘራረቡሎም።

   ባክተሪያ ሳንባ ሰዓል ቲቢ ተመሓላላፊ ውግኣት

2. ነዚ ዝስዕብ ስእሊ ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።

## እዋን ንባብ

**ቀፂሉ ዘሎ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ስዒቦም ዝቐረቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ንደቂ ሰባት ዘጥቅዑ ሕማማት ብሓፈሻ ኣብ ክንደይ ይምቀሉ? ጥቐሱ፡፡
2. መንቀሊ ሕማም ቲቢ ዝኾነ ባክተርያ እንታይ ይበሃል?
3. ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰባት እንትዳኸም ሕቡእ ቲቢ እንታይ ይኸውን?
4. ሕቡእ ቲቢ ንኸመይ ዝበሉ ሰባት የጥቅዕ?
5. ብሕማም ቲቢ ብዝበለፀ ዝጥቃዕ ክፍለ ኣካል ወዲ ሰብ ኣይናይ እዩ?
6. ከም ፀብፃብ ቢሮ ጥዕና ክልልና ኣብ ማእኸላይ ዞባ በዝሒ ተመርሚሮም ቲቢ ዝተረኸቦም ሰባት ክንደይ እዮም?

# ሕማም ቲቢ

ሰባት ብዝተፈላለዩ ሕማማት ይጥቅዑ። እዞም ሕማማት ዝመሓላለፉን ዘይመሓላለፉን ብዝብል ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብዓይኒ ብዝረአዩን ዘይረአዩን ታህዋስያን ይኸሰቱ፡፡ ከም ሓቢ፣ ወስፋትን ጕንደራን ብዓይኒ ዝረኣዩ እንትኾኑ ከም ቫይረስ፣ ባክተርያ፣ ፕሮቶዙዋ፣ ወዘተ. ዝበሉ ድማ ብዓይኒ ክረአዩ ዘይኽእሉ መንቀሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዮም።

ሕማም ቲቢ ብባክተርያ ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ሓደ እዩ። መንቀሊ እዚ ሕማም ማይኮባክተሪየም ቲዩበርክሎሲስ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ዓሌት ባክተርያ እዩ። ሕማም ቲቢ ንኹሎም ክፍልታት ሰውነትና የጥቅዕ። ካብ ኩሎም ክፍሊ ኣካላት ዝበለፀ ዝጥቃዕ ግና ሳንባ እዩ። ናይ ሳንባ ቲቢ ዓባይ ሰዓል እናተብሃለ እውን ይፅዋዕ። ሕማም ዓባይ ሰዓል ብእንትንፍሶ ኣየር ኣቢሉ ይመሓላለፍ። እዚ ሕማም ዘለዎ ሰብ እንትስዕል፣ እንትህንጥስ ወይ ናብ ደገ እንተተንፍስ እቶም ባክተሪያ ናብ ኣየር ይብተኑ። ኣብ ጥቓ እቲ ሕሙም ዘሎ ሰብ ኣየር እንትስሕብ ነቶም ባክተሪያ ምስ ኣየር ናብ ሳንብኡ ይኣትዉ።



*ሕማም ቲቢ ብምትንፋስ ይመሓላለፍ*

ይኹንደ'ኣምበር በቲ ባክተሪያ ዝተትሓዘ ሰብ ኩሉ ይሓምም ማለት ኣይኮነን። ውሱናት ሰባት ዋላ እቲ ባክተርያ ኣብ ውሽጦም ይሃሉው ናብ ደረጃ ሕማም ኣይሰጋገሩን። እዚ ናብ ደረጃ ሕማም ዘይተሰጋገረ ሕቡእ ቲቢ ይበሃል።

ሕቡእ ቲቢ ዘለዎም ሰባት ስምዒት ሕማም ኣይስመየምን። ዘርእዩዎ ምልክት ሕማም እውን የለን። እቲ ባክተርያ ናብ ጥዑያት ሰባት ኣይሓልፍን። ሕቡእ ቲቢ ካብ ዘለዎም ሰባት መብዛሕቶም ናብ ደረጃ ሕማም እንተይተሰጋገሩ ምሉእ ዕድሚኦም ይነብሩ። ተፈጥሮኣዊ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክሳብ ዝሃለዎም እቲ ባክተርያ ኣብ ውሽጢ ሰውነቶም ተሓቢኡ ይነብር።

እዞም ሕቡእ ቲቢ ዘለዎም ሰባት ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሞም እንትደክም እቲ ሕቡእ ዝነበረ ቲቢ ናብ ንጡፍ ይሰግር። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነት እቶም ባክተርያ ኣብ ሳንባ ንምርባሕ ዕድል ይረኽቡ። ምስ ባፅሑ ንሳንባ የጥቅዑዎ። እቲ ቲቢ ካልእ ዓይነት እንተኾይኑ እቶም ባክተርያ ብውደት ደም ኣቢሎም ከም ኩሊት፣ ዓንዲ ሕቜ፣ ሓንጎልን መዓንጣን ንዝበሉ ክፍሊ ኣካላት የጥቅዑ።

መፅናዕትታት ከም ዘረጋገፁዎ ሓደ ብሕማም ቲቢ ሳንባ ዝተትሓዘ ሰብ እንተዘይተሓኪሙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንቡዙሓት ሰባት ሕማም ከመሓላልፍ ይኽእል። ብፍላይ ሰባት ብፃዕቒ ኣብ ዝእከቡሎም ኣደራሻትን እኹል ብርሃንን ኣየርን ኣብ ዘይኣትዉዎም ከም ኣብያተ ህንፀትን ኣብያተ ሲነማን ዝበሉ ቦታታት ንምትሕልላፍ ሕማም ቲቢ ምቹዋት እዮም። መስኮተን ዝተዓፀወ ናይ ህዝቢ ኣውቶቡሳት እውን ሕማም ቲቢ ንኽመሓላለፍ ምኽንያታት እየን። ነዚ ንምክልኻል

ገዛውቲ እኹል ኣየርን ብርሃንን ክህሉዎምን ኣብ ጉዕዞ ድማ መስኮት ኣውቶብሳት ክኸፈትን ይግባእ።

ሕማም ቲቢ ሳንባ፣ ምክልኻልን ተሓኪምካ ምሕዋይን ይካኣል እዩ። ካብ ሰለስተ ሰሙን ንላዕሊ ዝፀንሕ ሰዓል፣ ረስኒ፣ ምንካይ ክብደት ምልክታት እዚ ሕማም እዮም። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ትሑት ሸውሃት ምግቢ፣ ብለይቲ ምርሃፅ፣ ድኻም፣ ውግኣት ኣፍ ልቢ፣ ደም ዝተሓወሶ ዓኽታን ቅርጥማትን እውን ምልክታት ሳንባ ቲቢ እዮም። ስለዝኾነ እዞም ምልክታት ካብ ዝተርኣዩሉ ግዘ ጀሚሩ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ብምኻድ ምምርማር የድሊ። ብምርመራ እቲ ሕማም ምህላዉ እንተተፈሊጡ ብመሰረት ትእዛዝ ሓኪም መድሓኒት ብዘይምቁራፅ ክውሰድ ይግባእ።

መድሓኒት እንተተቛሪፁ ግና መድሓኒት ዝተላመደ ሕማም ቲቢ ይፍጠር። እቲ ዘቛረፀ ሰብ ሕማሙ እንትደግሶ ብተመሳሳሊ መድሓኒት ክፍወስ ኣይኽእልን። እዚ ሕማም ዝተሓላለኸ ምርመራን ፍሉይ መድሓኒትን ይጠልብ። እንተወሓደ ናይ ክልተ ዓመት ክትትል ሕክምና የድልዮ። እዚ ሰብ፣ ንኻልኦት ሰባት እውን መድሓኒት ዝተላመደ ቲቢ የመሓላልፍ። መድሓኒት ብግቡእ ዘይወስድ ሕሙም መድሓኒት ዝተላመደ ቲቢ ብምፍጣር ንባዕሉን ንሕብረተሰብን ንዝኸፈአ ሓደጋ የሳጥሕ። እዚ ሓደጋ ንኸይኸሰት እቲ ሕሙም ባዕሉ፣ ስድርኡን ሰብ ሙያ ጥዕናን መድሓኒት ብግቡእ ክወሰድ ብምግባር ይከላኸልዎ፡፡

ሕማም ቲቢ ኣብ ኩሉ ክፋል ዓለም ተስፋሕፊሑ ይርከብ። ከም ፀብፃብ ውድብ ጥዕና ዓለም 2001 ዓ.ም.፣ ኣብ ዓለምና ብሕማም ቲቢ ብዝለዓለ ብርኪ ካብ ዝተጠቕዓ ዒስራን ክልተን ሃገራት ኢትዮጵያ ሓንቲ እያ። እዚ ሕማም ኣብ ትግራይ እውን ብሰፊሑ ካብ ዝረኣዩ ሕማማት ሓደ እዩ። ንኣብነት፣ ዓመታዊ ፀብፃብ ሕማም ቲቢ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

| ዞባ | ተመርሚሮም ቲቢ ዝተረኽቦም | ዝተሓከሙ | ምሉእ ብምሉእ ዝሓወዩ |
|---|---|---|---|
| ደቡብ | 775 | 414 | 316 |
| ደቡብ ምብራቕ | 174 | 83 | 74 |
| መቐለ | 519 | 304 | 167 |
| ምብራቕ | 362 | 189 | 138 |
| ማእኸላይ | 944 | 623 | 277 |
| ሰሜን ምዕራብ | 378 | 206 | 159 |
| ምዕራብ | 339 | 194 | 112 |

*ኣብ 2004 ዓ.ም. በብዞብኡ ዝነበረ መጠን ሕሙማት ቲቢ*

*ፍልፍላት:- 1. ንሕማም ቲቢ ዝምልከቱ ሕቶታትን መልስታቶምን፣ (2005)፣ ክፍሊ ጥዕናን ግሊጋሎት ሰብን፡፡ CDCwww.cdc.gov/tb*

*2. ዓመታዊ መግለፂ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ፣ 2004፡፡*


*3. ፕሮግራም ምክልኻልን ምቁፅፃርን ቲብን ስጋድውየትን ሰነ 2002 ዓ.ም. መቐለ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀጺሎም ንዝቐረቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብዓይኒ ክረአዩ ዘይኽእሉ መመሓላለፍቲ ሕማማት እንታይ እንታይ እዮም?
2. መተሓላለፍቲ መንገድታት ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣሕፅር ኣቢልኩም ግለፁ።
3. መድሓኒት ዝተላመደ ቲቢ ብምንታይ ምኽንያት ይኸሰት? ኣብ ሕብረተሰብ ዘብፅሖ ጉድኣት ከ እንታይ እዩ?
4. ሓደ ኣባል ስድራኹም ብቲቢ እንተዝተሓዝ እቲ ሕማም ናብ ካልኦት ኣባላት ንኸይመሓላለፍ እንታይ ስጉምቲ ምወሰድኩም?
5. ኣብ መምሃሪ ክፍልኹም ሕማም ቲቢ ከይመሓላለፍ እንታይ ክግበር ይግባእ?

**ለ. ቀጺሉ ካብ ዘሎ ግራፍ ዝረኸብኩምዎ ሓበሬታ ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ግለፁዎ።**




*(ፍልፍል: ዓመታዊ መግለፂ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ፣ 2004፡፡*

## 3. ቃላት

**ኣብዚ ሰደቓ ካብ ዝቐረቡ ቃላትን ሓረጋትን እናመረፅኩም ነቶም ባዶ ቦታታት ምልኡ።**

| ሰዓል | ሳንባ | ተመሓላለፍቲ |
|---|---|---|
| ታህዋስያን | ዓንዲ ሕቔ | ንጡፍ ቲቢ |

1. ምሳይ ንብዙሕ ግዘ ዝፀንሐ ሕቡእ ቲቢ ናብ __ ዝሰገረ ኣካለይ ብበዝሒ ስራሕን ጥምየትን ምስደኸመ እዩ።
2. ብዓይኒ ዘይርኣዩ መንቀሊ ሕማማት__ ይብሃሉ፡፡
3. ብዙሓት ክፍሊ ኣካላት ብሕማም ቲቢ ይጥቅዑ እዮም፤ ግና ኣይከም __ን።
4. ሕማም ቲቢ ኣብ __ ሕማማት ዝምደብ ንምንታይ እዩ?
5. ንሰለስተ ሰሙንን ልዕሊኡን ዝፀንሕ __ ምልክት ሕማም ሳንባ ቲቢ ክኸውን ይኽእል።
6. ካብ ሳንባ ብተወሳኺ ከም __ ዝበሉ ክፍለ ኣካላት እውን ብቲቢ ይጥቅዑ እዮም፡፡

## 4. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ብመሰረት ኣብዚ ሰደቓ ዘሎ ሕድ ሕድ መረዳእታ ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።**

| ወረዳ | ቲቢ ዝተረኸቦም | ዝተሓከሙ | ተሓኪሞም ዝሓወዩ |
|---|---|---|---|
| ከተማ ኣላማጣ | 59 | 35 | 24 |
| እንዳ መኾኒ | 16 | 11 | 3 |
| ራያ ኣላማጣ | 140 | 100 | 36 |
| ከተማ ኮረም | 9 | 6 | 2 |
| ኦፍላ | 30 | 26 | 1 |
| ከተማ ማይጨው | 49 | 24 | 19 |

*(ፍልፍል ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ዓመታዊ ፀብፃብ 2004 ዓ.ም)*

### *ኣፀሓሕፋ*

**ቅድመ ይኹን ድሕረ ጉንዲ ጥብቆ ዘለዎምን ዘይብሎምን ቃላት ፈሊኹም ፀሓፉ።**

1. ቲዩበርክሎሲስ
2. ብባክተርያ
3. ፕሮቶዙዋ
4. ብፋንጋይ
5. ምስታህዋስያን
6. ቫይረስ

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ


"ሕማም ቲቢ" ካብ ዝብል ፅሑፍ እትዝክሩዎ ተዛረቡ።

### ንባብ ምልከት

"ሕማም ቲቢ" ካብ ዝብል ምንባብ ዓንቀፃት "1"፣ "2" ን "3"ን ብምልከት ኣንብቡ።

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

### ሕማም ኣንቅፂ



*ብሕማም ኣንቅፂ ዝተጠቕዐ ሰብ*

### ቅድመ ምድማፅ

**ነዚ ስእልን ርእስን ርኢኹም ትሕዝቶ እቲ ፅሑፍ ገምቱ።**

### እዋን ምድማፅ

**ነቲ ንባብ እናዳመፅኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ብግቡእ ቃል ወይ ቁፅሪ መልኡ።**

| ተ.ቁ | ሓበሬታ | መልሲ |
|---|---|---|
| 1 | ኣብ ሃገርና ሕማም ኣንቅፂ ዝኸሰተሉ ኩነታት ኣየር | |
| 2 | ለበዳ ሕማም ኣንቅፂ ዝረአየሉም ኣዋርሕ | |
| 3 | ታህዋስያን ሕማም ኣንቅፂ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ዘጥቅዑዎም ክፍለ ኣካላት | |
| 4 | ዕድመ ብሕማም ኣንቅፂ ዝጥቅዑ ቆልዑ | |
| 5 | ሕማም ኣንቅፂ ዝሓዞ ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓኪሙ ዝኸሰቱ ዘለቕቲ ጉድኣታት | |

### ድሕረ ምድማፅ

**ሀ. ብመሰረት ዘዳመፅኩምዎ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. መተሓላለፊ መንገድን ብርኪ ዕብየትን ሕማም ኣንቅፂ ዝገልፅ ኣየናይ ዓንቀፅ እዩ?
2. ብርኪ ዕብየት ሕማም ኣንቅፂ ብናይ ባዕልኹም ኣገላልፃ ኣቕርቡ።
3. ብሕማም ኣንቅፂ ኣብ ዝተትሓዘ ሰብ ዝረኣዩ ምልክታት ዘርዝሩ።
4. "ሓደ ከባቢ ብሕማም ኣንቅፂ ክጥርጠር ይኽእል፡፡" ዝብል ሓሳብ እንታይ ይገልፅ?

**ለ. ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻል ብመንግስቲ ኮነ ብሕብረተሰብ ኣቐዲምካ ክውሰዱ ዝግባእ ስጉምትታት እንታይ እንታይ እዮም?**

## 7. ሰዋስው

### ምእላዳት ምፍላይ

**ኣብዞም ግስታት በዓል ቤትን ተስሓብን ዘመልክቱ ምእላዳት ፍለዩ።**

**ኣብነት፡-**

*ነጊሩኒ → ነጊር-ኡ-ኒ*

1. ተመሓላሊፉዎ
2. ኣህንጢሳትኪ
3. ተሰሚዑዎም
4. ኣጥቂዑክን
5. ዘይኣጥረያኺ
6. እንተገይሩሉ
7. እናተፀበኹኽን

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

# 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነቲ ምንባብ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ከባቢኹም ዝውቱራት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ጥቐሱ።
2. ካብቲ ስእሊ እንታይ ትርድኡ?

### እዋን ንባብ

**እናንበብኩም ነዚ ሰደቓ ብግቡኣት ሓሳባት ምልኡ፡፡**

| ምልክታት ሕማም ኮሌራ | መመሓላለፊ መንገድታት | ሜላታት መከላኸሊ |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |
| | | |

# ሕማም ኮሌራ

ኮሌራ ቪቢርዮ ኮለሬ ብዝበሃል ባክተርያ ዝመፅእ ተመሓላላፊ ሕማም እዩ። ቪቢሪዮ ኮለሬ ባክተርያ ብተፈጥሮ ኣብ ጥቓ ደንደስ ቃላይ ይርከቡ። በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ድማ ነዞም ባክተርያ ብሰፊሑ ንኽዛመቱ ይገብሩ። ኮሌራ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ንዘለዉ ሰባት ዘጥቅዕ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም መብዛሕትኡ እዋን ከም ውሕጅ ብዝበሉ ሓደጋታት ተፈጥሮ ስዒቡ ይኽሰት። በዝሒ ዘለዎም ተመዛበልቲ ኣብ ፅርየት ዝጐደሎም ግዝያዊ መዕቈቢ እንትነብሩ ብሕማም ኮሌራ ናይ ምትሓዝ ዕድሎም ሰፊሕ እዩ።

ኮሌራ ዘፃድፍ ውፅኣትን ተምላስን ዘስዕብ ሕማም እዩ። እዚ ብምኽንያቱ ኣብ ሰውነት ሕሙም ዝርከብ ፈሳሲ ብምንፃፍ ይቐትል። ኮሌራ ልዕሊ ቴስዓ ሚኢታዊ ምስ ካልኦት ሕማማት ውፅኣት ይመሳሰል እዩ። ስለዝኾነ፣ ምልክት ውፅኣት ዘለዎም ካልኦት ሕማማት ካብ ኮሌራ ብቐሊሉ ንምፍላይ ኣፀጋሚ እዩ። ሓድሓደ ሰባት ምልክት ሕማም ኮሌራ እንተይተርኣዮም ንኽልተ ሰሙን ክፀንሑ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ግዜ እዚ ብዝተበከለ ፍታኖምን ኣካላዊ ምትንኻፍን ኣቢሎም ነቲ ሕማም ናብ ጥዑይ ሰብ የመሓላልፉ። እዚ ኩነት ድማ ሕማም ኮሌራ ብመልክዕ ለበዳ ንኽለዓል ምቹው ባይታ ይፈጥረሉ።



*ተምላስ ካብ ምልክታት ሕማም ኮሌራ ሓደ እዩ።*

ሃንደበታዊ ዝኾነ ዕውልውል ምባል፣ ተምላስን ውፅኣትን ቀንዲ ምልክታት ኮሌራ እዮም። ብሰንኪ እዚ ሕማም ዝኽሰት ውፅኣት ማጨባ ወይ ማይ ሩዝ ይመስል። ጨና እውን ኣይብሉን። ብሕማም ኮሌራ ዝተተሓዘ ሰብ ካብ ሰውነቱ ብዙሕ ፈሳሲ ስለዝወፅእ ሓይሉ ይዳኸም። ኣዒንቱ እውን ንውሽጢ ይኣትዉን ይፈዙን። ብሰንኪ ካብ ሰውነት ዝወፅእ በዝሒ ፈሳስን ከም ጨው ዝበሉ ኣድለይቲ ንጥረ ነገራትን እንትወፅኡ ውነ ምስሓት የጋጥም። ኣብ ከምዚ ዝበለ ብርኪ ዝበፅሐ ሕማም ኮሌራ ኣብ ሓፂር እዋን ንሓደጋ ሞት የቃልዕ።

ሕማም ኮሌራ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ክጋፋሕ ይኽእል። ንኣብነት፣ ፅርየቱ

ዘይሓለወ ምግቢ ብምምጋብን ብባክተርያ ዝተበከለ ማይ ብምስታይን ክኸውን ይኽእል። ብዝግባእ ዘይፀረዩ ኣቑሑ ምግቢ እውን ሕማም ኮሌራ ንኽጋፋሕ ምቹው ባይታ ይፈጥሩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ሕማም ኮሌራ ናይ ዝሓዞ ሰብ ውፅኣትን ተምላስን ተንኪፍካ ብግቡእ ከይተሓፀብካ ምግቢ ብምብላዕ እውን ይመሓላለፍ። በቲ ሕማም ዝተተሓዙ ሰባት ኣብ ፈቐዶ ቦታታት እንተፈቲኖም ከባቢኦም በዚ ሕማም ይብከል።

እዚ ሕማም ንምክልኻል ብቐዳምነት ሕማም ኮሌራ ዝተተሓዘ ሰብ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክውሰድ ኣለዎ፡፡ ምግቢ ብምብሳልን ብትኩሱ ብምምጋብን እውን ነዚ ሕማም ምክልኻል ይከኣል፡፡ ምግቢ ተሰሪሑ እንተፀኒሑ ድማ ደጊምካ ብምማቑ ምምጋብ የድሊ። ዝስተ ማይ ፈሊሑ ዝዘሓለ ወይ ከም ክሎሪን ብዝበሉ ኬሚካላት ዝተሓከመ ክኸውን ይግባእ። እዞም ጥንቃቐታት ብፍላይ ለበዳ ኮሌራ ኣብ ዝተረአየሎም ከባብታት ብኽለት ከየጋጥም ይሕግዙ። ሕማም ኮሌራ ንምክልኻል ሕብረተሰብ ብዛዕባ መንቀልን ሳዕቤንን እቲ ሕማም ግንዛበ ክረክብ ኣለዎ።

መለዓልቲ ሕሙም ብውፅኣትን ተምላስን ከይብከሉ ኣድላዪ ጥንቃቐ ክገብሩ ኣለዎም። ሰውነት እቲ ሕሙም እንተተንኪፎም ኢዶም ብሳሙና ክሕፀቡ ይግባእ። ኩሉ ሰብ ኣብ ዓይነ ምድሪ ብምሻንን ፅርየት ውልቀን ከባብን ብምሕላውን ሕማም ኮሌራ ንኽከላኸል ምሰትምሃር የድሊ።

ብተወሳኺ፣ ሕሙም ዝምገበሎም ኣቑሑን መደቀስን ምፍላይ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ዝምገበሎም ኣቑሑ ብውዑይ ማይ ወይ ኬሚካላት ፅርየት ምሕፃብ ሕማም ኮሌራ ከይመሓላለፍ ይከላኸል፡፡ ውፅኣትን ተምላስን እቲ ሕሙም እውን ብጥንቓቐ ኣኪብካን ፀሪግካን ምቕባር የድሊ። ምቕባር እንድሕር ዘይተኻኢሉ ድማ ናብ ዓይነ ምድሪ ብምእታው ካብ ብኽለት ምድሓን ይካኣል። ሕሙም ዝተጠቐመሎም ክዳውንቲ ለይቲ ንሓሙሽተ ደቒቓ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ምእዛኽ ወይ ንግሆ ፀሓይ ክወቕዖ ምግባር የድሊ።

ብሕማም ኮሌራ ዝተተሓዘ ሰብ መሊኡ ንኽሓዊ ካብ መድሓኒት ብተወሳኺ ክንክን ክግበረሉ ኣለዎ። ብምኽንያት ውፅኣትን ተምላስን ካብ ሰውነት ዝወፀኡ ፈሳስን ጨውን ምትካእ እቲ ቀንዲ ተግባር እዩ። ብፅሩይ ማይ ዝተበፅበፀ ኦ.ኣር.ኤስ እናፀንሐ ክውሰድ ይግባእ። እዚ እንተዘይተረኺቡ ፈሊሑ ናብ ዝዘሓለ ማይ ቁሩብ ጨውን ሽኮርን ኣእቲኻ ብምብፅባፅ ኣብ ገዛ ምድላው ይክኣል። ነቲ ዝተዳለወ ድማ ሕሙም ክሳብ ዝሓዊ እናደጋገመ ክሰትይ ምግባር የድሊ።

ብሓፈሻ፣ ሕማም ኮሌራ ብቐሊሉ ዝመሓላለፍ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፣ ውልቃውን ከባብያውን ፅርየት ብምሕላውን ግቡእ ሕክምና ብምርካብን ምቁፅፃር ይከኣል።

ፍልፍላት 1. ከባብያዊ ምክልኻል፡፡ 1999፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ኮድ ኢትዮጵያ፡፡

2. መምርሕታት ምቁፅፃር ኮሌራ፡፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፣ ጀኔቫ፣ 1993፡፡

## ድሕረ ንባብ

ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።

1. ሕማም ኮሌራ ብመልክዕ ለበዳ ንኽለዓል ምችው ባይታ ዝፈጥሩ ኩነታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ሕማም ኮሌራ ኣብ ሓጺር እዋን ንሓደጋ ሞት ከሳጥሕ ዝኽእል ኣብ ከመይ ዝበለ ብርኪ እንትበፅሕ እዩ?
3. ኣብ ዓንቀፅ 7 ተወሲኽቲ ዝተባሃሉ ሓሳባት ዘርዝሩዎም።
4. ትኾረት ሕድሕድ ዓንቀፅ ብምግንዛብ ቀንዲ ምሉእ ሓሳባት ዓንቀፅ 3፣ 4ን 5ን ፀሓፉ።

ለ. ሕማም ኮሌራ ካብ ሕማም "ኣንቅዒ" ብምንታይ ይፍለ? ኣብነታት ብምጥቃስ ኣረድኡ።

ሐ. ካብዚ ምንባብ ዝተገንዘብኩሙዎም ቁም ነገራት ብሓደ ዓንቀፅ ኣሕጺርኩም ፀሓፉ።

## 9. ቃላት

### ፍታሕ ቃላት

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*መፅቖቢ → መፅለሊ፣ መንበሪ*

1. ዘፃድፍ
2. ዝኸሰት
3. ምሕብሓብ
4. ምእዛኸ
5. ምግፋሕ
6. ፍታን

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ 2 ዝፀሓፍኩሙዎም ምሉእ ሓሳባት መተሓሓዝቲ ብምጥቃም ብዓል 3 ዓንቀፅ ረቛሒ ፅሑፍ ኣዳልዉ፡፡**

### ኣፀሓሕፋ

**እዞም ቃላት እንትንፀሉ ዝረኣዩ ለወጢ ፊደላት ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*እንተተንኪፈኪ → እንተ-ተንኪፍ-አ-ኪ*

1. ዝጎደሎም
2. ዘይረኣዮም
3. ዝተጠቐመሎም
4. ምስተፈለየኩም
5. ስለዝተንከፎም
6. ዝተበፅበፀሉ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ሕማም ኮሌራ" ዝብል ምንባብ ዘኪርኩም ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

ዓንቀፅ 2፣ 3ን 4ን ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 12. ዝርርብ

ሓድነትን ኣፈላላይን ሕማም ኮሌራን ኣንቀፅን ዝምልከት ዘተ ኣካይዱ።

## 13. ሰዋስው

### ምእላዳት ምፍላይ።

ኣብዞም ቃላት በዓል ቤትን ተስሓብን ዘመልክቱ ምእላዳት ፈሊኹም ፀሓፉ።

**ኣብነት፦ በኪሉኒ → በኪል-ኡ-ኒ**

1. ኣፃዲፉወን  2. መጊቦምዎ  3. ርኢያትኩም
4. ስለዝውፀኣን`  `5. ጠቒማትና  6. ዝረኸባኦም

# ሰሙናዊ ርእሲ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

## 14. ትንታነ ቓላት

### ምጥማር

**ቀፂሎም ዘለዉ ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

1. እንት-ነኻኸ-ኡ
2. እንተ-ወሲድ-ናዮ
3. ብም-ሕላው-ን
4. ዝተ-ተሓሓ-ዘ
5. እንተ-ኣተዉ-ዎም
6. እንተ-ተ-ሓኪሞም

## 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. እትዝክሩዎም ዓይነታት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘርዝሩ።
2. መከላኸሊ መንገዲ ሕድሕድ ተመሓላላፊ ሕማም ተዛረቡ።

### እዋን ንባብ

**ነቲ ምንባብ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት ብዝሰማማዕ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ።**

| ተ.ቁ | መመሓላለፊ መንገዲ | ተመሓላለፍቲ ሕማማት |
|---|---|---|
| 1 | ብባክተሪያ ቲቢ ዝተበከለ ፀባ እንተይኣፍላሕኻ ምስታይ | |
| 2 | ሃመማ | |
| 3 | ጣንጡ | |
| 4 | ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወፅኡ ፈሰስቲ | |
| 5 | ዕቡድ ከልቢ እንተነኺሱካ | |

# ተመሓላለፍቲ ሕማማት

ተመሓላለፍቲ ሕማማት መንቀሊ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ወይ ሓሳኺ ፍልፍል እቲ ሕማም ካብ ዝኾነ ኣካል ናብ ጥዑይ ኣካል ብምትሕልላፍ የጥቅዑ። እዞም ሕማማት ኣብ ሓደ ከባቢ ብዘላቕነት ንኽነብሩ፣ ንኽመሓላለፉን ኣብ ሕብረተሰብ ፀገማት ጥዕና ንኽፈጥሩን ሰለስተ ነገራት ክማልኡ ኣለዎም፡፡ ንሳቶም ድማ፡- ታህዋስያን ዝነብሩሉን ዝራብሑሉን ቦታ፣ እቶም ታህዋስያን ካብ ፍልፍሎም ናብ ተጠቃዒ ዝዛመቱሉ መንገድን ተጠቃዕቲ ኣካላትን እዮም።

እዞም ሰለስተ ነገራት ሰንሰለታዊ ቀለበት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ተባሂሎም ይፅውዑ። ካብዞም ሰለስተ ነገራት ሓደ እኳ እንተጐዲሉ ምትሕልላፍ ሕማማት ክህልው ኣይኽእልን። ነዞም ሕማማት ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን እውን ርክብን እንታይነትን እዞም ሰለስተ ነገራት ብዕምቈት ምፍላጥ የድሊ። ርክብ እዞም ሰለስተ ነገራት ብኽምዚ ሰንሰለታዊ ርክብ መዋደዲ ምግላፅ ይከኣል።




*ሰንሰለታዊ ርክብ ባእታታት ተመሓላለፍቲ ሕማማት*

## ፍልፍል ታህዋስያን

ቀንዲ ፍልፍላት ታህዋስያን ሰብን ዝተፈላለዩ እንስሳትን እዮም። ብተመሓላላፊ ሕማም ዝተተሓዘ ሰብ ካብ ዝሓመመሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ኣካላቱ ጠንቂ እቲ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ይርከቡ። ነዞም ታህዋስያን ብዝተፈላለዩ መዛመቲ መንገድታት ናብ ጥዑይ ሰብ ስለዝመሓላለፍ ፍልፍል ታህዋስያን ይበሃል። እንስሳ እውን ፍልፍል ታህዋስያን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፣ ፀባ ሕማም ቲቢ ዝሓዛ ላሕሚ ከይፈልሐ ምስታይ ሕማም ቲቢ የትሕዝ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ዝሓመመ ከልቢ ምስ ሰብ እንትነኻኻእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ የመሓላልፍ።

## መተሓላለፊ መንገድታት

ተመሓላለፍቲ ሕማማት በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ካብ ፍልፍል ታህዋስያን ናብ ተጠቃዒ ኣካል ክዛመቱ ይኽእሉ። ኣካላዊ ምንኽኻእ፣ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብ ዝመሓላለፈሉ መንገድታት ሓደ እዩ። ኣካላዊ ምንኽኻእ ከም ሰላምታ፣ ኢድ ምጭባጥ፣ ምትሑቑቛፍ፣ ምስዕዓም፣ ወዘተ. ንዝበሉ ተግባራት የጠቓልል። ካብ ፍልፍል ታህዋስያን ዝመፅእ ትንፋስን ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወፅኡ ፈሳሳትን እውን መመሓላለፍቲ መንገድታት እዮም። መብዛሕቲኦም እዋን ከም ሳንባ ቲቢ፣ ንፍዮ፣ ተኽተኽታ ዝበሉ ሕማማት ብኽምዚ መንገዲ ይመሓላለፉ። ባልዕ፣ ሃመማን ጣንጡን ካልኦት ነፍሳት እውን ሕማም የመሓላልፉ እዮም። ከም ኣብነት፣ ሃመማ እንተወሲድና ሕማም ጨለውታ የመሓላልፍ። ዝተበከለ ማይ፣ ምግብን መመገቢ ኣቑሑትን እውን ሕማም የመሓላልፉ እዮም።

## ተጠቃዒ ኣካል

ጠንቂ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ካብ ፍልፍሎም ብመማሓላለፍቲ መንገድታት ናብ ጥዑይ ሰብ ይመሓላለፉ፡፡ እቶም ታህዋስያን ዝሓለፉዎ ሰብ ብሕማም ይተሓዝ። ናብ ሰውነቱ ታህዋስያን ብምእታዎም ዝሓመመ ሰብ ተጠቃዒ ኣካል ይበሃል:: ልክዕ ከም ሰብ፣ እንስሳ እውን ተጠቃዒ ኣካል ይኸውን እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ወይ እንስሳ ታህዋስያን ናብ ኣካሉ ኣትዮም እንተብቅዑ እንተዘይሓሚሙ ተጠቃዒ ኣካል ክበሃል ኣይኽእልን፡፡

## ብልሓታት መከላኸሊ

ሰንሰለታዊ ርክብ ፍልፍል ታህዋስ፣ መተሓላለፊ መንገድን ተጠቃዒ ኣካልን ክብጠስ ምግባር ቀንዲ ብልሓት መከላኸሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዩም። ምኽንያቱ ነቲ ሰንሰለታዊ ርክብ ብምዝራግ እቲ ሕማም ካብ ዝሓመመ ወይ ተሸካሚ ናብ ጥዑይ ከይመሓላለፍ ምዕጋት ስለዝከኣል እዩ።

ነዚ ግልፂ ንምግባር ሕማም ዓሶ ከም ኣብነት ወሲድና ንርአይ። ኣብ ሓደ ኸባቢ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ፍልፍል ፕላዝሞዲየም ዝበሃል ታህዋስ እዩ። ኣብዚ ሰብ ዘሎ ጠንቂ ሕማም ዓሶ ዝኾነ ታህዋስ ናብ ተጠቃዒ ኣካል ብጣንጡ ኣቢሉ ይመሓላለፍ። ነቲ ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ሕክምና ብምግባር ሰንሰለታዊ ርክብ ምብጣስ ይከኣል። ምኽንያቱ ፍልፍል ታህዋስ ዝኾነ ኣካል እንተተሓኪሙ ጣንጡ ንሰባት እንተነኸሰት እውን ዓሶ ክተመሓላልፍ ኣይትኽእልን። ጣንጡ ብምጥፋእ እውን ምትሕልላፍ ሕማም ዓሶ ምዕጋት ይከኣል።

ብሓፈሻ፣ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምዕጋት እዞም ዝስዕቡ ብልሓታት ምጥቃም የድልይ። ፍልፍል ታህዋስያን ክኾኑ ዝኽእሉ ኣካላት ምሕካም ወይ ምውጋድ ሓደ ሜላ እዩ። ዝሓመመ ኣካል ምሕካምን ውልቃውን ከባብያውን ፅርየት ምሕላውን ሕማማት ከይመሓላለፉ ይገብር። ጥዕና እንስሳ ምሕላው እውን ኣድላዪ እዩ። ልዕሊ ዓቕሚ እንተኾይኑ ድማ ነቲ ዝሓመመ እንስሳ ምውጋድ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ከልቢ እንተዓቢዱ ሕማም ከየዛምት ክውገድ ይግባእ።

መመሓላለፍቲ መንገድታት ምጥፋእ ካልኣይ መከላኸሊ ሜላ እዩ። እዞም መንገድታት ምስ ዝሓመመ ጥንቃቐ ዝጐደሎ ምንኽኻእ ብዘይምግባር፣ ባልዕን ነብሳትን ብምጥፋእን ኣየር ከይብከል ብምክልኻልን ይዕገቱ። ብተወሳኺ፣ ዝስተ ማይ፣ ምግቢ፣ መመገቢ ኣቑሑን ኣልባሳትን ብንፅህና ብምሓዝ ሕማማት ከይመሓላለፉ ምግባር ይከኣል።

ክታበት ሳልሳይ ሜላ መከላኸሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዩ። ክታበት፣ ሰውነት መጥቃዕቲ ታህዋስያን ንምክልኻል ዘኽእል ዓቕሚ ንኽጥሪ ይሕግዝ። ዓቕሚ ምክልኻል ዘጥረየ ሰብ ድማ በቲ ተመሓላላፊ ሕማም ኣይጥቃዕን።

*ፍልፍል፡- የጤና ኣጠባበቅ መምሪያ ኣዲስ ኣበባ፣ ብርሃንና ሰላም ማተሚያ ቤት፣ መጋቢት 1972 ዓ/ም.*

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ቀንዲ ፍልፍል ታህዋስያን ዝበሃሉ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ኣብ ትሕቲ ተጠቃዒ ኣካል ዝብል ንኡስ ሓሳብ ዝርከብ "ጠንቂ ሕማም" ዝብል ሓረግ እንታይ ማለት እዩ? ንመን ከ ይገልፅ?
3. ካብ ተመኩሮኹም ፣ ብምግብን መመገቢ ኣቑሑትን ዝመሓላለፉ እዮም እትብልዎም ሕማማት ዘርዝሩ።
4. ቁማል፣ ትኳን፣ ... ዝኣመሰሉ ባልዓት ሕማም ከመይ የመሓላልፉ? ከመይ ከ ምክልኻል ይካኣል?

**ለ. ኣብ ከባቢኹም ዝረአዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሕብረተሰብ ብኸመይ ከምዝከላኸሎም ግለፁ።**

**ሐ. ምሕላው ውልቃውን ከባብያውን ፅርየት ከም ሓደ ሜላ መከላኸሊ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምውሳድ ሓደ ዓንቀፅ ፀሓፉ።**

## 16. ቃላት

### *ፍታሕ ቃላት*

**ቅርፂ ኣብ ሓፁር ዘለዉ ቃላት ብምስትኽኻል ምሉእ ሓሳባት ሀነፁ፡፡**

**ኣብነት፡-**

*ዝተበከለ ምግቢ (ዝተመገበ) ንሕማም ኮሌራ የቃልዕ።*

*መልሲ፡-* *ዝተበከለ ምግቢ ምምጋብ ንሕማም ኮሌራ የቃልዕ።*

1. ርክብ መተሓላለፊ መንገድን ተጠቃዒ ኣካልን ክብጠስ ምግባር ሜላ (ምክልኻል) ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዩ።
2. ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ብእዋኑ (ሕክምና) ብምግባር ምግፋሕ ሕማም ዓሶ ምቕናስ ይከኣል እዩ።
3. ንሕብረተሰብ ግቡእ (ምስትምሃር) ብምሃብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ክንከላኸል ኣለና።
4. ተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብ ሰብ ናብ ሰብ (ምምሕልላፍ) መንገድታት ብዙሓት እዮም።
5. ካብ ሓሚምካ ሕክምና (ምክልኻል) ጥዕና ተመራፂ መንገዲ እዩ።
6. ዝዓቖረ ማይ (ምንፃፍ) ለበዳ ሕማም ዓሶ ንከላኸል።
7. ብኮሌራ ዝተትሓዘ ሰብ ተምላስን ተቕማጥን (ምፅዳፍ)፡፡
8. ቲቢ ብኣብዝሓ ንሳንባ (የጥቅዕ) ሰባት ሕማም ሳንባ እናበሉ ይፅውዕዎ፡፡

## 17. ፅሕፈት

### *ምውዳድ ፅሑፍ*

**ብመሰረት ኣብ ሰሙን 2 መዓልቲ 5 ዘዳለኹምዎ ረቛሒ ፅብፃብ ውዱእ ፅብፃብ ፀሓፉ።**

### *ኣፀሓሕፋ*

**ቅድመ ወይ ድሕረ ጉንዲ ምእላድ ዘለዎም ሽዱሽተ ቃላት ካብቲ ምንባብ ደሊኹም ብምውፃእ እንትንፀሉ ዘርእዩዎም ለውጢ ፊደላት ፀሓፉ፡፡**

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ሓፈሻዊ ትሕዝቶ "ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት" ዝብል ፅሑፍ ዘኪርኩም ተዛረቡ።**

### ንባብ ምልክት

**ኣብ ትሕቲ ንኡስ ርእሲ "ብልሓታት መከላኸሊ" ዝርከቡ ዓንቀፃት ብናህሪ፣ ብምልከትን ግቡእ ኣገላልፃን ኣንብቡ። ነንባፅልኹም በዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ተገማገሙ።**

| መከታተሊ ቅጥዒ | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ናህሪ ኣናብባ | | | ኣገላልፃ | | | ኣጠቓቕማ ግዘ | | |
| ልዕሊ ግቡእ | ግቡእ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት | ግቡእ | ማእኸላይ | ትሑት |
| | | | | | | | | |

## 19. ዝርርብ

**እዞም ዝስዕቡ ሕማማት ዘለዎም ሓድነትን ኣፈላላይን መረዳእታ ብምጥቃስ ተዛረቡ።**

ሀ. ሕማም ቲቢ          ለ. ሕማም ኣንቅፂ          ሐ. ሕማም ኮሌራ

# 20. ሰዋስው

## ምእላዳት ምፍላይ

**ኣብዚ ሰደቓ ካብ ዘለዉ ቃላት ጉንዲ በዓል ቤትን ተስሓብን ዘመልክቱ ምእላዳት ፈሊኹም ፀሓፉ።**

| ቁፅሪ | ግስ | ጉንዲ | በዓል ቤት | ተስሓቢ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ነኺሱዋ | ነኺስ- | -ኡ | -ኣ |
| 2 | በኪሉኪ | | | |
| 3 | ረኺቡኒ | | | |
| 4 | ፀጊሙክን | | | |
| 5 | ሓሊፉዎ | | | |
| 6 | ፀሪግናዮ | | | |
| 7 | ሓኪሙዎም | | | |
| 8 | ይርከቡዎ | | | |
| 9 | ኣጥቂዐክን | | | |

# 10 ቃላዊ ግጥሚ

## ሰሙናዊ ርእሲ ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት

### ሰሙን 1 መዓልቲ 1

### 1. ትንታነ ቃላት

**ምንፃል**

**ብመሰረት ቁፅሪ 1 ዝስዕቡ ቃላት ነፂልኩም ኣንብቡ።**

*ኣብነት፡-*

| | ቃል | እንትንፀል |
|---|---|---|
| 1 | ተማህሊሉ | ተ-ማህ-ሊ-ሉ |
| 2 | ኣቀራርባኦም | |
| 3 | ወሲኾምና | |
| 4 | ከምዝተገጠሙ | |
| 5 | ኣንጠልጢሉ | |
| 6 | ኣይትለማመዩም | |
| 7 | ዘይበልዐሉ | |
| 8 | ንጥምጥም | |

### 2. ኣንቢብካ ምርዳእ

**ቅድመ ንባብ**

**ነቲ ፅሑፍ ቅድሚ ምንባብኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ግጥሚ ዝበሃል ከመይ ዝበለ እዩ?

2. ግጥሚ ካብ ሌጣ ፅሑፍ ብምንታይ ይፍለ?
3. ሓደ ግጥሚ ቃላዊ ወይ ፅሑፋዊ እንብሎ ብኸመይ እዩ?

## እዋን ንባብ

**ንቃላዊ ግጥሚ ሓደ ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት መልኡ።**

1. ኣድጊ ተማህሊሉ ________ ኣውረደ።
2. ዕሊ ዘይብሎም ዝተበሃሉ________ እዮም።
3. "ይምስእ" ዝተበሃለ ________ እዩ።
4. ሓንቲ ከይበለዐ ግብሪ ንጉስ ዝኸፍል ________ እዩ።
5. ሆሆ ዝብሉ ________ እዮም።
6. ሎሚ ኸ እንታይ ትብሉ? ዝብል ሕቶ ________ ዝቐረበ እዩ።

# ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት

ግጥምታት ብኣቀራርባኦም ቃላውን ፅሑፋውን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ቃላዊ ዝበሃሉ ሕብረተሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ብቓል ዝብሎም ግጥምታት እዮም። እዞም ግጥምታት ካብ ዘበን ናብ ዘበን ብቓል ይመሓላለፉ። መብዛሕትኡ እዋን ገጣሚኦም እውን መን ምዃኑ ኣይፍለጥን። ብኣንፃሩ፣ ፅሑፋዊ ዝበሃሉ ገጠምቲ ብፅሑፍ ኣቢሎም ሓሳቦም ዝገልፁሎም ግጥምታት እዮም። እዚኣቶም ብመን ከምዝተገጠሙ ዝፍለጡን ብፅሑፍ ዝርከቡን እዮም። ንኣብነት፣ ቃላዊ ግጥሚ 1 ፍትሒ ዝሰኣነ ሕብረተሰብ ብቓል ዝገጠሞ እዩ። በሃሊኡ ብዕሊ ኣይፍለጥን። ቀፂሉ “ኣልቢነይ” ብዝብል ዝቐረበ ግጥሚ ግና ገጣሚኡ ዝፍለጥን ብፅሑፍ ዝተገለፀን እዩ። ነዚ ዝተጠቐሰ ሓሳብ ግልፂ ንምግባር ነዞም ዝስዕቡ ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ንርአይ።

## *ቃላዊ ግጥሚ 1*

ዝብኢ ኣውረደ ኣድጊ ተማህሊሉ፣

ኣንቱም ህዝቢ ሎሚኽ እንታይ ትብሉ፣

ኣንታ እዞም ንጉስና ኣይከኣሉዎን ዕሉ፣

ወሲኾምና ከዓ ኣጥቢያ ዝበሃሉ፣

ቁሩብ ዘየፅግቦም ርሁባን ተኺሉ፣

ካብ ኣፍ ህፃናት ዝምንጥሉ፣

ንስቓይ ድኻታትስ ዝነበሩ ይኣኽሉ፣

ምክትል ይዓፅድ ምስሌነ የገብሉ፣

ቤት ፍርዲ ይምስእ ፀሓፍቲ ሆሆ ይብሉ፣

ኣውራጃ ግዝኣት የገዝሩ ጠቐላይ ግዝኣት ይጨሉ፣

ድኻ ተነቒሉ ምስ ዕያሉ፣

ቀደምኡ ድኻ ሓላዪ ዘይብሉ፣

ንሑመራ ይስደድ ሓምሓም ኣንጠልጢሉ፣

ግብሪ ንጉስ ክኸፍል ፅዒሩ ሸቂሉ፣

ንሽራሮ ይሰድድ ርያኡ ጠቕሊሉ፣

ግብሪ ንጉስ ክኸፍል ሓንቲ ዘይበልፀሉ።

*(ፍልፍል፡- ቀሺ ገብረፃድቕ ገ/ሕይወት 1995 ዓ.ም. ኢሎም ዝጠቐስዎ)*

## *ፅሑፋዊ ግጥሚ 1.*

**ኣልቢነይ**

ዓሚ ቕድሚ ዓሚ ምስ ቀየርኩ ውራይ

ገደና ከሕዊ ከፍሪ ንዳሕራይ

ፅንሕለይ በልኩ እምበር መዓዝ ተራሲፅና

ዘይሕሱብ ጎፍንጎፍ ድማስ ተራኺብና።

ነዊተይ ዓቲረ ኣብዑር ክፀምድ

ንጥምጥም ኩሹኽይ ቀይረ ብጀዲድ

ሸራኽ ናብ ማሕረሰይ ገምባለ ዓዊፈ

ዋኒን ቀይረ እምበር መዓዝ ከ ዓሪፈ።

ቀልበይ ናብ ገደና ምዓለይ ኣብ ግራት

ጭኳሮ ጨቢጠ እንተፅናሕኹ ብረት

ውራይ ቀይረ እምበር ኣይረሳዕኹን ኣነ

ዕምት ትኽስ ዝብል መዓዝ ዋዛ ኮይነ።

*(ግርማይ ገብሩ:: ውሻይ:: 1993 ዓ.ም. ገፅ 56 ተቆንጢሩ ዝተወሰደ።)*

ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ሓበራዊ ባህርያት ኣለውዎም። ቃላዊ ይኹን ፅሑፋዊ ግጥምታት ካብ ሌጣ ዝተፈለየ ኣቀራርባ ኣለዎም። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ግጥምታት ብተለላታት ዝተሃነፁ እዮም። ኣብቶም ተለላታት ዝህልዉ በዝሒ ሓረጋትን ቃላትን ዝተመጠኑ እዮም። ካልኣይ ሓባራዊ ባህርይ ህርመት እዩ። ናይ ሕድሕድ ተለላ መወዳእታ ድምፂ ምስ ብትሕቲኡ ዘሎ ተለላ፣ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ እዩ። ምጣነ ቃላትን ምህላው ሓደ ዓይነት ናይ መወዳእታ ድምፅን ድማ ህርመት ይፈጥር። ተደጋጋሚ ህርመት ብግድኡ ዜማ ንኽፍጠር ምኽንያት ይኸውን። እዞም ዝተገለፁ ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ነዞም ባህርያት የማልኡ። እዞም ባህርያት ኣብ ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ይርከቡ። ስለዚ እዞም ነጥብታት መግለፂ ሓድነት ክልቲኦም ግጥምታት ምዃኖም ንግንዘብ።

## *ቃላዊ ግጥሚ 2*

ከመይ ኢኻ ኣሉላ ኣባ ነጋ

ተምቤን ዓድኻ ዓዲ ወይዘራዝር ወጋ

ከመይባ እየን እምበይተይ ገረዳ

መብረቕ ሓዚለን ዘይስንብዳ

ሓዊ ረመፅ ሓቑፈን ዘይነዳ

ንፋስ ቀውዒ ናይ ክረምቲ ነጕዳ

ኣሉላ ትብለላ ብምድራ ብዓዳ

ሽግ መስቀል ወሊዶም ጐይታና እንግዳ

ራእሲ ኸደት ሰጊዳ ሰጊዳ

ደጃት ኸደት ሰጊዳ ሰጊዳ።

### *ፅሑፋዊ ግጥሚ 2*

ሰሪሕኻ ተሓበን

ኣይትለማመፆም ኣይተሕስር ነብስኻ

ኣይተለማምኖም ኣይተድንን ርእስኻ

ጉምብሕ ጥልዕ ኣይትበል ቀንጥጥ ስኸፍታኻ

ሰሪሕኻ ተሓበን ሓሉ ስብእናኻ።

*(ኣሰፋ በቀለ፡፡ ነውርን ንቡርን፡፡ 2005 ዓ.ም. ገፅ 35)*

ቁጥብነት ካብ ባህርታት ግጥሚ ሓደ እዩ። ግጥሚ ብውሑዳት ቃላት ሰፊሕን ዓሚቝን ሓሳባት ይገልፅ። እዚ ድማ ኣብ ቃላዊ ኮነ ኣብ ፅሑፋዊ ግጥምታት ዝረአይ እዩ። ንኣብነት፣ ጅግንነት ራእሲ ኣሉላ እንግዳ ሰፊሕን ብዙሕ ገለፃ ዘድልዩን እዩ። ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ቃላዊ ግጥሚ (2) ግና ብ 43 ቃላት ብዛዕባ ራእሲ ኣሉላ ብዙሕ ቁምነገር ተገሊፁ እዩ። “ሰሪሕኻ ተሓበን” ዝብል እውን ብኣርባዕተ ተለላታት ግጥሚ ሰብ ብስርሑ ከመይ ስብእንኡ ክሕሉ ከምዘለዎ ይገልፅ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ ቃላዊ ግጥሚ ብመን ከምዝተደረሰ ኣይተሓበረን፡፡ እቲ ፅሑፋዊ ግጥሚ ግና ስም ደራሲ ተፅሒፉሉ ኣሎ፡፡

## *ድሕረ ንባብ*

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ቀዳማይ ዓንቀፅ “ብኣንፃሩ” ዝብል ቃል ንመን ንምግላፅ ዝኣተወ እዩ?
2. ... ርሁባን ... ዝተበሃሉ እንመን እዮም?
3. “ንስቓይ ድኻታት ዝነበሩ ይኣኽሉ።” ኣብ ዝብል ተለላ እቶም “ዝነበሩ” እንመን እዮም?
4. ቃላዊ ግጥሚ 1 ክንደይ ተለላታት ኣለዉ?
5. ኣብ ቃላዊ ግጥሚ 1ን ፅሑፋዊ ግጥሚ 1ን ዘለዉ ቤት ክንደይ እዮም? ዓዲ እንታይን እንታይን ይበሃሉ?
6. ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ብቕርፆም ዝተፈላለዩ ዶ ይመስለኩም? ሓሳብኩም ግለፁ፡፡
7. ንቓላውን ፅሑፋውን ግጥምታት ዘመሳስሉን ዝፈልዩን ነጥብታት ፀሓፉ፡፡

**ለ. ትሕዝቶ ፅሑፋዊ ግጥሚ 1 ብሰለስተ ምሉእ ሓሳባት ግለፁ።**

## 3. ቃላት

ሀ. ብመሰረት እቲ ግጥሚ ተመሳሳሊ ፍታሕ እዞም ቃላት ምረፁ።

1. ይዓፅዱ (ተለላ 8) ሀ. ይቼጥሩ ለ. ይቼርፁ
   ሐ. ይቐትሉ መ. ይእክቡ
2. የገብሉ (ተለላ 9) ሀ. ጋብላ ይሰርሕ ለ. ንመግዛእቲ የመቻችዉ
   ሐ. መስተዩ የተዓራሪ መ. ይሕብሕብ
3. ይምስእ (ተለላ 9) ሀ. ፍትሒ የዛብዕ ለ. ንንፋስ ይህብ
   ሐ. ስርዓት የትሕዝ መ. እኽሊ ይእክብ
4. የዝሩ (ተለላ 10 ሀ. የብኩኽ ለ. የውሪ
   ሐ. ምህርቲ የፅሪ መ. ወገን ይፈሊ
5. ይጫሉ (ተለላ 10) ሀ. ንድኻ ይወቅዕ ለ. ድኻን ሃብታምን ይፈሊ
   ሐ. እኽልን ጉርድን ይፈሊ መ. የመሓድር

ለ. ቀጥታዊ ፍታሕ እዞም ቃላት ፀሓፉ።

1. ዜማ
2. ተሓበን
3. ጐፍ ንጐፍ
4. ገደና
5. ርያ

## 4. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሕፈት

**ነዞም ጅሙራት ተለላታት ካብ ሀ - ሸ ካብ ዝተዘርዘሩ ቃላት ወይ ሓረጋት እናመረፅኩም ምልኡ፡፡**

ሀ. ዘይብልካ ረ. ኢሉ ተልዓለ

ለ. ኣይትበል ሰ. ህዝብና ክዓቢ

ሐ. ፀላእቲ ከፅኑ ሸ. ተኣንገብ

መ. ካብ ሱሩ ክነቅል ቀ. ጐይታ

ቱታ! ቱታ! ቱታ! ቱታ

1___ ትግራዋይ ሓሪኑ

ኣይግዛእን ኢሉ 2___

መግዛእቲ ከብቅዕ 3___

4 ክርባሕ ክዕንገል

ቱታ! ቱታ! ትግራዋይ 5

6 መሰታ

7 ገብገብ

ዋልታኻ 8 ።

## ኣፀሓሕፋ

**ኣብ ጉንዲ ቃል እዞም ቃላትን ድሕሪ ጉንዲ ዝመፀ ምእላድን ዝተርኣዩ ለውጥታት ፊደል ፈሊኹም ፀሓፉ።**

ኣብነት፡- ለሚኖም → ለሚን-ኦም፡፡

1. ወሲኾም
2. ቀይሮም
3. ለዊጦም
4. ረሲዖም
5. ወሊዶም
6. ፀሚዶም
7. መንጢሎም

## 5. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**"ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት" ካብ ዝብል ምንባብ እትዝክሩዎ ሓሳብ ተዛረቡ፡፡**

### ንባብ ኣገላልፃ

**"ቃላውን ፅሑፋውን ግጥምታት" ካብ ዝብል ፅሑፍ ኣናብባ ግጥሚ ሓሊኹም ቃላዊ ግጥሚ ኣንብቡ።**

## 6. ኣዳሚፅካ ምርዳእ

## ድጋፍን ተቓውሞን ብቓላዊ ግጥሚ

### ቅድመ ምድማፅ

**ነቲ ትሕዝቶ ቅድሚ ምድማፅኩም ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

ሀ. ቃላዊ ግጥምታት በሃሊኦም ኣይፍለጥን ዝበሃል ንምንታይ ይመስለኩም?

ለ. ረብሓ ቃላዊ ግጥሚ እንታይ እዩ?

### እዋን ምድማፅ

**ነቲ ዝንበብ ግጥሚ እናዳመፅኩም ዝጐደሉ ቃላትን ሓረጋትን ምልኡ።**

ኣብዛ መሬት ደም ኣይተፍስሱ

1 ይንደቕ እምባ እንተፈረሱ

ደጊምካ ዶ ይበቁል 2

ደጊምካ ዶ ይሕፈስ 3

4 ሓንሳብ እንተገይሹ

ወዲ ሓፍተይ ሕደግ ኣይትዓሹ

5 ሕደግ ኣይትዓሹ

ብሕነይ ሕነኻ 6

7 ከይትበርሱ

ፍቕሪ ዘሪእኹም ደም 8።

### *ድሕረ ምድማፅ*

**ብመሰረት እቶም ምንባባት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብዚ ምንባብ "ፍትሒ ጠፊኣት ዳያኑ ምስበዝሖ" ዝብል ተለላ ኣሎ። ዳያኑ ብምብዝሖም ፍትሒ ከመይ ኢሉ ይጠፍእ?
2. ካብ እዞም ቃላዊ ግጥምታት እትዝክሩዎም ማሕበራዊ ረብሓታት ዘርዝሩ።
3. ቀፂሎም ዝቐረቡ ክልተ ፅምዲ ተለላታት ኣፈላላይ ዘሕልፉዎ መልእኽቲ እንታይ እዩ? ኣብነት እናጠቐስኩም ኣረድኡ፡፡

   ኣንታ በላዒ ጮማ ሰታዪ ሜስ

   መህደሚኻ ዶ ሂበካ ፈረስ፡፡

   * * *

   ኣንታ በላዒ ቆሎ ሰታዪ ማይ

   ንነብስኻ ዶ መኒንካያ ከማይ፡፡

4. ኣብ ዘዳመፅኩምዎ ግጥሚ "ጭዋ፣ ዓኺይ" ብዝብል ዝተገለፁ መን መን እዮም?
5. ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ካብ ዝቐርቡ ቃላዊ ግጥምታት ክልተ ፅሒፍኩም ሕብረተሰብ እንታይ ንምግላፅ ከምዝተጠቐመሎም ተዛረቡ፡፡

## 7. ሰዋስው

### *እወንታውን ኣሉታውን ምሉእ ሓሳባት ምፍላይ*

**ካብዞም ምሉእ ሓሳባት እወንታውን ኣሉታውን ምሉእ ሓሳባት ፈሊኹም ፀሓፉ።**

**ኣብነት፡-**

*"ሌጣ ፅሑፍ እምበር ግጥሚ ብምሉእ ሓሳባት ኣይህነፅን።"*

*ካብዚ ምሉእ ሓሳብ ቀፂሎም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ይርከቡ።*

*ሀ. ሌጣ ፅሑፍ ብምሉእ ሓሳብ ይህነፅ። (እወንታ)*

*ለ. ግጥሚ ብምሉእ ሓሳባት ኣይህነፅን። (ኣሉታ)*

1. እቲ ግጥሚ ቃላዊ ስለዝኾነ ስም ደራሲ ኣይተፅሓፈሉን።
2. እዞም ንጉስ ዕሉ ስለዘይከኣሉዎ ኣጥቢያ ዝበሃሉ በላዕቲ ወሲኾምና።
3. ቃላዊ ግጥሚ ደራሲኡ ኣይፍለጥን እምበር ብቕርፂ ምስ ፅሑፋዊ ግጥሚ ተመሳሳሊ እዩ፡፡
4. ብቑጥብነቱ ዝፍለጥ ግጥማዊ ኣቀራርባ ደኣ እምበር ሌጣ ፅሑፍ ኣይኮነን።
5. ሕብረተሰብ፣ ቃላዊ ግጥምታቱ ከምዘለዉ ክመሓላለፉ እምበር ክጠፍኡ ኣይደልይን፡፡

# ሰሙናዊ ርእሲ ዓይነታት ቃላዊ ግጥሚ

## ሰሙን 2 መዓልቲ 4

### 8. ኣንቢብካ ምርዳእ

### ቅድመ ንባብ

**ቃላዊ ግጥሚ ካብ ዝቐርበሎም ዓውዲታት ሓሙሽተ ተዛረቡ።**

### እዋን ንባብ

**ብሰላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት መልኡ።**

1. ቃላዊ ግጥምታት ንኽበሃሉ ፍሉይ ______ ይጠልቡ።
2. ብኣዋልድ ትግራይ ካብ ዝበዓሉ በዓላት ሓደ _______እዩ።
3. መብዛሕትኡ እዋን ብጉጅለ ዝትግበር ሕርሻዊ ንጥፈት _______ እዩ።
4. ንመዋቲ ዝምልከቱ ቃላዊ ግጥምታት ብመልክዕ _______ ይቐርቡ።
5. ኣብ እዋን ማሕረስ፣ ፃህያይ፣ ዓፂድ፣ ስነስርዓት ቀብሪ፣ ኣሸንዳ፣ ምጥሓን፣ ወዘተ. ዝቐርቡ ግጥምታት ብሓፈሻ _______ ይበሃሉ።

# ዓይነታት ቃላዊ ግጥሚ

ቃላዊ ግጥምታት ብቓል ዝበሃሉን ግጥማዊ ቅርፂ ዘለዎምን ኣካል ስነቃል እዮም። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቃላዊ ግጥምታት ኣለዉ። ዝቐርቡሉ ዓውዲ እውን ዝተፈላለየ እዩ። እዚ ማለት መብዛሕቶም ቃላዊ ግጥምታት ንኽትግበሩ ናይ ባዕሎም ዓውዲ ይጠልቡ። መርዓ፣ ስራሕ፣ ሓዘን፣ ሃደን፣ ህዝባዊ በዓላት ወዘተ ቃላዊ ግጥምታት ዝቐርቡሎም ዓውድታት እዮም። ብኣብነት ኣብ ሓደ ዓውዲ ዝበሃል ቃላዊ ግጥሚ ኣብቲ ካሊእ ዓውዲ ኣይበሃልን። ንኣብነት፣ ኣብ ህዝባዊ በዓላት፣ ስራሕን ሓዘንን ዝቐርቡ ቃላዊ ግጥምታት ንርአ።

## 1. ኣብ በዓላት ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት

ኣብ ትግራይ ብርክት ዝበሉ ባህላዊ፣ ህዝባውን ሃይማኖታውን በዓላት ኣለዉ። በዓላት እንትኽበሩ ነቶም በዓላት ንምድማቕ ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣሸንዳ ብኣዋልድ ትግራይ ካብ ዝበዓሉ በዓላት ሓደ እዩ። ብፍላይ ኣብ ኣብዝሓ ከተማታት ኣዋልድ እናደረፋ ንሰለስተ መዓልትታት የብዕለኦ። ኣብዚ ካብ ዝበሃሉ ውሱናት ንምጥቃስ፡-

ኣሸንዳዋይ ኣሸንዳዋይ ወለላ

**ደበኽ በለት** መዓልታ ቆፂራ።

ኣዋልደየ ሎሚ ዕበዳ

ላዕላይ ሰማይ ዶ ኣለዎ መይዳ።

ዕምበባይ ዕምበበይቲ

መሓዛ ኣናእሽቲ።

ኣዋልድ ትግራይ ኣሸንዳ ብምምፅኡ ሓጐሰን በዚ ዝተጠቐሰ ደርፊ ይገልፀኦ። ኣብቲ እዋን ለምዒ ስለዘሎ ንኣሸንዳ ብዕምበባን ብንእስነትን ይምስለኣ። ብኣውራ ንዐአን ስለ እትምልከት ድማ "ኣዋልደየ ሎሚ ዕበዳ..." እናበላ ይደርፋ።

## 2. ኣብ ስራሕ ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት

ሰባት ናብራ ንምምራሕ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብወፈራ ይሰርሑ እዮም። ከም መንደቕ፣ መጥሓን፣ ምእራይ ዕንፀይቲ፣ ሕርሻ ወዘተ. ዝውቱራት ስራሕቲ እዮም። ኣብዞም ዓውደ ስራሕቲ ዝተፈላለዩ ቃላዊ ግጥምታት ይበሃሉ። ንኣብነት፣ ኣብ ትግራይ ኣብ ስራሕቲ ማሕረስን ዓፂድን ዝቐርቡ ንርአይ።

### ማሕረስ

ኣብ እዋን ማሕረስ ሓረስቶት ስረሖም ምእንቲ ከሳልጡ ዝተፈላለዩ ደርፍታት ይደርፉ። ኣብዞም ደርፍታት ዝርከቡ ቃላዊ ግጥምታት መብዛሕቶም ንብዕራይ ዝውድሱን ዘበራትዑን እዮም። ንኣብነት፣ ነዞም ዝስዕቡ ደርፍታት ንርአ።

ብዕራየ ሾሒለይ ብዕራየ

መሰየ መሰየ ዘይትብል ከመየ

ይመሲኮሎ ሰማየ

ተሎ ሰሓብ ፍለየ

ፍግኣያ ንመሬትየ

ኣበይ ውዒልኩም ክይብሉናየ ኣበየ።

ንዓ ሰናየ ነዓ ሰናየ

ኣድበንቢኑ ሰማየ

ሰሓብ ድኣ ከየርከበና ማየ።

ኣብዚ ቃላዊ ግጥሚ ሓረስታይ ንብዕራዩ የዛርቦ ኣሎ። ንብዕራዩ ክይመሰየ ወይ ዝናብ ክይመፅአ ስረሖም ንኽሳልጡ ይምሕፀኖ። ደበና ምምፅኡ እውን ይነግሮ። ሓረስታይ ብኸምዚ ዝበሉ ደርፍታት ማሕረስ እናተሳገለ ንጥፈት ማሕረስ የሳልጥ።

## ዓጺድ

ዓጺድ ብኣብዝሓ እዋን ብጉጅለ ዝትግበር ሕርሻዊ ንጥፈት እዩ። ዓፃዶ ክይተሰላቸዉ ምእንቲ ክዓፅዱ ዝተፈላለዩ ንዓጺድ ዝምልከቱ ደርፍታት ይደርፉ።

ንኣብነት፡-

በዓል ማዕፂድ ጣዛ

ኣይተወዛውዛ

ተጠንቂቕካ ሓዛ

ክይመስለካ ዋዛ

ክይትቑረፅ ኢድካ

ክይትመውት ቃንዛ።

ኣብዚ ቃላዊ ግጥሚ ዓጺድ፣ ዝጣዘየ ማዕፂድ ኣዝዩ በሊሕ ምዃኑ “በዓል ማዕፂድ ጣዛ” ኣብ ዝብል ቀዳማይ ተለላ ተገሊፁ ኣሎ። በሃሊ ድማ ነቲ ዓጺድ ብሸለልትነት እናወዛወዘ ግዳይ በሊሕ ማዕፂድ ክይኾውን ክጥንቀቕ ከምዘለዎ ይምዕዶ ኣሎ። እንተዘይተጠንቂቑ ግና ሳዕብየኑ ኢድ ምቑራፅን ንዕኡ ስዒቡ ዝመፅእ ሓያል ቃንዛ ከምዝኾነን ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣይዞኻ ጒበዝየ ጠንኪርካ **ዕመሞ**

ብየማን ዘለኻ ንፀጋም **ቈርምሞ**

ብፀጋም ዘለኻ ንየማን ጒርምሞ

ብዕራይ ንኽህቡና ተሓጒሶም ሓሞ።

ኣብ ትግራይ መርዓዊ ንዓዲሕምኡ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ክሕግዝ ንቡር እዩ። ዓጺድ፣ መርዓዊ ካብ ዝሳተፈሎም ስራሕቲ ሕርሻ ሓደ እዩ። ኣብ ቀውዒ መርዓዊ ኣዕርኽቱ

ወይ ኣዝማዱ ሒዙ እኽሊ ዓዲሕምኡ ይዓፅድ። መዓፅዱ ብስረሖም ንጡፋትን ንፉዓትን ከምዝኾኑ ብምምስካር ሓበን መርዓዊ ይኾኑ። እዚ ደርፊ እውን ነዚ ኩነት ዝገልፅ እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ንፉዕ ዓፃዲ ብኸምዚ ዝስዕብ ደርፊ እውን ይሙገስ እዩ።

ከም ገብራይ ዝበለ እነይ ትለደለይ

ቅድሚኡ ዓፂዱ ቅድመይ ከዓፅደለይ

ልበይ ከመልኣለይ።

## 2. ኣብ እዋን ሓዘን ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት

ኣብ እዋን ሓዘን ነቲ መዋቲ ዝምልከቱ ቃላዊ ግጥምታት ብመልክዕ መልቀስ ይቐርቡ እዮም። ኣብ መልቀስ መብዛሕትኡ እዋን ጅግንነት፣ ልግሲ፣ ሃፍቲ፣ ርህራህን ቅንዕናን መዋቲ ይግለፁ። ንኣብነት፣ ወይዘሮ ጀምበር ዝተበሃላ ሰብኣየን ምስሞቱወን ከምዚ ኢለን ኣልቀሳ ይበሃል።

ወዮ ወዮ ወዮ...

ሽደን ሞይቱ ሎማዓንቲ

ማይ ሓዲግክን ደም ብኽያ ኣዒንቲ፡፡

ክሳድካ ለ ከም ጀዲድ ልእመት

ከይትዓቢ ወዲ ኣርባዓ ዓመት

ከይትንእስ በዓል ብዙሕ ሽመት

ኣዳራሽካ ወትሩ ኣውደ ኣመት

መረባኻ ልፍረዶ ኡነት

ክላይዶ ኣሕልፈኒ ባዕለይ ክሞት።

ኣብዚ መልቀስ፣ መዋቲ ጎብዝ፣ መልከዐኛ፣ ንኡስ፣ በዓል ሽመትን ሓቀኛን ከምዝነበሩ መልቀሲት ገሊፀን። መልቀስ፣ ኣብ ሓድሓደ ኣጋጣምታት ግና ካብዚ ብዝተፈለየ መልክዑ ይቐርብ። ኣብ እዋን ቀብሪ ወይ ድሕሪኡ መልቀስቲ ንመዋቲ ብዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝወቕሱ ወይ ዝንእዱ መልቀሳት እውን የቕርቡ። ንኣብነት፣ ሓንቲ ሰበይቲ ብዝተፈላለዩ ሰባት ከምዚ ዝስዕብ ተለቒሱለን ይበሃል።

ቀዳማይ መልቀሲ፡-

ወዮ ወዮ ወዮ...

ፅራይ እንተቕረብክንኦ ኣብየት ምጥዓሙ

ነጨ እንተቕረብክንኦ ኣብየት ምጥዓሙ

ሞይተ ዶ ኢልክንየ ዓለም ተደሚሙ፡፡

ኢሉ ምስ ኣልቀሰ ካልኣይ መልቀሲ ድማ፡-

ወዮ ወዮ ወዮ...

ሞይተን ኢልና ዶ ዘይሽምክን ክንበክን

ሞይተን ኢልና ዶ ዘይሽምክን ክንበክን

ዕሾኽ ዳንዴር ኢኽን መትሓዚ ዘይብልክን።

ብምባል ኣልቀሰለን ይበሃል፡፡

ብሓፈሻ ቃላዊ ግጥሚ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ዝቐርብ ኮይኑ ንምቅዋም፣ ንምድጋፍ፣ ንምብርባር፣ ወዘተ... ዘገልግል ምኳኑ ካብዚ ዝቐረበ ፅሑፍ ምግንዛብ ይከኣል፡፡

## ድሕረ ንባብ

**ሀ. ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ኣብ ሓደ ዓውዲ ዝበሃል ቃላዊ ግጥሚ ኣብ ካሊእ ዓውዲ ዘይብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ቃላዊ ግጥምታት ዝቐርቡሎም ዓውድታት ዘርዝሩ።
3. “ኣዳራሽካ ወትሩ ኣውደ ኣመት” ዝብል ተለላ ግጥሚ ብዛዕባ መነባብሮ መዋቲ እንታይ ይሕብር?
4. ኣብቲ ናይ መልቀስ ግጥሚ ዝርከብ “ሽደን” ዝብል ቃል መዋቲ እንታይ ከምዝነበሩ ይገልፅ?

**ለ. ዓይነት እዚ ዝስዕብ ግጥሚ ብምፍላይ ዘሕልፎ ቀንዲ መልእኽቲ ፀሓፉ።**

እኽሊ እኽሊ ሓመድ ዝኽዳኑ

ካብ ወርቂ ዝኽብድ ሚዛኑ

መሊኡ እንከሎ ኣብ ገዳኑ

ንምድላዩ ጠፍኡ ብዙሓት ጀጋኑ።

ጒበዝየ እሞ እንታይ ኰንካ

ዓድኻ ሓዲግካ ፀው ዝበልካ

መባሮ ሒዝካ ዘይፈሓርካ

ብዕራይ ቋሪንካ ዘይሓረስካ።

## 9. ቃላት

**እዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ኣብቲ ምንባብ ደሚቆም ዝተፅሓፉ እዮም። ብመሰረት ሰፈረምሉ ዘለዉ ዓውዲ ተመሳሳሊ ፍታሕ ዝሓዘ ፊደል ምረፁ።**

1. ወፈራ ሀ/ ሓባራዊ ምይይጥ ሐ/ ሓባራዊ ምስልሳል ዕዮ
   ለ/ ሓባራዊ መገሻ መ/ ሓባራዊ ተግባር ገስጋስ
2. ዓውዲ ሀ/ መድረኽ ለ/ ከባቢ ሐ/ ከቢብ መ/ ስራሕ
3. ዕመሞ ሀ/ ውረሮ ለ/ ወሸን ኢልካ ሓዞ
   ሐ/ ግፈፎ መ/ ኣብዚሒኻ ውሰዶ
4. ደበኽ በለት ሀ/ ጠበቕ በለት ለ/ ቅልቅል በለት
   ሐ/ ምልስ በለት መ/ ሕውስ በለት
5. ቈርመመ ሀ/ ሸርመሞ ለ/ ቈረሶ
   ሐ/ ዓፀዶ መ/ ቈረያ
6. እናተሳገለ ሀ/ እናተዓሸወ ለ/ እናተዘናገዐ
   ሐ/ እናዋገዐ መ/ እናፀንሐ

## 10. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ነቲ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ክልተ ዝመላእኹምዎ ግጥሚ ዝመስል ካሊእ በዓል 6 ተለላ ግጥሚ ፀሓፉ፡፡**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ እዞም ቃላት ዝተዋሓጡ ፊደላት መሊእኹም ፀሓፉ።**

1. ይመስኮሎ 2. ትለደለይ 3. ክንበክን 4. ኡነት 5. ሎማዓንቲ

## 11. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

**ትሕዝቶ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ሰለስተ ዝመላእኹምዎ ግጥሚ ተዛረቡ፡፡**

### ንባብ ኣገላልፃ

**ኣብ እዋን ማሕረስ ንዝቐረበ ግጥሚ ብፅቡቕ ኣናብባ ግጥሚ በብተራ ኣንብቡ።**

## 12. ዝርርብ

**ካብ እትፈልጡዎም ቃላዊ ግጥምታት ሓደ ዘኪርኩም ብቓል ኣቕርቡ፡፡ እንታይ መልእኽቲ ከምዘለዎ ኣሕፂርኩም ተዛረቡ፡፡**

## 13. ሰዋስው

### ምሉእ ሓሳብ ምልዋጥ

**ነዞም ምሉእ ሓሳባት ናብ ሕቶኣዊ ምሉእ ሓሳብ ለውጡ።**

1. እዚ ግጥሚ ስም ደራሲ ኣይብሉን።
2. በዓላት ንምድማቕ ዝቐርቡ ግጥምታት ቃላዊ እዮም።
3. ሓረስቶት ስረሖም ምእንቲ ከሳልጡ ደርፌታት ይደርፉ።
4. ብጉጅለ ዝትግበር ሕርሻዊ ንጥፈት ኣሎ።
5. ንፉዕ ዓፃዲ ብደርፌ ይሙገስ።
6. ንመዋቲ ዝምልከቱ ቃላዊ ግጥምታት ብመልክዕ መልቀስ ይቐርቡ።

# ሰሙናዊ ርእሲ ዓይነታት ቃላዊ ግጥሚ

## ሰሙን 3 መዓልቲ 7

### 14. ትንታነ ቃላት

***ምጥማር***

**ቀፂሎም ዝቐረቡ ቀለማት ጠሚርኩም ኣንብቡ።**

1. መስ-ሓቒ-የይ
2. ዕን-ድ-ኩር
3. ዘይ-ምቅ-ድዳው
4. ከም-ዘ-ይ-ፍ-ቶ
5. የሰ-ና-ብቱ-ዎም

### 15. ኣንቢብካ ምርዳእ

***ቅድመ ንባብ***

**"ባህልን ታሪኽን ተጋሩ ብቓላዊ ግጥምታት" ዝብል ምንባብ ክቐርብ እዩ። ነቲ ርእሲ ብምርኣይ ትሕዝቶ እቲ ምንባብ ገምቱ።**

***እዋን ንባብ***

**ነቲ ምንባብ ብስላሕታ እናንበብኩም ነዞም ባዶ ቦታታት መልኡ።**

1. ኣብ ትግራይ ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት _______ ን _______ን እቲ ህዝቢ ይገልፁ።
2. ኣብ ባህሊ ተጋሩ _______ ክቡር እዩ።
3. ሃፀይ ተክለ ጊዮርጊስ በዝሒ ሰራዊቶም ንምግላፅ ንበዝብዝ ካሳ እንቅዓ_______ ሰዲዶምሎም።
4. ሰበይቲ ሃፀይ ተኽለጊዮርጊስ _______ ይበሃላ።
5. ሓረስቶት ትግራይ ኣንፃር _______ ኣብ ዘካየዱዎ ቃልሲ ዝተፈላለዩ ቃላዊ ግጥምታት ተባሂሎም እዮም።

# ባህልን ታሪኽን ተጋሩ ብቓላዊ ግጥምታት

ቃላዊ ግጥምታት ሓድጊ ሕብረተሰብ እዮም፡፡ ከም መጠን ሓድጊ ባህልን ታሪኽን ሕብረተሰብ ይሕዙ። ብተመሳሳሊ ኣብ ትግራይ ዝበሃሉ ቃላዊ ግጥምታት ንባህልን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ይገልፁ። ንኣብነት፣ ነዞም ስዒቦም ዝቐርቡ ቃላዊ ግጥምታት ምጥቃስ ይከኣል።

## *ባህላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም*

ኣብ ጉንዲ ዓተርየ

ሰቒልዋ ምሳርየ

ሰኣን ዘውርደሉ

ክበኪ ሓደረ።

ዕንድኩር ዕንድኩር

ንዓይ መስሓቕየይ ነቦይ እዝጊ ምስክር።

እዚ ቃላዊ ግጥሚ ኣብ መርዓ ዝበሃል እዩ። መርዓዊ መርዓት ክወስድ እንዳ ጓል እንትኸይድ ደቂ ኣንስትዮ ነቲ መርዓዊ ዘመጉሱ ኮነ ዘናእሱ ደርፍታት ይደርፉ እየን። መርዓዊ ንምንኣስ ካብ ዝድረፉ ደርፍታት ገሊኦም ንቕርፂ ኣካል መርዓዊ ይገልፁ። ኣብዚ ቃላዊ ግጥሚ ሕፀር መርዓዊ ክንደየናይ ዝተጋነነ ምኻኑ ምስ "ጉንዲ ዓተር" እናተነፃፀረ ቀሪቡ ኣሎ።

ዓብዪ ዘይብሉ ዓዲ

ንፋስ ዘይብሉ ዓውዲ

ዓተር ዘእተወት ከብዲ

ህሩፍ ዘለዋ መኣዲ

ቀድያ ዘይትቐዲ። *(ኣስረስ ተሰማ። ደሃይ ባህሊ 1992ዓ.ም. ገፅ16)*

ኣብ ባህሊ ተጋሩ ሽማግለ ክቡር እዩ። እዚ ቃላዊ ግጥሚ እውን ነዚ ዝገልፅ እዩ። ዓብዪ ሕሉፍ ተመኩሮ ህይወት የካፍል። ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ዘይምቅድዳው እንትፍጠር ሰባት ብምዕራቕ ሰላም ንኽፍጠር ይገብር። እዚ ስለዝኾነ እዩ ድማ ኣብዚ ቃላዊ ግጥሚ ዓብዪ ዘይብሉ ዓዲ ፅቡቕ ኣይኮነን ብምባል ተገሊፁ ዘሎ። ካሊእ እዚ ቃላዊ ግጥሚ ስሰዐ ብባህሊ ድጉፍ ከምዘይኮነን ህሩፍ ሰብ እውን ከምዘይፍቶን የረድእ።

ፍርዲ ከም ኣሉላ

ፅድቂ ከም ላሊበላ

ዕድመ ከም ማቱሳላ

ዳጉሻ ከም ቆላ።

እዚ ብመልክዕ ቃላዊ ግጥሚ ዝቐረበ ምስላ እዩ። ኣሉላ ብፍትሒ፣ ላሊበላ ብፅድቂ፣

ማቱሳላ ብነዊሕ ዕድመ፣ ቆላ ብምህርቲ ዳጉሻ ከም ዝፍለጡ የረድእ። ራእሲ ኣሉላ ካብ ተዋጋእነቶም ብተወሳኺ ብፍትሓውነት እውን ይፍለጡ እዮም። እዚ ግጥሚ ነዚ ሓቂ ዝገልፅ እዩ።

## *ታሪኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎም*

ናይቲ ሸዋ ገፊሕ እዩ መንገዱ

ናይቲ ጎጃም ገፊሕ እዩ መንገዱ

ናይቲ ጎንደር እውን ገፊሕ እዩ መንገዱ

እንተ ንትግራይ ኣቢልኩም ከይትኸዱ

ኣይ ከም ኩሉን ፀቢብ እዩ መንገዱ

ኣብቲ ማእኸል ዓድዋ እንድሕር ዓሪዱ

ብእሳተ ጎመራ ከይትነዱ

ኣባ በዝብዝ ካሳ ቆራፅ እዩ ኸብዱ።

*(ገብረኪዳን ደስታ፡፡ እምቢታ ኣንፃር ወረርቲ፣ 2005ዓ/ም.፣117)*

እዚ ቃላዊ ግጥሚ ኣብ መንጎ ሃፀይ ተክለጊዮርጊስን በዝብዝ ካሳን ንዝነበረ ጐንፂ ይገልፅ። ሃፀይ ተክለጊዮርጊስ ንበዝብዝ ካሳ ብበዝሒ ሰራዊቶም ንምንብርካኽ እንቅዓ ጣፍ ልኢኾም "በዝሒ ሰራዊተይ ክንዲዚ እዩም፤" ይብሉ። በዝብዝ ካሳ ድማ ነቲ ዝተልኣኸ ጣፍ ቀሊዎም፣ "ንሰራዊትካ ከምዚ ክቐልዎም እየ፤" ኢሎም ሰደዱሎም። ሃፀይ ተክለጊዮርጊስ ሸሾ ሰራዊቶም ብምስላፍ ንዥናት ተዳለዉ። እዚ ነገር ሓፍቲ በዝብዝ ካሳ በዓልቲ ቤት ሃፀይ ተክለጊዮርግስ ዝኾና እቴጌ ድንቅነሽ ደስ ኣይበለንን። ንቐራፅነት ሓወን ስለዝፈለጣ ድማ በዓል ቤተን ምስ ሓወን ቅድሚ ምግጣሞም ናብ ትግራይ ምኻድ ከምዘየዋፅእን ሓደገኛ ከምዝኾነን በዚ ቓላዊ ግጥሚ ኣቢለን ገለፃሎም። ሃፀይ ተክለጊዮርጊስ ግና ንምሕፅንታ እቴጌ ድንቅነሽ ዕሽሽ ኢሎም ምስ በዝብዝ ካሳ ኣብ ዓድዋ ማይ ዓሰም ዥናት ገጠሙ። እቴጌ ድንቅነሽ ዝበልኦ ኣይተረፈን። እቲ ዥናት ብዓወት በዝብዝ ካሳ ተዛዘመ። ሃፀይ ተክለጊዮርግስ ተማረኹ።

ጃንሆይ እምብዛ ኣይንደዱ

ንጉስ እውን ዶ ይሓዝን ብኸብዱ

ካባይ ካብ ገረዶም ድኣ ምኽሪ ይተኣንገዱ

እቶም ግብፂ ኢዶም ከይሰዱ

እቶም ጣልያን ኢዶም ከይሰዱ

መድፍዕን መትረየስን የዋድዱ

ጃንሆይ እምብዛ ኣይሕዘኑ ኣይንደዱ

ንጉስ እውን ዶ ይሓዝን ብኸብዱ

ህዝቢ የሰናብቱዎ ይኺድ ዓዲዓዱ

ክርስቶስ ከ ወዲ ዶ ወሊዱ?

እዚ ቃላዊ ግጥሚ ታሪኻዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። ሃፀይ ዮሃንስ ብሞት ራእሲ ኣርኣያስላሴ ዝተበሃለ ሓደ ወዶም ኣዝዮም ሓዚኑ። እቲ እዋን ኢትዮጵያ ብናይ ደገን ናይ ውሽጥን ፀላእቲ ኣብ ወጥሪ ኣትያትሉ ዝነበረት ግዘ ነይሩ። ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ ሓዘን እንተለዉ ወይዘሮ ጀንበር ሓንጣል ዝተበሃላ ትግራወይቲ ናብ ቤት መንግስቲ ኣተዋ። ናብ ንጉስ ቀሪበን ድማ ነዚ ቃላዊ ግጥሚ ኣቕረባ። ሃፀይ ዮሃንስ ነዚ ቃላዊ ግጥሚ ምስ ሰምዑ ካብ ሓዘኖም ተላዒሎም ሰራዊቶም ናብ ምውፋር ኣተዉ።

ተለይ ወየንካ ሃም ወጀራት

ተለይ ሓሪስካ  ገፊሕ ግራት

ዓዲማ ትውዕል ሃም ሓራሳት

ተለይ ወየንካ ለማዓንቲ

ክሰደካ እየ ክትጓሲ ከፍቲ

ተለይ ወየንካ ሎሚ ሓጋይ

ክትኮነኒ ኢኻ ከፋቲ ላጋይ።

*(የማነ ገብረመስቀል:: ቀዳማይ ወያነ፣ 2005፣141)*

እዚ ቃላዊ ግጥሚ ንታሪኽ ቀዳማይ ወያነ ዝምልከት እዩ። ሓረስቶት ትግራይ ኣንፃር መስፍናዊ ስርዓት ኣብ ዘካየዱዎ ቃልሲ ዝተፈላለዩ ቃላዊ ግጥምታት ተባሂሎም እዮም። ኣብቲ እዋን ኣንስትዮ ትግራይ ሰብኡተንን ኣሕዋተንን ንኽውይኑ የለዓዕላ ነይረን። ንፍርሒ ብዘውግዙ ቃላዊ ግጥምታት ሰብኡተን ኣብ ጐኒ እቲ ቃልሲ የሰልፉ ነይረን። እዚ ግጥሚ እውን ከመይ የለዓዕላ ከምዝነበራ እዩ ዘርእይ።

## *ድሕረ ንባብ*

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ሕቶታት መልሱ።**

1. ሃፀይ ተክለጊዮርጊስ ናብ በዝብዝ ካሳ ዝላኣኹዎ ጣፍ እንታይ ይሕብር? መልሲ ተቐባሊኽ እንታይ ዝብል ነይሩ?
2. ኣብቲ ናይ መጀመርታ ግጥሚ “ንዓይ መስሓቕየይ፣ ነቦይ እዝጊ ምስክር” ዝብል ተለላ ንመን ይገልፅ?
3. ኣብ ስራሕ ዝቐርቡ ቃላዊ ግጥምታት ብዓውዲ እናፈለኹም ዘርዝሩ።
4. ዓብዪ ዘይብሉ ዓዲ

   ንፋስ ዘይብሉ ዓውዲ

   …………..

ቀድያ ዘይትቀዲ።

እዞም ብንፅፅር ዝቖረቡ ተለላታት ዘሕልፉዎ መልእኽቲ ግለፁ።

5. "ንጉስ እውን ዶ ይሓዝን ብኸብዱ" ዝብል ተለላ ዘሕልፎ መልእኽቲ እንታይ እዩ?

## 16. ቃላት

**ዓውዳዊ ፍታሕ እዞም ዝተሰመረሎም ቃላት ፅሓፉ።**

1. ሰራዊት በዝብዝ ካሳ ኣብ ዓድዋ ዓሪዱ ፀኒሑ።
2. እተን ወላዲት ካብቲ ላጋ ርጉኦ ቀዲሐን ሂበናኒ።
3. ህሩፍ ዘለዎ መኣዲ ህውቱት እዩ።
4. ሃፀይ ተክለጊዮርጊስ ናብ ዓድዋ ዝገበሩዎ ወፍሪ ኣይቀደዎምን።
5. እተን ኣዋልድ ነቲ መርዓዊ ዘናእሱ ደርፌ ደሪፈን።
6. ሰራዊት ሃፀይ ዮሃንስ ንፀላኢ እሳተጎመራ እዩ ነይሩ።
7. ሃፀይ ዮሃንስ ዝፈትውዎ ወዶም ስለዝሞተ ነዲዶም።
8. ሃፀይ ተክለ ጊዮርጊስ ንምሕፅንታ በዓልቲ ቤቶም ኣይተቐበሉዎን።

## 17. ፅሕፈት

### ምውዳድ ፅሑፍ

**ኣብ ሰሙን 2 መዓልቲ 5 ዝፀሓፍኩምዎ ግጥሚ ብምእያም ውዱእ ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡**

### ኣፀሓሕፋ

**ኣብ እዞም ቃላት ተዋሒጦም ዘለዉ ፊደላት ፀሓፉ።**

1. ነቦይ    2. ቀድያ    3. ዓዲማ    4. ዘይትቐዲ    5. ተለይ

## 18. ንባብ ፅፈት

### ቅድመ ንባብ

ካብ ዘንበብኩሙዎም ባህላውን ታሪኻውን ግጥምታት ቀንዲ ትሕዝቶ ዝዘከርኩሙዎ ግጥሚ ተዛረቡ።

### ንባብ ኣገላልፃ

ኣብ ትሕቲ "ታሪኻዊ ትሕዝቶ ዘለዎም" ዝብል ንኡስ ርእሲ ዝቐረቡ ግጥምታት ነቲ ካልኣይ ግጥሚ በብተራ ብግቡእ ኣገላልፃ ኣንብቡ።

## 19. ዝርርብ

ኣብዚ ሰሙን ዝፀሓፍኩምዎ ግጥሚ እንታይ መልእኽቲ ከምዘሕልፍ ንደቂ ክፍልኹም ኣረድኡ።

## 20. ሰዋስው

### ምሉእ ሓሳባት ምህናፅ

ከክልተ እወንታዊ፣ ኣሉታውን ሕቶኣውን ምሉእ ሓሳባት ህነፁ።

# ማህደር ቃላት

| | |
|---|---|
| ሃም | ከም |
| ሃምዚ | ከምዚ |
| ሃዋህው | ኩነታት |
| ለመምቲ | ስሓብቲ፣ ኣካሎም እናንተቱ ዝኸዱ ፍጥረታት |
| ልሑም | ኣዚዩ ድኹም ሓመድ |
| ልእመት | ዝልካዕ፣ዝዕቀን |
| ልዋ | ንፍዕቲ፣ ጎበዝ |
| ሓሞ | ኣቦ በዓልቲ ቤትካ |
| ሓንፀፀ | መስርሕ ኣዳለወ |
| ሓኸም | ከሸም፣ ቆርጠም |
| ሓግሐጉ | ገዝገዙ፣ ከርከሩ |
| ሕፍኒ | ብክልተ ኢድ ዝተሓፈሰ ነገር፣ ክልተ ጠርዮ |
| መረበት | ትውልዲ ቦታ |
| መሳሰይቲ | መተኣናገድቲ፣ መሰለፍቲ |
| መሳገሊ | መዘናግዒ |
| መስተንክራዊ | ኣዚዩ መደነቒ፣ ዘስደምም |
| መትረብ | ቱቦ፣ ፈሳሲ ዝመሓላለፈሉ መስመር |
| መዋእለ ንዋይ | ገንዘብ፣ ሃብቲ |
| መዘና ዘይብሉ | መወዳድርቲ ወይ መዳርግቲ ዘይርከቦ |
| ማዕኸን | መኣከቢ |
| ምራን | መፂድ፣ ካብ ዝለፍዐ ቆርበት ብዕራይ ዝስራሕ መእሰሪ |
| ምስሌነ | ብማእኸላይ መንግስቲ ዝተወከለ መመሓዳሪ |
| ምንዳር | ምቑጣዕ |
| ምዕጋት | ምክልኻል |
| ርሁባን | ዝጠመዩ |
| ርእሲ ሃፀይ | ምስሊ ላዕለዋይ ኣካል ዘውዲ ዘለዎ ቅዲ ኣናድቃ |
| ሰሊሙ | ከዲኡ |
| ሰገነት | ሰቐላ፣ ደብሪ፣ ዋልድቢት |
| ሳጓ | ካብ ስሩዕ ስም ብተወሳኺ ዝወሃብ መፀውዒ |

| | |
|---|---|
| ቀርሔት | ንመቅረቢ ቆሎ ዘገልግል ስፌ |
| ቅልውላው | ፀገም፣ ሽግር፣ ዘይምርግጋእ |
| ቅኒት | ምስምማዕ ድምፂ ( ኣብ ናይ ክሪ መሳርሒ ሙዚቃ) |
| ቅዝዝ | ፍዝዝ |
| በጀት | ስራሕ ንምፍፃም ዝምደብ ገንዘብ |
| ቤላ ቤሎ | ወረያ ወረያ፣ ተብሃለ ተምበልበለ |
| ብለይ | ብዘይ፣ ብዘይካ |
| ተላልዩ | ተፋሊጡ |
| ተሓረኹ | ተመረፅኩ |
| ተሰጎግኩ | ተባረርኩ |
| ተሰቆረኒ | ተረደኣኒ፣ተሰወጠኒ |
| ተበለፅቲ ሕማማት | ብቅዓት ምክልኻል ሕማም ምስ ደኸመ ዘጥቅዑ ሕማማት |
| ተዓየነ | ተበላሸወ፣ ተፀየቀ |
| ተዘክሮኦይ | ተዘክሮይ፣ ውንታይ |
| ተደየነ | መልክዑ ተበላሸወ |
| ተዳህያ | ፀወዓያ፣ ተዳመፃ |
| ተዳሂሉ | ጃጅዩ፣ ከርና ፈሪሑ |
| ናብ ዋጋ ዕዳጋ ኣውሪዳ | ናብ ድርድር |
| ኣንፂፉ | ወዲኡ፣ ጨሪሱ |
| ኣወዲሶምዎ | ኣሞጒሶምዎ፣ ንኢዶምዎ |
| ኣደዳ | መፍቶት |
| ኣዋረና | ወነንና፣ ኣፍረና |
| ኣዋቢያ | ኣማሓዳሪ ጣብያ ( ብናይ ቀደም ኣገላልፃ) |
| እንትቓርዮ | እንትተርፎ |
| እግሪ ኣብ ምትካል | ኣብ ብርኪ ምጅማር |
| ከናሕ | ከረው፣ ድርቕ (ንፃምእ ማይ) |
| ከጣይሽ | ክምስርት |
| ክሕብሐቡ | ክናበዩ፣ ክዋወሩ |
| ክመኽኑ | ካብ ብኽለት ነፃ ክኾኑ |
| ክትፅራሕ | ክትዋቀስ፣ ክትፅዋዕ |
| ክዕንገሉ | ክምገቡ፣ ጥምየቶም ከዐግሱ |

| | |
|---|---|
| ወጥሪ | ኣፀጋሚ ወይ መጨነቒ ኩነት |
| ዉጡን | ጅሙር |
| ውህደ ብርሃን | ሓምለዎት ትክልታት ምግቦም ዝስርሕሉ ከይዲ |
| ውራይ | ጉዳይ፣ ዋኒን |
| ዓሌት | ዘርኢ፣ ጨገረት |
| ዓብለኻ | ዓጠና፣ በከላ |
| ዓዲ ውዒሉ | ብሕማም ወይ መጉዳእቲ ከስርሕ ዝክእል ዓቅሚ ስኢኑ |
| ዓጓ | ሃሳስ ፃዕዳ ወይ ሓሞኽሽተዋይ ሕብሪ |
| ዕሉ | ኣገባቡ፣ ስርዓቱ |
| ዕማም | ብፅሒት ስራሕ፣ ተግባር |
| ዕርዲ | ድፋዕ |
| ዝሕቱል | ይንጡፍ፣ ድንጉይ |
| ዝቐሰምክሉ | ዝረኸብክሉ |
| ዝንኡ | ተፈላጥንቱ |
| ዝጥወሩ | ዝሕብሐቡ፣ ዝናበዩ |
| የላይ | የላን |
| የባጮውሉ | ይቕልድሉ |
| ይሓብሉ | የታልሉ፣ የዐሽዉ |
| ይሸባሸቡ | ይዳለዉ |
| ይነግስ | ይስፋሕፋሕ፣ ሃለዋት ይረክብ |
| ይኡ | እዩ |
| ይኦም | እዮም |
| ይድንፍዕ | ይውስኽ፣ ይስስን |
| ደጊም | ካብ ሐዚ ንድሓር፣ ገዲም |
| ደፍኣሉ | ቀፀለሉ |
| ዱዓ | ፀሎት |
| ዳስፍረላ | ዘስፍረላ |
| ዳብ | ናብ |
| ዳንያ | ፍርዲ ሂባ |
| ዳጋጠመኒ | ዘጓነፈኒ፣ ዘጋጠመኒ |
| ድቶም | ነቶም |

| | |
|---|---|
| ገረድ | መገልገሊት፣ሸቃሊት (ናይ ቀደም ኣበሃህላ) |
| ጉዕር | ደቀ`ቕቲ ኣእማን፣ ኩረት |
| ጠገለ | ስርዓት፣ ኣገባብ ፣ ቅጥዒ |
| ጣዛ | በሊሕ |
| ፅንኩራት | ኣሸገርቲ፣ ፈተንቲ |
| ፈለገ ህይወት | ብሃይማኖት ኦርቶዶክስ  ዝውሃብ ዘይስሩዕ ትምህርቲ |

# ፍልፍል ፅሑፋት

መፅሄት ቱሪዝም ትግራይ፣ ሕታም 5ይ ዓመት፣ ቁ.7፣ 2005 ዓ.ም.

ልምዓት ቤተሰብ ገፀር- ንናይ ገፀር ደቂ ኣንስትዮ ክኢላታት ዝተዳለወ ማንዋል፣ ለካቲት 1989 ዓ.ም.

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ። ሓጋዚ መፅሓፍ ስነ ህይወት ንመምህራን ደረጃ ክፍሊ 5ይ-8ይ፣ 2004 ዓ.ም.፣ ኣዲስ ኣበባ።

ሓጋዚ መፅሓፍ ስነ ህይወት ንመምህራን ደረጃ ክፍሊ 5ይ-8ይ፣ ትምህርቲ ምክልኻል ኤድስ፣ ኢ.ዲ ኤች ኤስ፣ 2011።

ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን። መድብል ታሪኽ ሰብ ሞያ ኪነጥበብ፣ 2006 ዓ.ም.።

ኣብ ድሬ ትዩፕ፣ ምስ ደስታ ሓጎስ ዝተገበረ ቃለ መሕተት።

ፍሉይ ሕታም መፅሄት ወይን፣ ቁ.41፣ መስከረም 2005 ዓ.ም።

ሓራሳት ኣናብር ትግራይ። ቁ. 1፣ 1997 ዓ.ም።

ዓመታዊ መግለፅታት ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ፣ 2004 ዓ.ም።

ከባብያዊ ምክልኻል። 1999 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ኮድ ኢትዮጵያ።

መምርሕታት ምቁፅፃር ኮሌራ። ውድብ ጥዕና ዓለም። ጀኔቫ፣ 1993 ዓ.ም።

ቀሺ ገብረ ፃደቕ ገብረ ህይወት። 1995 ዓ.ም. ካብ ዝኣከቡዎም ።

ኣስረስ ተሰማ። ደሃይ ባህሊ። 1992 ዓ.ም።

ገብረኪዳን ደስታ። እምቢታ ኣንፃር ወረርቲ። 2005 ዓ.ም.

የማነ ገብረ መስቀል። ቀዳማይ ወያነ። 2005 ዓ.ም.።

ትምህርቲ ምክልኻል ኤድስ፣ EDHS,2011.

ምፅራይ ማይ። Wikipedia, http://en.wikipedia.org/wiki/water purification.

ንሕማም ቲቢ ዝምልከቱ ሕማማትን መልስታቶምን። 2005 ዓ.ም ክፍሊ ጥዕናን ግልጋሎት ሰብን፣ CDC WWW.cdc.gov/tb.

ኣረጓንዴ ህይወትና ውበት የናፈቃት ኢትዮጵያ። http://www.Ethiopianreporter.com/june.2014.

ኢያሱ መንገሻ። መለስ ዜናዊ እና የህወሓት የትግል ጉዞ። 2002 ዓ.ም.።

የጤና ኣጠባበቅ መምሪያ። ኣዲስ ኣበባ፣ ብርሃንና ሰላም ማተሚያ ቤት፣ መጋቢት 1972 ዓ.ም።

ኣዲስ ራእይ፣ ልዩ እትም፣ ጥቅምት 2005 ዓ.ም።

____________________ ግንቦት 2006 ዓ.ም።

Ben, Benjamin. The importance of water, part one.

# ትግርኛ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 7ይ ክፍሊ

ISBN: 978-99944-2-513-6
ዋጋ ብር 25.00

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ